# መ ው ጽ ኢ


1 ክርስትያን ተዓጠቕ ... 5
2 ተሓጎሲ ኑበሰይ ... 6
3 ብደስታ ብታሕጓስ ... 7
4 ኮኾብ ሰማይ ... 8
5 መድሓኒና ካብ ሰማይ ወረደ ... 8
6 ኣብ ቤተልሔም ሰማያት በርሀ ... 9
7 ንዓይ ክትሰልም ... 10
8 ኣብ ልበይ ተወለድ ኢየሱሰይ ... 11
9 እንካብ ሰማይ ኮኾብ ወረደ ... 12
10 እንሆ ንኹሉ ሕዝቢ ... 13
11 ተዳልየ ኣለኹ ኢየሱሰይ ... 14
12 ተወሊዱ መድሕን ... 15
13 ሎሚ ልደት እዩ ... 16
14 ንዓና ክትብል ... 17
15 ግሩም መካር ... 18
16 ህጻን ተወሊዱ ... 19
17 ኣሕዋተይ ተሓጎሱ ... 20
18 ኢየሱስና ተንሲኡ ... 21
19 ብኢየሱስ ሓራ ኮይነ ... 22
20 ኣሎኒ ሃገር ... 23
21 ሰደት ዋላ ሞት ... 24
22 ከይጠልመካ ... 25
23 ክትንሰእ'የ ... 26
24 ንዘምር ሆሳእና ... 27
25 ኣይሓደግካናን ... 28
26 ተንሲኡ ኢየሱስ ... 29
27 ርኤኹ ፍቅሪ ... 30
28 ኣብ ጌተ ሰማኔ ... 31
29 ድሕነት ብኢየሱሰዩ ... 32
30 ብኢየሱሰይ ሓራ ኮይነ ... 33
31 ሓድሽ ሰብ ኮይነ ... 34
32 ደቂ ኢየሱስ ... 35
33 ዓወት ናትና ኢዩ ... 36
34 ብምድሓነይ እሕጎስ ኣሎኹ ... 37
35 ኢየሱሰይ ... 38
36 መዓስ ረሰዐዮ ... 39
37 ተንሲኡልና ኢየሱስና ... 40
38 ተዓወተ ጎይታይ ተዓወተ ... 41
39 ትንቢት ተፈጺሙ ... 42
40 ንበል ሆሳእና ... 43
41 ኑበሰይ ኣጆኺ ... 44
42 ንኽንቱ 'ይኮነን ... 45
43 ኣምላኽ በዓል ኃምሳ ... 46
44 ኣብ ጌተ ሰማኔ ... 47
45 ኣብ ቀራንዮ ... 48
46 ጐይታይ ሓግዘኒ ... 49
47 ጎልጎታ ክትድይብ ... 50
48 ኣምላኽ በዓል ሓምሳ ... 51
49 ኣብ ጌተ ሰማኔ ... 52
50 ውሬታኡ ... 53
51 ሓወይ ንፍቅሩ ርአ ... 54
52 ኢየሱስ ክርስቶስ'ዩ ... 55
53 ንህዝቡ ካብ ባርነት ... 56
54 ኣብ ክንድኺ መስቀል ... 57
55 ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ... 58
56 ወፈያና ልቢ'ዩ ... 59
57 ብሳላኺ ... 60
58 ኣደ ብርሃን ኢኺ !! ... 61
59 ከም ሰላምታ ቅ.ገብሪኤል ... 62
60 ብጐይታ ዝያዳ ከቢራ ... 63
61 ኦ ማርያም ኣዴና ... 64
62 ማርያም ዕንቊ ባሕሪ ... 65
63 ተስፋ ኣይቆርጽን' የ ... 66
64 መሳልል ሰማይ ... 66
65 ዘውትር ኣብ ቅድሚኺ ... 67
66 ደስ ይበልኪ ... 68
67 ብወድኺ ድሕነት ኮነ ... 69
68 ንግስቲ ... 70
69 መዘና ዘይብላ ... 71
70 ኦ ፍጽምቲ ድንግል ... 72
71 ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ .. 73
72 ናኣምን ንእግዚኣብሔር ... 74
73 ሓዴና ብመንፈሱ ... 75
74 ሓጋዚ ድኹማት ... 75
75 ምስጋና ... 76
76 ተሓጉስና ነመስግና ... 77
77 ሃሌ ሉያ ... 78
78 እፈትወካ'የ ... 79
79 እንታይ ሒዘ ... 80
80 ኣምላኽ ምሳና እንተዘይነብር ... 81
81 ሰልጡን ኣምላኽ ኢኻ ... 82
82 ሰናይ ኢኻ ... 83
83 ሰምኻ የልዕል ጐይታ ... 84
84 ምሕረትካ'ዩ ... 84
85 ኣብቲ ናይ ምድረበዳ ... 85
86 ልበይ ብእግዚር ይሕጎስ ኣሎ ... 86
87 ይኽበረለይ ... 87
88 እንታይ ይሰኣነካ ድዩ ... 88
89 ንጉሰይ ሸይመካ ... 89
90 ክውድሰካ ... 90
91 ምስጋና ተቀበል ... 91
92 በዓል ግርማ ... 92
93 ክንገር ዘይከኣል ... 93
94 ሰላመይ ኢኻ ... 93
95 ንስኻ ፍሉይ ኢኻ ... 94
96 ብሓይልና ኣይኮናን ተወኪልና ... 95
97 ኢየሱስ ጸግዒ ዋልታይ ... 96
98 ቅዱስ ቁርባን ዘሎኻ ... 97
99 ኣብ መጓሰኻ ... 97
100 ኢየሱስ ትባዕ ካብ በለኒ ... 99
101 ሰናይ ሰናየይ ኢኻ ... 100
102 ሓይሊ ሃበኒ ኢየሱስ ... 101
103 ጓሳ ኮንካኒ ... 102
104 መን ኣሎ ዝወዳደሮ ... 103
105 ከመስግነካየ ብበገና ኣውታር... 104
106 ንኣምላኽ ንዘምረሉ ... 105
107 ከለይ ፈቲሒዎ ... 106
108 ኣይምልሶን ... 107
109 ስምካ ... 108
110 ኣይደልን ክርሕቅ ካባኻ ... 109
111 ካብ ጸጋኻ'ዩ ኮይኑልና ... 110
112 እሙን ዓርኪ ... 111
113 ሃሌሉያ ... 112
114 ክብሪ ንዓኻ ... 113
115 ዕጋበተይ ብኣኻዩ ... 114
116 ኣይትምርመርን ... 115
117 ኣምላኽ ንባርያኡ ... 116
118 ኣልፋን ኦሜጋን ... 117
119 ስምካ ኣብ ምድሪ ... 118
120 ብተኣምራትካ የድንቓኻ ... 119
121 ልበይ ሓጎስ መሊኡ ... 120
122 ክሳብ ሕጂ ... 121
123 መፈንጥራ ተበትከ ... 122
124 ተመስገን ... 123
125 ተማሪኹ ልበይ ብኣኻ ... 124
126 ፍሉይ ኣምላኽ ... 125
127 ናይ ሓያላን ሓያል ... 126
128 ኢየሱስ እሙን ኢኻ ... 127
129 ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ ... 128
130 ሓለፋ ኣለዎ ... 129
131 ሓለፋ'ለዎ ... 130
132 ሓይሎም ብኣኻ ዝኾነ ... 131

133 ሓደ'ኳ የለን ከማኻ..............132

134 ሕዝብኻ በዝሐ....................133

135 መደምደምታ ሕጊ ................134

136 ምሕረትካ'ዩ.........................135

137 ምሳኻ ኮይነ.........................136

138 ምስጋና..............................137

139 ሰመያዊ መግቢ ...................138

140 ሰናይካ'ዩ ዘሰንየኒ.................139

141 ሰንደቅ ዕላማይዩ..................140

142 ሰብሃት ይኹኖ ....................141

143 ረድኤተይ ..........................142

144 ቤትካ...............................143

145 ብሓጎስ ንዘምር....................144

146 ብምስጋና ልዕል ነብሎ ..........145

147 ብምስጋና ..........................146

148 ብዕብየትካ ተፈሪህካ ትነብር....147

149 ተመስገን...........................148

150 ተመስገን መድሓኒ................149

151 ተመስገን ትማሊ...................150

152 ተመስገን ኢየሱስ.................151

153 ተመስገን...........................152

154 ተጌሩለይ'ዩ........................153

155 ኣምላኺይ ምስጋና................154

156 ንዓይ ብምሕራይካ................155

157 አመስግን ኣለኹ...................156

158 ኣምላኽ ሰማይ ....................157

159 ኣምላኺይ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ.158

160 ኣምላኺይ..........................159

161 ኣምላኽ ምንጋፈይ................160

162 ኣምልኾ............................161

163 ኣምልኾይ ንኸንቱ ኣይኮነን....162

164 ኣምልኾይ ከንቱ ኣይኮነን.......163

165 ኣብ ቅዱስ ቁርባን ዘሎኻ.......164

166 ዕልል ዕልል ንበል ................164

167 ኣብ እግዚር ተሰፋ ምግባር.....165

168 ኣብ እግዚር ተሰፋ ምግባር'ሲ. 166

169 ኣብ ወጋሕታ ...................... 167

170 ኣታ ነብሰይ ትፈትወካ .......... 168

171 ኣነ መንየ ቤተይ'ከ እንታ'ያ... 169

172 ኣነስ መዋርስትኻ'የ.............. 170

173 ኣእምሮይ ተሸጊሩ ................ 171

174 ኣይጉደልካ ክብሪ................. 172

175 ኣይጸግበካን ኢየ.................. 173

176 ኤበን ኤዘር........................ 174

177 ዕላማ ኣለዎ እግዚኣብሔር...... 174

178 እቲ ሓያል ......................... 176

179 እቲ ኣነ ዘምልኮ.................. 177

180 እንታይ ክብል'የ.................. 178

181 እንከን የሌለበት .................. 179

182 እኣምነካ እየ....................... 180

183 እግዚኣብሔር....................... 181

184 እግዚኣብሔር ዓቢ'ዩ ............ 182

185 እግዚኣብሔር ጓሳይ'ዩ........... 183

186 እግዚኣብሔር....................... 184

187 እፈትወካ እንድየ ኢየሱስ...... 185

188 ከመስግነካ ይደሊ ኣለኹ........ 186

189 ከመስግኖ ንጐይታ............... 187

190 ከምልኾ'የ......................... 188

191 ከምቲ ብዙሕ ምርኮ............. 189

192 ኩሉ ክሓልፍ እዩ................ 190

193 ካብ ሓመድ ኣልዒልካ
ፈጢርካኒ.................................. 191

194 ክርስትያን ምኳነይ.............. 192

195 ክዘምረልካ እየ ................... 193

196 ወንጨፈ............................. 194

197 ዋጋ ከፊልካ ዓዲግካኒ............ 195

198 ውሸጣዊ ሰላም ................... 196

199 ዘማሪ'ዩ ሰመይ.................... 197

200 ዘየቋርጽ ሰላም.................... 198

201 ዝጸምኣ እንተሎ.................. 199

202 የፍቅረካ'የ..........................200

203 ጌርካለይ ኢኻ.......................201

204 ጐይታ ናትካ ፍቕሪ..............202

205 ጓሳ ኣሎኒ ...........................203

206 ፍቕርኻ ኣምላኺይ...............204

207 ስልጡን ኣምላኽ ኢኻ...........205

208 ኣብዚ ዘብጻሕካኒ..................206

209 ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ..........207

210 መንፈስ ተስፋ.....................208

211 ጐይታይ ኣብ ሕቑፎኻ..........209

212 ምስጋና..............................210

213 ምሳኻ................................211

214 ኣታ ህዝቢ ሰማዕ..................212

2515 ክዘምረልካ‘ የ...................213

216 ናባኻ የቋምት .....................214

217 ሃሌሉያ ኣሜን......................215

218 ክበረለይ.............................216

219 ሰጋኻን ደምካን ...................217

220 ሕያዋይ ጓሳ.......................218

221 ብርሃን ናይ ዓለም................219

222 አመስግን ኣለኹ...................220

223 ፈታዊ !! ...........................221

224 ሰላም ዝመልኦ ደምበኻ......222

225 ተመስገን ይብለካ...............223

226 መደምደምታ ግበረሉ............224

227 በዲልናካ ኢና......................225

228 መን'ሞ ኣሎ .......................226

229 ጸጋኻ ሃበኒ ........................228

230 እቲ መወዳእታይ ጸቢቁ ክርኢ 229

231 ኢራብ ናብ ዓይኒ ማያት........230

232 ተበጅዩኒ እዩ'ሞ...................231

233 ኦ ናይ ሰላም ኣምላኽ...........232

234 ጐይታይ ናበይ'ሞ ክኸይድ'የ..233

235 ኢየሱስ ጸዋዑካ...................234

236 ሕጂ መጺአ ኣሎኹ .............235

237 ጐይታ ኢየሱስ ብግዜ ፈተና... 236

238 ፍትወይ............................ 237

239 ዘልዓለም........................... 238

240 ሓበነይ ኢኻ....................... 239

241 ተሰፋ ኣይትቁረጽ................ 240

242 ኣሕዚነካ........................... 241

243 ዎ ኣምላኽ ምሕረት............ 242

244 ሃበኒ ትምኒተይ.................. 243

245 ህዝቢ እግዚኣብሔር............. 244

246 ለውጣ ለውጣ..................... 245

247 ልዕሊ ኩሉ ኢኻ................. 246

248 መሪጸ ንቤትካ.................... 247

249 መንፈስ ቅዱስ ተቐቢልና...... 248

250 ምሳና ሕደር...................... 249

251 ምሳኻ ምንባር ይበልጸኒ ......... 250

252 ሰላምካ ሃበና..................... 251

253 ሳሙኤል........................... 252

254 ባህጊ ኣሎኒ ...................... 253

255 ቤተክርስትያን እኖና ............ 254

256 ብግዜ ንእስነትካ.................. 255

257 ብጸጋ እግዚኣብሔር............. 256

258 ብፍቕርኻ......................... 257

259 ተመለስ............................ 258

260 ተሰፋይ ንስኻ ኢኻ.............. 259

261 ነብሲ ወከፍ ይበራበር........... 260

262 ኢየሱስ ይሓልየለይ እንድዩ'ሞ 261

263 ኣብ ልዕሊ ኣኽራን.............. 262

264 ኣገሪሙኒ .......................... 263

265 ኤልሻዳይ.......................... 264

266 እነኩ እነኩ........................ 265

267 እንታይ ሒዘ ...................... 266

268 እግዚኣብሔር ርሕሩሕ ኢዩ.... 266

269 ኦ ማራናታ........................ 267

270 ከመይ ዲዩ ፍቕርኻ............. 268

271 ከምቲ ትደልየኒ.................. 269

272 ኩሉ ተፈጺሙ ........ 270
273 ዋጋ ዘኽፍል'ዩ ........ 271
274 ውሰደኒ ........ 272
275 ዎ ኣምላኽ ምሕረት ........ 273
276 ዝደለኻዮ ትገብር ........ 274
277 ይብዛሕ ጸጋኻ ........ 275
278 ድሌተይሲ ........ 276
279 ገሪሙኒ ........ 277
280 ጸዋዕታኻ'ዩ ........ 278
281 ፍሉይ ኢኻ ........ 279
282 ኣንቅሓና ኣበርትዓና ........ 280
283 ኣሚነ ንኣኻ ........ 281
284 ተበጊሰ ኣለኹ ........ 282
285 ረዲኡኒ ........ 283
286 ስለ ንኣምን ........ 284
287 ህያብ ኣሎኒ ........ 285
288 ይኣኽለኒ ዘመን ........ 286
289 ቅዱስ ሓዊ እዩ ........ 287
290 ትእዛዛካ ክሕሉ ........ 288
291 ጺርካኒ ኣሎኻ ........ 289
292 ቀቢእካኒ ........ 290
293 ኣበርትዓቢ ብመንፈስካ ........ 291
294 ሃሊ ሉያ ........ 292
295 ኣብ ኢደይ ወቂጠካ ........ 293
296 ከማስተዋል ያለፈ ነው ፍቅርህ 294
297 አቤቱ አምላኬ ........ 295
298 ሁሉን ትችላለህ ........ 296
299 ሰላንተማ ........ 297
300 ዓመታት ........ 298
301 ኢየሱስ ባለውለታዬ ........ 299
302 ምስጋና ዕለት በዕለት ........ 300
303 እናሸበሸባለን ........ 301
304 ነፍሴ በማለዳ ........ 302
305 ምስጋናህን እናበዛለን ........ 303
306 ምስጋና መልካም ነው ........ 304
307 ህብስት ወደ ስጋ ........ 305
308 እኛ እናውቅሃለን ........ 306
309 ድንቅ አረገ ጌታ ........ 307
310 ማረፍያዬ ........ 308
311 ታይቻለው ........ 309
312 ማን ችሎ ዝም ይላል ........ 309
313 ፍቅር ይህ ነው ........ 311
314 አልረሳውም የጌታን መከራ ........ 312
315 ጎልጎታን ወጣ ........ 313
316 የነፍሴ ንጉሥ ........ 314
317 ደሙ እንደ ውሃ ........ 315
318 አንተን ይዘን ወጥተን ........ 315
319 የምታረካ ........ 316
320 በደምህ ያሸነፍክህ ........ 317
321 እልል በል ........ 318
322 ደመናህ ........ 319
323 እኛ እናዉቅሃለን ........ 320
324 ምስጋና አይጓደልብህ ........ 321
325 የሚረዳኝ ........ 321
326 መንፈስ ቅዱስ ሆይ ና ........ 322
327 ልረስርስ ........ 323
328 አይዞህ በለኝ ........ 324
329 በአንድነታችን ........ 325
330 በዛ ምህረትህ ........ 326
331 ለውጠኝ ለውጠኝ ........ 327
332 ከንቱ ነው ........ 328
333 አንድ ቀን ........ 329
334 ጌታዬ ጠብቀኝ ........ 330
335 ማረኝ ጌታዬ ........ 331
336 ሳዝን ስንገላታ ........ 332
337 አንተን ትቶ ........ 333
338 ልመናዬን ስለሰማው ........ 334
339 መንቃት ይሁንልን ........ 335
340 መድሃኒቴ ........ 336
341 ሓጺር መዝሙር ኣምሓርኛ ........ 337
342 አንድ ነን ........ 338
343 እንከን የሌለበት ........ 339
344 ከሱ ሌላ ........ 340
345 ኮብልላ ነበረች ........ 341
346 ፍቅር ይቅር ያለው ........ 342
347 ኮብልላ ነበረች ........ 343
348 ምስጋና እናቅርብ ........ 344
349 ፍቅር ........ 345
350 መስቀል ተሸክሞ ........ 346
351 ነፍሴ የምትወድህ ........ 347
352 የቅዱስ ልብ ........ 348
353 ይሄ ነው እግዚሃብሔር ........ 349
354 ይክበር ይንገስ ........ 350
355 እንከን የሌለበት ........ 351
356 በሽለቆም ቢሆን በተራራ ........ 352
357 ከክብርም በላይ ክብር ........ 353
358 የሰራዊት ጌታ ........ 354
359 ኤልሻዳይ ........ 355
360 ኤልሻዳይ ........ 356
361 ፍቅርህ ብዙ ነው የኔ ጌታ ........ 357
362 ያችን ዉርንጭላ ........ 358
363 ሆሳዕና ለዳዊት ልጅ ........ 359
364 ሆሳዕና ........ 360
365 የኛ ጌታ ሞቶ ኣልቀረመም ........ 361
366 ኦ ድል ........ 362
367 ውለታህ በዛብን ........ 363
368 ሃሌ-ሉያ ........ 364
369 ፍቅር ይዞት ........ 365
370 አድርገህልኛል ........ 366
371 አንድ አድርጎናል ........ 367
372 እንዴት ያስችለኛል ........ 368
373 እየሱስ ገናና ነው ........ 369
374 ጌታን አመስግኑ ........ 370
375 ይክበር በኑሮዋችሁ ........ 371
376 ድንቅ ነው ለኔ ጌታ ........ 372
377 ክብሩ ይስፋ ........ 373
378 በአዲስ ዘመን ........ 374
379 ክበር ኢየሱስ ........ 375
380 ምሥጋናዬ ........ 376
381 ልዩ ነህ ጌታ ........ 377
382 እግዚአብሔር በቂ ነህ ........ 378
383 እንዲህ ነው የኔ ጌታ ........ 379
384 ስለቴን ሁል ጊዜ ........ 380
385 የልቤ አምላክ ........ 381
386 ርሑስ ጋማ ይግበረልኩም ........ 382
387 ቃል ኪዳን ኣዝዩ ክቡር'ዩ ........ 382
388 ቃል ኪዳን ........ 382
389 ብእላፋት ቅዱሳን ተኸቢብካ ........ 383
390 ኦ ከመይ ድዩ ፍቅርኻ ........ 383
391 እቲ ሓዊ ይንደድ ........ 383
392 እጸሊ ኣለኹ ........ 384
393 ሓጸርቲ መዛሙር ........ 385
394 ዓይነይ ካብ ሰብ ኣልዒለ ........ 387

## *1 <u>ክርስትያን ተዓጠቕ</u>*

1.ክርስትያን ተዓጠቕ ንጕይታ ኣመስግን
ልብኻ ምስ ኢድካ ናብ ኣምላኽካ ኣልዕል
መድሕን ተወሊዱ ቃል ብስራት ንገር
ንእግዚር ኣምላኽካ ኣመስግን ብመዝሙር

ጥዑም ቃል ብስራት ኣብ ምድሪ ተሰሞዐ
ኣብ ቤትሊሔም ይሁዳ
ኣብ መብልዕ ማል ተወልደ
ጌና ይመስል ኔሩ ጊዜኡ ዘይበጽሐ
ብምዱብ ጊዜ ግን መድሕና ተወልደ

2.ኣስምዕ ድምጺ ኣዋጅ እተነግረ ብነብያት
ኢየሱስ ከምተወልደ ተራእዮን ንጓሶት
ተገልጸ ንዓለም ኮነ ድሕነት ነህዛብ
ዕልል በል ተሓጎሰ ኣበሰር ብስራት

3.እቲ ቀዳማይ ኣዳም ሞተ ብሓጢኣቱ
ኣምላኽ ጸገወና ነይዉዳእ ምሕረቱ
ናይ ይቕሬታ ኣምላኽ ሓደ ወዱ ሃበና
ዓለም ትተሓጎሰ መድሕን ተወልደልና

4.ዕርዲ ናይ ጸላኢ ብስልጣን ሰባሪ
ብሩህ ኮኾብ ጽባሕ ንቓሉ መኽበሪ
እመን ንኽትድሕን ኢየሱስ ተወሊዱ
እዚ ጥራይ ኣይኮነን ምእንታና መይቱ

※ ※ ※



## 2 *ተሓጎሲ ነብሰይ*

**ተሓጎሲ ነብሰይ ደስ ይበልኪ**
**ናይ ትሕትና ጐይታ ዝረኸብኪ**
**ተወልደ ኣብ መብልዕ ማል ሕይወት ክህበኪ**

**1.ኣብ ጸልማት ኣብ ሓጢኣት ክነብር ከለኹ**
**መራሒ ስኢነ ክብል የማን ጸጋም**
**ተወልደለይ ኢየሱስ ካብ ርሕርሕቲ ማርያም**
**ክብረቱ ገዲፉ ንዓይ ንኸድሕን**
**ተወልደ ኣብ መብልዕ ማል እቲ ፈቃር መድሕን**

**2.ቁርን ኣስሓይታን ዛሕሊ ኣብ ዝባኑ**
**ማንም ኣይ ነበረን ክዳን ዘምጽኣሉ**
**ብዓለባ ጌራ ጠቕለለቶ ኣዲኡ**
**ብእስትንፋስ ናይ ከብቲ ሙቐት እናረኸበ**
**ጸጋ መሊእዎ ፈገግታኡ ሃበ**
**ምልክት ናይ ፍቕሪ ብእኡ ተጀመረ**

※ ※ ※

## *3 ብደስታ ብታሕጓስ*

ብደስታ ብታሕጓስ ምእመናን ንዑናይ
ብደስታ ብታሕጓስ ንቤትልሔም ንዑናይ

ንዑናይ ንዑናይ /4/ ንዑናይ
ሕጻን ክንርኢ ንዑል ንጉስ ሰማይ /3/
ንዑናይ ክስገደሉ /2/ ንዑናይ
ንመድሕን ክንሰግደሉ ንዑናይ /2/

ኣባጊዕ ገዲፎም ናብ ትሑት ብዓቲ
ጓሶት ኀዮም ከዱ በታ ፍርቂ ለይቲ

ንዑናይ ንዑናይ /4/ ንዑናይ
ብደስታ ብታሕጓስ ምእመናን ንዑናይ
ብደስታ ብታሕጓስ ንቤትልሔም ንዑናይ

ንዑናይ ንዑናይ /4/ ንዑናይ
ን’ኺድ ንሕና’ውን ብ’ቐልጡፍስጉምቲ/3/
ንዑናይ ክንሰግደሉ /2/ ንዑናይ
ንመድሕን ክንሰግደሉ ንዑናይ /2/

ብደስታ ብታሕጓስ ምእመናን ንዑናይ
ብደስታ ብታሕጓስ ንቤትልሔም ንዑናይ
ንዑናይ ንዑናይ /4/ ንዑናይ

※ ※ ※

## 4 ኮኾብ ሰማይ

ኮኾብ ሰማይ ህጻን ሰናይ
የዋህ በጊዕ መድሓኒየይ

1.ቀደም ነብያት ዝተነበዩኻ
ጭፍራ መላእኽቲ ዘበሰሩኻ

2.ነእምሮይ ይኹን ብርሃን
ንልብና ሃብ ሰላም

3.ወልድ ኣምላኽ ሕያው ዘልኣለም
ሰረጸ እምድንግል ጐይታ ዓለም

## 5 መድሓኒና ካብ ሰማይ ወረደ

መድሓኒና ካብ ሰማይ ወረደ
ምእንታና ካብ ድንግል ተወልደ ሃሌሉያ

ልዕሊ ሰማይ ዝነብር ዙፋኑ
ውሽጢ ቀላይ ዝርኢ ብዓይኑ,,,ሃሌ ሉያ

ክብሪ ኣዳም ስለእተደምሰሰ ብሓዲስ ስጋና ለበሰ,,, ሃሌሉያ

ኣብ መንበሩ ማንም ዘይቐርቦ
ፍቕሪ ኣዳም ን ኣምላኽ ሰሓቦ,,,ሃሌሉያ

ሰማያዊ ሰማይ ዝፈጠረ
ኣብ ቤትልሔም ሙብልዕ ማል ሓደረሃሌሉያ
※ ※ ※

## 6 *ኣብ ቤተልሔም ሰማያት በርህ*

ኣብ ቤተልሔም /2/ ሰማያት በርህ
ነጸብራቕ'ዉን ንጓሶት'ዉን ደጕሐ /2/

መልኣኽ በሎም /2/ ንብስራት
ተፈጺሙ ምስጢረ ድሕነት/2/

መላእኽቲ /2/ ጭፍራ ዘመሩ
ብሰማያት ቃል ሰላም ነገሩ /2/

ናብ በዓቲ /2/ ምኻድ መኸሩ
ምሕረት ኣምላኽ ጥዒሞም ኣንከሩ /2/

ረኺብዎ /2/ ሕጻን ጥቕሉል
ፈጣሪ ዓለም ኣብ መብልዕ ማል /2/

ኦ ዘደንቕ /2/ ፍቕሪ ፈጣሪ
ምእንታና ኣብ ክንድዚ ቁሪ /2/

ተሓጎሱ /2/ ኣሕዛብ ዓለም
ተወለደ ንጉስ ሰላም /2/

ኣሰይ ኣሰይ /2/ ዕንዱ ሰናይ
መጺእካለይ ሎሚ ካብ ሰማይ /2/

※ ※ ※

## 7 <u>ንዓይ ክትሰልም</u>

ንዓይ ክትሰልም ብጸጋ ፍቕርኻ
ሕሱም ንብረተይ ሓጢኣተይ ርኢኻ
ኣነ እንክኸብልል ኣብ ዓለም በረኻ
ኣርኣያ ግዙእ ኣዳም ሓረኻ /3/

ኢያቄም ሃና ጻድቃናት ወለዲ
ብርሃን ፈረየ ንሰማይ መንገዲ
ዕንባባ ገነት ንሰማይ ዘውዲ
ፈረየት ህይወት ናይ ወይኒ ጉንዲ /3/

ህይወት ናዝሬት ዝመልአ ትሕትና
ምስ ማርያም ዮሴፍ ሰብ ኪዳን ንጽሕና
ግሩም ኣብነት ዝኸዉን ንዓና
ክንክተለካ ሓይሊ ሃበና /3/

ንዓይ ክትደሊ ዝጠፍኣት በጊዕካ
ኣእላፍ መላእኽቲ ኣብ ሰማይ ሓዲግካ
ንጉስ ሰማያት ትሕትና ለቢስካ
ካብ ኩሉ ነገር ፍቕረይ መሪጽካ /3/

ኩሎም ክብሉኻ ኣምላኽ ዘዓበደ
ፍቕረይ ከናዲ ካብ ላዕሊ ወረደ
ንዓይ ክትደሊ ኣብሪኽካ ረዓደ
እንክፈትወካ ፍቕረይ ወሓደ /3/

※ ※ ※



*8 ኣብ ልበይ ተወለድ ኢየሱሰይ*

**ኣብ ልበይ ተወለድ 'የሱሰይ /2/**
**ከም መብልዕ ማል ይኹንካ ልበይ /2/**

**1.ካብ ኩለን ደናግል ኣብ ማርያም**
**ካብ ኩሉ ስፍራ ኣብ መብልዕ ማል**
**ዝሓደርካ ፈቃር ኢየሱሰይ**
**ሎሚ ድማ ሕደር ኣብ ልበይ**

**2.ለባማት ጭዋታት ዘይጸዋዕካ**
**ንኹሎም ድኻታት ዘፍቀርካ**
**ናይ ትሕትና ጐይታ ኢየሱሰይ**
**ምልኣዮ መንፈስካ ንልበይ**

**3.ብስራት ንጓሶት ዝሃብካ**
**ምስጋና ንህጻናት ዘዳሎኻ**
**ንትሑታት ዘፍቀርካ 'የሱሰይ**
**ሎሚ ድማ ኣፍቅሮ ንልበይ**

※ ※ ※



## *9 እንካብ ሰማይ ኮኾብ ወረደ*

እንካብ ሰማይ ኮኾብ ወረደ
ኣብ ማርያም ተኣንገደ
መድሕን ዓለም ተወለደ

ፈጣሪ ኮነ ከማና
ካብ ማርያም ተወሊዱልና
ኣማኑኤል ኣብ ማእከልና

ፍርቂ ለይቲ ኣብ ቤተልሔም
ዕንዱ መጸ ፈጣሪ ዓለም
ብርሃን ኮነ ናይ ሰላም

ተጠምቀ ኣብ ዮርዳኖስ
ተቐበለ መንፈስ ቅዱስ
ሰማይ ሃበ ቃል ሓጎስ

※ ※ ※

## *10 <u>እንሆ ንኹሉ ሕዝቢ</u>*

**እንሆ ንኹሉ ሕዝቢ ዝኾን ዓቢ ሓጎስ**
**አበስረኩም ኣለኹ እሞ ኣይትፍርሑ**
**እሰየ ብስራት /2/**

**ሕጻን ተወሊዱ ኣብ ቤተሊሔም ክኸዉን መድሕን ዓለም**
**ካብ ድንግል ተወሊዱልና እቲ ትንቢት ንኽፍጸም**
**እሰየ ብስራት /2/**

**ግሩም እዩ ንድምጹ ምስማዕ**
**ንመድሕን ሕይወትና**
**ልብና ንሃቦ ሰላም ከዉርደልና**

**ንሱ ድማ ክርስቶስ'ዩ ካብ ዓዲ ዳዊት'ዩ**
**ወዲ ኣምላኽ ክነሱሲ ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱ**
**ስብሓት ይኹን ንዕኡ /2/**

**ክብሪ ይኹን ንልዑል እግዚኣብሔር ኣብ ላዕሊ**
**ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ይኹን ንሰብ ጽቡቕ ፍቓድ**
**ኣሜን ሃሌ ሉያ /2/**

※ ※ ※

## *11 ተዳልየ ኣለኹ ኢየሱሰይ*

1. ብሸለልትነተይ ጸጋኻ ክሓልፈኒ
ትርጉም ምንባረይ ከይተረዳኣኒ
እመላለስ ኔረ ብዝመሰለኒ (2)

ሕጂ ግን ኢየሱስ ይዕድመካ
ኣብ ውሽጢ ልበይ ይቕበለካ (2)

‘የሱስ ኳሕኩሓዮ ማዕጾ ልበይ
ተዳልየ’ለኹ ክኸፍተልካ ዉሽጠይ
ክትኣቱ ክትድረር’ውን ምሳይ
ኣብ ልበይ ክትውለድ ‘የሱሰይ
ብሓይሊ መንፈስካ ክትሰርሕ’ውን ኣባይ
እዚ’ዩ እዚ’ዩ ትርጉም ልደት ንዓይ (3)

2. ክቡር ወዲ ኣምላኽ እንክንሰኻ
ኣብ መብልዕ ማል ክትውለድ ፈሪዶምኻ
ሓደ’ኳ ኣይነበረን ዝተገደሰልካ (2)
ኣነ ግን ነዚ ክደግሞ ኣይደልን’የ
ኣፍደገ ልበይ ክኸፍተልካየ (2)

3. ዝበቕዓካ ስፍራ ክንደይ ክይህበካ
ንልበይ ኣንጺሀ ክጽበየካ
ንዘልኣለም ኣለም ክነብር ምሳኻ
ንዘልኣለም ኣለም ክነብር ኣብ ቤትካ

ስለዚ ንዓ እቶ ‘የሱስ
ከም መብልዕ ማል ይኹንካ ልበይ (2)

‘የሱስ ኳሕኩሓዮ ,,,
※ ※ ※

## *12 ተወሊዱ መድሕን*

1. እዛ ሎሚ ለይቲ ብሓቂ ቅድስቲ
ኢየሱስ ተወሊዱ ኣብ መብልዕ ማል በዓቲ
ኣሕዋት ንተሓጎስ ሰዓብቱ ዝኾና
ሓጢኣትና ዝድምስስ ስለዝተወልደልና

ተወሊዱ ኢየኡስ ተወሊዱ
ተወሊዱ መድሕን ተወሊዱ
ንሕና’ ውን ልባትና ንኽፈት ኣባና ክውለድ

2. ጽድቂ ኣልቢሱና ኢየሱስ መድሓኒና
ካብ ጸልማት ናይ ሰይጣን መንዚዑ ‘ውጽኣና
በዚ ሎሚ ዕለት ልደት ናይ ጐይታና
ካብ ሓጢኣት ዘውጽኣና ነመስግኖ ኢና

3. ስለዝደለየ ትሕትና ክምህረና
ኢየሱስ ተወሊዱ ሓደረ ኣብ መንጎና
በዚ ሎሚ ዕለት ንግለጾ ፍቕርና
ብምሉእ ልባትና ነመስግኖ ሓቢርና

4. ኣዕዋፍ ሰማይ ሎሚ ብሓንሳብ ዘምራ
ምስ መዝሙር መላእኽቲ ድምጽኽን ጸምብራ
ጐይታ ኢየሱስ ጥራይ ናይ ሓጢኣት ኣባራሪ
ብዘይካኡ የልቦን ንሓጢኣት ዝሰሪ

※ ※ ※

## 13 ሎሚ ልደት እዩ

1. ሎሚ ልደት እዩ በዓል ዓቢ ደስታ
ናይ ቀዳሞት ኣበው ዝኾነ ሃረርታ
ቃል ነብያት ረኺቡ ምሉእ መፈጸምታ
ኣብ ኩላቶም ኣህዛብ ይገበር ዕልልታ

ኦ ፍቁር ኢየሱስ ህጻን
ኣየ ጣዕሚ ምስኻ ምኻን

2. ሕዮ ኦ ኢየሱስ ኦ ንጉስ ዓለማት
ሕዮ ኦ ኢየሱስ ኦ መድሓኒ ነፍሳት
ሕተሞ ኣብ ልበይ ናኢ ልደት ብስራይ
ወትሩ ኣቕርበልካ ናይ ምስጋና ስርዓት

3. ኣንቲ ቤተልሔም ኦ ሃገረ ዳዊት
ፈሪኽልይ ሎሚ ዛ ብርኽቲ ሽዊት
ናይ ገነት ከፋቲት ንነፍሳት ቀዳዊት (2)

4. እንቋዕ ደሓን መጹ ዕንዱ ሰማያዊ
ብግርማ ትርኢቱ ኣጽጊቡ ዘርዊ
ወልደኣብ ሕያው ዘልዓለማዊ
ወልደማርያም ከማና ግዝያዊ

※ ※ ※

## *14 ንዓና ክትብል*

1. ንዓና ክትብል ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ወረድካ
   ፍቕሪ ገዲዱካ ናባና መጽእካ
   ተመስገን ጐይታ ተመስገን
   ተመስገን ህጻብ ተመስገን

ዕልል (2) ንበል ዕልል ንበል /2/
ዕልል ህጻን ተወሊዱ (2)
እሰይ እሰይ ህጻን ተወሊዱ እሰይ
እሰይ እሰይ መድሕን ተወሊዱ እሰይ
ኣብ ቤትልሔም <u>እሰይ</u> (2) ህጻን ተወሊዱ እሰይ
እሰይ እሰይ መድሕን ተወሊዱ እሰይ
ኣብ በዓቲ <u>እሰይ</u> (2) ህጻን ተወሊዱ እሰይ
እሰይ እሰይ መድሕን ተወሊዱ እሰይ
ኣብ መብልዕ ማል <u>እሰይ</u> (2) ህጻብ ተወሊዱ

2. ኣብ በዓቲ ኣብ ቁሪ መብልዕ ማል ሓዲርካ
   ትሕትና ክትምህር ስጋና ለቢስካ
   ተመስገን ጐይታ ተመስገን
   ተመስገን ህጻን ተመስገን

※ ※ ※

## *15 ግሩም መካር*

ክብሪ ንኣምላኽና ኣብ ኣርያም
ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም
እግዚኣቢሔር ዘሕጎሶም /2/

1. ክብሪ ክብሪ ንዕኡ ይኹን
ነቲ ህያው ናይ ዘልኣለም ንጉስ
ኣምላኽ ፍቕሪ ከድሕን ንዓና
ኣብቲ ጸልማት ብርሃን ኣብሪሁልና

ሀ፣ ሕሉፍ ፍቕሪ' ድዩ ኣፍቂሩና
ሓደ ወዱ ክብጁ ስለና
ለ፣ ኢየሱስ ህጻን ተወሊዱልና
ኣማኑኤል ሎሚ ኣብ ማእከልና /2/
ሐ፣ ክድብሶ ዘዛሪ ንብዓትና
ኩሉ ሰላም ክገብሮ ንዓና
መ፣ ንሱ ግሩም መካር' ዩ
ማዕከን ጸጋ ዘይበርስ ሃብቱ' ዩ /3/

2. ቅዱስ ቅዱስ ናይ ዘልኣለም ንጉስ
ሰማይ ምድሪ ንዓኻ ይውድስ
ዕንዱ ሰማይ ሎሚ ተወሊዱ
ብዘንጊ ሓቂ ዘኳሲ ንህዝቡ

ሀ፣ ሰብ ኣሰገል እንድዮም መስኪሮምሉ
ወርቂ ዕጣን ከርበ ቀሪቡሉ
ለ፣ ዘይትናወጽ መንግስቱ ንሳ፡ ያ
ሓቅን ፍትሕን ሰላምን ፍሪኣ /2/
ሐ፣ ንተሓጎሰ ዕልል ንበሉ
ብርቱዕ ኣምላኽ መስፍን ሰላምና' ዩ
መ፣ ንሱ ግሩም መካር' ዩ
ማዕከን ጸጋ ዘይበርስ ሃብቱ' ዩ /3/

## *16 ህጻን ተወሊዱ*

ህጻን ተወሊዱ ኣብ ቤትልሔም (2)
ተሓጎሰ ኢየሩሳሌም ሃሌ ሉያ ሃሌ ሉያ

ማርያም ድንግል እያ ኣዲኡ (2)
ግን ወዲ ናይ ሰማይ ንጉስ ሃሌ ሉያ ሃሌ ሉያ

መድሕን ሎሚ ረኺብና (2)
ምስኡ ስዕረት ዝሃበና ሃሌ ሉያ ሃሌ ሉያ

መላእኽቲ ከም ዘመሩ (2)
ከምኡ ሰብሓት ንኣብ ንእኡ ሃሌ ሉያ ሃሌ ሉያ

ክብሪ ክብሪ ንኣምላኽና (2)
ሰላም ከኣ ኣብ ምድርና ሃሌ ሉያ ሃሌ ሉያ

※ ※ ※

## 17 ኣሕዋተይ ተሓጎሱ

1. ልደት ናይ ጐይታና ሓጎስ ንኹልና
ካብ ድንግል ዝተወልደ ከድሕን ንዓና
ሰፈሩ ነዳሉ ኣብ ዉሽጢ ልባትና
መንፈሱ ክሰርሕ ክመርሕ ንዓና

ኣሕዋተይ ተሓጎሱ
ልደት ናይ ጐይታና
ሎሚ ተበሲሩ

2. ኣህዛብ ንተሓጎስ በዛ ብርኽቲ ለይቲ
ትንቢት ተፈጺሙ ኣብ ማርያም ንጽህቲ
ብስራት ተነግረ ብጭፍራ መላእኽቲ
ሓጎስኩም ግለጹ ዓልላ ኣንስቲ

ኣሕዋተይ ተሓጎሱ
ሰማያዊ ኣምላኽ
ሎሚ ተገሊጹ

3. ኣሰየ ኣሰና ሎሚ ተብሲርና
ዓቢና ንኡሰና ንቀበል ጐይታና
ንኺድ ናብ ቤትልሔም ህያባርና ሒዝና
ሓቢርና ነመስግን በቲ ዝተገብረልና

ኣሕዋተይ ተሓጎሱ
ዕልልታ ኣብ ኣርያም
ሎሚ ተሰሚዑ

4. ዘድሕን ንኹልና ዕንዱ ተወልደልና
ሎሚ መጺኡ' ሎ ክኸውን ምሳና
ንዓልል ንዘምር ብሓባር ሰሚርና
ተመስገን ንበሎ ንእግዚር ኣምላኽና

## *18 ኢየሱስና ተንሲኡ*

ኢየሱስና ተንሲኡ ብስራት ኪዱ ንገሩ
ኣምላኽና ተዓዊቱልና'ዩ
ንሕናዉን ክንዕወት ኢና

1. ኢየሱስና ተንሲኡ ንሓይሊ ሞት ሰዒሩ
   እስከ ንመልከቶ ተግባር ናይ ኣምላኽና
   እሞ ሃየ ኣሕዋት ኣሰሩ ንከተል
   ሓደስቲ ፍጡራት ምስኡ ንኽንትንስእ

2. ህዝበይ ናባይ ጠምት ምሕረት ከውርደልካ
   ስለምንታይ ደኣ ኣብ ፍጡር ትኣምን
   ኢየሱስ ተዓወተ ናብ ሰማይ'ውን ወጸ
   ጉዕዞና ንቐጽል ናብ ሓዳስ ኢየሩሳሌም

3. ማርያም መግደላዊት ናብ መቓብር ከደት
   እቶም መልኣኽቲ ተቐባበልዋ
   ኢየሱስ መድሓኒና ተንሲኡ በልዋ
   ናብ ሓዋርያት ከደት ሓጎስ መሊእዋ

4. ተንስእ ተበራበር ደቂሰካ ዘሎኻ
   ካብ ማእሰርቲ ሓጥያት ሓራ ኣውጺኡካ
   ኣብ ቁስሉ ሓዝ ሓወይ ኢየሱስ ከሕውየካ
   ብቓላቱ በርትዕ ኣትኺድ ደኒንካ

※ ※ ※

## 19 ብኢየሱስ ሓራ ኮይነ

1. ካብ'ቲ ናይ ሓጥያት ሞት መውጽኢ ስኢነ
ላዕልን ታሕትን ክብል ቅሳነት ስኢነ
ሓራ ምዃነይ'ሲ ኣየስተውዓልክዎን
ንኢየሱስይ ሕጂ ተረዲኤዮ'የ

ብእየሱስ ሓራ ኮይነ
በቲ ደሙ ነጻ ወጺ
ሓራ ምእንቲ ኪኾዉን ኢሉ
ክርስቶስ ሓራ ኣውጺኡኒ
እሰይ ንእየሱሰይ ክዝምረሉ'የ
ከምዝተፈትሐ ብተይ ክዘለሉ'የ /2/

2. ናይ ሓጥያት ባርነት ዝተሰከምክዎ
ብፍቓድ ናይ ስጋ ንዝኀየኽዎ
ፍጹም ኣኽቲሙ'ዩ ኣምላኽ ቀሪጽዎ
ንኢየሱሰይ ኣብ ህይወተይ ጎይታ ጌሪዮ'የ
ደጊም በርዑት ባርነት ኣይቁረንን'የ

3. ከም'ታ ተኣሲራ ዝነበረት ዒሉ
ጎይታ ክኽብረላ ፈቲሖም ዘምጽእሉ
ኣነ'ውን ብብዙሕ እሱር እየ ኔረ
ኢየሱስ ክኽብረለይ ተፈቲሐ እየ

4. ብዝተሰወረን ዝተሓላለኽን
ምስጓም ዝኣበየካ ፍጹም ተኣሲረ
ንሱ ግን በለኒ ውጹእ ሓራ ኢኻ
ንዝኣሰረካ ኩሉ በታቲኽዮ'የ
ካብ ሕይወትካ ከኣ ኣንክራርየዮ'የ

※ ※ ※

## *20 ኣሎኒ ሃገር*

1. ናይ ምድሪ መግዛእተይ ምስሓለፈ
   ክነብር ብናቱ ጽድቂ ተደጊፈ
   ኣብ ጊዜ ሽግረይ ምእንታኡ ክነብር
   ንሞት ተሳጊረ ኣሎኒ ሃገር/2/

   ሃረር ይብል ንሃገር ሰላም ክርኢ /4/

2. ብደሙ ነጻነት ረኺበ'የ
   ሃገር ሰላም ክርኢ ናፊቀ'የ
   ብዘይ ሽግር ኣብኡ ዘንብረኒ
   ንሞት ተሳጊረ ሕይወት ኣሎኒ/2/

3. ዓቀበት ቊልቊለት ምስ ሓለፍኩ
   ሓጎስ ኣብታ ሃገር ምስ ኢየሱሰይ
   ንዘላለም ክነብር ተስፋ ኣሎኒ
   ንሞት ተሳጊረ ኣሎኒ ሃገር/2/

4. ናይ ምድሪ መግዛእተይ ምስ ሓለፈ
   ንብዓተይ ይደርዝ ዝፈሰሰ
   ምስ መላእክቲ ኮይነ ክዝምር የ
   ንሞት ተሳጊረ ክነብር የ/2/

※ ※ ※

## 21 ስደት ዋላ ሞት

ስደት ዋላ ሞት ጭንቂ መከራ
እንተ መጸ’ኒ ከቶ ኣይፈርህን
ካብ ኢየሱስ መን ዝፈልየኒ
ኣብ መስቀል ኮይኑ ፍቕሩ ኣርኢዩኒ

1. ቅልጽም ትምክሕተይ ናተይ’ውን ዋልታ
ዘጸናንዓኒ መታን ከይርታዕ
ካብ ኣፍ ሞት መንጢሉ መንድ’ዩ ዘድሓነኒ
ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ መን’ዩ ዝፈልየኒ

2. ካብ ዕንቁ ዝበልጽ ክብሪ ሽልማት
ካብ ኩሎም ዝበልጽ ካብ ኩሎም ኣዝማድ
ካብዚ ጽኑዕ ዓቢ መን’ዩ ዝፈልየኒ
ብዓቢይ ክብሪ ንዓይ ሓርዩኒ

3. ብዙሕ ምቅዋም እንተመጸኒ
ናይ መከራ ግመ እንተኸወለኒ
ኣብ ኩሉ መከራይ ዘጸናንዓኒ
ካብ ጎይታ ኢየሱስ መን’ዩ ዝፈልየኒ

4. ሐደስቲ ፍጥረት ምስ መላእኽቲ
ምስኦም ሓቢሮም ነገስታት ምድሪ
ንኣኡ ክኽሕድ እንተገደዱኒ
ካብዚ ፍጽም ዓርከይ ከቶ ኣይፈልዮንን

※ ※ ※

## *22 ኪይጠልመካ*

ኪይጠልመካ ጎይታይ ኪይክሕደካ
ዘክረኒ ኪይርስዕ ነቲ ስቃይካ

1. ምሥጢራት ናይ ቃልካ ኣብ ልበይ ኣንብሮ
   ትምህርት መንፈስካ’ውን  ብኹሉ ሓብሮ
   ብብዝኊ ድኻመይ ድቃስ ኪይወስደኒ
   ትሕቲ መስቀልካ’የ ጎይታይ መዓደኒ

2. ጊዜና ኪፈኡ ምምጽእካ ቀሪቡ
   ሕዝብኻ ኪይጠፍእ ቃልካ ተነቢቡ
   እንተፈለጥክዎ ጸጋኻ ከምዘሎ
   ፍላጻ ናይ ሰይጣን ብደምካ ፈውሶ

3. ስደት መከራን ሞት’ውን እንተ መጸኒ
   ብብዝኊ መንፈስካ ሓይልኻ ሃበኒ
   ነዚ’ውን ረስዔ ድሕር ኣይብልን’የ
   ክሳብ ትወሰደኒ ጎይታይ ምሳኻ’የ

※ ※ ※

## *23 ክትንስእ'የ*

ክትንስእ ክትንስእ'የ
ተንሲአ ክዕጠቅ ጸላኢ ከጥቅዕ

1. ጎይታ ኢየሱስ ባዕሉ ሚሂሩኒ'ዩ
ነቲ ፍኖቱ'ውን ሓቢሩቢ'ዩ
ዝተረፈኒ እኳ እንታይ አሎ
ኣነ ብወገነይ ክኸፍሎ

2. እዋን'ቲ ፈተና እንተኸበበ
መዓልቲ ጸልሚቱ እንተ ዓረበ
ሰራዊት ጸላኢ እንተኸበበ
ኣነስ ንጎይታ ኢየሱስ ረኺበ

3. ቅልጽም ኣምላኽ ክስርሕ ኣባና
ተኣምር ትእምርትን ክንርእዮ
ሸዑ ሓጎስ ክመልእ ልብና
ሰማያዊ ብርሃን ክንለብሶ ኢና

4. ከም ኣባጊዕ እኳ እንተተዘረና
ጓሳ ከምዘይብለን እንተመሰልና
ጎይታ ኢየሱስ ነይፍለ ካባና
ኣይሕሱን ድማ ኢዩ ቃል ወንጌልና

※ ※ ※

## *24 <u>ንዘምር ሆሳእና</u>*

**ንዘምር ሆሳእና**
**እልልውን ንበለሉ ንጎይታና**

1. **ቅድስቲ ሃገርና ኣ ኢየሩሳሌም**
**ምስጋናኺ ብዙሕዩ ኣብ መላእ ዓለም**/2/

2. **ኣድጊ ተወጢሑ ጎይታ ዝመጻኪ**
**ኢየሱስ ክርስቶስ ዩ መድሕን ዝኾነኪ**/2/

3. **ፈላጣት ኢና ክብሉ ብትዕቢት ክተሩ**
**መንእሰይ ሕጻናት ብሓደ ዘመሩ**/2/

4. **ሰብ እንተዘመረ ኣየገርምንዩ**
**ሆሳእና ሰብ ዘይኮነ እምኒ ዘዘምርዩ**/2/

5. **ኣሕዋት ንዘምረሉ ንጎይታ ሓቢርና**
**ምጽኣት ምስኮነ ከይንኽዉል ገጽና**/2/

6. **ክመጽእዩ ጊዜ እንሕጎሰሉ**
**ስየ ዓቲርና ስየ ዕልል እንብለሉ**/2/

※ ※ ※

## *25 ኣይሓደግካናን*

ኣይሓደግካናን ሃሌ ሉያ
ኣይሓደግካናን ኣሜን
ኣሕሊፍካ'ውን ንጸላኢ ኣይሃብካናን

1. እቲ ሕሱም ሰይጣን ተጻራርየይ
ከቶ ኣይዓርፍን ካብ ምፍታነይ
እሙን ጎይታ ግን ኣይገደፍካናን
ብኣይ ክትከብር ኣይነዓቕካናን

2. ሰይጣን ክጓዝም ብርከይ ረዓደ
ርእሰይ ኣድኒነ ተሰፋ ቆሪጸ
ንስኻ ግን ጎይታይ ምሳይ ነበርካ
ብሰይጣን ክግዛህ ኣይሓደግካናን

3. ወትሩ ብዘይ ፍርሓት ዕልል ክብል'የ
ኣብ ኲሉ ናብራይ ከመስግነካ'የ
ዕጹብ ክብር'ዩ ጎይታይ ኲሉ ትእዛዝ
ኣብዛ ዕሸል ነፍሰይ ሓይልኻ ግለጽ

4. ወንጌል ናይ ጽድቂ ክትነብር ኢያ
ደጌታት ሲኦል ኣይሕይልዋን
ንስምካን ደምካን ኣጽዋርና ጌርና
ክንኣቱ ኢና ከንኣን ሃገርና

※ ※ ※

## *26 <u>ተንሲኡ ኢየሱስ</u>*

ተንሲኡ ኢየሱስ ተንሲኡ
ንሞት ኣሸኒፉ ተንሲኡ
ብርኪ ናይ ጸላኢ ኣርዒዱ
ንሞቑሕ ሰቢሩ ተንሲኡ /2/

1. ይመስሎ ኔሩ'ቲ ሰይጣን
   ንጎይታ ዘውረዶ ካብ ስልጣን
   ኢየሱስ ግን ተንሲኡ ብሓይሉ
   መጻወድያ ጸላኢ ሰቢሩ/2/

   ሰይጣን ዝሓሰበልና ንሞት'ዩ
   ኣምላኽ ግን ንዓና ህይወት'ዩ
   ካብ ሞት ከድሕነና'ዩ ደልዩ
   ኣምላኽና ኣምላኽ ሕያዋን'ዩ

2. ኢየሱስ ሓቅን ሕይወትን'ዩ
   ሰይጣን ግን ሞትን ሓሶትን'ዩ
   ኦ ሞይ ኣቤሎ ሓይልኻ
   ኦ ሲኦልከ ኣቤሎ ብልሕኻ
   መድሕንና ተንሲኡ ኣሸኒፉካ

3. ንኣምላኽ ነመስግን ኣሕዋተ'ይ
   ካብ ሞት ሓራ ኣውጺኡና'ዩ
   ዕልል/2/ ንበል ንተሓጎስ
   መወእዳታና ዓወት ኮይኑ/2/

※ ※ ※



## 27 <u>ርኤኹ ፍቕሪ</u>

1. ርኤኹ ኣብ ጌተሰማኔ
ሓጢኣትና ጸቒጥዎ ከሎ
ደም ርሂጹ ለሚኑልና
ርሕሩሕ'ዩ ለዋህ መድሕንና

ርኤኹ ፍቕሪ ኣብ መስቀል
ዘይፍሕሹ'ዩ ዘይቕየር
እንካብ ሰማያት ዝወረደ'ዩ
ፈታው ኩልና ኢየሱስ'ዩ

2. ክንዲ ዘንጊ ንጉስ ሻምብቆ
ክንዲ ኣክሊል እሾክ
ጾሩ ከቢዱ ኣክሊል ሽልማት
ንዘክሮ ኢየሱስ'ዚ ኣምላኽና

3. ኣብ ጎልጎልታ ዝተረኤ
ንዓቢ ንእሽቶ ከይፈየ
መድሓኒና ኢየሱሰይ

4. ኣሕዋት ኣሓት ኣይትረስዑ
ህያብ ኣምላኽ ክቡር'ዩ
ቃሉ ስምዑ ተነስሑ
ናብ ህያብ ቤቱ'ውን ኣምሪሑ

※ ※ ※

## *28 ኣብ ጌተ ሰማኔ*

1. ኣብ ጌተ ሰማኔ ኣታክልቲ ስፍራ
   ንዓና ኢሉ ጎይታ ረኺበ መከራ/2/

2. ኣዳምን ሔዋንን ዝሰርሕዎ ሓጢኣት
   ንዓና ጌሩልና ናይ ሞት ቅጽዓት/2/

3. መስቀል ተሸኪሙ ወረዶ መከራ
   ኣይሁድ ገረፍዎ ኩሎም በብተራ/2/

4. ድንግል ኣይከኣለትን ንብዓታ ክትክልክል
   እንዳረኣየቶ ወዳ ክንከባለል/2/

5. ብኣምላኽነቱ እንከይፈርደሎም
   ከምዚ'ሉ ጸለየ ኦ ኣቦይ መሓሮም/2/

6. በገዛእ ስልጣኑ ኩሉ ዝፈጠረ
   ብሰብ ተገሪፉ ሞይቱ'ውን ተቀብረ/2/

7. ኣብ መበል ሳልሰቱ ብሓይሉ ተንስኤ
   እናረኣይዎ ናብ ሰማይ ዓረገ/2/

8. ኣጽኒዕና ንሓዛ እምነት ክርስትና
   ክምለሰና'ዩ መታን ክወስደና/2/

※ ※ ※

## 29 ድሕነት ብኢየሱስዩ

1. ናይ ጐይታና ድሕነት ብቃሉ በጽሓና
ቅዱስ መጽሓፍናውን ዘርዚሩ ይነግረና
እስኪ ንመልከቶ ወትሩውን ንሕሰቦ
ኢየሱስ ጥራይዩ ካልእ መድሕን የልቦን

ድሕነት ብእየሱስዩ ኣሜን ኣሜን/3/
ካልእ መድሕን የብልናን

2. ብልቡ ዝለመነ ከይተጠራጠረ
ይረክብ ጻማኡ ፍጹም ከይሓፈረ
ስጋና ፈዊሱ ነፍሳትና ዘድሕንዩ
ክልምኖ ዘሎኒ እየሱስ ጥራይ

3. ጐይታና ነልኣዛር ካብ ሞት ኣተንስአ
ንሓንካስ ፈዊሱ ንለምጻም ኣንጸሖ
ንብዙሓት ዕውራት ብርሃኑ ዝሃቦም
ሓቀኛ ክርስቶስ ጥራይዩ መድሕኖም

※ ※ ※

## *30 <u>ብኢየሱሰይ ሓራ ኮይነ</u>*

1. ካብቲ ናይ ሓጥያት ሞት መውጽኢ ስኢነ
ላዕልን ታሕትን ክብል ቅሳነት ሲኢነ
ሓራ ምኻነይሲ ኣየስተውዓልክዎን
ንኢየሱሰይ ሕጂ ተረዲኣዮየ
ብመዝሙር ምስጋና ከዘንትዎየ

ቢኢየሱሰይ ሓራ ኮይነ
በቲ ደሙ ነጻ ወጼየ
ሓራ ምእንቲ ኪኸዉን ኢሉ
ክርስቶስ ሓራ ኣውጺኡኒ
እሰይ ንእየሱሰይ ክዝምረሉየ /2/
ከምዝተፈትሐት ብተይ ክዘለሉየ

2. ናይ ሓጥያት ባርነት ዝተሰከምክዎ
ብፍቃድ ናይ ስጋ ንዝኀየኹዎ
ፍጹም ኣኽቲሙዩ ኣምላኽ ቀሪጽዎ
ንኢየሱሰይ ኣብ ሂወተይ ጎይታ ገረዮየ
ደጊም በርዑት ባርነት ኣይቁረንንየ

3. ከምታ ታኣሲራ ዝነበረት ዒሉ
ጐይታ ከኽብረላ ፈቲሖም ዘምጽሉ
ኣነውን ብብዙሕ እሱርየ ኔረ
ኢየሱስ ከኽብረለይ ተፈቲሔ እየ
ደጊም ሓድሽ ፍጥረት ኮይነየ

4. ብዝተሰወረን ዝተሓላለኸን
ምስጓም ዝኣበኻ ፍጹም ተኣሲረ
ንሱ ግን በለኒ ዉጹእ ሓራ ኢኻ
ንዝኣሰረካ ኩሉ በታቲኼዮየ
ካብ ሕይወትካ ከኣ ኣንከራርየዮየ

※ ※ ※

## 31 ሓድሽ ሰብ ኮይነ

1. ካብ ዘይጠፍእ ቃል እየ መጺአ
   ብመንፈስ ጎይታ እውን ጸኒዐ
   ከም ሓደ ውሉድ ይዓቢ ኣለኹ
   ኣብ ሞት ከይነብር ነጺሐ ኣለኹ

   ሓድሽ ሰብ ኮይነ ሓድሽ ፍጥረት
   ከቶ ነይግዝእ ብሓጥያት ወይ ሞት /2/

2. ከም ሓደ ህጻን ክትሕት'የ
   ናብ ቃል ኣምላኸይ ከድህብ'የ
   ድምጹ ንምስማዕ ክመሃር'የ
   ፍቃድ ኩሉ ክቕበል'የ

3. ኣየድሃብኩሉን ጥልቀት ስፈሓቱ
   ዓቀን ጸጋኡ መጠን ብዝሓቱ
   ፍቕሩ ንምፍላጥ እናጸዓርኩ
   ዓይነይ ክኸፍት እጽበ ኣለኹ

4. ሰንፍናይ ጠፊኡ ክግዛእ ብኣኻ
   ትዕቢተይ ዓንዩ ክነብር ምስኡ
   ርእሰይ ንምክሓድ ንኽምህረኒ
   እጽበ ኣለኹ ክልውጠኒ

※ ※ ※



*32 ደቂ ኢየሱስ*

መን'ዩ ዝከሰኒ አረ መን'ዩ /4/
ደም ኢየሱስ እቲ ዘጽደቀኒ
ደም ኢየሱስ ሓራ ዘውጽኣኒ /2/

1. ካብ ደም ኣቤል ዝበለጸ (2)
   ካብ ደም ዲበላታት ዝተመርጸ (2)
   ካብ ደም ገንሸል ዝመጸኹ (2)
   ብኽቡር ደሙ ዝተዓደግኩ (2)

2. ካብ ከረን ጽዮን ከተማ ኣምላኽ (2)
   ካብቶም ፍጹማን ጻድቃናት (2)
   ናብ ኢየሱስይ ዝመጸኹ (2)
   በቲ ዘፍቀረኒ ዝመላለስ (2)

3. ሓራ ምእንቲ ክኸውን ኢሉ (2)
   ክርስቶስ ሓራ ኣውጺኡኒ'ዩ (2)
   ድሕሪ ትንሳኤ ዝመላለስ (2)
   ከይተቀረንኩ በርዑት ባርነት (2)

4. ሑሩያት ኣምላኽ መን ይኽሰና (2)
   ኢየሱስ እዩ ዘጽደቀና (2)
   ድሕሪ ኩሉ ሓሊፍና (2)
   ሓደሸቲ ፍጥረት ኮይና ኢና (2)

※ ※ ※



*33* ***ዓወት ናትና ኢያ***

1. ንጥፍኣት ክኸይድ ሰይጣን ምስ መርሕእኒ
ኢየሱስ ጸግዔይ ግን ካብኡ መሊሱኒ
ኢየሱስ መሊኡኒ ብቅዱስ መንፈሱ
ሰይጣን ሓይሉ ጠፍአ ፍጹም ተደምሲሱ

ዓወት ናትና ኢያ /2/
ዓወት ናትና ኢያ ኣሜን ብደም ኢየሱስ

2. ድኹም ከም ዝኾንኩ ጎይታይ ይፈልጥ'ዩ
ብዘይ ምቁራጽ'ውን ጸጋኻ ይደሊ'የ
ናይ ልበይ ሓሳበይን ኣዘራርባይን
ናባኻ ስሓቦ ጎይታይን ኣምላኸይን

3. ብቀጣን መንገዲ እጎዓዝ ኣሎኹ
ናብ ቅዱስ ሃገርና እና ኣማዕደኹ
እናፍቅ ኣሎኹ ኣብ ኣርያም ክነብር
ምስቶም ቅዱሳንካ ጎይታየ ክዝምር

4. ብደሙ ገዚኡ መንፈሱ ሃበና
ዝሃቦ ተስፋታት ይፍጽም ኢየሱስና
ንሓጺር ጊዜ'ዩ ናይ ሰይጣን ፈተና
ሰዓሪ ኢየሱስ'ዩ መራሒ ጉዕዞና

※ ※ ※

## *34 ብምድሓነይ እሕጎስ ኣሎኹ*

1. ይፈልጦ ኢየ'ቲ ዝነበርኩዎ
   ናብራ ምስ ዓለም ዝተዋሰብኩዎ
   ከመይ'ለ ድሒነ ይገርመኒ'ሎ
   ከመይ'ለ ድሒነ ይደንቀኒ'ሎ

   ብምድሓነይ እሕጎስ ኣሎኹ
   ብምድሓነይ እሕበን ኣሎኹ
   ንደገ ምድሓን ብኸምኡ ሂቡኒ
   ከመስግኖ'የ ነቲ መድሓኒ
   ክባርኾ'የ ነቲ መድሓኒ

2. ኣብ ናይ ሓጥያት ዓዘቕቲ ተዋሒጥካ
   ብሰንሰለት ፍርዲ ተኣሲርካ
   ከመይ'ልካ ይውጻእ ብክእለትካ
   ፍጹም ዘይከውን'ዩ ብሓሳባትካ

3. ኣነ ክነግረኩም'ቲ ምድሓነይ
   ካባይ ኣይኮነን ካብ ክእለትይ
   ብመንፈሱ'ዩ ብክርስቶስ ጌሩ
   ክብርን ምስጋናን ይግባእ ንዓኡ

4. ግን የብለይን ዝኸፈልኩዎ
   ብፍቓድ ነብሰይ'ውን ዘሕለፍኩዎ
   ብባዕሉ ጌሩ ኩሉ ከፊልዎ
   ዕልል በልሉ ክብሪ ሃብዎ /2/

※ ※ ※

## *35 ኢየሱሰይ*

1. ነዚ ዝኾነለይ ስሙ ይኽበረለይ
ምእንቲ ህይወተይ ህይወት ዝኸፈለለይ
ኣብ ቅድሚ ጸላእተይ ደው ዘበለኒ
የማነይቲ ኢዱ ትድግፈኒ (2)

ኢየሱሰይ መድሕነ'ዩ
ፈውሲ ህይወተ'ዩ
ስለ ህይወት ኢሉ ህይወት ዝሃበኒ
ስሙ ይኽበረለይ ነዚ ዝኾነኒ

2. ዝርሕርሓለይ ዝድንግጸለይ
ጸሎተይ ሰሚዑ ዝምልሰለይ
ማዕጾ ምስ ኳሕኳሕኩ ዝከፍተለይ
ንጉድልነተይ ርእዩ ዝምልኣለይ (2)

3. ንሕዝንተ ነብሰይ ብሓጎስ ደቢሱ
ንጭኑቅ ኣእምሮይ ብርሃኑ ኣልቢሱ
ከምዛ መርዓት ዓይኑ ዝሕልወኒ
ኣብ ቅድመይ ጸኒሑ ዝመርሓኒ (2)

4. ደጊም ኣይፈርህን ተበጁዩኒ'ዩ
ብደም ዝጸረየት ህይወት ኣልቢሱኒ
ብከምኡ ኣይኮነትን በጃ ሓሊፋላ
ኣዕጽምቱ ከስኪሉ ደሙ ኣፍሲሱላ (2)

※ ※ ※

## *36 መዓስ ረስዐዮ*

1. እቲ ዘሕለፍካኒ መዓስ ረስዐዮ
   ኢየሱሰይ’ታ መፍቀሪየይ
   ማዕበል ክልዓል ነኽስጥመኒ
   ብረድኤትካ ናዓይ ከተውጻኒ

   መዓስ ረስዐዮ ውዕለትካ
   መዓስ ረስዐዮ ሰናይካ
   ጨኒቁኒ እንድኣለይ ብኽመይ ከምዝገልጾ
   ብኽመይ ከምዘውርዮ መዓስ ረስዐዮ

2. ዓቅለይ ክጸበኒ ዘይሓልፍ ዝመስል
   ኩነታት ፍጹም ዘሐልል
   ተስፋይ ሓዲስካ ሓይሊ ኣዕጢእካኒ
   ብዓወት ሓሊፈ ኣብዚ ኣብጺሕካኒ

3. ኣይረሳዕክዎን እቲ ውዕለትካ ምሕረትካ
   ኣየ ለውሃትካ
   ኩሉ ክጭነቅ ሰላም ምርካበይ
   ኣይረሳዕክዎን ኣምላኸይ

4. ብማእከል ባሕሪ ጉዕዞ ምስጀመርኩ
   ክሓልፍ ማዕበል ክልዓል
   ንንፋስ ማዕነል ገኒሕካዮ
   በቲ ሓይሊ ስምካ ኣዚዝካዮ

5. ማይ ኣብ ዘይብሉ ኣብቲ ደረቅ ኣጻምእ
   ከውሒ ማይ ትስንጥቅ
   ንጽምኣተይ ኣርዊኻኒ ኢኻ
   ብርግጽ ንስኻ ኣንታ ዝርኣ ኢኻ

※ ※ ※

## *37 <u>ተንሲኡልና ኢየሱስና</u>*

1. ትርኢት ኢየሱስ ዘንጸባርቕ ሓይሊ
ጸዕዳ ክዳኑ ከም በረድ በርቂ
ሓለውቲ ፈሪሆም ኣንቀጥቀጡ
ብዓቢ ታሕጓስ ኢየሱስና ተንሲኡ

ተንሲኡልና ኢየሱስና ተንሲኡልና
ተንሲኡልና መድሓኒና
ተንሲኡልና ኢየሱስና ተንሲኡልና
መንገዲ ሓቂ መሪሑ ኣሃ ኣሃ ኣሃ ገነት ከእትወና

2. ኣንስቲ ፈሪሐን እምኒ ኣንከራር'ዩ
ህያው መድሓኒ ተንሲኡ እዩ
ሓዋርያት ብምግራም እንክጎ'ዩ
ክርስቶስ ተንሲኡ ብስራት ሒዙ

3. ድሕሪ ኣብ መንገዲ ኤማሁስ
ክበጽሓኒ ኢዱ ክዝርግሕ
ምሳይ እንክሓድር ናባይ መጽ'ዩ
ብሓቂ ጎይታ ተንሲኡ እዩ

4. እምነተይ ኢየሱስ'ዩ መድሓንየይ
ምስኡ ብዓወት ክኣቱ'የ
ጸልማተይ ርሒቁ ተሓጊሰ
ብርሃን ብኢየሱስ ረኺበ ኣነ

※ ※ ※

## *38 ተዓወተ ጎይታይ ተዓወተ*

1. ተዓወተ/2/ ጎይታ ተዓወተ /2/
   ብኃይሉ ተንስኤ ጎይታ ተዓወተ /2/

2. ሰበረ/2/ ንሞቒሕ ሰበረ /2/
   ንሞት ኣሸነፈ ንሞቒሕ ሰበረ /2/

3. ኃይሊ ጸልማት/2/ ተሰጎ ተሰጎ /2/
   ብደም መድኃኒና ተሰጎ ተሰጎ /2/

4. ተሰርዐ/2/ ኣብ ሰማይ ተሰርዐ /2/
   ተስፋ ሕይወት ሎሚ ኣብ ሰማይ ተሰር ዐ/2/

5. ቀረበ/2/ ብርሃን ናይ ወንጌል ብርሃን /2/
   ናይ ወንጌል ብርሃን ወንጌል ብርሃን /2/

6. ብፅጹው/2/ ኣብ ማእከሎም ቆመ /2/
   ሓዋርያት ደንገጹ ምስ በሎም ሰላም /2/

7. ክብሪ ይኹን/2/ ንቅዱስ ሥሉስ /2/
   ንክርስቶስ ጎይታ ድኅነት ስጋ ነብሲ /2/

8. ኣሜን/2/ ኣሜን ወኣሜን /2/
   ኣሜን ሃሌ ሉያ ንወትሩ ይኹን /2/

※ ※ ※

## 39 ትንቢት ተፈጺሙ

1. ጎይታ እተነበየ ትንቢት ኩሉ ተፈጺሙ
   መለኽት ተነፊሖ መሬት እውን በሪሁ
   ምውታን ተንሲኦም ከይዶም ሓውዮም'ቶም ሕሙማን
   ብስም መድሓኒና ኢየሱስ ተሰይፉ ሰይጣን/2/

   ትንቢት ተፈጺሙ ጎይታ'ውን ተሰቂሉ
   ሞይቱ ኣይተረረፈን ከምዝበሎ ተንሲኡ

2. ምድሪ ተንቀጥቀጠት ከዋኽብቲ እንክወድቁ
   ፍጥረታት ረዓዱ ኣኽራናት እንክፈርሱ
   ጸሓይ'ውን ጸልመተት ውርሒ ደም ተለወጠት
   ጎይታ ተሰውአ ብሓጢኣት ደቂ ሰባት /2/

3. እቲ ብሩህ ገንሸል እቲ እሙን ኣቦና
   መዝገቡ ከፊቱ ክጽውዕ ኢዩ ሽምና
   ክንምርመር ደው ክንብል ኣብ ቅድሚ እቲ ኣምላኽና
   ዳሕራይ'ውን ክንፈልጥ ሰማያዊ ሰፈርና /2/

4. ነፍሱ ከይመርመረ ኣብ'ቲ ግዜ ዝተረኽበ
   'ቲ ግዜ በጺሑ ናብ ኣምላኽ ተሰብሰበ
   ንጻድቃን ካብ ሓጥኣን ኢየሱስ'ውን ፈለየ
   ንጻድቃን ካብ ሓጥኣን'ውን ደርበየ /2/

※ ※ ※

## *40 ንበል ሆሳእና*

1. ንሱ'ዩ ወዲ ዳዊት 'ቲ ንጉስና
ብስም ጎይታ ዝመጽእ መድሕን ዓለምና
ዕልል ዕልል ንበሉ ሎሚ ሓቢርና
በሓጎስ ንዘምረሉ ንበል ሆሳእና /2/

   ኣሕዋት ኩልና ንበል ሆሳእና
   ስየ ዓቲርና ንበል ሆሳእና /2/
   (ሕጂ) ነዚ ጎይታና

2. ብዕቤቱ'ውን ኩቶ ንዐ ዘይንመስሎ
ዓቢ'ዩ ልዕሊ ኩሉ ዘይንበጽሖ
ዕብየቱ ንኽንገልጾ ዘይንኽእሎ
ኣየ ንኽንደይ ጥዑም ኣምላኽ እዩ'ሞ /2/

3. እታ ንእሽቶይ ዒሉ ኣምጽእዋ
ካብ'ቲ ዘላቶ ቦታ ኪዱ ፍትሕዋ
ንሳ ክብርቲ እያ ክብረት ሃብዋ
ናብ'ቲ ትኸዶ ቦታ ኣሰንይዋ /2/

4. ብኽብሪ ኣብ ዘባና ተወጢሑ
ብሰራዊት መልኣኽቱ ተዓጂቡ
እንሆ ሎሚ መጺኡ ኣብ መንጎና
ዕልልታ ነሰንዮ ንበል ሆሳእና /2/

※ ※ ※

## 41 ኣብሰይ ኣጆኺ

ኣብሰይ ኣጆኺ ኣይትጨነቒ
ሓላዩ ዘይብልኪ ከይመስለኪ
ኢየሱስ ከምዝሓልየ ልኪ
እወ ‘ዚ ልዑል ከምዘፍቅረኪ
እመንዮ ብምሉእ ልብኺ /2/
እመንዮ ንፈቃር  ኣምላኽኪ

ፍቕሪ ኢየሱስ ኮይኑ ልዕሊ ዓቕመይ
ዘክርዮ ዝተገብረልኪ ኣብሰይ
ብጸላኢ ከይትብልዒ ክደሊ ንዓኺ /2/
ካብ ሰማይ ወሪዱ ፍቕሩ ገሊጹልኪ

1. ‘ዚ ፍሉይ ኣፍቃሪ ይግደስ ኢዩ እወ ብኣኺ
   ናይ ሰማይ ኣቦኺ ይሓልየልኪ ኢዩ እወ ንኣኺ
   ኣነ ኸነ ግር’የ ዝተገበረለይ ኩሉ ብኡ
   ኣነ ኸነ ግር’የ ዝተገበረለይ ኩሉ ናቱ

2. ዕረፍቲ የብሉን ቁጽሪ ብምጉዳለይ
   ብወረ ዲዩ ተነጊሩ ብዛዕባይ
   ኣይመስለንን ኣይተጻሕፈን ከማኡ ዝበለ /2/
   ስለዝሓልየለይ እዩ ናባይ ዝወረደ

3. ክሓስቦ ከለኹ ከስተንትኖ ነቲ ፍቕሩ
   ምስጠፋእኩ ተስፋ ቖሪጸ ከምዘይምለስ ኣብኡ
   ብዘይካልኣይ ንኽደልየኒ ናባይ ነቒሉ
   ብቐንዱ ስለዝሓልየ ለይ እዩ ኢየሱስ ባዕሉ

※ ※ ※

## *42 <u>ንኽንቱ 'ይኮነን</u>*

1. ይመስለና ኣሎ ዝብጻሕ ኩሉ ብስጋ
ምስትውዓል ሃበና ክንበጽሕ ናባኻ
<u>ተንበርኪኽና እንተጠመትና ናባኻ</u>
<u>ተገሊጹ እንዲዩ ኣብ መስቀል ፍቕርኻ</u> /2/

ንኽንቱ 'ይኮነን ዝፈሰሰ ደም ጐይታ
ንኽንቱ 'ይኮነን ስቓይ ናይ ጎልጎልታ/2/
ደም ጐይታ ዝፈሰሰ ንኽንቱ 'ይኮነን /2/
ብደም ጐይታ ዝደሓና ነፍሳት
ይምስክራ ብድምጺ መለኽት/2/

ተመስገን ክብል'የ /2/
ብጸጋኻ ዓጊበ ፍቕርኻ ተመጊበ
ተመስገን ክብል'የ /2/
ብደምካ ተሓጺበ ጸርየ ነጺሐ
ተመስገን ክብል'የ /2/
ብጐይታ ዓጊበ ድሕነት ረኺበ
ኣነ ኣሜን ክብል'የ

2. ክሳብ ክንደይ ዓሚቑ'ዩ ጐይታየ ፍቕርኻ
ተቐጺሑ ዘይውዳእ ካብ ምራዊ ቀላይ
ብዙሕ'ዩ ሃብትኻ ዘይውዳእ ጸጋኻ
ኩሉ ኣሎ ኣብኡ ህያባት ፍቕርኻ /2/

3. መስቀልካ ይነ ግር ንምስጢር ጐዕዞኻ
ደሚቑ ይኹላዕ ኣብቲ ለዋህ ገጽካ
ረኣዩ ይብለና ንውጉእ ኣካልካ
ጸጋኻ ኽፈስስ ካብ ደም ረሃጽካ/2/

※ ※ ※

## *43 ኣምላኽ በዓል ኃምሳ*

1. ንደቀይ ክባርኽ መንፈሰይ ክኸው
   ኣወዳት ኣዋልድ ኩሎም ኪንበዩ
   ኣረገውቲ እውን ሕልምታት ኪርእዩ
   እብለኩም ኣለኹ ቃለይ እሙን'ዩ /2/

   ክብሪ ንዓኻ ይኹን ኣምላኽ በዓል ኃምሳ
   ከምቲ ናይ ሓዋርያት ኣፍስሶ መንፈስካ

2. መንፈሰይ ሰዲደ ፍጹም ከንቅሓኹም
   ካብ ከቢድ ድቃስኹም ከበራብረኩም
   ልብኹም ከዳሉ ፍጹም ከንቅሓኩም
   መደበይ እዚ'ዩ ደቀይ ባህ ይበልኹም /2/

3. ኣጉባዝኩም ድማ ራእይታት ኪርእዩ
   ሰብኡትን ኣንስትን መንፈሰይ ኪመልኡ
   መንፈሰይ መሊኣ ናባይ ክቅርበኩም
   ድሌተይ እዚ'ዩ ደቀየ ባህ ይበልኩም /2/

4. ደቀየ ተዳለው ካብ ሓጥያት ረሓቁ
   ድሮ ጀሚረዮ መንፈሰይ ክኸው
   ልብኹም ሃቡኒ ካልእ ኣይደልን'የ
   ኣነስ ንመንፈሰይ ፍጹም ኣይሰፍሮን'የ /2/

※ ※ ※

## *44 ኣብ ጌተ ሰማኔ*

1. ኣብ ጌተ ሰማኔ ጻዕረ ሞት ሓዘኒ
   ይሁዳ ይሸይጥ ጴጥሮስ ይኽሕደኒ
   ሓዋርያት ይሃድሙ በይነይ ይሓድጉኒ
   ጸላእተይ መጺኦም በይነይ ይኽቡኒ /2/

2. ጲላጦስ ሄሮድስ ዕርክነት ይፈጥሩ
   ቢኣይ ምኽንያት ጌሮም ብሰላም ክፋቀሩ
   ሓዲኦም የላግጽ ሓዲኦም ይገርፍ
   ፍቅርኻዩ ነሩ ንስቃይ ዘሕልፍ /2/

3. መስቀል ተሸኪሙ ክወጽእ ጎልጎልታ
   ክወድቕ ክትንስእ ብገመድ ኪጉተት
   ስጋይ ንስምብራት ደመይዉን ንምፍሳስ
   ኣሕሊፈ ዝሃብኩ ንምድሓን ናይ ሰባት/2/

4. ኤሎሄ ኤሎሄ ላማ ሰበቕታኒ
   ኢለ እናጨደርኩ መጺጽ ኣስተዩኒ
   ናባኻ ኪመጽእ ወደየ ስምዓኒ
   እንታይ በዲለካ ጸላኢ ትኾነኒ

※ ※ ※

## *45 ኣብ ቀራንዮ*

1. ኣብ ቀራንዮ ኮይነ መስቀሉ ኪምልከት
   ናይ ኢየሱስ ፍቕሪ ተረዳእኩ
   ዝተወግአ ጎድኑ ኢደ እግሩ ረኣኹ
   ናይ ኢየሱስ መስቀል ምስጠመትኩ

2. ይመስለኒ ኔሩ መስቀሉ ዕሽነት
   ግና ፍቕሩ ኣብ መስቀል ተረዳኣኩ
   ናይ ኢየሱሰይ ፍቕሪ ብግልጺ ረኣኹ
   ናይ ቀራንዮ መስቀል ምስጠመትኩ

3. ናይ ኢየሱስ ፍቕሪ ካብ ሞት ዘውጻኣኒ
   ናይ ኣምላኽ ገጽ ዘርእየኒ
   በብእዋኑ ዉን ንዕዑ ዘምልኾ
   ናይ ኢየሰስ ፍቕሪ ተረዳኣኩ

4. ናይ ቀራንዮ መስቀል ናይ ዓወተይ ቦታ
   ኢየሱስ ሞተለይ ብሓጥያተይ
   ተፈጸመ ኢሉ ኢየሱስ ጨረሐ
   ሓጥያተይ ብፍቕሩ ተደምሰሰ

※ ※ ※

## *46 ጐይታይ ሓግዝኒ*

ጐይታይ ሓግዝኒ ኣብ ድኻመይ
መስቀል ሒዘለኹ ተምበርኪኸ
ክርሕቅ እንተበልኩ ኪኽሕዶዉን
ፍቅሩ ይግድደኒ ናቱ ክኾነዉን

1. ሕይወተይ ክሕለል ክጠልመኒ
ረዳኢ ዘይብለይ ክመስለኒ
ጎይታይ ብመንፈሱ የትብዓኒ
ጽምእት ህይወተይዉን የርዉየኒ

2. ሓንሳብ ኣብ ስንጭሮ እናነባዕኩ
ሓንሳብዉን ኣብ ሻኻ እናዘመርኩ
ናይ ህይወተይ ትምህርቲ ብዙሕ ኣሎ
ንመስቀል ጎይታና ክኸተሎ

3. ብሓድሽ ሕልና ኪጋደልየ
ናይ ዘልዓለም ሕይወት መሪጸየ
ይድከም ደኣ እምበር ኣይዕሎንየ
ኒኣቦ ሂወተይ ኣይክሕዶንየ

※ ※ ※

## 47 *ጎልጎታ ክትድይብ*

1. ጎልጎልታ ክትድይብ እናተገረፍካ
እናተበደልካ ስሌና ጸለኻ
ኣኽሊል እሾኽ ጌርካ ስቃይ ተቀብልካ
ፍቅሪ ገዲዱካ ምእንታና ሞትካ

ይዝከረኒሎ እቲ ኩሉ ስቃይካ
ኣብቲ ዓዲ ጓና ስለይ ተሰዋእካ

2. ማይ ጸሚአ ኢልካ ጎይታይ ምስ ጨራሕካ
ብሰፍነግ መሊኦም መጺጽ ኣስተዩኻ
ኣይርስዖን ኣነ ቲ ኩሉ ስቃይካ
ኣይሁድ ኪወጊኡኻ ብኹናት ጎድንኻ

3. ንኣይ ከተድሕን ብዙሕ ተሳቀኻ
ከም ሰራቒ ኮይንካ ኣብ መስቀል ወዓልካ
ፍቅሪ ገዲዱካ ሕይወትካ ዘሕለፍካ
ንሓጢኣት መሕጸቢ ደምካውን ዘፍሰስካ

4. እዚ ኩሉ ጭንቀት መታን ኪዝክር
ንቁዱስ መንፈስካ ኣብ ልበይ ኣሕድሮ
እዚ ኩሉ ረሲዐ ድቃስ ከይወስደኒ
ነቂሐ ክርከብ ጸሎት መሃረኒ

※ ※ ※

## *48 ኣምላኽ በዓል ሓምሳ*

1. ንደቀይ ክባርኽ መንፈሰይ ክኽዑ
   ኣወዳት ኣዋልድ ኩሎም ክንበዩ
   ኣረገውቲ እዉን ሕልምታት ክርእዩ
   እብለኩም ኣለኹ ቃለይ እሙንዩ

   ክብሪ ንዓኻ ይኹን ኣምላኽ በዓል ሓምሳ
   ከምቲ ናይ ሓዋርያት ኣፍስሶ መንፈስካ

2. መንፈሰይ ሰዲደ ፍጹም ክንቅሓኩም
   ካብ ከቢድ ድቃስኩም ክበራብረኩም
   ልብኹም ኩዳሉ ፍጹም ክንቅሓኩም
   መደበይ እዚ ዩ ደቀይ ባህ ይበልኩም

3. ኣጓብዝኩም ድማ ራእያት ክርእዩ
   ሰብእትን ኣንስትን መንፈሰይ ኪመልኡ
   መንፈሰይ መሊኤ ናባይ ክቅርበኩም
   ድልየተይ እዚዩ ደቀይ ባህ ይበልኩም

4. ደቀይ ተዳለዉ ካብ ሓጥያት ርሓቁ
   ድሮ ጀሚረዮ መንፈሰይ ክኽዑ
   ልብኹም ሃቡኒ ካልእ ኣይደልንየ
   ኣነስ ንመንፈሰይ ፍጹም ኣይሰፍሮን የ

※ ※ ※

## 49 *ኣብ ጌታ ሰማኔ*

1. ኣብ ጌተ ሰማኔ ጻዕረ ሞት ሓዘኒ
   ይሁዳ ይሸይጥ ጴጥሮስ ይኽሕደኒ
   ሓዋርያት ይሃድሙ በይነይ ይሓድጉኒ
   ጸላእተይ መጺኦም በይነይ ይኽቡኒ /2/

2. ጲላጦስ ሄሮድስ ዕርክነት ይፈጥሩ
   ቢኣይ ምኽንያት ጌሮም ብሰላም ክፋቀሩ
   ሓዲኦም የላግጽ ሓዲኦም ይገርፍ
   ፍቅርኻዩ ነሩ ንስቃይ ዘሕልፍ /2/

3. መስቀል ተሸኪሙ ክወጽእ ጎልጎልታ
   ክወድቅ ክትንስእ ብገመድ ኪጉተት
   ሰጋይ ንስምብራት ደመይዉን ንምፍሳስ
   ኣሕሊፈ ዝሃብኩ ንምድሓን ናይ ሰባት /2/

4. ኤሎሄ ኤሎሄ ላማ ሰበቅታኒ
   ኢለ እናጨደርኩ መጺጽ ኣስተዩኒ
   ናባኻ ኪመጽእ ወደየ ስምዓኒ
   እንታይ በዲለካ ጸላኢ ትኾነኒ

※ ※ ※

*50 ውሬታኡ*

ዉሬታኡ ኣዝዩ ብዙሕ' ዩ
ኣይክእልን ብቓል ክገልጾ
ተመስገን ጥራይ' የ ዝብል ,,,

ካብ ናይ ቀራንዮ ሞት ጀሚሩ
ንኣይ ክሳዕ ሞት ኣፍቂሩ
ነፍሱ ብነብሰይ ቀይሩ
ደሙ ምስ ንብዓት ሓዊሱ ,,,
ንኣይ ከሀብትም ምድኻዩ
ዓጽሙ ካብ ስጋኡ ምፍላዩ
ጽሩይ ደም ርሃጽ ምርሃጹ
እዚ ኩሉ ድኻም ንዓይ' ዩ ,,,

ዉሬታኡ ኣዝዩ ብዙሕ' ዩ
ብቓል ክገልጾ ኣይክእልን
ተመስገን ጥራይ' የ ዝብል

ከሳሲ ነይሩ ንዓይ ምጽላም
ኣብ ግምባር ጽሑፍ ናይ ቀደም
ናይ ኢድ ጽሕፈት ዕዳይ ደምሲሱ
ምረተይ ኣጽርዩ ሓዲሱ ,,,
ሰብ ገበረኒ ረዲኤተይ
ሰላም መሊኡ ንቤተይ
ግምባር ጸላኢ ተወቒዐ
ክዝምር' የ  ስሙ ጸዊዐ,,,
ዉሬታኡ *
ድኻመይ ብዙሕ' ዩ ጉድለተይ
ብጸጋኡ' የ ማለተይ
ብእምነት ስሙ ምጽውዐይ
ዝገበሮ ጐይታ ምውራየይ ,,,
ሰብ ኮይነ ኣብ ምድሪ ምንባረይ
ብሰላም ዉዒለ ምሕዳረይ
እግረይ ጸኒዑ ምቛሙ
እዚ ኩሉ ጸጋ ብኡ'ዩ ,,,ዉሬታኡ*/3/

## 51 ሓወይ ንፍቅሩ ርአ

1. ዝጠፈአት ነብሰይ ካብኡ በሪራ
ክትነብር ተከዊላ
ብጸልማት ዓለም'ውን ተጠቢራ
ጎይታ ግን ብምሕረቱ የፍቅራ

ሓወይ ንፍቅሩ ረአ
ጎይታ ይናብየካ
ሓጎስን ደስታን ፍቅርን ሰላምን
ብምእዛዙ ኢየሱስ ይህበካ

2. ዝሑል'ወይ ሙውቅ ብዘይ ምኳንካ
ጎይታ ጡፍ ከይብለካ
ሕጂ ግን ብሓጥያትካ ተኣሚንካ
ተመለስ ናብቲ ፈቃር መድሕንካ

3. ሕጂ ወይ ደሓር ጽባሕ ትከውን
መዓልቲ ጽዋዓኻ
ብዘይ ምፍላጥ ግን ሓወይ ኣይትኪድ
ኣብ ጋሃነብ ከይከውን ጊደካ

4. ቅዱሳን ኩሎም ሰማይ ክከዱ
ሓጥኣን ግን ክፍረዱ
ጎይታይ ኢየሱስ ምስ መጸ ብክብሪ
ክትነብር ምስቲ ልዑል ፈጣሪ

※ ※ ※

## *52 ኢየሱስ ክርስቶስ’ዩ*

1. ከቢድ መስቀል ሒዙ ክወርድ ክድይብ
   ደም እናረሃጸ መከራ ክጸግብ
   ኣፉ ከይከፈተ ከም በጊዕ ስቕ ኢሉ
   ኣህዛብ’ ውን ጸፍዕዎ ጡፍ እናበሉሉ (2)

   ኢየሱስ ክርስቶስ’ዩ ፈውሲ ናኢ ህይወትና
   ኣብ መስቀል ቀራንዮ ደሙ ዘፍሰሰልና (2)

2. በሊሕ መስማር ጌሮም ክሸንክርዎ ኢዱ
   በሊሕ መስማር ጌሮም ሸንክርዎ እግሩ
   ኣኽሊል እሾኽ ድማ ደፍኡሉ ኣብ ርእሱ
   ድሕሪ መሪር ስቓይ ወጸት እታ ነፍሱ (2)

3. መይቱ ኣይተረፈን ክርስቶስ ኣዶናይ
   ብሓይሉ ተንሲኡ ዓረገ ናብ ሰማይ
   ብርሃን ትንሳኤኡ ክንርኢ ኩላትና
   ብትሕትና መንፈስ ንለምን ሓቢርና (2)

※ ※ ※

## *53 ንህዝቡ ካብ ባርነት*

1. ህዝቡ ካብ ባርነት መንዚዑ ኣውጺኡና
ኣእማን ፈንቂሉ ጽሩይ ማይ ሰቲና
ኣብቲ ምድረበዳ ጉዕዞና ከሎና
ብርሃብ ጌሩ ለይቲ ብቐትሪ ደመና
መሪሑና ናብታ ሰማያዊት ቤትና

ንተሓጎስ ኮይኑ' ዩ ፍስሃ (2)
ንወድሶ ብድሙቕ ዕልልታ
ነመስግኖ ሰማያዊ ጐይታ

ተንሰኡ ፍስሃ ኮይኑሎ ናይ ሓዘን ካባ ቀንጥጥዎ
ዓልሉ ንንጉስ ነገስታት ኣድሒኑና ካብ ዘልኣለም ሞት (2)

ሆ ሆ እናበልና ነቕርብ ምስጋና
ሆ ሆ ነቲ ዝተገብረ መገዲ ድሕነትና
ሆ ሆ እናበልና ነቕርብ ኣምልኾ
ሆ ሆ መይቱ ዝተንሰአ መድሕኒ ንባርኮ /2/

2. ድኑ ሞት ቀንጢጡ ዘሪኡልና ህይወት
ካብ ምርኮ መንዚዑ ኣውሂቡና ዓወት
ኣእዳዉ ዘርጊሑ ኢሉና ሃንጎፋይ
ዘጥፋእናዮ ምንባር ረኺብናዮ ዳግማይ
ንዘልኣለም ይኽበር ክርስቶስ ኣዶናይ

ንተሓጎስ ,,,
ተንሰኡ ,,,
ሆ ሆ እናበልና

※ ※ ※

## *54 ኣብ ክንድቲ መስቀል*

ኣብ ክንድቲ መስቀል ካልእ ኮይኑ ዕላማ
ስለ'ዚ ድማ እያ ፍቕሪ ኢየስሱ ቅሂማ

1. ዝጠፍኣ ኣባጊዕ ብዙሓትየን ኣቦ
ኳስአን ንስኻ ምለሰን ባዕልኻ
ኣዕንቲ ኣለወን ይመስላ ዝርእያ
ጐይታይ ተዘኪረን ከይደን ከይጠፍኣ

2. ዓመጻ በዚሒ ምስ ጥፍኣት ናይ ነፍሲ
እንታይ' ዩ መፍትሒ ነዚ ኩሉ ባእሲ
ራሕርሓለን ኢየሱስ ተኸኡላ ከይበልዐን
ኣብቲ መንግስትኻ ባዕልኻ ጸንብረን

3. መሓሪ ምኳንካ ፈሊጥና ተረዲእና
እንሆ ንመጽእ ድኹማት ጠምተና
ገርህነትና ርአ ኣምላኽና ኣይትጨክን
በጃኻ ኢየሱስና ንዓ ቁስልና ጸግን

※ ※ ※

## *55 ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ*

ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ልበይ እህበኩም
እዚዩ ጸሎተይ ፍጹም ክመስለኩም
ነብስይ ተመሪኻ ብቕዱስ ፍቕርኩም
ሃረርታይ እዚዩ ክሰዕብ ኣሰርኩም /2/

1. ቅዱስ ዮሴፍ ጻድቕ ብኹሉ ግብርኻ
ንጎይታ ኢየሱስ ብፍቕሪ ዘዕበኻ
ንስድራይ ባርካ ክትመስል ንቤትኻ
ነብሰይውን ትማረኽ ብቕዱስ ሂወትኻ /2/

2. ኣቦ ስድራ ዮሴፍ ኣብኡ ንኢየሱስ
ቤተይ ባርካ ክትምራሕ ብመንፈስ
እሙን ጻድቕ ዮሴፍ ሕጹያ ንማርያም
ሓልዋ ንስድራይ ካብ ፈተና ዓለም /2/

3. ሕጽይቱ ንዮሴፍ ማርያም ኣደ ኢየሱስ
ዝኸድክዮ ስድራ ይባረኽ ብመንፈስ
ከምቲ ናይ ኤልሳቤጥ ሰላምታ ሃብኒ
ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ መንታን ክመልኣኒ /2/

4. ጽድቅን ቅድስና መሰረት ስድራኺ
ጸሎትን ሰላምን ይውሕዝ ካብ ቤትኺ
ንኢየሱስ ዝሓዛ ቅዱሳት ኣእዳውኺ
ስድራይ ይባርኻ ክንመልእ ፍቕርኪ /2/

5. ንማርያም ንዮሴፍ ኢየሱስ ተኣዘዝካ
ስጋና ለቢስካ ትሕትና መሃርካ
ንደቀይ ባርኮም ኪመስሉ ንዓኻ
ኣብ ኩሉ መንገዶም ክሰዕብ ኣሰርካ /2/

6. ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ሎሚ እዕድመኩም
ኣብ ቤተይ ክትውዕሉ ክመሃር ካባኹም ካባኹም
ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ እጽውዕ ንስምኩም
ወለዶይ ክባረኽ ብሓያል ጸሎትኩም /2/

*56 <u>ወፈያና ልቢ'ዩ</u>*

ወፈያና ልቢ'ዩ ኣዴና ናባኺ
ዉሽጥና ዝገልጽ ባህግና ዘለሊ ።

1. ክወግሕ ክዓርብ ኣብ ዋኒና ክይንነብር
ኣብ ምዓልትና ን ኣምላኽ ክንዝክር
ደግፍና ኢኺ ወላዲት መድሕን ዓለም /2/

ወፈያና ልቢ'ዩ ኣዴና ናባኺ ;
ዉሽጥና ዝገልጽ ባህግና ዘለሊ ;
ከምቲ ብሉጽ ህያብ ኣምላኽ ንስኺ ዝኾንኪ
ናብ ኣቦ ኣቕርብና ማርያም ኣብሊጽኪ ኣጸቢቕኪ

ሕርይቲ ኣደ ብጸጋ ምልእቲ
ንፍጽምና ኣምላኽ ኣብ ከርስኺ ዝጾርኪ /2/

2. ዚበለኩም ግበሩ ኢልኪ ትምህርና
ሓቅን ህይወትን ምኳኑ ተዘክርና
ከም ቃሉ ክንገብር ጸሎት ግበርልና /2/

3. ንምስጢር ጉይታ ኣብ ልብኺ ትዓቑሪ
ንምስትንታኑ ናብ ኣምላኽ ተቕርቢ
መሃርና ኣዴና ምሕረት ጉይታ ክብሪ /2/

※ ※ ※

## *57 ብሳላኺ*

1. ምኽኣሉ ስኢነ ጸምጸም ምድረበዳ ፡
ልዕሊ ዓቕመይ ኮይኑ ዝነበረኒ ዕዳ ፡
ቁሊሕ እንተ በልኩ ርእየ ንኣኺ ፡
ኩሉ ፈኹሲለይ ማርያመይ ብሳላኺ ።

ኣብቲ ከቢድ እዋን ተስፋ ምስኪናት ፡
ኣብቲ ከቢድ እዋን ብጸይቲ ሽጉራት ፡
ኣብቲ ከቢድ እዋን ሓገዝ ንድኻታት ፡
ኣብቲ ከቢድ እዋን መጸናንዒት ሕዙናት።

*ብሳላኺ ብሳላኺ'ዩ መድሓኒ ዝረኸብና፣*
*ብሳላኺ ብሳላኺ'ዩ ዕረፍቲ ዝረኸብና፣*
*ብሳላኺ ብሳላኺ'ዩ ሰላም ዝረኸብና፣*
*ብሳላኺ ብሳላኺ'ዩ ብሓጎስ ዘሎና፣*

2. መሬት ዓሪቡኒ ሓዲግ መዲግ ኮይነ፡
ኣንፈተይ ስኢነ ጸልማት ተሸፊነ ፡
ብርሑቕ ግን ኣስተብሂለ ዝዓበየት ቀንዴል፡
ናባይ እናመጸት ኣደ ብሩህ ወንጌል ።

3. ከብደይ ብጥሙዩ ኀረሮይ ብንቒጹ ፡
ሓርቢቱኒ ከሎ ኣእምሮይ ተናዊጹ ፡
ኣብቲ ጽንኩር እዋን ማርያም መጺእክኒ፡
ንኹሉ ሽግረይ መፍትሒ ኩንክኒ ።

※ ※ ※

## *58 <u>ኣደ ብርሃን ኢኺ</u> !!*

1. ኣዉድስቲ ድንግል ኣደ ብርሃን ኣደና
ብርሃን ክተብርህልና ንልምን ኣሎና ፣
ጩራ ሰላም ኣዉርድልናንመላእ ዓለምና
ኮኾብ ሰማይ ናባኺ ንጥምት ኣሎና ።

*ጽላቱ ንሙሴ ፣*
*በትሪ ኢኺ ንኣሮን ፣*
*ጎይቢ ናይ ሳሙኤል ፣*
*ማርያም ኢኺ ማህደር ናይቲ ልዑል /2/*
*ርሕራሔን ምሕረትን እዩ ኪዳንኪ ፣*
*ከም ሃልሃልታ ፍቕሪ እዩ ልብኺ ፣*
*ርሕራሔን ምሕረትን ኣሰንቕና ኢኺ/2/*

2. ጩራ ናይ ጸጋኺ ናይ ህይወት ምኣዲ
ተስፋ ህይወት ንዘላለም ምሳኺ መንገዲ
እኖ ጐይታ ዓለም ባና’ ዉን ንነፍስና ፣
ንዓኺ ሒዝና ማርያመይ ንሕበን ኣሎና
*ጽላቱ ንሙሴ ፣*
*በትሪ ኢኺ ንኣሮን ፣*
*ወይቢ ናይ ሳሙኤል ፣*
*ርሕራሔን ምሕረትን እዩ ኪዳንኪ ፣*
*ከም ናይ ሰማይ ብርሃን እዩ ክብርኺ ፣*
*ርሕራሔን ምሕረትን ኣልብሰና ኢኺ/2/*

3. በዓልቲ ዓባይ እምነት እያ ማርያም ኣዴና
ወራሲት ቤትና እያ መርሃዊት ሽግርና ፣
ኣብ ልዕሊ ኩላትና ኦም ህይወት ኣፍሊሳ
ብኽብሪ እያ ንሳ ናብ ሰማይ ፈሊሳ ፣
*ርሕራሔን ምሕረትን እዩ ኪዳንኪ ፣*
*ከም ናይ ሰማይ ብርሃን እዩ ክብርኺ ፣*
*ኣደ ኣደ ብርሃን ፣ኣደ ብርሃን ኢኺ /6/*

## *59 <u>ከም ሰላምታ ቅ.ገብሪኤል</u>*

ከም ሰላምታ ቅዱስ <u>ገብሪኤል</u> (2)
ማርያም ክብሪ <u>ዓሌት እስራኤል</u> (2)
ሓረየኪ ስሉስ <u>ፈጥሪ</u> (2)
ክትዓርቅዮ <u>ሰማይ ምስ ምድሪ</u> (2)

1. ብመን እሞ ክንምስለኪ
   ገነት ዶ'ሞ ሰማይ ክንብለኪ
   ተስፋ ድሕነት <u>ብርሃን ሃገርኪ</u> (2)

2. ምሳሌ ትምቢቶም ንነብያት
   ጸግኦም ክብረቶም ንሃዋርያት
   ተፈታዊት እኖ <u>ሰማእታት</u> (2)

3. ደስታ ሰማይ ሓውቲ መላእኽቲ
   ሓበን ኢኺ ንኹሎም መነንቲ
   ኦንጽሕቲ <u>እንካብ ኩለን ኣንስቲ</u>(2)

4. እንካብ ጥንቲ ክብረት ንዓድና
   ተቐበሊ ጸሎት ምስ ምስጋና
   ንዒ ማርያም <u>ንዒ' ሞ ርድእና</u> (2)

※ ※ ※

## 60 ብጐይታ ዝያዳ ክቢራ

ብጐይታ ዝያዳ ክቢራ
ትነብር ዘልኣለም ደሚቓ
ጠበቓ ናይ ፍጥረት ኣዳም
ኣዴና ማርያም' ያ ማርያም ማርያም
እወ ማርያም' ያ ማርያም

ሰማያት ጽላላ ጌራ
ንሓጢኣት ረጊጻ ብእግራ
ሳልኣ ክብረት ለቢስና
ርሕርሕቲ ኣደ ረኺብና
እወ ኣደ ረኺብና

1. ንኸድሕነና ጐይታ ምስ ደለየ
   እኖ ክትኮኖ ንማርያም መረጸ
   ብልጽቲ ካብ ፍጥረት ኣዳም
   ምስ ሓጢኣት ዘይብላ ኪዳን
   ማርያም ረኺብና ክብረት ለቢስና

2. ርሕርሕቲ ኣደ ድሌትና ትፈልጥ
   ወዳ ልኢኻ ጎደሎ ትምልእ
   ንግስቲ ኣፍደገ ሰማይ
   ብልጽቲ መሳልል ሰማይ
   ንማርያም ረኺብና ክብረት ለቢስና

3. ጓል ሰብ ክንሳ ንሰብ ዘይመሰለት
   ብልጽቲ ፍጥረት ጐይታ,ዘየሕዘነት
   ስልምቲ ከም ጸሓይ ጩራ
   መድሓኒ ኣብ ከርሳ ጼራ
   ንማርያም ረኺብና ክብረት.ለቢስና

4. ምልእተ ጸጋ ኣምላኽ ዝወለደት
   ኣብ ቅድሚ ጐይታ ምጎስ ዝረኸበት
   ካብ ኩሉ ኣዝያ ብልጽቲ
   ንዕድመ ጐይታ ዘኽበረት
   ንማርያም ረኺብና ተማልደልና

## *61 <u>ኦ ማርያም ኣዴና</u>*

**ኦ ማርያም ኣዴና ምስጋና ይብጻሕኪ**
**መድሕን ዝወለድኪ ንዓና ደቅኺ**

1. ኦ ንግስተ ኣበይ ሓጢኣት ዘይነኽኣኪ
   ኦ ርሕርሕቲ ኣደ ኩሉ ፍጥረትኢኺ
   ድሕነት ተበስርና ብፍቑር ወድኺ
   ኦ እኖ ክርስትያን ዘርግሒ ባርኖስኪ

2. ኦ እኖ መድሓኒ ማርያም ማርያም
   ተሰፋኺ ሃብና ክንኣቱ ናብ ኣርያም
   ጸጋታት ወድኺ ኦ ማርያም ሃብና
   መታን ንኽንረክባ ሰማያዊት ቤትና

3. ኦ ንጽሕቲ ማርያም ካብ ኩለንኣንስቲ
   ርኹብልና ኢኺ እቲ ዘይውዳእ ሃብቲ
   ምንም'ኳ እንተኾና ድኹማት ሰልከይቲ
   ናይ'ቲ ላዕለዋይ ቤት ግበርና ወረስቲ

※ ※ ※

## 62 ማርያም ዕንቊ ባሕሪ

ማርያም ካብ ኩለን ዝኸበርኪ
ርኽሰት ኣልቦ ካብ ኩለን ንጽሕቲ ኢኺ
ሰማያዊ ፍቕሪ ዝተወግአ ልብኺ
ተዋሂቡኪ’ ሎ ብልዑል ፈጣሪ (2)

ስለ ኩሉ እውን ትጽዕሪ
ንጥፉኣት እውን ክትመልሲ
ስለ ኩሉ ፍጡር ትነብዒ
ንሓጥኣን ምስ ፈጣሪ ክትዓርቂ
ማርያም ዕንቊ ባሕሪ
ዝለበስኪ ዘልኣለም ክብሪ
የድንቐኪ’ ለኹ (2)
ማርያም ክበሪ ወትሩ ንበሪ

ኣማላድነትኪ ወትሩ ንጽውዕ
ስለ ፍቑር ወድኺ ደገ ንጸንዕ
ልብኺ ክፈቲ ኣውያትና ክሰምዕ
ጸጋ ኣልቢሱ መንፈስና ከጽንዕ
ክጸንዕ መንፈስና ክጸንዕ

ማርያም , , ,

ካብ ኩለን ደናግን ኣብሊጹ ሓረየኪ
ማህደሩ ክትኮኒ ብቕድስና ቀብኣኪ
ኣብ ምድርን ሰማይን ንግስቲ ሸመኪ
ክብርን ውዳሴን ዘልኣለም ንኣኺ
ንኣኺ ዘልኣለም ንኣኺ /2/

※ ※ ※

## 63 *ተሰፋ ኣይቆርጽን’ የ*

ሓጥያተይ ከቢዱኒ ዓቢ ጽዕነት ኮይኑኒ
ማርያም ኣማልድለይ ወድኺ ክምሕረኒ/2/

*ተሰፋ ኣይቆርጽን’ የ (2)*
*ክሳብ ተማልድለይ ኣነ ኣብ ትሕተኺ’ የ*

ሰይጣን እንተፈተነኒ ኢሉ ከውድቐኒ
ርሕርሕቲ ወላዲተይ ንስኺ ኣለኽኒ /2/

ብሓጥያተይ ዝኣክል ሕልናይ ከይወቕሰኒ
ንድሕሪት ከይምለስ ኣደይ ሓግዝኒ/2/

ሕልናይ ተሸቢሩ ሰላም’ ውን ስኢነ
እልምን ኣለኹ ኣብ እግርኺ ኮይነ/2/

## *64 መሳልል ሰማይ*

ከስተንትን ዝበለ ኦ ማርያም ዕቤትኪ
ፍጹም ኣይርከብን ዝመስል ንዓኺ

*እኖ ዘልኣለም ፍቕሪ ናይ ጊደዮን ጸምሪ*
*ንስኺ መሳልል ናይ ሰማይን ናይ ምድሪን*

ንልምን ኣሎና ብእምነት ናባኺ
ጸጋኺ ኣፍስሲ ናዓና ደቅኺ

ርሕርሕቲ እኖና ረዲኤት ሃብና
እኖ መድሓኒና ሰላም ኣውርድልና

ህይወት ከም ንረክብ ንፈልት ንኣምን
ኣይትጋደፍና ንዘልኣለም ኣለም

※ ※ ※

## *65 ዘውትር ኣብ ቅድሜኺ*

*ዘውትር ኣብ ቅድሜኺ ክቓውም እየ*
*ጸሎተይ ከም እትሰምዒ ይኣምንየ*
*ዝሰኣኖ የሎን ንወድኺ*
*ለምንለይ ኣደየ በጃኺ*

ሰላም ንዓኺ ይኹን ኦ ቅድስቲ ማርያም
ስምኪ ይባረኽ ንዘልኣለም
ናይ ልዑል ኣደ ክብሪ ይብጻሕኪ
ካብ ኩለን ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ

ኦ ማርያም ቅድስቲ ጸጋ ዝመልኣኪ
ካብ ኩሉ ፍጥረት ጐይታ ባረኸኪ
ናይ ከርስኺ ፍረ ዝተባረኸ’ ዩ
ሓይሊ እግዚኣብሔር ምሳኺ’ ዩ

ወዲ ኣዳም ኩሉ ስምኪ ይጽውዕ
ክብርኺ ንዓለም ንኸብርህ
ናይ ሰላም ንግስቲ ኩኒ ምሳና
ክሳብ ግዜ ሞትና ኣይትፈለይና

※ ※ ※



## 66 *ደስ ይበልኪ*

*ደስ ይበልኪ ደስ ይበልኪ*
*ኣንቲ ንጽሕቲ ድንግል ደስ ይበልኪ*
*ካብ ኩለን ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ*

ሰላም እብለኪ ማርያም ድንግል
ከም ብስራታዊት ከም ገብርኤል
ንዓኺ ዝተዋህበ ክልተ ንጽሕና
ቀዳማይ ብስጋ ካልኣይ ብሕልና

ካብ ኣንስቲ ዓለም ንጽሕቲ ምዃንኪ
ሰማያዊ ምስጢር ዝተገለጸልኪ
ናይ ልዑል ማሕደር ንምዃን,ዝበቓዕኪ
ኣደ ጐይታና ኢኺ ብጣዕሚ ደስ ይበልኪ

ማርያም ንኽትበጽሓ ናብ ገዝኣ ኣትያ
ኤልሳቤጥ ዘመረት ብመንፈስ መሊኣ
ኣብ ማህጸና ዘሎ ዘለለ ብደስታ
ንዓና ብጽሕና ንግሆን ምሸትን

※ ※ ※

## 67 *ብወድኺ ድሕነት ኮነ*

*ብሰሪ ሄዋን ሓጥያት መጸ*
*ብወድኺ ማርያም ድሕነት ኮነ*
*ብወድኺ ማርያም ሰማያት ተኸፍተ*

ምስ ደለየኪ ንድሕነትና
ፈጠረኪ ካብ ያቄም ሃና
ንስኺ ኢኺ መማለዲትና
ኢድኪ ዘርጊሕኪ ብጩራ ተስፋ ተቐበልና

ዝተበሰርኪ ብገብርኤል
ንኽትወልዲ ኣማንኤል
ሕራይ ኢልኪ ተቐበልክዮ
ብትሕትና ከም ዝበልካኒ ይኹን በልክዮ

ኣገልገልክያ ንኤልሳቤጥ
ከይደለኽዮ እቲ ኩሉ ዕብየት
ምስ በለትኺ ብርኽቲ ኢኺ
ንእግዚር ነብሰይ ተዕብዮ እውን በልኪ

ኣብ ቀራንዮ ተሸንኪሩ
ኣኽሊል እሾኽ ኣምበሩሉ
እዚ ኩሉ ምስ ርኣኺ
ከም በሊሕ ኩናት ሰንጢ ወግኣኪ ኣብ ልብኺ

※ ※ ※

## 68 ንግስቲ

ምድሪ ትርጋጻ ሰማይ ትርኣሳ ንግስቲ
ክርስቶስ ክትመስል ንሰማይ ፈሊሳ ንግስቲ
እንካብ ዘርኢ ኣዳም ቀዳመይቲ ንሳ ንግስቲ
ናይ መንግስቲ ዘውዲ ብግርማ ለቢሳ ንግስቲ
ናይ ላዕልን ናይ ታሕትን ሕያወይቲ ኗሳ ንግስቲ
ነፍሳትና ኣለወን ምሳኺ ክነግሳ ንግስቲ

ጭፍራ መላእኽቲ ብላዕሊ ዘመሩ ንግስቲ
ኣብ ምድሪ ዘለዉ ምሳኹም ይሕበሩ ንግስቲ
መንክር ፈጣሪና ዘይንገር ግብሩ ንግስቲ
ንላዕልን ንታሕትን ኣብ ማርያም ጸንቢሩ ንግስቲ
ብፕዮስ ኣቦና ሓቂ ተነጊሩ ንግስቲ
ኩሎም ቅዱሳን ጸሎቶም ሰሚሩ ንግስቲ

ብጽዕቲ ይብሉኺ ኩላቶም ትውልዲ ንግስቲ
ውዳሴኺ እዩ ዘይውዳእ ዓውዲ ንግስቲ
ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ ከም ሲና ትነዲ ንግስቲ
መኣዛ ንኹሉ ናይ ፍቕሪ መንገዲ ንግስቲ
ዋሕስና ንስኺ ኣብ ቅድሚ ፈራዲ ንግስቲ
ካብ ኢዱ ሃበና ናይ ብጽዕነት ዘውዲ ንግስቲ

※ ※ ※

## 69 <u>*መዘና ዘይብላ*</u>

መዘና ዘይብላ ብርኽቲ ቅድስቲ
ሓጥያት ዘይቀረባ ቅድስቲ ብጽዕቲ
ኣደ ኩሉ ፍጥረት ኣደ መላእኽቲ
ኣምላኽ ዝሓረያ ካብ ኩለን ኣንስቲ

*ኣነን ቤተይን ንማርያም ኢና ንምእዘዝ*
*ካብኣ ኢና ንረኽቦ ዘድልየና ሓገዝ*
*ምስ ኩሎም ወለዶ ብጽዕቲ እናበልና*
*እቲ ዝግብኣ ክብሪ <u>ነቕርበላ ኣሎና</u> (2)*

እሾኽን ተኾርባን ክተብቁል ምድሪ
ረጊምዋ ቀደም ናይ ሓጥያትና ዓሰቢ
ነዚ ሰሪዝዎ ኣዊጁልና ሰላም
ዘመን ለዊጥዎ ብቕድስቲ ማርያም

ብሳላኺ ማርያም እኔኹ ጨብጨበ
ፈተናታት ዓለም ሰዒረ ዓምቢበ
ንዑቕን ድርቡይን እየ ዝነበርኩ
ሳላ ምህለላኺ ርእሲ ኮይነ ኣለኹ

ጭፍራ ከዋኽብቲ ኣኽሊል ርእሳ ጌራ
ጸሓይ ተወንዚፋ ወርሒ'ውን ኣብ እግራ
ኣብ ማርያም ንጸጋዕ ስለ ኩሉ ክብራ
ሃየ ንከተላ ንስዓባ ኣሰራ

※ ※ ※

## 70 *ኦ ፍጽምቲ ድንግል*

**ኦ ፍጽምቲ ድንግል ኣደ ናይጐይታና**
**ናባኺ ንምዕቀብ ኣደ ክትኮንና**
**ሕራይ ኢልኪ ኢኺ ኣደ ዝኾንክና**
**ካብ እግዚር ኣቦ ክተማልድልና** (2)

***ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ***
***መንፈሰይ ብኣምላኸይ ባህ ይብሎ***

**ሓለዋኺ ደልዮም እንካብ ዝጎየዩ**
**ልመናኽን ረዲኤትክን ዝለመኑ**
**ሓደኳ ኣይጠፍአን ሰሰኑ ደኣ እምበር**
**ንዓና’ውን ሓግዝና ክንበቅዕ ምስክር**(2)

**ናይ ማርያም ኣዴና ፍሉይ’ ዩ ዕቤታ**
**ከም ሰባት ኣብ መሬት ዘይበለየ ስግኣ**
**ብቕዱሳን መላእኽቲ ንሰማይ ፈሊሳ**
**ተግባር ናይ ኣምላኽና ዓቢ’ዩ ኣብ ልዕሊኣ**(2)

**ኦ ውቅብቲ ግርማ ብርሃን ዝዓሰላ**
**ዓሰርተ ክልተ ከዋኽብቲ ዝኣኽሊላ**
**ሓፍቲ መላእኽቲ ናኢ ሰማይ መሳልል**
**ንጹሓን ግበርና ክንርእዩ ንልዑል** (2)

※ ※ ※



71 ***ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ***

*ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ*
*መንፈሰይ ክኣ ብኣምላኽይ*
*በቲ መድሓንየይ ባህ ይብሎ*

ውርደት ባርያኡ ስለዝርኣየ
እቲ ሓያል ዓቢ ነገር ገይሩለይ' ዩ
እሞ ስሙ ቅዱስ እዩ

እንሆ ካብ ሕጂ ኩሎም ወለዶ
ብጽእቲ ክብሉኒ እዮም
ምሕረቱ' ውን ነቶም ዝፈርህዎ
ንወለዶ ይነብር

ንዕቡያት ሓሳብ ልቦም በተኖም
ንትሑታት ልዕሊ ኩሎም ገበሮም
ንሃብታማት ካብ ዙፋኖም ኣውረደም
ንዘተዋረዱ ልዕል ኣበሎም

※ ※ ※

## 72 ናኣምን ንእግዚኣብሔር

ንኣምን ንእግዚኣብሔር
ንኣምን ንእየሱስ
ንኣምን መንፈስ ቅዱስ
ሓደ ኣምላኽ ኣሜን

1. ንሰማይን ምድርን ንኹሉ ዝፈጠረ
ዓለም ብምልእታ ብኢዱ ዝሓዘ
ናይ ፍጥረታት ጎይታ እግዚኣብሔር እመኑ
ኣነ ይኣምንየ ኣምላኽና ንሱዩ

2. ዓለም ከይተፈጥረ ቐደም ዝነበረ
ንኹሉ ብቃሉ ህያው ዝገበረ
ናይ ፍጥረታት ንጉስ ኢየሱስ ምኻኑ
ኣነ ይኣምንየ ንጉስና ንሱዩ

3. ምእንቲ ሓጥያትና ኣብ መስቀል ዝወዓለ
ብሳልሰይቲ መዓልቲ ካብ ሞት ዝተንሰ
ምውታን ክፈርድ ዝመጽእ ብኽብሪ
መንፈስቅዱስ ንኣምን ንሱዩ መድሓኒ

4. ቀደም ዝሓለፉ ኹሎም ኣቦታትና
ካብ ሞት ክትንስኡ ኣብ ምጽኣት ጎይታና
ከምውን ንኣምን ብቤተክርስትያንና
ዝሃንጻ ንሱዩ ኢየሱስ መድሕና

※ ※ ※

## *73 ሓዴና ብመንፈሱ*

1. ሓዴና ብመንፈሱ ሓዴና ብጎይታ/2/
   ብስሙ ዝኣመንና ክንነብር ኢና ምስ ጎይታ/2/
   ሓዴና
   ሓዴና ብመንፈሱ ሓዴና ብጎይታ

2. ብፍቅርና ይፍለጡ ኣሕዋት ከምዝ'ኾና
   ኣህዛብ ነዚ ይፍለጡ ናይ ክርስቶስ ም'ኻና
   ይፍለጡ
   ኣህዛብ ነዚ ይፍለጡ ናይ ክርስቶስ ም'ኻና

3. ንቀጽል መገሻና ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና
   ሓዴና
   ሓዴና ብመንፈሱ ሓዴና ብጎይታ

## *74 ሓጋዚ ድ'ኹማት*

1. ብሓጥያት ተታሊለ ብክፍታ
   ይነብር ኣለኹ ኣብ ጸልማት ብዘይ ኡፍታ
   ንመንፈስ ሰላም ብምግዳፍ ብጽንዓተይ
   ይ'ኹብልል ነበርኩ ኣብ ዓለም ንብሕተይ

   ሓጋዚ ድ'ኹማት ብግዜ ጸበባ
   መን ኣሎ ኣብ ዓለም ጎይታ ብዘይካ'ኻ

2. ለዋህ ኣቦ ግን ጠመተ ናብ ሕስራነይ
   ኢዱ ዘርጊሑ ኣውጺኡኒ ካብ ሓጥያተይ
   ንመስቀሉ ተሰኪሙ ክመላለስ
   ክምደብ ኣበርታዓኒ ቅዱስ መንፈስ

3. ኣምላ'ኸይ መጸጊዕየይ እሙን ጎይታ
   ካባ'ኻ ዝፈልያ መንዩ ንሕይወተይ
   ተመስገን ኣምላ'ኸይ ት'ኽበር መንግስት'ኻ
   መን ኣሎ ርህሩህ መራሒ ብዘይካ'ኻ

※ ※ ※

## *75 ምስጋና*

ምስጋና ሃሌ ሉያ ምስጋና
ኒኢየሱስ ምስጋና
ይግባኣካዩ ኣምላኽና
ዝኾንካ መድሕና

1. ናይ ዓለም መከራ ጭንቀት ምስ ፈተና
ብሓይሊ ጎይታ እየሱስ ክንስዕሮ ኢና
ንብዓትና ብመዝሙር ሓዘና ብደስታ
ከምዝቅይሮ ነጊሩና ጎይታ

2. ብብዝሒ ሓጥያትና ጎይታይ ኣይደርበየናን
ኣምላኽና ብመዓቱ ኣይተቀበለናን
ነዚ ርህሩህ ኣምላኽ ናይ ሰራዊት ጎይታ
ኣብ መስቀል ውዓለ ንምኽፋል ዕዳና

3. ኣብ ዓለም ከለኹ ንዓኻ ኣኽቢረ
ብመከራ ክሓልፍ ንስምካ ጸዊዕ
ዓለም ብምልእታ እንተነዓቀትኒ
ከቶ ዘይጠልም ንስኻ ኣሎኻኒ

4. ዓለም ብምልእታ ኣብ ኢድካ ዝሓዝካ
ክብሪ ንስምካ ይኹን ኦ ክቡር ኣምላኽና
ናይ ልቢ ዕረፍቲ ሰላም ዝሃብካኒ
መስዋዕትና ተቀበል ኦ ፍቁር ኣምላኽና

※ ※ ※

## 76 ተሓጒስና ነመስግኖ

1. ክርስትያን ኣይትሕዘን በዚ ናይዛ ዓለም ናብራ
ኩሉ ግዜ ኣሎ ድኻም ሽግር ወይ መከራ
ስለዚ ንቅድሚት ኣቅንዓዮ መንገድኻ
ናይ ዘልዓለም ጎይታ ኣይተሕዝኖ ሓደራኻ

ተሓጒስና ነመስግኖ በቲ ተሰፋ ዝሃበና
ክወስደና ክመጽእዩ ናብታ ሰማያዊት በትና

2. ድኻም ሓዘን ሽግር እንተኸበበ ኣብ ዙርያኻ
ብእምነት ጸሊዮ ረዲኤቱ ክህበካ
ጸልማት ተመሲሉ እትርእዮ ነገር ኩሉ
ጎይታ ኣይድርብየካን እሙን እዩ በቲ ቃሉ

3. ኢየሱስ ክመጽእዩ ብመላእኽቲ ተዓጂቡ
ክወስደናዩ ናብታ ሰማያዊት ቤቱ
ጎይታ ይሕሸና ሰላም ሓጎስ ዝህበና
ኣብቲ መጨረሽታ ኣብ መንግስቱ ከእትወና

※ ※ ※

## 77 *ሃሌ ሉያ*

1. ብስመይ ጸዊዕካ ዉሉደይ ኢልካኒ
ከይጠፍእ ከይኩነንውን ተኻናኺንካኒ
ንስኻ ናተይ ኢኻ ኣነ ድማ ናትካ
ንዘላለም ኢየሱስ ክግዝኣካ

ኣሃ ሃሌ ሉያ ኦሆ ሃሌ ሉያ/2/
ንስኻ ናተይ ኢኻ ኣነ ድማ ናትካ/2/
ጎይታይ ኢየሱሰይ ይባረኽ ስምካ

2. ብማያት ምስ ዝኸይድ ኣይክጥሕልንየ
ብሓዊ ምስ ዝሳገር ኣይክነድድንየ
ንስኻ ምሳይ ኢኻሞ እንታይ ከይጎድለኒ
ኣብ ዝኸድክዎ ኩሉ ደገፍ ትኾነኒ

3. ቀቅድመይ እናሓለፍካ ንበረኽ ሰጥ ተብሎ
ንማዕጾ ዓጸድታውን ሓሸምሸም ተብሎ
ኣብ ጸልማት ዝተሰወረ መዝገብ ትህበኒ
ኣነ ከይፈለጥኩኻ ስም ክብረት ሂብካኒ

※ ※ ※

## *78 <u>እፈትወካ'የ</u>*

1. ብህይወት ክነብር ህይወት ዝሃብካኒ
   ብለውሃት ብጸጋ ዘጸናናካኒ
   ኣነ ብፍቕርኻ ተማሪኸ ኣለኹ
   ከምቲ ትፈትወኒ እፈትወካ ኣለኹ/2/

   እፈትወካ'የ እፈትወካ'የ
   ንስኻ ንስኻ ፈቃር ኣምላኽ ኢኻ
   በይንኻ በይንኻ ምሕረተኛ ኢኻ /2/

2. ምሕረትካን ሳህልኻን እናሰዓባኒ
   ኣብ ቤትካ ንዘልኣለም የንብራኒ
   ስለዚ ኣ ጎይታይ ኣዝየ እፈትወካ
   ክትፍቶ ዝግብኣካ ክቡር ኣምላኽ ኢኻ/2/

3. ኣረ ምስ መንየ'ሞ ከመሳስለካ
   ንስኻ በይንኻ ኢኻ መዘና ዘይብልካ
   እዚ ናትካ ፍቕሪ ጎይታየ ፍሉይ'ዩ
   ካብ ወርቅን ብሩርን ኣዝዩ ብሉጽ'ዩ/2/

※ ※ ※

## 79 እንታይ ሒዘ

እንታይ ሒዘ እቑም ኣብ ቅድሜኻ
ኦ ጐይታይ ደስ ኰብለካ
ጽድቀይዚ መርገም ጨርቂ’ ዩ
ምስ ዝገልጾ ጉደይ ብዙሕ’ ዩ

1. ትምክሕተይ ኢኻ ናይ ጽድቀይ ፍረ
ክርኢ ኣይከኣልኩን ገጽካ ደፊረ
ናይ ናተይ ነገር ኩሉ ገዲፍካ
ህይወት ክረክብ ኣፍሰስ መንፈስካ

2. ዋግ ዝወቓዖ’ ዩ ህይወተይ ኩሉ
ሰላም ዘይህብ ጣዕሚ ዘይብሉ
እንታይ ሒዘ’ሞ እቲ ዝቐርበካ
ኣየናይ እዩ ደስ ዘብለካ

3. ኣይተኻእለንን ሰናይ ክገብር
ኣብ ጭቃ ሓጢኣት ወትሩ ከንገርግር
ብኣይ ምኽንያት ስምካ ፈኹሱ
ብኽፉእ ግብረይ ቤትካ ረኺሱ

※ ※ ※

## 80 ኣምላኽ ምሳና እንተዘይነብር

ኣምላኽ ምሳና እንተዘይነብር እንተዘይዋግኣልና
ሓይሊ ጸላኢና በርቲዑ ካብ ምድሪ መጥፍኣና
ስለዚ ኣግዚር ይምስገን ስለ ኩሉ ነገር

1. ይርአ' ሎ ጸላኢ ከቢቡ ኣብ ዙርያና
ካብ ኩሉ ይብርትዕ ሓይሊ ናይ ኣምላኽና
መለኸት ንፍሕዎ ጸላኢ ክዓውር
ብእምነት ደው ንበል ' የሱስ' ዩ ዝስዕር

2. ብብዝሒ ብሒደት ዝከኣሎ ምድሓን
ንሱ ምሳና' ዩ ዝደፍረና የልቦን
ብኹሉ መሪሑ ኣብጺሑና ኣብዚ
ፍሬና ክርኢ ይደልየና ሕጂ

3. ሃገር ኣላትና ነባሪት ከተማ
ብኽያት ሓዘን ጓሂ እህህታ ዘይብላ
ንጋደል ኣሎና ክሳብ እንኣትዋ
ኣምላኽ ይርድኣና ኣብ ግዜ ድኻምና

4. ተቓውሞ ኣማለቕ ሰራዊት ናይ ፈርዖን
ብጕይታ ሰራዊት ክዓንው ክንርእዮም
ብብርቱዕ ድምጽና መለኸትና ንንፋሕ
ናይ እምነት ቁራዕ ርእሲ ኣብ ርእሴና ንድፍእ

※ ※ ※

*81 <u>ስልጡን ኣምላኽ ኢኻ</u>*

1. ብጀካ በደልናን ሓጢኣትናን
ንፈልጦ ኢና በደል ናይ ህዝብና
ምሕረትካ ግን ብዘይ ልክዕ ኣኽቢሩና
ዘይተጸበናዮ ዓቢ ክብሪ ጌሩልና (2)

ማእለያ ዘይብሉ ‘ቲ ኽቡር ውህበትካ
ኣባና ምድሓን ምሕረት ኣቐሚጥካ
ጸጋኻስ ኣባና ክትገልጾ ፈቲኻ
ክብርኻስ ብኣና ክትገልጾ ፈቲኻ
እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ክበረልና
እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ንገሰልና

2. ብባህሪና ጥፉኣትን ውሉድ ቁጡዓን
ህዝቢ ዘይነበርና ደቅኻ ኮይና
መንግስትን ካህናትን ክንኮነልካ
ነዚ መዲብካና ቀደም ነምስጋናኻ (2)

3. ንማያት ካብ ማያት ትፈሊ ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ኣብ ማእከል ጠፈር ኣቐምካ
ሰማያት’ውን ከም መጋረጃ ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ብዘይዓንዲ ደው ኣቢልካ’ዮ ኢኻ
ዘልኣለም ከይትናወጽ ኢልካ ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ምድሪ ብዘይመሰረት ኣጽኒዕካዮ ኢኻ
ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ (4)
ኣብ ስራሕካ ኣይትጋገን ኢኻ
ኩሉ ፍጥረትካ ይምስክረልካ
ተግባር ኣእዳውካ ይምስክረልካ
እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ክበረልና
እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ንገሰልና

4. ዓበይቲ ደመና ትገብር ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ኣብ ልዕሊ ኩሉ በይንኻ ትገዝእ
መዓልቲ ጸሓይ ኣሰልጢንካ ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ወርሕን ከዋኽብትን ብለይቲ ኣቑምካ
መዓልቲ ናትካ’ያ ለይቲ’ውን ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ንኹሉ ብጥበብ ፈጢርካ
ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ (4)
ኣብ ስራሕካ ኣይትጋገን ኢኻ
ኩሉ ፍጥረትካ ይምስክረልካ
ተግባር ኣእዳውካ ይምስክረልካ እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ክበረልና
እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ንገሰልና

## 82 ሰናይ ኢኻ

1. ኣጉባዝ ይደኽሙን ይሕለሉን
ኣባጽሕ'ውን ሰንከልከል ኢሎም ይወድቁ
እቶም ንዓኻ ዝጽበዩኻ
ሓይሎም እንዳበርተዐ ክደምቁ እዮም ገና

ሰናይ ኢኻ እወ ሰናይ/2/
ብባህርኻ ሰናይ ኢኻ
ሰናይ ድማ ትገብር ኣሎኻ

2. ኣኽራን በነድሮም እንተኣንቀጥቀጡ
ማያት ዓፈሮም ተተናወጹ
በዚ ሰናይኻ ኣይልወጥን'ዩ
ሰንደቅ ዕላማኻ ፍቕሪ እዩ

3. ሕማቅ ክትሪኢ ኣይክእለልክን'ዩ
ርሑዕ ምዝካር ባህሪኻ እዩ
ንጭኑቅ ሸጉር ፍትሒ ተወጽኣሉ
ልማድካ ወትሩ ሰናይ ኢዩ

4. ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅርዎ
ከም ምኽሩውን እተጸውዑ
ኩሉ ነገር ንሰናዮም
ከም ዝድግፎም ኣይንጠራጠርን

※ ※ ※

## *83 ሰምኻ የልዕል ጐይታ*

1. ስምካ ልዕል ኣብል ጐይታ
   ምስጋናኻ ክዝምር ኢየ
   ናባይ ምምጻእኻ ሕጉስ ኢየ
   ሕጉስ ኢየ ነዓይ ምድሓንኻ

   መንገዲ ንምርኣይና ዝመጻኻ
   ዕዳይ ንምክፋልውን ዝተሰቀልኻ
   ናብ ሲኦል ወሪድካ
   ካብኡ’ውን ተንሲእካ
   ስምካ ልዕል ኣብል ጎይታ

2. ገና ርሑቃት ከሎና
   ብፍቕርኻ ጸዊካና
   ኣብ ክንዳና ሓሊፍካ
   መሰል ውልድነት ሃብካና

## *84 ምሕረትካ’ዩ*

1. ካብ ምሕረትካ ዝተላዕለዩ ደው ኢለ ዘለኹ
   ምእታወይ ምውጽኣይ ብኣኻ ተሓልዩ
   ማዕበል ክገላበጥ ክናወጽ ኣኽራናት
   ቅልጽምካ ተተርኢሰ ኣለኹ ብህድኣት/ ዓመታት

   ምሕረትካ’ዩ/4/ ፍቅርኻ’ን/4/
   ኣብዚ ዘብጽሓኒ ካባይ ዝኾነ ነገር የለን/2/
   ብኣኻዩ ኩሉ ብኣኻዩ/2/
   ብኣኻዩ ጸቢቁለይ ብኣኻ ኮይኑለይ/3/

2. ፍትሐይ ካብ ገጽካ ይወጽእ ብትርኢትካ እጸግብ
   ፍቅርኻ ተዓንጊለ መከራይ ይርስዕ
   ውሉደይ ክትብለኒ ብኣባታዊ ፍቅርኻ
   ምንባረይ ጸቢቁ ብምኻነይ ናትካ

※ ※ ※

## 85 ኣብቲ ናይ ምድረበዳ

1. ኣብቲ ናይ ምድረበዳ ናይ ጽምዋ ጉዕዞይ
ንበይነይ ክሽገር ረዳኢ ዘይብለይ
ኣብዚ ከምዚ እዋን ኣሎኻ ጎይታይ ኢየሱስ ኣሎኻ
ባዕልኻ ትረድኣኒ ተድምቅ ብርሃነይ
ካብ ሽግር ኣውጺእካ ተህድኦ ንልበይ
ኣብዚ ከምዚ እውን ዘሎኻ ጎይታ ኢየሱስ ኣሎኻ

ከምዚ ናትካ ጌሩ ንልበይ ዘዕርፎ
ውሽጠይ ተረዲኡ ንሕቶይ ዝምልስ
ካብ ስቃይ መከራ ዘህድእ ንነብሰይ
ስለ'ቲ ሓልዮትካ ተመስገን ኢየሱስይ

2. ጸላእተይ ክትንሱኡ ብሓይሊ ከጥፍኡኒ
ኣብ ዙርያይ እናቆሙ ብዙሕ ክኸሱኒ
ኣብዚ ከምዚ እዋን ኣሎኻ ጎይታይ ኢየሱስ ኣሎኻ
ጠበቃይ ትኾነኒ ተሕፍሮም ጸላእተይ
ካብ ሃጸይ ናይ ድያብሎስ ትኾነኒ ዕርደይ
ከማኻስ የሎን'ዩ ጎይታይ ኢየሱስ ከማኻ

3. ኩነታት'ናረኣኹ ክወድቀኒ ፍርሓት
ክትሕል'ውን ክጅምር ናብቲ ባሕሪ ሓጢኣት
ኣብዚ ከምዚ እዋን ኣሎኻ ጎይታይ ኢየሱስ ኣሎኻ
ኣብ ልዕሊ ጸላእተይ'ውን ዓወት ትህበኒ
ከማኻስ የሎን'ዩ ከማኻ ጎይታይ ኢየሱስ ከማኻ

4. ድኻመይ'ናረኣኹ ኪሎም ክርሕቁኒ
ሕደካ ክስእን ተስፋ ዝህበኒ
ኣብዚ ከምዚ እዋን ኣሎኻ ጎይታይ ኢየሱስ ኣሎኻ
ጎደሎይ ንምምላእ ባዕልኻ ትቐርበኒ
ኣብራኽይ ወለል ክብል ሓይሊ ትኾነኒ
ከማኻስ የሎን'ዩ ከማኻ ጎይታይ ኢየሱስ ከማኻ

※ ※ ※

## 86 ልበይ ብእግዚር ይሕጎስ ኣሎ

ልበይ ብእግዚኣብሔር ይሕጎስ ኣሎ
ቀርነይ ብኣምላኸይ ክብ ይብል ኣሎ
ብሓያል ምድሓኑ ተሓጉሲ
ነቲ ዓቢ ስሙ ክውድስ እየ
እግዚኣብሔር ሓይለይ መዝሙረይ'ዩ (3) /2/

1. ኣምላኽ ኣበይ ኣሎ ኢሎም ዙርያይ ዝኸበቡ
ኣቦ ከም ዘይብለይ ነብሰይ ዝኸዓቡ
ኢዱ ረዲኣትኒ ነብሰይ ምስከበረት
ርእተየዮም ጸላእተይ ክኸደኑ ሕፍረት (2)

2. ነብሰይ ንሰናይካ መኣስ ረሲዓቶ
እቲ ዓቢ ምድሓንካ ዓይነይ ዝረኣየቶ
መግለጺ ስኢነ' ምበር መግለጺ ፍቕርኻ
ኣብ ዘመን ሂወተይ ብዙሕ እዩ ውዕለትካ
ምቁጻር ስኢነዮ ኩሉ'ቲ ሰናይካ

3. ውርደት ናይ ባርያኡ ዝዘከረ ጎይታ
ብናይ ፍቕሪ ኢዱ ዝደርዝ ንብዓታ
ንቤቱ ብሓጎስ ሰላም ዝመልኣላ
ነብሰይ ክትዝምር ኢያ ነዚ ኣምላኽ ክብራ (2)

4. ኣብ ሓዊ ተደርቢየ ሃልሃልታ ኣይሃሞኸንን
ኣብ ኣናብስ ኣትየ ገለ እካ ኣይገበሩንን
ኢድ እቲ ሓያል ጅግና ኣብ ልዕለይ እንካብ ኮነት
ንኹሉ እሰዕር ብዘይ ገለ ጉድኣት

※ ※ ※

## 87 ይኽበረለይ

1. እቲ ዝነበረ ሕያው'ውን ዝኾነ
   ንማዓሙቅ ሲኦል ድማ ኣብ ኢዱ ዝሓዘ
   ወላ ሓደ የልቦን ዝመስሎ ንዑኡ
   ክወስድ ብቁዕ እዩ ኩሉ ምስጋንኡ/3/ ኣሜን

   ይክበረለይ/4/
   ብምስጋና(ኣሃሃ) ይኽበረለይ
   ብውዳሴ (ኣሃሃ) ይኽበረለይ
   ብእልልታ(ኣሃሃ) ይኽበረለይ
   ብሸብሸባ (ኣሃሃ) ይኽበረለይ

2. ብስራሕ ኢዱ ኣዝዩ መስተንክር
   በቶም ቅዱሳን ድማ ክምለኽ ዝነብር
   መን ኣሎ ካብ ጥንቲ ንዕኡ ዝመስሎ
   ኣይርከብን ፍጹም ዝወዳደሮ/3/ ኣሜን

3. ዘሎን ዝነበረን ኩሉ'ውን ዝኽእል
   እናተባህለ ኩሉ ግዜ ዝኸብር
   እቲ ዓቢ ስልጣኑ ስለዝወስዶ
   ፍግም ኢልካ ስግደት ንዕኡ ይግብኦ/3/ኣሜን

4. ክምለኽ ዝነብር ብቅዱሳን መላእኽቱ
   ኣዝዩ ዘንጸባርቕ ዙፋኑ ፣ኣምግስቱ
   በኣእምሮ ዘይብጻሕ እዩ'ቲ ዕብየቱ
   ዘልዓለም ይባረኽ/2/ መንግስቱ/3/ ኣሜን

※ ※ ※

## 88 እንታይ ይሰኣነካ ድዩ

1.እዚ ዘይከኣል'ዩ ኦሮማይ
ዝተባህለ ዘይስገር ዓቢ ቀላይ
ኣነ ግን ሰጊረዮ ኣምላኽይ'ሲ እንታይ ይጨንቆ
ኩሉ ኣብ ኢዱ ኣብ ኢዱ'ዩ (2)
ኮታ ኣብ ኢዱ ኣብ ኢዱ'ዩ (2)

እንታይ ይሰኣነካ ድዩ እግዚኣብሔር (2)
ነገር ኩሉ ኣብ ቅድሜኻ ቀሊል (3)
ነገር ኩሉ ኣብ ቅድሜኻ ቀሊል (2)

2.ካብ ሓዊ ምምንዛዕ ናትካ'ዩ
ካብ ሞት ምትራፍ'ውን ናትካ'ዩ
ነፍሰይሲ ርእያትካ ገለ'ኳ ከምዘይጨንቀካ
ስለዚ'ያ ተኽብረካ/2/
ስለዚ'ያ ተምልኽካ/2/

3.ኣብቲ ብርቱዕ ምንዋጽ ዘለዎ
ንኣእምሮይ ሰላምካ ገዚእዎ
ለውሃትካ ይበልጽ ካብ ሕይወት
ድምጽኻ ኣለዎ ዕጋበት
ብሳላኻ ኣለኹ ብህይወት/4/

※ ※ ※

*89 ንጉሰይ ሸይመካ*

1. ካብ ኩሎም ደቂ ሰባት ንስኻ ትጽብቐ
   ግሩም ኢኻ ኢየሱሰይ ካብ ጸሓይ ትደምቕ
   ካብኡ ዝፈሰሰ ካብቲ ከናፍርካ
   ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ መን ኣሎ ከማኻ/2/
   ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ የለን ዝመስለካ

   ኣብ ቅዱስ ከረነይ ንጉሰይ ሸይመኻ
   ኣብ ቅዱስ ከረነይ ኢየሱሰይ ሸይመኻ
   ንዓኻ'የ ዘምልኽ ክበር ክበር ዝብለካ/2/
   ንዓኻ'የ ዝግዛእ ግዛእ ዝብለካ/2/

2. ድምጽኻ ሓያል'ዩ ከም ድምጺ ብርቱዕ ማያት
   ክትጓዝም ከለኻ የንቀጥቕጥ ኩሉ ፍጥረት
   ሰማይ'ዩ ዝፋንኻ ምድሪ መርገጽ እግርኻ
   መዘነ የብሉን ኣምላኸይ ዕቤትኻ/2/
   መዘና የብሉን ፍትወይ ዕቤትኻ

   ቅዱስ እግዚኣብሔር ቅዱስ እንዳበልና
   ምስ ኩሎም መልኣኽቲ ነምልኸካ'ለና
   ክቡር እግዚኣብሔር ክቡር እንዳበልና
   ምስ ኩሎም ቅዱሳንካ ነዕብየካ'ለና

3. ዘመናት ክለዋወጥ ንስኻ ግን ከም ቀደምካ
   ጸኒዑ ይነብር ዝፋን መንግስትኻ
   ናይ ነገስታት ንጉስ ሰዓሪ'ዩ ስምካ
   ዝርኣን ዘይርኣን ኩሉ ይግዝኣካ/2/
   ዝርኣን ዘይርኣን ኩሉ ይምብርከኸልካ

4. ረድኤትካ ደምዮም ንዘጽውዑኻ
   ብሓዊ እትምልስ ኣምላኽ ኤልያስ ኢኻ
   ንስምኻ ኣይትገድፎን ብዘይ ገለ ምስክር
   ጽኑዕ ኣምላኽ ኢኻ ገባር ኩሉ ተኣምር/2/
   መስተንክር ጎይታ ኢኻ ገባር ኩሉ ትኣምር

※ ※ ※

## *90 ክውድሰካ*

1. ብዙሕ መከራ ጭንቀት ኣሎኒ
   መሊሱ ግን ሕይወት ሂቡኒ
   ከም ብሓድሽ ካብ መዓሙቕ ኣውጺኡ
   ንልዑል ንኽዘምር ኣብቒዑ

   ንዕቤተይ ዕጽፊ ጌሩ ደሪቡ
   ንሕይወተይ ምጽንናዕ ከቢቡ
   ንሓቂ ከመስግኖ ብበገና
   ኣብቂዑኒ ኢየሱስ እንደገና

   ክውድሰካ ኦ ኣምላኸይ
   ለዊጥካኒ ኢኻ ንታሪኸይ
   ክውዝውዘልኻ ሽም ናይ ምስጋና
   ዙፋንኻ ይዕረግ እንደገና/2/

2. ኣእጋረይ ኣንደልሃጸ ምስ በልኩ
   ጸጋኻ ደገፈኒ ቀልጢፋ
   ካብ ላዕሊ ረዲእካኒ ፈጢንካ
   ንዓይ ድኹም ባርያ ዘኪርኻ

   ተመሊሰ ክርእዩ መንነተ
   ይገርመኒ'ዩ ታሪኽ ናይ ሕይወተይ
   እዚ'ዩ ከኣ ዘምር ዘበለኒ
   ብኣኻ መድሓኒየይ ደስ ይበለኒ

※ ※ ※

## *91 ምስጋና ተቀበል*

1. ምስጋናን ተቀበል ከአንድበታችን
   በደስታ ይሞላ ያዘነ ልባችን
   ሰጪም ተቀባይም ጌታችን ነህና
   በፊትህ ቆመናል ልናቀርብ ምስጋና

   ክርስቲያኖች ሁሉ እልል እንበልለት /2/
   ተስፋችን እርሱ ነው የሁላችን ህይወት /2/

2. በሕይወት እስካለን እናመስገን አንተን
   ከዘመን ዘመናት ስላሸጋገርከን
   ከፍጥረታት ሁሉ ይድረድህ ምስጋና
   የነገስታት ንጉስ ይገባሃል

3. ከዚህች ዓለም ጠርተህ አንተ የወሰድካቸው
   ያመሰግኑህ ዘውትር በሰማይ ቤታቸው
   ሕፃናት ወጣቶች ሽማግሌ አሮጊት
   ምስጋናን ይቅርቡ በእልልታ በድምቀት

4. ውለታህ ብዙ ነው አንችልም ልንከፍለው
   ያለን ሀብት ምስጋና ውዳሴ ብቻ ነው
   ይመስገን ጌታችን ዘውትር በዝማሬ
   ምንም ሳንሰለች ነገም ሆነ ዛሬ

※ ※ ※

## *92 በዓል ግርማ*

1. ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ ዘለው ስልጣናት
ንዓኻ ይግዝኡ ሽመት ሕልቅነታት
ኩሎም መናፍስቲ ብስምኻ ይርዕዱ
ብብዙሕ መንገድታት ኣብ እግርኻ ይሰገዱ

ብዓል ግርማ ብዓል ክብሪ
ስልጡን ጎይታ ኣብ ሰማይ ምድሪ
ግሩም መካር መስፍን ሰላም
ክበር ንገስ ንዘልዓለም

2. ስምካ ምስ ዝጽውዕ ደው ዝብል የለን
ዕርድታት ይፈርስ ውርድርት ይበታተን
ኣብ ልዕሊ ኩሉ ልዕል ዘበለ ስምኻ
ግሩም መኻር ኢየሱስ ጭራሽ የለን ከማኻ

3. ሰማይ'ዩ ዝፋንካ ምድሪ መርገጺ እግርኻ
ክበር እግዚኣብሔር ስልጡን ከም ቀደም
ከማኻ ዘበለ ፍጹም ኣይተረኽበን
ሎሚ ኮን ጽባሕ ንዘልዓለም የለን

※ ※ ※

## *93 ክንገር ዘይከኣል*

ክንገር ዘይከኣል ጸጋ ምስ በረኸት
ሕጂ ክረኽበካ ኢየሱስ ብእምነት

1. ስጋይ ኡነተኛ ብልዒ'ዩ
ደመይ ኡነተኛ መስተ'ዩ
ብልዑኒ ስተዩኒ ዝበልካ
ምልኣዩ ልባትትና ብመንፈስካ

2. ሓጢኣተይ ኣንጽሕ ብጸጋኻ
ጎይታይ ሓግዘኒ ባዕልኻ
ድኹም እየ ኣነ ፍጡርካ
ከይዝንግዕ ሓዘኒ ብኢድካ

## *94 ሰላመይ ኢኻ*

ንስኻ ሰላመይ ኢኻ
ንስኻ ሓጎሰይ ኢኻ
ንስኻ ዕረፍተይ ኢኻ
እወ ንስኻስ በይንኻ

ኣነስ ብኣኻ ኢየ ዝነብርን ዝወሳወስን
ኩሉን ዓይኒ ማያተይ'ውን ናባኻ እየን ኢየሱሰይ

ንስኺ ሰላመይ ኢኺ
ንስኺ ጓለየይ ኢኺ
ንስኺ ዕረፍተይ ኢኺ
ኣንቲ ንስኽስ በይንኺ
ኣነስ ብኣኺ ኢየ ዝሕበንን ዝበራታዕን
ኩሉን ዓይኒ ማያተይ'ውን ናባኺ እየን ማርያመይ

## 95 ንስኻ ፍሉይ ኢኻ

1. ድኻመይ ዘራግፈለይ
ኣበሳይ ዝጸረለይ
ሚስጥረይ ዝሕልወለይ
ኣይረኸብኩን /2/
ብዘይ ንስኻ ፍጹም ኣይረኣኹን

ንስኻ/3/ ፍሉይ ኢኻ
ዘይትልወጥ ዘይትቅየር
ዝበልካዮ ኩሉ ትገብሮ
ቃሉ ዘይዕጸፍ ዘይልወጥ
የለን ከማኻ /3/
ንስኻ ፍሉይ ኢኻ

2. ዘናኒ ቁስሊ ዝኾነኒ
ኣብ ሓዘነይ ዘጸናንዓኒ
ኣብ ጭንቀተይ ዘዕርፈኒ
ኣይረኸብኩን /2/
ብዘይ ንስኻ ፍጹም ኣይረኣኹን

3. ዝድንግጽ ለዋህ ደንጋጺ
ዝሓሊ እሙን ሓላዪ
ዘማኽር ጽቡቅ ምኽሪ
ኣይረኸብኩን /2/
ብዘይ ንስኻስ ፍጹም ኣይረኣኹን

4. ከማኻ የለን እሙን ዝኾነኒ
ሽግር ልበይ ተኻፋሊ
ዓርኪ ልበይ ዝኾነኒ
ንስኻ ትሕሸኒ /2/
ኣብ ኩሉ ጉዕዞይ እሙነይ ትኾነኒ

## *96 ብሓይልና ኣይኮናን ተወኪልና*

1. ብሓይሉ ዘውከል ፍጡር እንተሎ ንግዚኡ ኢዩ
   ክእለቱ ዘኣምን እውን ኩቶ ዘይከውን ነገር እዩ
   ብዘይ ኣምላኽናስ ኣይከውንን
   ሓሳብ ልብናስ ኣይሰምርን /2/

   ብሓይልና ኣይኮናን ተወኪልና
   ብቀስትና ኣይኮናን ተዋጊእና
   ተጻረርቲ ብኣኻ ስዒርናዮም
   ጸላእትና ብስምኻ ረጊጽናዮም

2. ብብዝሒ ሽግራት ገጽና ጸምሊዩ እንተተደወና
   ፍናና ወዲቁ ብጸላኢ ተስፋ እንተቀረጽና
   ኣሎና ኣምላኽ ዘህዳኣና
   ካብ ጭንቀትና'ውን ዘውጽኣና /2/

3. ቀስትኻ ዘርጊሕካ ጎይታ ኢኻ ትከላኸለልና
   ዋልታኻ ገቲርካ ካብ ጸላኢ ሓራ ተውጽኣና
   ብዘይ ኣምላኽና መን ኣሎና
   ካብ ሽግራትና ዘውጽኣና /2/

4. ካብ ቅድም ልዕል ኢዩ ዓቢ ጎይታ ናይ ዓለም ንጉስ'ዩ
   ልዑል ክንሱ ግን ለዋህ ውፉይ ንርእሱ ዘትሕትኢዩ
   ኣብ ልዑል ኣምላኽ ተወኪልና
   ትጽቢትና ኩሉ ሰሚሩልና /2/

5. እወ ብሓይልና ኣይኮናን ኩሉ ቀጽርታት ጢሒስና
   ሂወትና ናባኻ ወፊናዩ /2/
   ብክእለትና ኣይኮናን ሽግ ዓወትና ኣብ ኢድና ዘሓዝና
   ንስምኻ ከም ዋልታ ጌርናዩ

※ ※ ※

## 97 *ኢየሱስ ጸግዒ ዎልታይ*

ኢየሱስ ጸግዒ ዋንታይ
መስቀሉ ዕላማይ
ደሙ ማይ ህይወተይ
ስጋኡ ፈውሲ ሕይወተይ
ቃሉ መግቢ ሕይወተይ

1. ንሱ ንዓይ ሓይለይ’ዩ
ንሱ ንዓይ ደገፍ’ዩ
ንሱ ንዓይ መድሕን’ዩ
ንሱ ንዓይ ፈውሲ’ዩ

2. ኣብ ዝኾዶ ምሳይ’ዩ
ኣብ ዝድቅሶ ምሳይ’ዩ
ኣብ ዝሰርሖ ምሳይ’ዩ
ኢየሱስ ንዓይ ሕይወት’ዩ

3. መድሕነይ በጃይ’ዩ
መስቀሉ ድሕነተይ’ዩ
ብደሙ ሓጺቡኒ
ስጋኡ ፈዊሱኒ

4. ኣብ ሓጎሰይ ምሳይ’ዩ
ኣብ ፈተናይ ምሳይ’ዩ
ኣብ ንዓይ ተስፋይ’ዩ
ኢየሱስ ሰላመይ’ዩ

5. ንሱ ንዓይ ፍቅሪ’ዩ
ንሱ ንዓይ ሓይሊ’ዩ
ንሱ ንዓይ ክብረት’ዩ
ንሱ ንዓይ ጸግዔይ’ዩ

## *98 ቅዱስ ቊርባን ዘሎኻ*

ኦ ኢየሱስ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ዘሎኻ
ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና

1. እንኩ'ዚ ስጋይዩ ንድሕነትኩም'ዩ
እንኩ'ዚ ደመይ'ዩ ንድሕነትኩም'ዩ
ኢልካ ብልግሲ ዝወፈኻለይ ኢየሱሰይ
ብእምነት ከም ዝቅበል ግበረኒ

2. ብመለኮትን ስጋን ንድሕነት ጽቀምካ
ደመይ ዝሰቲ ስጋይ ዝበልዕ ምሳይ'ዩ
ኢልካ ዝተዛረብካ ህይወት ንኽረክብ
ምሳኻ ከም ዝሓብር ግበረኒ

3. ኣነ ርጉም ክፉእ ኣባካ ክቀርብ
ከመይ'ሉ ኮይኑለይ ኦ ልዑል ኢየሱስ
ብደምካ ብስጋኻ ክትሕሉ ክትናቢ
ክንደይ በዓል ዓቢ ምሕረት ኢኻ'ሞ

4. ጾር ዝኸበዶ ናባይ ይምጻእ ከዕርፎ
ኢልካና ኢኻ'ሞ ኦ ኢየሱሰይ ሓላይ
እኔኹ መጺኤ ዝኸበደኒ ሒዘ
ሃየ ጾረይ ኣራግፈለይ ኢየሱሰይ

5. ንዓ ኢየሱሰይ ኣብ ውሽጠይ ኮይንካ ስራሕ
ንዓ ኢየሱሰይ ኩነኒ መማኽርቲ
ንዓ ኢየሱሰይ ኩነኒ ፈዋሲ
ተቃለሰለይ ምስ'ቲ ርኹስ ጸላኢ

※ ※ ※

*99 <u>ኣብ መጓሰኻ</u>*

1. ኣብ መጓሰኻ <u>ይጥዕመኒ'ሎ ጎይታ</u> (2)
   ምስ ቅዱሳንካ ኮይነ ክብሪ ይህበካ ንዓኻ
   ምስጋናይ የዕርግ ናባኻ /2/

   ብከበሮ ክብሪ ይህበካ
   ብመሰንቆ ክብሪ ይህበካ
   ብበገና ክብሪ ይህበካ
   ብመለኸት ክብሪ ይህበካ /2/
   ብእልልታ የመስግነካ
   ብዓውታ'ውን የመስግነካ
   ብሳዕስዒት ክብሪ ይህበካ
   ብሸብሸባ ክብሪ ይህበካ

   ኣብ ቤትካ ምንባር <u>ክንደይ ይጥዕም</u> (3)
   ምሳኻ ምንባር <u>ክንደይ ይጥዕም</u> (3)
   ምስ ኢየሱስ ምንባር <u>ክንደይ ይጥዕም</u> (3)
   ምስ ጎይታ ምንባር <u>ክንደይ ይጥዕም</u> (3)

2. ብመጓሴኻ ተውፍረና
   ትወጽእ ቀቅድሜና
   ካብ ቶክላ ተበጂካ ትጓስየና ኣለኻ
   ካብ ቶክላ ተበጂካ ትሕልወና ኣለኻ

   ኣብ ቤትካ ምንባር <u>ክንደይ ይጥዕም</u> (3)
   ምሳኻ ምንባር <u>ክንደይ ይጥዕም</u> (3)
   ምስ ኢየሱስ ምንባር <u>ክንደይ ይጥዕም</u> (3)
   ምስ ጎይታ ምንባር <u>ክንደይ ይጥዕም</u> (3)

※ ※ ※

## 100 ኢየሱስ ትባዕ ካብ በለኒ

1. ከም ሓይል ጅግና እግዚኣብሔር ምሳይ’ዩ
   ዓወት ይህበኒ ቀቅድመይ ወጺኡ
   ሰራዊት ኣኽቲቱ ተመጸ ጸላኢ
   ኢየሱስ ሒዘ ኣነየ ስዓሪ /2/

ኢየሱስ ትባዕ ካብ በለኒ ትባዕ ምሳኻ’የ ካብ በለኒ
ሰብከ እንታይ ከይትገብረኒ ኢየሱስ ምሳኻ’የ ካብ በለኒ
ሰብከ እንታይ ከይገብረኒ እንታይ እንታይ ከይገብረኒ (2)

2. ኣብ ማእከል ሓዊ እግዚኣብሔር ምሳይ’የ
   ብውሕጅ ተሀድኩ ኣይከጥሕለንን’ዩ
   እግዚኣብሔር ብስመይ ስለ ዝፈልጠኒ
   ከም መርዓት ዓይኒ’ዩ ዝከናኸነኒ /2/ዝሕልወኒ

3. መንፈስ ትብዓት እምበር ፍርሒ ኣይተዓደልኩን
   ነቲ ስጋይ ጥራይ ዝቀትል ኣይፈርህን’የ
   ብመን ከምዝኣመንኩ ይፈልጥ’የ
   ሕጂውን ብቃሉ ኣይሓፍርን’የ (2)

※ ※ ※



## *101 <u>ሰናይ ሰናየይ ኢኻ</u>*

ሰናይ ሰናየይ ሰናይ ሰናየይ ኢኻ
ሰናይ ሰናየይ ሰናይ ሰናየይ ኢኻ /2/

1. ብሓጎስ ክወጽእ ጎይታ ሰናየይ ኢኻ
   ብሓጎስ ክኣቱ ኢየሱስ ሰናየይ ኢኻ
   ጸጋ ትህበኒ ጎይታ ሰናየይ ኢኻ
   ሰላም ትመልእ ኢየሱስ ሰናየይ ኢኻ

2. ኣብ ጊዜ ሽግረይ ጎይታ ሰናየይ ኢኻ
   ዋልታ ትኾነኒ ኢየሱስ ሰናየይ ኢኻ
   ኣብ ግዜ ጸበባይ ጎይታ ሰናየይ ኢኻ
   ተስፋ ትህበኒ ኢየሱስ ሰናየይ ኢኻ

3. ኣብ ግዜ ድኻመይ ጎይታ ሰናየይ ኢኻ
   ሓይሊ ትኾነኒ ኢየሱስ ሰናየይ ኢኻ
   ኣብ ግዜ ውድቀተይ ጎይታ ሰናየይ ኢኻ
   ፍጹም ዘይትድርቢ ኢየሱስ ሰናየይ ኢኻ

※ ※ ※

## *102 ሓይሊ ሃበኒ ኢየሱስ*

1. ከምቲ ቅዱስ ዳዊት ክዝምር ንጎይታ
   ብበገና መሰንቆ ምስጋና እልልታ
   ብምሉእ ልበይውን ክቀርብ ምስጋና /2/

   ሓይሊ ሂቡኒ ኢየሱስ
   ሓይሊ ሂብኒ ጎይታይ
   ክዝምረሉ ብደስታ/2/

2. ምእታወይ ምውጽአይ ኩሉ ዝቆጻጸር
   ንሱ ሕያዋይ’ዩ ስሙ እግዚኣብሔር
   ዘቅርበሉ የልቦን ጥራይ ስሙ ይኸበር /2/

3. ንእግረይ ካብ ምውዳቅ ንኣዕይንተይ ካብ ንብዓት
   ንሱ ኣናጊፉኒ ሂቡኒ’ውን ትብዓት
   ኩሉ ምስ ተረፈ ዝነበረ ጸልማት /2/

4. ክርስቶስ ነጊሱ ግርማኡ ለቢሱ
   ዓለም ከይትናወጽ ኣጽኒዑዋ ንሱ
   ንሱ ይመርሕ ብቅዱስ መንፈሱ /2/

※ ※ ※



## 103 *ኳሳ ኮንካኒ*

1. ካብቲ መንገዲ ምስ ኣልገስኩ
ካብቲ ደንበኻ ምስ ረሓቅኩ
ብምሕረትኻ ስሒብካኒ
ናብ ምውቅ ቤትኻ መሊስካኒ

ምስ ቆረጽኩ ተስፋ ተልብሰኒ
ምስ ጸማእኩ ማይ ሂወት ተስትየኒ
ምስ ደከምኩ ሓይሊ ትህበኒ
ሕያዋይ ኳሳ ኮንካኒ /2/

2. ማይ ምስ ጸማእኩ ተርውየኒ
ካብ ካብ ኩሉ ድኻመይ ተዕርፈኒ
ብኢደይ ሒዝካ ትመርሓኒ
እቶም ዕቡያት ማያት ከይጥሑሉኒ

3. ካብ ባርነት ግብጺ ናብ ሓርነት
ናብ ዘደንቅ ብርሃን ኣሰጊርካኒ
ንጸላእተይ ትሕተይ እናቀጥቀጥካ
ናብ መንገዲ ዓወት እናመራሕካ

※ ※ ※

## 104 መን ኣሎ ዘወዳደሮ

ንኣምላኽና መናሎ ዘወዳደሮ (2)
ንኣምላኽና መናሎ ዘመሳሰሎ (2)

1. ኣምላኽ ንዓና መዕቆብን ሓይልን'ዩ
ኣምላኽ ንዓና ህይወትን ተስፋን'ዩ
ኣምላኽ ንዓና ሰላምን ሓጎስን'ዩ
ኣምላኽ ንዓና ዓቢ በረኸት እዩ

2. ቃሉ ክልተ ዘኣፉ ሰይፊ'ዩ
ቃሉ እምብዛ መዓር ወለላ'ዩ
ቃሉ ኩሉ ጊዜ ጽኑይ ቃላት'ዩ
ቃሉ ንዓና መጸናንዒ'ዩ

3. ብሓቂ ጎይታ ንዓና ደሊኻ
ንዓና ንሓጥኣን ክትጽውዕ መጺኻ
ክንደይ የፍቅር እቲ ልብኻ
ከመይ ዝበለ ዓቢ ኣምላኽ ኢኻ

4. ብምሕረትኻ ወትሩ ትኸልለና
ብጸጋኻ ወትሩ ትኸልለና
ከመይ ኢሉዩ እዚ ኮይኑልና
ተቀበል ኢኻ ናይ ደቅኻ ምስጋና

※ ※ ※

## 105 ከመስግነካየ ብበገና ኣውታር

1. ኣረ ክንደይ ኢኻ ኣምላኸይ ሕያዋይ
ንፍጡራት ትህብ መፍትሕ ሰፊሕ ሰማይ
ኣብሊጽካ ተፍቅረኒ ብዘይብሉ ገደብ
ናዓኻ ዝመስል ደሊኻ ዘይርከብ /2/

ከመስግነካ'የ ብበገና ኣውታር
ብድምጺ ጸላጽል ብእብልታ ጊታር
ንዝገበርካለይ ንዕምቆት ተንቲነ
ዕጹብ ኮይኑኒ ኣሎ ምግላጹ ስኢነ /2/

2. ስለዘውጻካለኒ ካብ ጸልማት በዓቲ
ክገልጾ ኣይከኣልኩን ብቋንቋ መላእክቲ
ንብዓተይ ሪኢካ ራሕራሓለይ ኢኻ
ተወዲደ ኣለኹ ንኽመስግነካ /2/

3. ክንደይ ኢልካ ክቁጸር ዘፍሰስካለይ ጸጋ
ዝግመት ኣይኮነን ብዓጽመ ስጋ
ዓቕሚ ደቂ ሰባት ንስኻ ትሕይሎ
ልበይ ኣፍቂሩካስ ኣባኻ ይጎዩ'ሎ /2/

4. ካብ ብርቱዕ ምንዋጽ ናይ ዲያቢሎስ ነድሪ
ናዓኻ ዝኸውን ኣዳሊኻ ቀጽሪ
ካብ ዘሰብድ ፍርሒ ኣብኡ ከዊልካኒ
ኩሉ መሊኡለይ እንታይ ጎዲሉኒ /2/

※ ※ ※

## *106 ንኣምላኽ ንዘምረሉ*

1. ንዑ ንኣምላኽ ብሓጎስ ንዘምረሉ
   ንከውሒ መድሕና ብሓባር ንጨድረሉ
   ኣብ ዝፋኑ ክንበጽሕ ብሙሉእ ምስጋና
   ክንዝምረሉ ኢና ብጥዑም ቃና

   ኣብቲ ቅዱስ ቤትካ ተመላልሰና
   ብመንፈስ ሓይሊ ጽድቂ ፍጠረልና/2/

2. ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኣምላኽይ ንጉሰ'ዩ
   ጠፈር ሃዋህው እውን ምስክር'ዩ
   ባሕሪ ናቱ'ዩ ንሱ ዝፈጠሮ
   ንቁጽ ምድሪ'ውን ጥሉል ዝገበሮ

3. ንጽምእቲ ነብሲ ብጸግኡ ኣዕጊቡ
   ንጥፍእቲ ነብሲ ኣብ ሰናይ ስሒቡ
   ንሱ ኣምላኽና'ዩ ንሕና ድማ ህዝቡ
   ኣብቲ ልሙዕ ሸኻ ኣብሊዑ ኣጽጊቡ

4. ኣምላኽ ምሳና'ዩ ከቶ ኣይፈርሕን
   ሰብከ እንታይ ከይገብረና ፍጹም ኣይንርዕድን
   ኣብ ትሕቲ ኣኽናፉ ክንሕቆፎ ኢና
   'ቲ እኩይ ሓይሊ'ውን ፍጹም ኣይቀርበናን

※ ※ ※

## *107 ክለይ ፈቲሐዎ*

1. ክለይ ፈቲሑ ደስታ የዕጢቑኒ
ሓዘነይ ኣርሒቑ ሓጎስ ኣስሚዑኒ
ንብዓተይ ደሪዙ ኣጸናኒዑኒ
ኣነውን እዝምር ባህ እናበለኒ

ክለይ ፈቲሑዎ ዓርዑተይ ሰቢርዎ
ልበይ ብምስጋና ኢየሱስ መሊእዎ /2/
ሃሌ ሉያ ኣሜን/3/ ዎ ሃሌ ሉያ ኣሜን

2. ንእግዚኣብሔር ተዓጊሰ ምስ ተጸበ'ኽዎ
ንሱ ናባይ ደኒኑ ኣውያተይ ሰሚዕዎ
ጸላእተይ ከይሕጎሱ ባህ ከይብሎም'ውን
ሓድሽ መዝሙር ምስጋና ኣብ ኣፈይ ኣንቢሩ

3. ኣርዑት ኣብ ክሳደይ ኢየሱስ ሰቢርዎ
ንነገረይ ኩሉ ፍትሒ ገርሉ
ሕንቅል ሕንቂሊተይ ኢየሱስ ወሲድዎ
ናይ ውሽጠይ ዕጋበት ልበይ መሊእዎ

4. ታሪኽ ናይ ሂወተይ ኢየሱስ ለዊጥዎ
ሕማም ናይ ልበይ ንሱ ወሲድዎ
ዝተሰብረ ልበይ ወሰን ኢልዎ
ልበይ ብምስጋና ክመልእ ገርዎ

※ ※ ※

## 108 <u>ኣይምልሶን</u>

1. ኣይምልሶን ኣእላፍ ምስጋና
   ሒደት'ዩ ምስቲ ናትካ
   ግን ልበይ ፈትዩ ዘንቀጾ
   ማለተይ ኮይኑ የቕልቦ
   ምላሽ ፍቅሪ ከም ጥዑም ሽቶ
   መቕደስካ ይእቶ/4/ ዙፋንካ ይእቶ/4/

   ተመስገን/ ተባረኽ/ ልዕል በል /3/

2. ኣምላኽ ኢካ ካብ ዘልዓለም
   ዝመስለካ ሓደ'ኳ የልቦን
   ብዘሎ ጽቡቕ ዝገበርካ
   ጎይታይ ኢየሱስ በይንኻ ኢኻ
   ካብ ልብና ንፈትወካ <u>እንካ ምስጋና</u> (8)

3. ክንደይ ጥዑም'ዩ ኣብ ቅድሚ ገጽካ
   ስለ ኩሉ ብምስጋና
   ዝኀተና እንዳረገጽና
   ዝግብኣካ ከየጉደልና
   ብመንፈስካ ስለዝኮነልና ንማስወልካ/4/ ነመስግነካ /4/

4. ኣብ ጸሎተይ ይገልጸልካ
   ብመንፈስ ይሰግደልካ
   ማለተይ'ዩ ዝዝምረልካ
   ቃላት ምድሪ ኣይበቕዓካን
   ብኣእምሮይ ብኩሉ ኢካ <u>ይቀደስ ስምካ</u> /8/

   ኣንታ ፍትወይ ከመስግነካ/ ክባርኸካ /2/
   ኣንታ ፍትወይ ክውድሰካ /2/
   ፍትው ኢየሱሰይ የመስግነካ/ ይባርኸካ /2/
   ፍትው ኢየሱሰይ ይውድሰካ /2/

※ ※ ※

*109 <u>ስምካ</u>*

1. ብስምካ ተሰንየ ኩሉ ሓሊፈዮ
ሓይልታት ጸልማት’ውን ኩሉ ሰዒረዮ
እምነተይ ኮይኑኒ እቲ ሓያል ስምካ
ኩሉ ሰዒረዮ ኣምላኸይ ብኣኻ
ኩሉ ሰዒረዮ ኢየሱሰይ ብኣኻ /2/

ስምካ ሰላመይ ኮይኑኒ
ስምካ ጽንዓተይ ኮይኑኒ
ስምካ ረርኤተይ ኮይኑኒ /2/

2. ጸላእተይ ሓሲቦም ንክድምሰሰኒ
ካብቲ ናትካ ጸጋ ጨሪሶም ከጥፍኡኒ
ስምካ ምስ ጸዋዕኩ ኩሎም ከበሰሮም
ሓደ’ኳ ከይተረፈ ከምዘይነበሩ ኮይኖም /2/

3. ኣበይ ኣሎ ኣምላኽ ዝበሉኒ ኩሎም
ዘይሰምዕ ዘይዛረብ ከምኦም መሲሉዎም
ብስምካ ተሰንየ ኣምላኸይ ምስ በልኩ
ጸላእተይ ሓፊሮም ኩሎም ተንበርኪኾም /2/

4. ሓይል’ዩ እቲ ስምካ ካብ ኩሉ ዝዕርፈሉ
ብየማን ብጸጋም ንዝወግኡኒ
ስምካ’ዩ እቲ ሰይፈይ ዓወት ዝረኽበሉ
ክሳድ ናይ ጸላእተይ ዝቆራጸሉ /2/

※ ※ ※

## 110 ኣይደልን ክርሕቅ ካባኻ

1. ካባኻ ርሒቀ ናበይ ክኸይድ
እንታይ'ከ ክረክብ ካባኻ ዝበልጽ
ኣይደልን /2/ ክፍለየካ
ሓንሳብ ንዘልዓለም መሪጸካ
ሰናይካ እንድዮ ለሚዱ ልበይ ክፍለ ነይገብረለይ
ጽቡቅከ እንድዩ ለሚዱ ልበይ ክፍለ ነይገብረለይ/2/

ኣይደልን ክርሕቅ ካባኻ ኣይደልን ክፍለየካ
እንታይ'ዶ ጽቡቅ ኣሎኒ'ዩ ኢየሱስ ብዘይካኻ
ጽቡቀይ ክብረተይ ዝምክሓሉ ሃብተይ
ናይ ዘልዓለም ርስተይ
ንስኻ እንዲኻ'ሞ ኢየሱሰይ
ንዘልዓለም ዘይትበርስ ሃብተይ

2. ኣነ ንኽከብር ዝተዋረድካለይ
ሂወት  ንክተክብ ንስኻ ሞትካለይ
ሰላመይ/2 ወሓዚ ጌርካዮ
ብስምብራትካ ቁስለይ ፈዊስካዮ
እዚ ናሬኤኩስ ኣነ ፈጺመ ነይፍለይ
እንተደለኹ'ኳ ልበይ ነይገብረለይ /2/

3. ካብ መንጎ ኣማልኽቲ ከማካ ዝበለ
ብዕቤቱ ዝፍራሕ ገባሪ ተኣምራት
ከማካ /2/ ዝከበኒ መን'ዩ
ልዕል ዝበለ እንታዋይ'ዩ
ንዝተበጀኻ'ዮ ብምሕረት ትመርሕ
ነብሰይ ብፍትወታ ድሕሬኻ ትጠብቅ /2/

4. ብዘይኻ'ሞ መን'ዩ ካልእ ኣምላኽ
እወ ብዘይካኻ መን'ከ ኣሎ ከውሒ
ካብ ልበይ /2/ የፍቅረካ'የ
ክገልጸልካ ፍቅረይ ዜማ ጌረ
ኦ ኣምላኽ ክብረይ ልበይን ኣንቂደ
ሰናይካ ከዘንቱ'በር ካባኻስ ኣይፍለን /2/

## 111 ካብ ጸጋኻ'ዩ ኮይኑልና

1. ላዕልን ታሕትን ከርተት ዝበልናዮ ኣኺሉ
ከም ብዋልታ ብጸጋ ሂወትና ተኸሊሉ
ካብቲ ኣባና ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ኮይኑልና
ብሓርንርት ክንኣቱ ክንወጽእ'ውን ክኢልና

ጸጋኻን ምሕረትካን እተዘይበዝሓልና
ኣብዚ ከመይ ኢልና ደው ምበልና
ብሂወት ምንባርና ምግልጋልና
ምዝማርና ኢየሱስ ምምስጋና
ካብ ጸጋኻ'ዩ ኮይኑልና
መኣስ ካብ ክእለት ሓይልና
ሓደ ልቢ ሓደ ሓሳብ ምኻና
ብሓጎስ ምእታውናን ምውጻእናን
ምንባርና ድምጽኻ ምስማዕና
ኩሉ ካባኻ እምበር መኣስ ካባና
ኢየሱስ ጸጋኻ እንተዘይበዝሕእልና
እወ ንሰዶምን ጎመራን ምመሰልና /2/

2. ንጉስ ብሰራዊቱ ዘስዕር ኢዩ ዘመስሎ
እቲ ጅግና ብሓይሉ ክናገፍ'የ ኢሊ'ሎ
ኣነ ግና ብጸጋኻ ንኹሉ ሰጊረዮ
ንኹሉ ሓይሊ ሓጥያት ንእግረይ ረጊጸዮ

3. ዎ እግዚኣብሔር ኩራኻ ንቅጽበት ዓይኒ'ዩ
ጸጋኻ ግን ምሉእ ዕድመ ይጸንሕ'ዩ
ምሕረትካን ሳህልኻን ይስዕባና ኣለዋ
ለቶ ኣይተፈለየናን ናይ ጸጋኻ ሓለዋ

※ ※ ※

## 112 እሙን ዓርኪ

ኣብ ሽግረይ ኣብ ሓዘነይ
ዓርኪ ኮይኑ ዘሓልየለይ
ንኣዕንተይ እንካብ ንብዓት
ንህይወተይ እንካብ መዓት

1. ኣይረኣኹን ኣነ ኸምኡ
እሙን ዓርኪ ብዘይካኡ
ኣቦ ፍቅሪ ኣፍቃርየይ
ዝግደስለይ መዕቀብየይ

2. ኣብ ጭንቀተይ ኣብ ሕስራነይ
ኣብ ውድቀተይ ኣብ ውርደተይ
ኣይገድፈንን ይርሕራሓለይ
ይደርዘለይ ንንብዓተይ

3. ዘይነሓፈ ንህይወቱ
በጃ ዝሓልፍ ንጥሪቱ
ክሳብ መስቀል ከም ሰራቂ
ተበጂለይ ኣቦ ጽድቂ

4. ተሸንኪሩ ምእንታና
ደሙ ዛርዩ ዘድሓነና
ሕሉፍ ፍቅሩ ገሊጹልና
ካብ ሓጥኣትና ኣንጺሑና

※ ※ ※

*113 <u>ሃሌሉያ</u>*

1. በይንኻ ኢኻ ኣምላኽ ነምልኸካ ኣሎና
   በይንኻ ኢኻ ንጉስ ንሰግደልካ ኣሎና
   በይንኻ ኢኻ ጎይታ ንግዝኣካ ኣሎና
   በይንኻ ኢኻ ስልጡን ነኽብረካ ኣሎና
   ዙፋንካ ንዘልኣለም ጸኒዑ ይነብር
   ዘንጊ መንግስትኻ ዘንጊ ቅንዕና ኢዩ
   ከማኻ ዝበለ ኣይርከብን ኢዩ
   ኣዚኻ ዓቢ ኢኻ መወዳድርቲ የብልካን'ዩ

   ሃሌሉያ (4)
   ሃሌሉያ ክብሪ ንስምካ (4)

2. በእላፋት ቅዱሳን ተኸቢብካ ዘሎኻ
   ኣብ'ቲ በሪኽ ኣኽራን ትውደስ በይንኻ
   ሓደ'ኳ ኣይመስለካን ፍጹም ኣይቀርበካን
   ዘልኣለም ትርአ ደሚቖካን ገኒንካን
   ኣብ ዘመናት ምሉእ በይንኻ ኢኻ ንጉስ
   ግዜን ዘመናትን ኣይልውጠካን'ዩ
   ዙፋንካ ፍሉይ'ዩ ማንም ዘይመስሎ
   ብሓይሊ ግርማኻ ንኹሉ ትስዕሮ

3. ብማህሌት እስራኤል እተውደስ ኣምላኽ
   ቅዱስ ቅዱስ ሓያል ዓቢ እትብሃል
   ኣታ ክንደይ ድንቂ ግኑንን ስልጡንን
   ንምግላጽ ክብርኻ ልሳን ኩሉ ይጭድር
   ብሳህልን ምሕረትን ዙፋንካ መሊኡ
   ርሕራሔኻ ድማ ንውሉድ ወለዶ'ዩ
   ሳላ ስልጣን ዕቤትካ ጸላእትኻ ኩሎም
   እናቀባጠሩ ይግዝኡልካ ኢዮም

※ ※ ※

## 114 <u>ክብሪ ንዓኻ</u>

ክብሪ ንዓኻ ሃሌ ሉያ/2/ ክብሪ ንዓኻ
ክብሪ ንዓኻ ሃሌ ሉያ/2/ ኢየሱስ ዓቢ ኢኻ

1. ዘመናት ዘይልውጦ ኣምላኽ'ቲ ዕቤትኻ
ኩሉ ጊዜ ስልጡን እወ ሓያል ኢኻ
ኣምላኽ ኣማልኽቲ እግዚኣብሔር ንበይንኻ
ሓደ እኳ ኣማልኽቲ እግዚኣብሔር ንበይንኻ

2. ንጉስ ናይ ነገስታት ኢየሱስ ንስኻ ኢኻ
ናይ ሓያላት ሓያል ናይ ይሁዳ ኣንበሳ
ብስምካ ትገዝእ ኩሉ እምበር ብቃልኻ
ዋላ ሓደ የለን ኢየሱስ ዝመስለካ

3. ብዘሎ ሰራዊት ምድሪ ፍጥረት ዝእዘዘካ
ተውጽኦን ተእትዎን ብፍቃድካ ቆጺርካ
ኣይተረክበን ኣይርከብን ዝመስለካ
ዝነበርካን ዘሎኻን ትመጽእ ንጉስ ኢኻ

4. ብኣሰር ኣሰር ኣይርከብን'ቲ ዕቤትካ
በኣእምሮ ወዲ ሰብ ኣይትምርመርን ኢኻ
ተግባር ኣእዳውካ ምስክር ይነግር ዕቤትካ
ጎደሎ ዘይብሉ ኣሰራርሓኻ

※ ※ ※

## *115 ዕጋበተይ ብኣኻዩ*

ብዘይ ብኣኻ እንታይ ጽቡቕ ኣለኒድ'ዩ
ብዘይ ንስኻስ እንታይ ሰናይ ኣሎኒድ'ዩ
ኣምላኸይ ዕጋበተይ ብኣኻ'ዩ
ኢየሱሰይ ትምክሕተይሲ ብኣኻ'ዩ
ፍትወይ ደው ምባለይ ካባኻ'ዩ
ጎይታት ሰላመይሲ ካባኻ'ዩ

1. ቀደምሲ ጎይታ ብዛዕባኻ ሰሚዐየ
   ሕጂ ግን ኢየሱስ ዓይነይ ብርግጽ ርእያትካ
   ካባይ ገለ ሰናይ ዘይወጽእ እንከሎ
   ኢየሱስ ንስኻ ኩሉ ጽቡቕ ትገብሮ (6)

2. ካብቲ ባላዊ ብልዒ ምውጻእ ልማድካ'ዩ
   ታሪክ ህይወት ሰብ ምልዋጥ ናትካ'ዩ
   ንዓኻ ምርካብ ኩሉ ሰናይ ምርካብ'ዩ
   ትሕቲ በረኸት ልዕሊ መርገም ምውጻእካ'ዩ (6)

3. ከም ዝጨንቀካ ኢድ ሰብ ከቶ ኣይተገልገለካን
   ከይሃብካዮ ካብ ሰብ ጽቡቕ ሰናይ የለን
   ምሉእ ጽቡቕ ውህበት ኩሉ ካባኻ'ዩ
   ዕጋበተይ ኩሉ ትምክሕተይ ብኣኻዩ (6)

4. ኣብ ልብኻ ካብ ተሓሰብኩ ይኣክለኒ
   ኣብ ዓይንኻ ካብ ከበርኩ ይኣኽለኒ
   ኣብ ኣእዳውኻ ካብ ተወቀጥኩ ይኣኽለኒ
   ኣብ ኣእዛንካ ካብ ተሰማዕኩ ይኣኽለኒ (6)

※ ※ ※

## *116 ኣይትምርመርን*

ኣይትምርመርን ኩሉ ግን ትምርምር /2/
ኩሉ ከኣሊ/3/ ኩሉ ፈላጢ ገላጺ ናይ ውሽጢ

1. ስራሕካ ዘይምርመር ኣሰራርሓኻ
ንኩሉ ትምርምር ብሓደ ኣይትምርመርን ኢኻ
ምስትውዓልካ ሰፊሕ ወሰን ደረት ዘይብሉ
ኣእምሮኻ ስልጡን ደገፍ ኣየድልዮን'ዩ

2. መንገድኻን ጎደናኻን ኣብ ባሕርን ማያትን'ዩ
ኣሰርካ ኣይተረኽበን ወዳጄ መዓሙቕ'ዩ
ካብቲ መንገድኻ እዚ ሓደ ጫፍ ጥራይ'ዩ
ብዛዕባኻ ንሰምዖ ሕሹክሹክ ክንደይ ቁሩብዩ

3. ንወሰናት ምድሪ ፈጣሪ ዘይተመርማሪ
ኣይትመውት ኣይትደክም ዘልዓለማዊ
መሰረት ናይ ምድሪ ብትንፋስ ኣፍካ ትቀልዖ
ምድሪ ምስ ምልእታ ብሓይሊ ቃልካ ጾርካዮ

4. ኢየሱስ ብቃልን ብግብርን ከመይ ዝበልካ ኢካ
ፍቓድካ ክትገብር ዘይትረክብ ከልካሊ
ንዝመደብካዮ ምኽሪ ዘጸልምቶ መን'ዩ
ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ ስልጣን ኩሉ ናትካ'ዩ

※ ※ ※

## 117 ኣምላኽ ንባርያኡ

1. መኺነ ኽነብር ንበይነይ (2)
   ፈጺመ ክጸንት እቲ ስመይ
   ጎይታይ ኣይፈቅድን ንባርያኡ
   ስሓቅ ጌሩለይ ውርደተይ ዘኪሩ /2/

   ኣምላኽ ንባርያኡ ስሓቅ ጌሩለይ ኣሰይ
   ዕልልታ ፈልፈለን ከናፍረይ
   ሓጎስ መሊእዎ ውሽጢ ልበይ ኣሰይ
   ክዝምር ከመስግን ንፍቱወይ (2) ንብጅወይ

2. ብጀካኡ የለን ዝጥምተኒ (2)
   ኣብ ኩሉ ሓዘነይ ዘጸናንዓኒ
   ጸበባ ናይ ውሽጠይ ዝርድኣለይ
   መን ኣሎ ከም ኢየሱስ ንሂወተይ /2/

3. ክሓዝን ክጉሂ ብውርደተይ (2)
   ጽምዋ ውሒጡኒ ከጽብብ ዓቅለይ
   ኣምላኽይ ካብ ላዕሊ ጠሚቱኒ
   ብሸውዓተ ዕጽፊ ኪሒሱኒ /2/

4. ነቲ ነዳይ ካብ ውሽጠይ ኣተንሲኡ (2)
   ነቲ ድኩም ካብ ጎድፍ ኣልዒሉ
   ምስ ክቡራት ነገስታት የቀምጦም
   ዙፋን ክብሩ የውርሶም የንግሶም /2/

5. ኑብሰይ ተማሪራ እናበኸኹ (2)
   ናይ ልበይ ንጎይታይ ምስነገርኩ
   ናይ ባርያኡ ውርደት ዘኪርዎ
   መከራይ ሽግረይ ኣርሒቅዎ /2/

6. ኣምላኽ ክዝክረካስ ክንደይ ይጥዕም (2)
   ዝኣተዎ ኪዳን ዘይጠልም
   ብተስፋ ንዝጽበይዎ ኩሎም
   ብዕልልታ ምድሓን ይመልእ ደንቤኦም /2/

## *118 ኣልፋን ኦሜጋን*

ኣልፋን ኦሜጋን መጀመርታን መወዳእታን
ሎምን ትማልን ዘይብልካ መጨረሽታ
ተሃዊኽ ኣለኹ ኢየሱስ ማራናታ

1. መንገድን ሓቅን ሂወትን ኣነ'የ
   ትንሳኤ ናይ ሙታን ኣነ ባዕለይ'የ
   እብለኩም ኣለኹ ፍቁራት ደቀየ
   ንዑሞ ውረሱ መንግስተሰማየ

2. መፈጸምታን ተስፋን ባዕለይ ክህበኩም
   ሓሲበ ኣለኹ ፍጹም ከንቅሓኩም
   ክትደልዩኒ'ሞ እኔኹ ክብለኩም
   መደበይ እዚ እዩ ደቀየ ባህ ይበልኩም

3. ኣነ እየ ባዕለይ'ቲ ሕያዋይ ጓሳ
   ንልቢ ዘህድእ ንነፍሲ ዝመልሳ
   ዘኣምን ክድሕን ክወጽእ ክኣቱ
   መጓሰይ ክረክብ ኮይነ ምስ ኣሕዋቱ

4. ናይ ሂወት እንጀራ ኣነ እየ ባዕለይ
   ንስጋይ ዝበልዕ ዝሰት'ውን ደመይ
   ይነብር ዘልዓለም ጸኒዑ ብሓይለይ
   ይእዘዝ ንቃለይ ከይበለ እምብለይ

5. ንስኻዶ ኣይኮንካን ንዓለም ብርሃኑ
   ነቲ ዓቢ ትፈጥር ትልውጥ ንኹሉ
   ኣብ ውሽጢ ክብርኻ ዘርያና ትሕሉ
   ተመስገን ኣምላኽና መዘና ዘይብሉ

※ ※ ※

## *119 ስምካ ኣብ ምድሪ*

1. ኣቦ እምበር ረኪበ እዚ ፈቃር መድሕነይ
ኣብ ዘለኹ ሃልየ ዝጽውዕ ብሸመይ
ብሰማይ ብምድሪ ዘልዓለም ከይኹነን
ንስኻ ኣለኻኒ ኢየሱሰይ ተመስገን /2/

ስምካ ኣብ ምድሪ ግኑን እዩ/2/
ግርማኻ ኣብ ሰማያት ዝተኸልካዮ
ስምካ ኣብ ምድሪ ኦ እግዚኣብሔር ግኑን'ዩ
ስምካ ኣብ ምድሪ ኦ እግዚር ግኑን'ዩ /2/

2. ምንም እንተ ሃውተትኩ ካባኻ ርሒቀ
ካብ ጎድፍ ተልዕል ነቲ ዝወደቀ
ኂታ ሐደ የለን ንዓኻ ዝመስል
ህያው ኣቦ ኢኻ ንኹሉ ተልዕል /2/

3. ግዝኣያ ንልበይ ምላካ ሕይወተይ
ክከፍተልካ ጎይታ ኣዳራሽ ናይ ልበይ
ናትካ ብምኻነይ ምላካ ባዕልኻ
ተመስገን ኢየሱስ ርሕሩሕ ኣቦ ኢኻ /2/

4. ተመስገን ተመስገን ተመስገን ተመስገን
ኣቦ እምበር ረኺበ እቲ ፈቃር መድሕን
ተባረኽ ተባረኽ ተባረኽ ተባረኽ
ኣብ ዘለኹ ሃልየ ንዓይ እትምልሸ
ኣብ ዘከኹ ሃልየ ብኣይ እትግደስ /2/

※ ※ ※

## 120 <u>ብተኣምራትካ የድንቑኻ</u>

1. ሰማይን ምድርን ብቃልካ ዝፈጠርካ
   ንወዲ ሰብ ካብ ሓመድ ዝሰራሕካ
   እስትንፋስ ሕይወትናውን ዝሃብካ
   ሃሌ ሉያ

   ኣብ መቅደሱ ነመስገኖ
   ስለ ሓይሉ ነመስገኖ
   ብድምጺ መለኸት ነመስግኖ
   ብበገና ነመስግኖ
   ብኸበሮን ብሳዕሲትን ነመስግኖ
   ብእልልታን ብጣቕዒትን ነመስግኖ

   በሕዛብ ኩሎም ክቡር ኢኻ
   ብተኣምራትካ የድንቁኻ /2/
   ኣጋንንቲ ይደምሰሱ ብስምኻ /2/

2. ንምውታት ብቃልካ ኣተንሲእካ
   ንድውያት ሕሙማት ፈዊስካ
   ነጋንንቲ ብስምካ ኣውጺእካ
   ሃሌ ሉያ

3. ናይ ናብራ ትርጉምውን ፈሊጠዮ
   እምኒ ልበይ ብቅጽበት ሰበርካዮ
   ዘይቲ መንፈስ ኣብ ልበይ ኣፍሰስካዮ
   ሃሌ ሉያ

※ ※ ※

## 121 ልበይ ሓጎስ መሊኡ

ልበይ ሓጎስ መሊኡ ልበይ /2/
በዚ ኢየሱስ እዚ ልበይ ሓጎስ መሊኡ
ኣሰይ

1. ካብ ዓዘቅቲ ጸልማት ናብ ዘደንቅ ብርሃን
ካብ ዘልዓለም ጥፍኣት ናብ ዘልዓለም ሕይወት
ጎይታ መሪሑ ኣብ ቤቱ ጌሩኒ
ልበይ ይሕጎስ በዚ ኢየሱስ'ዚ

2. ኣብ ክንዲ መርገም ጽድቂ ኣልቢሱኒ
ኣብ ክንዲ ባርነት ሓርነት ሂቡኒ
ፍርዲ ዝግባኣኒ ምሕረት ጌሩለይ
ክንደይ'ከ ዘይሕጎስ በዚ ኣምላኸይ

3. ኣብ ክንዲ ሓሞኽሽቲ ዘውዲ ደፊኡለይ
ኣብ ክንዲ ሓዘን'ክኣ ዘይቲ ሓጎስ ለኺኒ
ኣብ ክንዲ ምጉርምራም ናይ ምስጋና ኽዳኑኒ
ልበይ ይሕጎስ በዚ ኢየሱስ'ዚ

※ ※ ※

## *122 <u>ክሳብ ሕጂ</u>*

1. ማዕበል ሞት ኣየፍርሃንን
ነድሪ ኣኽራን ኣየስጠመንን
ብማዕከል ሓዊ ሓሊፈ ሃልሃልታ ኣይሃሞኸንን
ርእያ ዘደንቅ ሳህልኻ ከምትቀርብ ካብ ትንፋሳ
ሳላኻ ደው ኢላ ተመስግን <u>ካብ ሰዓርቲ በሊጻ</u>(2)

ክሳብ ሕጂ ዝጾራኒ ብሩኻት ኣእዳውኻ
ክሳብ ሕጂ ዝተሰከማኒ ብሩኻት ኣእዳውኻ
ኣየ’ቲ ትዕግስትካ እዋይ ምሕረት ለውሃትኻ
እናተደነቀኩ እባርኽካ ጎይታ ኣመስግነኻ
ንስኻስ ምስጋናይ ኢኻ

2. ብጓሂ ተኪዘ ይመጽእ
ኣብ ትሕቲ እግርኻ ይወድቅ
ድንጋጸኻን ኣይተኸልከለንን ብትርኢት ገጽካ
እታ ሃረርታ ትሑታት ትሰምዖ ንልቦም’ውን ተበርትዖ
ውሉደይ ኢልኻ ደጊፍካኒ <u>ብምጽንናዕካ ከቢብካኒ</u> (2)

3. ብልዕልናኻ ንረዲኤተይ ኣብ ሰማይ ዝተወጣሕኻ
ጸበባ ድነ ሞት ሰጊረ ተጸይረ ኣብ ኣእዳውኻ
ኣዝዩ ንምእማኑ ዘሸግር ኩነታት ኣሳጊርካያ
እታ ሞት ዝተፈርደት ሕይወተይ
<u>እንሆ ትዝምረልኻ</u> (8)

※ ※ ※

## *123 መፈንጥራ ተበትከ*

መፈንጥራ ተበትከ ሃ,,,ተበትከ
ንሕናውን ኣምሊጥና
እግዚአብሔር ይመስገን
ኣዚና ሰሲና ቤቱ ክንወርስ ኢና
እዚዩ ራኢና እምነትና

1. እግዚአብሔር ምሳና እንተዘይነብርሲ
ሰባት ተንሲኦም መጥፍኡና ብነድሪ
ዕቡይ ማያት ተንሲኡ ምውሓዘ ኣብ ልዕሌና
ፈጺሙ ካብ ልዕሊ ምድሪ ኔሩ መጥፈኣና
እቲ ንምምጫቶም ኣስናኖም ዘይወፈየና
ናይ እስራኤል ንጉስ ይባረክ ኣምላኽና
ናይ እስራኤል ቅዱስ ይባረክ ኣምላኻና
ናይ እስራኤል ቅዱስ ይባረክ ኣምላክና

2. እግዚአብሔር ንህዝቡ ተበጂይዎ እዩ
ናብ ፍቃድ ጸላእቱ ኣሕሊፉ ኣይህቦን'ዩ
ከምቲ ደርሆ ንጨቃውታ ሓቂፋ እትከናኸን
እግዚአብሔር ንህዝቡ ከምኡ'ዩ ኣብዚ ዘመን
ካብ ኢድ ጸላእትና ብኢየሱስ ዲሒና
ብጽድቅን ቅድስናን ብኩሉ ዕለትና
ብዘይ ፍርሓት ንጎይታ ከነምልኮ ኢና
ብዘይ ፍርሓት ንኢየሱስ ከነምልኮ ኢና

3. እግዚአብሔር ካብ ማህደሩ ብቅንኣት ተላዒል'ዩ
ንምስቁርቆር ዘበለ መወዳእታ ክገብረሉ
ምጉርምራምና ወጺኡ ኢዩ ክብሪ እግዚአብሔር ወጺኡልና'ዩ
ተንሲእና ክንፈሪ ሕጂስ ጊዜና እዩ
ከካብ ዝነበረናዮ እናተኣኻኸብና
ዓጽመ ስጋ ለጊሱ ኮይንዋ ዓቢ ጭፍራ
ኢድ ናይ እግዚአብሔር እውን ኣብ ማእከልና
ድንቅን ተኣምራትን'ውን ትገብር ኣላ

## *124 ተመስገን*

**እግዚአብሔር ኣምላኽይ ንጉሰይ/2/ ንጉሰይ**
**ተመስገን ተመስገን ተመስገን/2/ ተመስገን**
**ተባረኽ ተባረኽ ተባረኽ/2/ ተባረኽ**
**ልዕል በል ልዕል በል ልበል በል/2/ ልበል በል**

1. **ዋጋ ከፊልካ ዓዲካኒ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ናይ ገዛእ ርእሰኻ ጌርክስኒ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ኣነ ናትካ'የ ድሕሪ ደጊም /8/**

2. **ቅዱስ ከረነይ ሸይመካ'የ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ንጉሰይ ኢኻ ንስኻ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ኣብ ዙፋን ልበይ ተቀመጥ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ከምዝደለኻ ኣሰፊሕካ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ኣነ ናትካ'የ ድሕሪ ደጊም /8/**

3. **ካባይ ዝኮነ የብለይን ኣሃሃ ተመስገን**
   **ኩሉ በኣኻ እዩ ኮይንለይ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ዓይኒ ማያተይ ኣባኻ እዩ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ኣነ ናትካ'የ ድሕሪ ደጊም /8/**

4. **ዋጋ ከፊልካ ዓዲካኒ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ናይ ገዛ ርእሰኻ ጌርካኒ ኣሃሃ ተመስገን**
   **ኣነ ናትካ'የ ድሕሪ ደጊም /8/**

※ ※ ※

## *125 ተማሪኹ ልበይ ብኣኻ*

1. ክንደይ'ከ ይጽብቕ እቲ ትርኢትካ
ገጽካ የንጸባርቕ ንዝረኣየካ (2)
ኣእጋርካ ከም ኣብ ሓደጎ ዝረሰነ ኣስራዚ'ዩ
ኣዒንትኻ'ውን ከም ሃልሃልታ ሓዊ ኢዩ

ተማሪኹ ልበይ ብኣኻ
መሲጥካዮ ውነይ ንስኻ
ተማሪኹ'ሎ ልበይ /4/ ብኣኻ
ተመሲጡ'ሎ ውነይ/2/ ቀልበይ ምሳኻ

2. እንሆ ፍትወይ ጽቡቕ ኢኻ
ዝፈሰሰ ቅብኢ'ውን ኣለዎ'ቲ ስምኻ
መኣዛ ህይወት ኣሎዎ ጎይታ እቲ ድምጽኻ
ሓለፋ ወይኒ ክንእዶ'የ ፍቕርኻ

3. ኣብ ማእከል ኣእዋም ዱር ከም ዕንባባ
ፈተውየይ በይንኻ ኣሎኻ ሓለፋ (2)
ፍትወይ ናተይ ኢኻ ኣነ ድማ እየ ናትኻ
ጥዒሙኒ'ሎ ማሩኹኒ ፍቕርኻ ምስ ዝመጸኒ

4. ናይ ገነት ዓይኒ ማይ ኣሎ ኣባኻ
ዘልዓለም ህይወት'ዩ ፈልፋሊ ዒላኻ (2)
ካብ ኣኽራን እናዘለለ ድምጽኻ ምስ ዝመጸኒ
ሓይለይ ይሕደስ ሓጎስ ይመልኣኒ

5. ኣብቲ ኣብ ቋቁራ ኣብቲ ጸድፊ
ዘለኺ ጽብቕተይ ካብኡ ንዒ ውጺ (2)
ድምጽኺ ኣስምዕኒ
ገጽኪውን ኣርእይኒ ምስ በልካ ጎይታይ
ውነይ መሲጥካኒ

※ ※ ※

## *126 <u>ፍሉይ ኣምላኽ</u>*

1. ብሓይሊ ኮነ ብስልጣን ዝመስለካ የለን
   ብክብሪ ኮነ ብግርማ ዝመዓራረየካ የለን
   ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ኣብ ትሕቲ ምድሪ
   ንዓኻ ዝመስል የለን ጎይታ ኽብሪ /2/

   ካብ ደቂ ሰብ ንስኻ ትጽብቅ
   ካብ መላእኽቲውን ትበልጽ
   ምስ መን እሞ ክነመሳስለካ
   ፍሉይ ፍሉይ ፍሉይ ኣምላኽ ኢኻ /2/

2. ኣብ ናይ ዘልዓለም ዝፋንካ ተቀሚጥካ ዘለኻ
   ብማህሌት መላእኽቲ ትምላኽ ዘለኻ
   ጸላእትኻ ሳላ ዕቤትካ ስልጣንካ
   ኣቀባጢሮም ንዓኻ ይግዙኡልኻ/2/

3. ኦ ጎይታይ ኢየሱስ ብሓቂ ስልጡን ኣምላኽ ኢኻ
   ድላልካ ክትገብርሲ መን'ዩ ዝቃወመካ
   ዘንጊ መንግስትኻ ሓቅን ቅንዕናን
   ኩሉ ትግስጽ ስልጣን ናትኻ እዩ /2/

4. ምስዚ ኩሉ ዘገርም ዕቤትኻን ግርማኻን
   ምስዚ ኩሉ ዘገርም ተግባርካን ስራሕካን
   ግንኸ ንዓይ ብስመይ ጸዊዕካኒ
   ኣብ ዝኸበረ ቦታ ኣቀሚጥካኒ /2/

※ ※ ※

## 127 ናይ ሓያላን ሓያል

1. ፈርኦን ምስ ሰራዊቱ ናብ ባሕሪ ክሓልፍ
ናይ ርእሱ መንግስቲ ከም ኣምላኽ ክበርር
ንዑ ንክብርታት ንእግዚአብሄር ንርኣዮ
ጥራይ ጎይታ ኢኻ ንጉስ ናይ ነገስታት

ናይ ሓያላን ሓያል ናይ ነገስታት ንጉስ
ምልኣዮ መንፈስካ ንልብና ቀድስ

2. በዚ ቃል ትምህርቲ ከም ማዕበል ናይ ባሕሪ
ንሰይጣን ክንስዕሮ ሂብና'ዮ ሓይሊ
ዕርዲ ኢያሪኮ ፈጺሙ ተረፈ
ህዝቢ እግዚአብሄር ኣዕሊሉ ሓጎሰ

3. ናይ ጎይታና ሓይሊ ፈጺሙ ረዳኢ
መንፈሱ ኣዋሪዱ ኢቡና'ዩ ሓይሊ
ንእግዚአብሄር ብምስጋና ኣሕዋተይ ዘምሩ
ብቅዱስ መንፈሱ ይባርክ ንህዝቡ

4. ካብ ሞት ተንሲኡ'ዩ እቲ ሓያል ኣምላኽና
ሓይሊ ንክረክብ ሓግዝ ሂወትና
ናይ ሓያላን ሓያል ናይ ነገስታት ንጉስ
ክብሪ ንስምካ ይኩን ንልብና ቀድስ

※ ※ ※

## 128 *ኢየሱስ እሙን ኢኻ*

1. ዓመታት ክሓብእ ሰብ ምእንታን ከይፈልጦ
ማንም ከይነገርኩ’ውን ዘዓቆርኩዎ
ናባኻ ይህወኽ ኩሉ ክነግረካ
እሙን ኢኻ ገለ ኣይሓብኣልካን
እንተ ነጊረኻ ኢዩ ልበይ ዘዕርፈለይ
ቁጻር እትፈትሕ ንስኻ ኢኻ ኣቦይ

ኢየሱስ እሙን ኢኻ/3/ እሙን ንዘልዓለም
ኢየሱስ እሙን ኢኻ/3/ ዘይትጠልም ዓርኺ

2. ሰባት እንተ ነገርኩ ጸገማት ናይ ውሽጠይ
እንተካፈልኩዎም እውን ዝከብዶ ንልበይ
ክፎክሰኒ ኢለ እቲ ዝነገርኩዎም
ድሮ ተባዚሑ ኣብ ካልእ ይረኽቦ
ናባኻ ግን መጺአ እቲ ዝነገርኩኻ
ኣባኻ እዩ ዝተርፍ ኣይተውርን ኢኻ

3. ብሰሪ ዕሽነት መንገደይ ክሓድግ
ንስኻ ግን ኩቶ ፍጹም ዘይትጠልም
ኣቦታኻ ኔርካ ኣነ ክዘናበል
እሙን ኢኻ ኢየሱስ ናይ ሓቂ ፈታዊ
ኣብ ድካም ብርቱዕ ዘይትጠልም ዓርኪ

4. ፈታዊ ማለትሲ ኢየሱስ ጥራይ ኢኻ
ስንፍና እትሰትር እሙን ኣምላኽ ኢኻ
ከም ባህሪ ናይ ሰባት ባህርኻ ኣይትቕይርን
ኣነ ክለዋወጥ ኢየሱስ ግን ኣይከምኡን
ልበይ ከዕርፈለይ ይዕልል ምሳኻ
ሓንቲ ከይሓባእኩ ልበይ ይህበካ

※ ※ ※

## 129 ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ

1. ብራህዋ ብሰላም ብሓጎስን
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ
ብጸበባ ጭንቀት ምስ ፈተና
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ

ገሊኦም ብሓዊ ገሊኦም ብማዕበል
ገሊኦም ብማይ ገሊኦም ብሞት
ገሊኦም ማእሰርቲ ከምኡ'ውን መግረፍቲ
ይኾኑዮም ናይ ስቃዩ ተኻፈልቲ /2/

2. ብጸልማት ኮነ ብግሩም ብርሃን
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ
ብፈተና ኮነ ብበረኸት
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ

3. ስጋና ልብና ተማህመነ
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ
ነፍስና'ውን ፍጹም ተተሓለለ
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ

4. ዋላ ዘገደፈና ተመሰልና
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ
ካብኡ ጥራይ'ዩ ናይ ድሕነት ተስፋና
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ

5. ኣምላኽ በታ ሕያወይቲ ኢዱ
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ
ናብታ ንጽሕቲ ሰማያዊት ቤቱ
ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ

※ ※ ※

*130 <u>ሓለፉ ኣለዎ</u>*

1. ክሓስብ ክጭነቕ እናነባዕኩ
   ንብዓተይ ይደርዝ ብበረኸቱ
   ስለይ ይሓልፈለይ ይብጀወለይ
   ንዓይ ምፍቃሩሲ ሓለፉ'ለዎ

   ሓለፉ'ለዎ (2)
   ኣምላኸይ ፍቕርኻ ሓለፉ'ለዎ
   <u>የሱሰይ ፍቕርኻ</u> (2)
   በይኑ'ዩ በይኑ (2)
   ኣብ ውሽጢ ልበይ (2)
   ጓህሪ ፈጢሩስ የንድደኒ'ሎ

2. ስለይ ንኽትብል መስቀል ዝወዓልካ
   ምእንታይ ኢልካ'ውን ደምካ ዝረሃጽካ
   ኣምላኸይ ፍቕርኻ ብሓቂ ፍሉይ'ዩ
   ሓለፉ'ለዎ ጎይታየ ፍቕርኻ

3. ንዓይ ንባርያኻ ኣፍቂርካኒ ኢኻ
   ስለፍቕረይ ኢልካ ብዙሕ ተሳቐኻ
   ክሳብ ኣብ መስቀል'ውን ህይወትካ ዘሕለፍካ
   ሓለፉ'ለዎ ኣምላኸይ ፍቕርኻ

※ ※ ※

## *131 ሓለፋ'ለዎ*

1. ኲሉ ትኽእል ከለኻ
   ምእንታይ ግና ኣብ መስቀል ተሰቒልካ
   ኢየሱስ ሓይሊ ከለካ
   ድኹም መሲልካ ኣብክንዳይ ተረኺብካ (2)

   ሓለፋ'ለዎ (2) ኢየሱስ ትፍቕርኻ
   ሓለፋ'ለዎ (2) ኢየሱስ ትሓልዮትካ
   ሓለፋ'ለዎ (2) ኢየሱስ ትለውሃትካ
   ሓለፋ'ለዎ (2) ኢየሱስ ጐስነትካ

2. መሕደሪ መንበሪ ከለካ
   ግናኸ ኣብ መብልዕማል ተወሊድካ
   ኣምላኽነትካ ገዲፍካ
   ንዓይ ንኸተድሕን ሰብ ምዃን መሪጽካ (2)

3. በሰሪ ገበነይ ቆሲልካ
   በሰሪ ኣበሳይ'ውን ተኸትኪትካ
   ሰላም ምእንቲ ክረክብ
   ንስኻ ኣብ ክንዳይ ተዋሪድካለይ'ኻ (2)

4. ካበርዑት ባርነት ኣውጺእካኒ
   ንህይወተይ ዕረፍቲ ሂብካኒ'ኻ
   ኣነስ ንዓኻ ክዝምር'የ
   ነቲ ክቡር ስምካ ክባርኾ'የ (2)

※ ※ ※

## 132 ሓይሎም ብኣኻ ዝኾነ

ብቐደሙስ ተወኪለካ እንድየ
ብቐደሙስ ተደጊፈካ እንድየ
ብቐደሙስ ተመኪሐልካ እንድየ

ንሓይልኻ ተኣማሚነዮ
ንኽእለትኻ ተኣማሚነዮ
ንስልጣንኻ ተኣማሚነዮ
ንቕልጽምኻ ተኣማሚነዮ /2/

ሓይሎም ብኣኻ ዝኾነ ኩሉ ግዜ/3/ ይባርኹኻ ኣሃሃ
ሓይሎም ብኣኻ ዝኾነ ኩሉ ግዜ/3/ ይውዱሱኻ ኣሃሃ

1. ንመን ምስ ኣሕፈርካሞ ክሓፍር
   ንዘክብሩኻ ተኽብር
   ጻድቕ ተሓዲጉ ዘርኡ ክልምን
   የለን ኣይተጻሕፈን ኣይረአኹን

   ኣይተሕፍርን ኢኻ ፡ ኣይተሕፍርን /6/

2. ስምካ ኮይኑኒ ኣሎ መዕቀቢ ገዳም
   በቲ እኩይ ከይትንከፍ መታን
   ኣብ ማእከል ጸላእተይ ይገዝእ
   ከም ሽደን ኣንበሳ ይተብዕ
   ኣይተሕፍርን ኢኻ ,,,
   ብቐደሙስ ተወኪለካ እንድየ ,,,

※ ※ ※

## *133 ሓደ'ኳ የለን ከማኻ*

1. እግዚኣብሔር (2) መሓርን ጸጋውን
በዓል ብዙሕ ለውሃት ንኹራ ደንጓዩ
ዓመጽን ሓጢኣትን ይቕረበሃሊ
ግናኽ ዘይርኢ ከም ንጹሕ በዳሊ
ዘይልወጥ ካብ ጥንቲ ከመይ'ዩ ባህሪኻ
ደልየ'የ ስኢነ ዝመስል ንዓኻ

ሓደ'ኳ የለን ከማኻ
ኢየሱስ/ጎይታይ የለን ከማኻ /2/
ኣምላኸይ የለን ከማኻ እወ ጎይታይ
ኣቦ ናተይ የለን ከማኻ ኢየሱሰይ /2/

2. ንጉጉይ ንድንጉር ንስኻ ተቐንየ
ነቲ ነዳይ ርሱዕ ንስኻ ተልዕሎ
ኣምላኸይ ዘይንዕቕ መን'ዩ'ሞ ከማኻ
ዘገርም ዘደንቕ ኮይኑኒ ፍቕርኻ
መግለጺ ስኢነ ክነግር ድንቅኻ
ኣልቦ ኾይኑ ጎይታይ ዝመስል ንዓኻ

3. መገዲ ዝጠፍኦ ሃዲእካ ትሕብሮ
ከይወድቕ ከይሰበር ምዒድካ ትመኽሮ
ብበጃውነትካ ንመንግስትኻ ተሰግሮ
ዘልኣለም ከይጠፍእ በደምካ ትሓጽቦ
ሕያዋይ ጓሳ መን'ዩ'ሞ ከማኻ
ቀቅድሚት ትሓልፍ ትመርሕ ንባርያኻ

4. ክደክም ክብርትዕ ፍቕሪ ኢኻ ንዓይ
ክወድቕ ክትንስእ ፍቕሪ ኢኻ ንዓይ
ኦ እግዚኣብሔር ሰናይ ሰናይ ትገብር
ምሕረትካ ንዘልዓለም ዓለም'ዩ ዝነብር
ስለዝኾነ እነኹ እዝምር
ተቢዐ ብኣኻ ባህሪኻ ክነግር

## *134 <u>ሕዝብኻ በዝሐ</u>*

1. ዕላማ ሒዙ ፡ ዝተሰለፈ
ብዙሕ ዘፍርሕ ፡ ሰራዊት ኣምላኽ
ንተጻረርቱ ፡ ወትሩ ዝሰዕር
ለይትን መዓልትን ብናቱ ኃይሊ
ባሕሪ ተሳጊሩ ፡ ኣብ ምድረ በዳ ፡ ኩሉ ረጊጹ
ዘውሕዝ ሕዝቢ ፡ ምሳኻ ኮይኑ
ርስቲ ረኺበ ኩሉ ስዒሩ

ሕዝብኻ በዝሐ
ወሰናትʼውን ኣዚዩ ሰፍሐ
ናይ ምድሓን ወንጌል ኣባና በጽሐ

2. ከም ፍረ ኣድሪ ኣብ ምድሪ ዘርኣ
ጎይታ ከዕቢያ ብዙህ ክትፈሪ
ʻቲ ዕቡይ መጸ ረገጸ ብኃይሉ
ሓሲቡ ነይሩ ከጥፍኣ ካብ ምድሪ
ግን ኣይተኻእሎን ኣምሊጣ ወጸት ከደት ዓበየት
ጎይታ ይመስገን ጨንፈራ ሰፍሐ
ንዘደኸሙ መጽለሊ ኮነት

3. ኦ ሃሌ-ሉያ ፡ ሃሌ ሃሌ ሉያ
እናሰዓረ ፡ ዘልዓለም ዝነብር
ከም ኣምላኽናዶ ፡ ኣሎ መድኃኒ
ዝወዳደሮ ኩቶ ኣይርከብን
ብኽያቶም ይሰምዕ ፡ መሳኺን ደቂ ፡ ዘይቲ ይቀብኦም
ኣብ ቤቱ ይተኽሎም ፡ ኣብ ዓጸይቱ
የዕቢዮም ባዕሉ ሰየ ኪመስሉ

※ ※ ※

## *135 <u>መደምደምታ ሕጊ</u>*

1. ፍቕሪ ዓቃል ለዋህ ዘይብላ ጃህራ
   ምልክት ሕውነት ናይ ሕብረት ሰፍራ
   ለውሃትን ድንጋጸን እያ ሓሰራ
   ንልበሳ ኲላትና ሃየ ሓደራ

   መደምደምታ ሕጊ <u>ፍቕሪ</u>'ያ /2/
   ናይ ሰላም መሰረት ጽብቐቲ ግብሪ /2/

2. ጥዕምቲ መኣዛ ጽብቕቲ ፍረ
   ካብ ኩለን ፍረታት ክብሪ ትሕረ
   ዕምበባ ናይ ፍቕሪ እውን ዘሕረረ
   ሕግታት ናይ ኣምላኽ ኩለን ሰበረ

3. ቋንቋታት ናይ ሰብን መላእኽትን
   ክዛረብ ዝኽእል እንተ ዝኸውን
   ፍቕሪ እንተ ዘየላ ጭልጭል ከም ዝብል
   ምኾንኩ'ውን ኔረ ጥራይ ጸናጽል

4. ትንቢት እንተ ዝህልወኒ ኔሩ
   ንፍልጠት ዝገልጽ ኩሉ ምስጢሩ
   ንኣኽራን ዘግዕዝ እምነት'ውን ድማ
   ኣይምጠቐምንን ፍቕሪ ሃዲማ

   ብናይ ፍቕሪ ድምጺ እዩ ጸዊዑኒ
   ኩሉ ግደፍ በለ ንዓይ ሰዓበኒ

※ ※ ※

## *136 ምሕረትካ’ዩ*

1. ካብ ምሕረትካ ዝተላዕለ’ዩ ደው ኢለ ዘለኹ
ምእታወይ ምውጻአይ ብኣኻ ተሓልዩ
ማዕበል ክገ ላበጥ ክናወጽ ኣኽራናት
ቅልጽምካ ተተርኢሰ ኣለኹ ብህድኣት/ዓመታት

ምሕረትካ’ዩ (4) ፍቕርኻ’ዩ (4)
ኣብ’ዚ ዘብጽሓኒ
ካባይ ዝኾነ ነገር የለን (2)
ብኣኻ’ዩ ኩሉ ብኣኻ’ዩ (2)
ብኣኻ’ዩ ጸቢቑለይ ብኣኻ ኮይኑለይ (6)

2. ፍትሐይ ካብ ገጽካ ይወጽእ ብትርኢትካ እጸግብ
ፍቕርኻ ተዓንጊለ መከራይ ይርስዕ
ውሉደይ ክትብለኒ ብኣባታዊ ፍቕርኻ
ምንባረይ ጸቢቑ ብምኳነ ይ ናትካ

※ ※ ※

## *137 ምሳኻ ኮይነ*

እግዚኣብሔር ሓይለይ ኢኻ
ከውሒይ ኢኻ ትውክልተይ ኢኻ
ምሳኻ ኾይነ ኩሉ ዚኸዶ ካብ ዓወት
ናብ ዓወት እናዘለልኹ’ ሓልፎ (2)

1. ’ቲ ግሁር ሓዊ ኣብ እቶን ዝተኣጉደ
ሸውዓተ ዕጽፊ ኮይኑ እኳ እንተነደደ
ንስኻ ምሳይ ስለዘሎኻ ኣብኡ
ይሕጎስ እዝምር ኮይነ ኣብቲ ውሽጡ (2)

2. ናብ ንሕስያ ዘይብሎም ዝተኣስሩ ኣናብስ
ደርብዮም ዓጸውኒ ታሪኸይ ክድምሰስ
መልኣኸካ ልኢኽካ ኣፎም ዓጸኻለይ
ዘይባህሪኦም እምበር ኮኑ መጻውተይ (2)

3. ሕልሙ ኣጨኒቕዎ ንጉስ ተናወጸ
ምዝካሩ ስኢኑ ሰብ ኪቐትል መሪጸ
ንህይወተይ ዘጥፍእ ዝነበረ ጉዳይ
ነቲ ምስጢር ገሊጽካ ንኽብረት ኮነለይ (2)

እግዚኣብሐር ዋልታይ ኢኻ
ዕርደይ ኢኻ ረድዔተይ ኢኻ
ምሳኻ ኾይነ ኩሉ ዚኸዶ
ካብ ዓወት ናብ ዓወት እናዘለልኩ’ ሕልፎ (2)

4. ኩነታት ተመሰለ ኣምላኽ ዝራሕርሓኒ
ገና ብንስእነተይ ናብ ምርኮ ዝደርበየኒ
ለካ’ቶም ዝጸንዑ ዝሕልው እምነቶም
ፍልይ ኣቢልኻ ብዓወት ትመርሖም (2)

※ ※ ※

## 138 *ምስጋና*

ኦ ብዙሕ/ ኣሻሕ/ ኣእላፍ ምስጋና
ኦ ብዙሕ ኣምልኾ
ኦ ብዙሕ ዝማሬ
ኢየሱስ ይኹን ንዓኻ /3/

ምዝማረይ ንዓኻ እምበር ኢየሱስ ንመን ድኣ'ሞ /2/
ደው ምባለይ ንዓኻ እምበር ኢየሱስ ንመን ድኣ'ሞ /2/
ንእስነተይ ንዓኻ እምበር ኢየሱስ ንመን ድኣ'ሞ /2/
ይግባኣካ እዩ /8/

1. ንሓይለይ ሐዲስካለይ ፡ ጸሎተይ መሊስካለይ
   ንንብዓተይ ደሪዝካዮ፡ ውሽጠይ ሓጎስ መሊእካዮ/2/

2. ውድቀተይ ዝምነዩ፡ ሓፈሮም ድሕሪት ተምልሱ
   ኣምላኸይ የዕቊብካኒ፡ ጸግዕን ዕርድን ኮይንካኒ/2/

3. ኣብ በረኸቲ ይመላለስ፡ ዝተባህለኒ መታን ክወርስ
   ዕርዲ ሰይጣን እንዳ ኣፍረስኹ
   ብኣምላኸይ ይሕበን ኣለኹ /2/

※ ※ ※

## 139 ሰመያዊ መግቢ

ሰመያዊ መግቢ እኖተይና መግቢ
ሰመያዊ ሂወት ብሓቂ ቀላቢ
መንፈሳዊ መንገዲ ንልቢ ወሃቢ
ሰመያዊ መግቢ እኖተይና መግቢ

1. ስግኡ ብሓቂ ናህና መግቢ እዩ
   ደሙ ብሓቂ እወ መስተና'ዩ
   ዘልኣለማዊ ሂወት ዘልበሰና'ዩ እሞ /2/
   ፍትሒ ክህበና'ዩ ሃየ ንቀበሎ

2. ክንገር ዘይከኣል ግርማን ሃብትን
   ንደቁ ዝሃበ ሓይልን ብርሃንን
   ብዘይ ብኡ ትርጉም ሰናይ ነገር የለን /2/
   ንዑኡ ንልበስ ወረስቲ ክንከውን

3. እቲ ዝዓበየ ትኣምራትካ ጎይታና
   ስግኡን ደሙን ዝወፈየልና
   ፍቅሪ ናይ ኢየሱስ ምስጢር ዝገለጸልና /2/
   ሰማያዊ መግቢ እቲ ኡኑተይና

※ ※ ※

## 140 <u>ሰናይካ'ዩ ዘሰንየኒ</u>

1. ኣብ'ዚ ሕሉፍ ዕምረይ ዘሕለፍክዎ
ላዕልን ታሕትን ኢለ ዘጥረኽዎ
ሓደ እኳ ኣይወነ ንኩን ባህ ዝበለኒ
ሰሰዕ የ ዒንተይ ጎ ልቢቡኒ
እንትርፎ ክሳራ እምበር የለን መኽሰብ
ብምባል ንብሕተይ እንክሓስብ
ሃንደበት መንገ ድኻ ረኺብክዎ
ጉዕዞይ ክፍልም እግረይ ኣንበርክዎ

ጸሓይ በሪቓ ክሳብ እትሃትፍ
ሃቲፋ ድማ ክሳብ እትቕልቀል
ንዓይ'ኳ ሰናይካ ኢዩ ዘሰንየኒ
ለይትን ቀትርን መንገ ደይ ዝመርሓኒ

2. ናይ እምነ ት መንገ ደይ ስኢነዮ
የማን ጸጋም በልኩ ከለልዮ
ምንባር ኣብ'ዛ ዓለም ኣጽሊኡኒ
ጣዕሳ ኮይኑ ምግበይ መሪሩኒ
ሳላኻ ግን ሳላ ሓያል ኢየ ሱሰይ
ብኣኻ እወ ተሓዲሱ መንፈሰይ
ካብ ማሕዩር ዓዘቕቲ ሞት ኣውጺእካኒ
እነ ኹ'ኳ ይዝምር ባህ ኢሉኒ

3. ዕላማ ምፍጣረይ ኣቕለብክሉ
ኢየሱስ ከም ንጉሰይ ኣመንክሉ
እንካብ ሸዑ ልበይ ተሓጒሳ
ንዕኡ ተመስግን መመሊሳ
እንቋዕ እኳ ኣይኮነት ኣብ ዕርበቱ
ሂወተይ ምስ ጠፍኣት ብኸንቱ
ብኣጋ ኣድሒንዋ መድሓንየይ
ስለ'ዚ ይመስገ ኖ ፈጣርየይ

※ ※ ※

## *141 <u>ሰንደቕ ዕላማይዩ</u>*

**እግዚኣብሔር ሰንደቕ ዕላማይዩ /2/**
**ኣብ ልዕል ዝበለ ቦታ ኮይኑ ዝርኣየኒ**
**እንዳ ሰዓረት <u>ትስዕር መንግስቲ</u> /2/**
**ከምዘላትኒ / ምልክተይ**

1. **እዛ መንግስቲ እዚኣ <u>ሰዓሪትያ</u> /2/**
**ደጌታት ሲኦልን ዘይሕይልዋ**
**መርሐሞት ሲኦልን <u>ዘይሓዘት</u> /2/**
**ንመንግስቲ ሰይጣን ዘናወጸት / ዘንቀጥቅጥ**

2. **ኣብ ነዊሕ ከረኑ ሰንደቕ ዕላማይ ዝፈለየ**
**ንሱዩ ዝርአ ንዝኮነ**
**ንሱ ንሰራዊቱ <u>ዝቕርብዩ</u> /2/**
**ናይ ይሁዳ ኣንበሳ ጅግናዩ / ሰዓሪዩ**

3. **ጸላኢ ከም ውሕጅ ደሪኩ <u>ምስ መጸ</u> /2/**
**ብትንፋስ እግዚኣብሔር ተሰጎ**
**ኣብ ኩሉ ውግኣይ ዝሰለፈለይ / ዝኣልየለይ**
**እግዚኣብሔር'ዩ ዓላማይ/ ሰንደቕ ዓላማይ /2/**

※ ※ ※

## *142 ስብሃት ይኹኖ*

1. ከመይ ዝበለ ኣቦ'ዩ
ናይ ምሕረት ጎይታ እኳ'ዩ
ንደቁ ሰላም ኣዳልዩ ዝጸንሕ
መፍቀሪ ኢዩ ኣዝዩ ዝርሕርሕ

*ነቲ ኣቦ ሰላም ኣምላኽ*
*ነቲ ኣቦ ምሕረት ኣምላኽ*
*ነቲ መጸናንዒ ኣምላኽ*
*ስብሓት ይኹኖ (3)*

2. ዓቢ ዓቢ ዓቢ ኢዩ
ናይ ሰላም ኣቦ እኳ'ዩ
ኣብኡ ዝውከል ከቶ ኣይሓፍርን
ንስሙ ዝጽውዕ ኩሉ የመስግን

3. ለዋህ ለዋህ ለዋህ ኢዩ
መጸናንዒ ጎይታ'ዩ
ንዝሓዘነ ልቢ ዘሕጉስ'ዩ
ንዝጠመየት ነብሲ ዘዕግብ'ዩ

4. ኩሉ እንክድርብያካ
ኩሉ እንክጸልኣካ
ንሱ ግን ናተይ ኢዩ ዝብለካ
ስለዚ ንጎይታ ክብሪ ሃቦ ኢኻ

※ ※ ※

## *143 <u>ረድኤተይ</u>*

1. እግዚኣብሔር ምሳይ እንተ ዘይነብር
   ከም ቃሉ ድማ እንተዘይገብር
   ሰባት ተንሲኦም ሓርቀቶም ኣብ ልዕለይ
   ምዋሓጡኒ ከለኹ ብሕይወተይ

   ረዲኡኒ /2/ ወሓይዝ ማያት ከየጥሕለኒ
   ኣመስግኖ /2/ ንምንጫት ኣስናኖም ዘይወፈየኒ
   ረድኤተይ'ሲ ረድኤተይ /2/
   ንሱዩ'ቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ <u>እግዚር</u>/2/ 2

2. ሕንቅል ሕንቅሊተይ ይኾነኒ
   ዝፈትሓለይ ድማ ይጠፍኣኒ
   ሓሳበይ ንሰባት እንተነገርኩ
   ዝርድኣለይ ነይረኸብኩ

   ሓደ ግን ኣሎ/2/ ምስጢር ዝፈትሕ
   ኢየሱሰይ'ዩ /2/ ንኹሉ ሽግረይ ፈቲሑለይ

3. ነቲ ክረድእ ዘይካእሎ ሰብ
   ፈጺመ ኣይውከልን ኣይእመንን
   ልዕሊ ኣቦ ልዕሊ ኣደ ዝሓልየለይ
   ሕጅስ ረኺበ'የ ዝርድኣለይ

   ንኽስተማስል ዝጽበዩኒ ኣበይ ኣለው
   ኣምላኽ ኣጋር'ሲ ረዳኢ ዘኽታም'ዩ
   ሕያዋይ ጓሳ እግዚኣብሔር'ዩ ስሙ

※ ※ ※

## *144 ቤትካ*

1. ዓቕለይ ጸቢቡኒ ካብ ዓቓን ክሸገር
   ኑብሰይ ኣዋዲቓ ኣትየ ኣብ መዋጥር
   ንስኻ ግን ኢየሱስ ሰዲድካለይ ኢድካ
   ስሒብካ ኣውጺኻኒ ውሉደይ እንዳበልካ (2)

   ቤትካ ሰላመይ'ዩ
   ቤትካስ ዕረፍተይ'ዩ
   ቤትካ ኩሉ'ዩ
   ስለዚ ጎይታይ ከምልኸካ
   ወሲነ (2) ክነብር ምሳኻ
   ንዘልኣለም ኢየሱስ ኣብ ሕቑፎኻ

2. ተግባረይ ከፊኡ መርገም በዚሑኒ
   ሴፎም እንዳመዘዙ ሰባት ከጥፍኡኒ
   ዘርሞ ዘርሞ ኮይነ ከይርሕቕ ካብ ቤትካ
   ፈቃር ኢየሱሰይ ምጻእ ሓደራኻ (2)

3. ብባሕሪ እንተኸድኩ ትጥሕል መርከበይ
   በመሬት ተኸድኩ ይጠማመር እግረይ
   ሓንሳብ ንሓዋሩ መሪጸ ንቤትካ
   ብሓጎስ ክነብር ምስቶም ቅዱሳንካ (2)

4. ሎምስ ባህ ኢሉኒ ውሉድካ ምኳነይ
   እቲ ዘድልየኒ ኩሉ መሊኡለይ
   ንቤትካ መሪጸ ሕቑፎኻ ኢየሱሰይ
   ልበይ ተሓጒሱ ኣሜን ኣሰይ ኣሰይ (2)

※ ※ ※

## *145 <u>ብሓጎስ ንዘምር</u>*

1. ኩልኺ ምድሪ ንእግዚኣብሔር ዘምሪ
ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ምድሓኑ ኣበስሪ
ኣብ ኩሎም ለሰታቱ ታምራቱ ንገሩ
ኣብ ማዕከል ኣህዛብ'ውን ክብረቱ ኣበስሩ

ሓጎስ ንዘምረሉ ፡ ዕልል ንበለሉ
ክብሪ ድማ ሃቡ ፡ ክብሪ ንኢየሱሰይ
ዝሞተለይ ምእንቲ ሓጥያተይ /4/

2. ነቲ ቅዱስ ስምኻ ምእንቲ ክንውድሶ
ብምውዳስካ'ውን ህዝብኻ ክኽብር'ሲ
ኣታ ኣምላኽ ምድሓና ኣድሕነና
ካብ ንኣህዛብ ብኣኻ ትህበናስ ኣናግፈና

3. ኣብቲ ነጸብራቕ ቅድሚኡ ጉሁር ሓዊ ነደደ
እግዚኣብሔር ካብ ሰማይ ኣንጎድጎደ
ክርስቶስ ምጻኢ እጽውዕ ኣለኹ
ንስኻውን እግዚኣብሔር ጎይታይ ኢኻ በልኩ

4. እግዚኣብሔር ዓቢ'ዩ ብሰብ ምስጉን'ዩ
ኣብ ልዕሊ ኣማልኽቲ ድማ ዘፍርሕ'ዩ
ብእግዚኣብሔር መስክሩ ብሕብረት ኣብርህዎ
ምሕረቱ ንዘልዓለም እዩ ኣመስግንዎ

※ ※ ※



## *146 <u>ብምስጋና ልዕል ነብሎ</u>*

1. ኩሉ ብርኪ ዝሰግደሉ
ረማዕ ገማዕ'ውን ዝብለሉ
ኣቱም ህዝቢ ኣመስግኑ
ንኣምላኽና ዓልልሉ /2/

እግዚኣብሔር ሰላምና እዩ'ሞ
ንእግዚኣብሔር ክብሪ ንሃቦ
እግዚኣብሔር ኣምላክና እዩ'ሞ
ብምስጋና ልዕል ነብሎ /2/

2. ብምሕረት ዝጠመተና
ኣብ ኣእዳዉ ዝወቀጠና
ዕዳ ከፊሉ ሂወት ሂቡና
ይውሕዶ'ዶ ካብ ስብሃት ምስጋና /2/

3. እዚ ሓሲቡ ዘክበረና
ርእሲ ማኣዝን ዝገበረና
ቀጽርታትና ኣብ ዓይኑ'ዩ
ሓላዊና ኣይታክስን'ዩ /2/

4. ልሳናትና
ልባትና'ውን ሓጎስ ምስ ደስታ
ዘንጀርበብ ድንቂ ጎይታይ
ኣብ ዘመናት መስተንክር ስርሑ

※ ※ ※

## *147 ብምስጋና*

ብምስጋና ፡ ብምስጋና ክመጸካ
ብውዳሴ ፡ ዕልልታ ክቐርበካ /2/

1. ንምስኪን ተልዕሎ ፡ ብምስጋና
   ኣልዒልካ ተኽብሮ ፡ ብምስጋና
   ኣኽቢርካ ተንብሮ ፡ ብምስጋና
   ኣብ በትካ ተሕድሮ ፡ ብምስጋና

2. ትዝክር ንርሱዕ ፡ ብምስጋና
   ተኽብር ንድኩም ፡ ብምስጋና
   ዕቡያት ኣውዲቅካ ፡ ብምስጋና
   ትሑታት ኣልዒልካ ፡ ብምስጋና

3. ንኹሉ ትገዝእ ፡ ብምስጋና
   ስልጣን ተህድእ ፡ ብምስጋና
   ማዕበል ገኢሕካ ፡ ብምስጋና
   ንንፋስ ኣህዲእካ ፡ ብምስጋና

4. ብሓጎስ ክግዛእ ፡ ብምስጋና
   ብእልልታ ይመጽእ ፡ ብምስጋና
   እግዚኣብሔር ኢኻ ፡ ብምስጋና
   ኣብ ዝፋንካ ይሰግድ ፡ ብምስጋና

ብምስጋና ፡ ብምስጋና ክመጸካ
ብውዳሴ ፡ ብእልልታ ክቐርበካ /2/

※ ※ ※

## 148 ብዕብየትካ ተፈሪህካ ትነብር

1. ሰማያት ክብርካ ይነግሩ
   ፍጥረት ምድሪ ስራሕካ የፍልጡ /2/
   ንስኻስ ዓቢ ኣምላክ ምካንካ
   ፈሊጡ ኩሉ የኽብረካ

   ብዕቤትካ ተፈሪህካ ትነብር /2/
   መን'ሞ ኣሎ ከማካ ዝከብር /2/

2. ግርማን ክብርን ብመላእክቲ ተከቢብካ
   ኣብ ዘይቕረብ ብርሃናት ዘሎካ /2/
   ኣምላከይ ዓቢ ኣምላክ ሙካንካ
   ፈሊጡ ኩሉ ይግዝካ

   ካብ ሓያላት ዓቢ'ዩ ሓይልካ
   እግዚኣብሔር ልዑል ልዑላት ኢካ /2/
   ካብ ኩሉ ስልጡን እዩ ትብብካ
   ዝደፍር የለን ዝቀውን ኣብ ቅድመካ

3. ካብ ስም ኩሉ ስምካ ዝለዓለ
   ብቁዕ የለን ንዓካ ዝመስለ /2/
   ክሳብ ሕጂ ከቢርካ ኣሎካ
   ንዝልኣለም የልቦን ዝመስለካ

※ ※ ※

*149 ተመስገን*

1. ከይዘክትም ከይሓስብ ዝሓሊ ብናብራይ ተመስገን/2/
ኣቦ ረኪበ'የ ኩሉ ዝኮነለይ
እንታይ ኣሎ እሞ ካብ'ዚ ዝበለጸ
ኣብ ዓይኒ ፍትወይ ኣነ ተመሪጸ
ንዓይ ንዘይሕሰብ እንካብ ሓሰበኒ
ከክብሮ'የ ኣነ ከምቲ ዘክብረኒ

እግዝኣብሄር መዝሙረይ ኢካ'ሞ ተመስገን /3/
እግዝኣብሄር ሓይለይ ኢካ'ሞ ተመስገን /3/
ተመስገን ብሰማይ/ ብምድሪ ተመስገን ተመስገን

2. ኣብ ዘመን ሂወተይ ጸቢቁ ዕድለይ ተመስገን
ኣብ ምድሪ ከለኩ የሱስ ኮይኑ ተስፋይ
እዚ ሓላፊ ስጋ ዘይሓልፍ ክለብስ
ተዳልዩለይ ኣሎ መንግስቲ ክወርስ
ከማይ ዝረኩብኩም ንስሙ ባርኹ
ብመዝሙር ምስጋና ዘምሩ ዓልሉ

እግዝኣብሄር ጽላለይ ኢካ ሞ ተመስገን /3/
እግዝኣብሄር ሰላም ኢካ ሞ ተመስገን /3/

3. ኣብ ግዜ ጸበባይ ፍጡን ረዲኤተይ ተመስገን/3/
ካብ ድብን ካብ ተኹላን ዘድሕና ንኑብሰይ
ናይ ውሉዱ ጥፋኣት ክሪኦ ዘይደሊ
ካብ ኣፍቶም ጸላእተይ መንዚዑ ዘውጽኣኒ
እዚ ክሳብ ኣብዚ ዝረድኣኒ ጎይታ
መንግስቱ ይባረክ ናይ ይሁድ ኣንበሳ

እግዝኣብሄር መዝሙረይ ኢካ'ሞ ተመስገን /3/
እግዝኣብሄር ሓይለይ ኢካ ሞ ተመስገን /3/

4. ስምካ ንዘልኣለም ክባርኮ'የ ተመስገን
ኣብ ኣጸድካ ኣትየ ክውድሰ'የ
ብሂወት ከለኩ ከመስግነካ
ክሳብ ዘለኩ 'ውን ከገልግለካ

እግዝኣብሄር መዝሙረይ ኢካ ሞ ተመስገን /3/

እግዝኣቤር ሓይለይ ኢካ ሞ ተመስገን /3/

ከምልከካ የምልከካ ይሰግደልካ ንዘልኣለም
ክውድሰካ እውድሰካ ከክብረካ ንዘልኣለም
ንጉስ ኢካ /2/ ጎይታ ኢካ ንዘልኣለም
ህያው ኢካ /2 /ንበይንካ ንዘልኣለም

## *150 <u>ተመስገን መድሓኒ</u>*

1. ኣልፋን ኦሜጋን ኢኻ ኢየሱሰይ
   ናይ ሂወተይ ንጉስ መራሒ መንገደይ
   ንስኻ ዋልታይ ዕርዲ ካብ ጸላእተይ
   ኣምላኸይ ከፍቅረካ ብምሉእ ሓይለይ

   <u>ተመስገን</u> (3) መድሓኒ
   <u>ተመስገን</u> (3) ኤልሻዳይ
   ምሕረትካ ንዘልዓለም ይነብር'ዩ'ሞ /2/
   ኣባኻ ተጸጊዐ ኣነ ጉዕዞይ ክፍጽሞ

2. ኣባኻ ዘውከል ፍጹም ኣይሓፍርን
   ሓጎስን ትብዓትን ወትሩ ይሓፍስ
   ብምሉእ ልበይ ከመስግነካ
   ፍትወይ ንዘልዓለም ከኽብረካ

3. ንሂወተይ ብርሃን ንመንገደይ መብራህቲ
   ብርቱዕ ጓሳ ኢዩ ዝሕሉ ካብ ጸላእቲ
   ኣብ ሻኻ ዘውዕል ዘብልዕ ዘስቲ
   እሙን ዓርኪ ኣሎ ምሳይ ቀትሪ ለይቲ

4. ህያው ኣምላኽ ኢኻ ትርኢ ትሰምዕ
   ስልጡን ኣምላኽ ኢኻ ጽድቂ ዘመልኣካ
   ኣዝየ ይሕጎስ ኣምላኸይ ብምኳንካ
   ሓይልኻ ሃበኒ ከውርዮ 'ቲ ስልጡን ተግባራትካ

※ ※ ※

## 151 ተመስገን ትማሊ

1. ኣብ'ቲ በሪኽ ብዙሕ በረኸት
ደሓር ቁልቁል መንፈሳዊ ድርቀት
'ቲ ጥውይዋይ መንገዲ ህይወተይ
ኮይኑኒ ኣሎ ኩሉ ንትምህርተይ

ተመስገን ትማሊ ብዝሓለፍክዎ
ተመስገን ሎሚ ብዘለኽዎ
ተመስገን ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ኩሉ ናትካ ኢዩ'ሞ
ተመስገን ድማ ኢለ ንኹሉ እድምድሞ

2. መሪር ሓዘን ኣትዩኒ ኣብ ልበይ
ስኢነ 'ውን ከቢዱኒ ናብራይ
ንጸልማተይ ንስኻ ኣብራህካዮ
ንብርሃነይ ኣዚኻ ኣድመቕካዮ

3. 'ቲ ፍቓድካ ክፈልጥ ክጽሊ
እዚ'ዶ እቲ ከረጋግጽ ይደሊ
ብዝመራሕካኒ ክኸይድ ምስ ወሰንኩ
ጸቢቑለይ ከም ብተይ ዓንደርኩ

4. 'ቲ ጸሎተይ ንናሕሲ ዘይሓልፍ
'ናነ ባዕኩ ንበይነይ ዝልፍልፍ
ዝራሕራሕካኒ መሲሉ ምስተራእየኒ
ኣብ ሕቑፉኻ ጌርካ ኣቢድካኒ

※ ※ ※

## 152 ተመስገን ኢየሱስ

1. ኣብ መቕደስካ ክኣቱ ሒዘ ጥዑም ሽቶ
   ንኽብርኻስ ኢየሱስ ይሰብሮ አፍስሶ
   ንኽብርኻስ ፍትወይ ይሰብሮ የፍስሶ
   ቅዱስ/3/ ኢለ ኣምልኽካ
   ኣብ ዘመናት ኩሉ መንዩ'ሞ ከማኻ/2/
   ከማኻ መን'ዩ ዘመስለካ

   ተመስገን ኢየሱስ ተመስገን /3/ ተመስገን
   ነብሰይ ተኽብረካ ኣላ ተመስገን
   ነብሰይ ተዕብየካ ኣላ ተመስገን
   ነብሰይ ተንግሰካ ኣላ ተመስገን
   ነብሰይ ተምልኸካ ኣላ ተመስገን
   ተመስገን/2/ ብነገር ኩሉ ጻድቕ ኢኻ'ሞ ተመስገን
   ተባረኽ/2/ ብነገር ኩሉ ህያው ኢኻ'ሞ ተባረኽ

2. ኣበርን መንቅብን ፈጺሙ ዘይብልካ
   ዕዳ ኮነ ዕጣር ዘይተረኽበካ/2/
   ንስምኻ ከኽብር ትምክሕተይ እዩ ንዓይ
   ብኣኻ ክጽዋዕ ኩርዓተይ ሓበነይ
   ብኣኻ ክጽዋዕ ስም ክብረተይ እዩ ንዓይ
   ኮይኑለይ ዕሚይ ጸቢቑለይ

3. ካብ ዱጌታት ናይ ሞት ስሒብካ ተውጻኒ
   ኣብ በረኽቲ ቦታ ዳግም ተቐመኒ/2/
   ከማኻስ መን'ዩ ንዓይ ዝቐርበኒ
   ኣብ ክፉእ ኣብ ጽቡቕ ካልኣይ ዝኾነኒ
   ኣብ ራህዋ ኣብ ጸበባ ካልኣይ ዝኾነኒ
   ዝኾነኒ ዘጸናንዓኒ

※ ※ ※

## *153 ተመስገን*

1. ክንደይ ይምቅር ሂወት ምስ ኢየሱስይ
   ካቡ ዝጥዕም የለን ኣብዛ ዕሽል ነብሰይ
   ንሱ'ዩ ፍቕሪ ለጊሱ ኣብ ሂወትና
   ብቑዓት ክንከውን ኣብ ዘመን ሂወትና

   ተመስገን ንበል ብዓውታ ፡ ተመስገን
   ተመስገን ንበል ብእልልታ ፡ ተመስገን
   ተመስገን ንበል እወ ንጎይታ
   ምእንታና ክብል ደየበ ጎልጎልታ /2/

2. ኣይረኸብኩን ኣነ ንዓኻ ዝመስል
   ብሓጎስ ብደስታ ዘልዓለም ዘፍቕር
   ጉዕዞ ሂወት ከሕልፎ ምሳኻ
   መሪጸ'ላ ነብሰይ ከተኸብር ንዓኻ

3. ንሕና ናባካ ንመጽእ ኣለና
   ወሲና ምሳኻ ክንነብር ጎይታና
   ደቅኻ ካብ ኮና እንታይ ዘፍርሕ ኣለና
   ንስኻ ካብ ኮንካ መርከብ ናይ ሂወትና

4. ኣሕዋት ይኣክል ደጊም ፍትወት ስጋ
   ንፈጽም ትእዛዛቱ ጎይታ ዝበለና
   ኣይንታኸስ ደኣ ነመስግን ደጋጊምና
   ብድሙቕ ከበሮ ምስ ጥዑም ቃናና

※ ※ ※

## 154 *ተጌሩለይ'ዩ*

ተጌሩለይ'ዩ ዓቢ ነገር ክዝምር'የ
ተጌሩለይ'ዩ ሰናይ ነገር ከመስግንየ
ዝሃብካኒ ጸጋ ምስ በረኸት
ክዕልል ክዝምር ኣብ ናትካ ቤት
ብሂወት ክሳብ ዘለኹ ንኣምላኸይ ክዝምረሉ

1. ኣብቲ ፍሹል ጉዕዞ ናይ ሂወተይ
ጓሂን ጣዕሳን ዝመልአ መንገደይ
ናባኻ ክቐርብ ጸዊጽካኒ
እነኩ'ኚ ይዝምር ባህ ኢሊኒ /2/

ኣዝዩ መቂሩኒ ኅይታይ ህይወተይ
ክዝምርየ ክጭድር ሰሲኑ ዓወተይ
ብኣኻየ ረኺበ ሓጎስ ልበይ
ውሽጢ ውሽጠይ
ከቢቡኒ'ሎ ፍቕሩ ኣብ ልበይ
ክበረለይ ንገሰለይ

2. ማዕበል ተበርተዐ ከስጥመኒ
ናብ ዘብሎ ሰኢነ ክጨንቀኒ
ብትኣምር ግብርኻ ጸጥ ተብሎ
ከምቲ'ስኻ ትገብሮ መን ይኽሎ /2/

3. እንታይነትካ ኩሉ መርሚረዮ
ምሳኻን ብዘይ ብኣኻን ፈቲሸዮ
ሕሹኽታይ ትሰምዕ ድሌት ልበይ /2/

4. ጾረይ ዘራግፈሉ ናይ ዝባነይ
ኣብ ቤትካ'የ ረኺበ ሓጎስ ውሽጠይ
ይነብር ኣለኹ ኣብ ሕቕፎኻ
እንዳስተማቕርክዎ ፍቕርኻ/2/

## 155 ኣምላኸይ ምስጋና

1. ከለኹ የለኹ ዘስዕቦ
ህይወተይ ዘድሓነ ብደሙ
መሊእዎ ውሽጠይ ሰላሙ
መምህረይ'ዶ ክብሎ ህይወተይ
ትንፋሰይ'ዶ ክብሎ ንጉሰይ
ቀቅድሚት ዘሓልፍ ደጀነይ

ሃሌሉያ /7/
ንኣምላኸይ ምስጋና ንጎይታይ ምስጋና
ንኢየሱስ ነቲ ዘፍቀረኒ/ ዘድሓነኒ ምስጋና /2/

2. ነቲ ነፍሰይ ዘጠዓመቶ
ንዑ ኩሉኹም ርኣዩ
ኣምላኸይ ብርግጽ ኣምላኸዩ
ዘሰምዕ ዘርኢ ዘምልስ
ብስብራት ቁስሉ ዘፍውስ
ሕያው'ዩ እቲ ዘኣምኖ ኢየሱስ

3. ብግብረይ ኣይኮነን ብሓይለይ
ብጸግኡ ኮይኑ ዓወተይ
ዓሚቑ'ዩ ምስጢሩ ምድሓነይ
ኣብ ዘይቅረብ ብርሃን ዝነብር
ማሕደሩ ኣብ ልበይ ከንብር
ከመይ'ሉ ኮይኑለይ ክስዕር

4. እቲ ነፍሰይ ዘጥዓመቶ
ኣብ ጭንቀታ ዘረኸበቶ
ብርግጽ መድሓኒ ኢላቶ
ንብዘሎ ከለይ ኣልጊሱ
ናይ ምስጋና ክዳን ኣልቢሱ
ኣምላኸይ ኣብ ልበይ ነጊሱ

※ ※ ※

## *156 ንዓይ ብምሕራይካ*

1. መዓልቲ ምድሓነይ ፡ ሕጂ ክባርኻ
ስለ ዝኾንካለይ ፡ ንሕይወተይ ጠበቓ
ስምኻ ጸዋዕኩኻ ፡ በልኻኒ
ምግላጹ ስኢነ ፡ ዓቢ'ዩ ኮይኑኒ

ንዓይ ብምሕራይካ ፡ ንዓይ ብምምራጽካ
ንዓይ ብምፍቃርካ ፡ ክገልጾ ዘይክእል
ካብ ኣእምሮይ ንላዕሊ እዩ ጎይታይ

2. ካብ ሞት'ውን ናብ ሕይወት ዘሰጋገርካኒ
ኣብ ልዕሊ ሰይጣን'ውን ዓወት ዝሃካኒ
ዝመልሰልካ የለን ንዝዓደልካኒ
ናብ ዘገርም ብርሃን እውን ዘውጻካኒ

3. ካብ ዘልዓለም ስቃይ ኢየሱስ ዘድሓንካኒ
ናብ ሃገረ ሕያዋን ንዓይ ዘምጻእካኒ
ልበይ ብምስጋና ኣፈይ ብዕልልታ
ክዝምረልካየ ኣታ ለዋህ ጎይታ

4. ሓደ ክልተ ኢልካ ዘይቁጸር
እዝን እትን ኢልካ ዘይንገር
ንዝገበርካለይ ውዕለታት
ክሳብ ዘለኹ'ውን ከመስገነካ

5. ኣፈይ ብምስጋና ብርሃን ተወለዐ
እቲ ንዑቅ ጸላኢ ፈጺሙ ተዳህለ
ብጭፍራ መልኣኽቲ ኢየሱሰይ ተመልአ
ኣብ ሰማይ ኣብ ኣርያም ዕልልታ ተሰምዐ

※ ※ ※

## 157 *<u>ኣመስግን ኣለኹ</u>*

1. ህቦብላ ዘደፍኣኒ ዘይተጸናናዕኩ
   ነፍሰይ ተመረረት ዕረፍቲ ሰኣንኩ
   ዘመን መጺኡለይ እዋን ሓጎሰይ
   ዝሃድኣሉ ረኺበ ተወዲኡ ጻዕረይ
   ሰንደቕ ዕላምኡ ፍቕሩ ኣብ ልዕለይ እዚ ጌሩለይ

   ‘ቲ ንምንጫቶ ኣሰናኖም ኪኸውን ዘይወፈየኒ
   ብጸጋ ክዓቢ ድኣ ኣብ ሰማይ ድኣ ዝባረኸኒ
   እባርኾ ብወዱ ኢየሱስ ጌረ
   ንስሙ ከዕቢ ምስ ኣሕዋት ሓቢረ
   ሃሌ ሃሌ ሉያ <u>ሃሌ ሉያ</u> (4)

2. ምንባር’ዚ ተኾይኑ ትርጉሙ ጣዕሚ’ዛ ሂወት
   ዘይምንባር’የ ዝመርጽ ዘይተፈጥረ ምኳን
   ዝበልኩሉ ትኣረጊት ሰብ
   ምስናይ ፍትወቱ ምስ ተላዕለ ካባይ
   ኣመስግን ኣለኹ ተፈቲሐ
   ስሙ ይኽበረለይ <u>ሃሌ ሉያ</u> (4)

3. መውግእየይ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ኣጽዋር
   ንፍርዲ ዝትንስኣኒ ኩሉ ልሳን
   ክጻረሩኒ ዝሰማምዑ ኣ’ክናፎም ጥፍኣት
   ኵናቶም ዘርግሑ
   ‘ቲ ሓያል ኣምላኸይ ኣዋሪዱ ኣጽዋሮም ገፊፉ

4. ንሞት ኣብ ኣፍ ጸላእተይ ኣትየ ክፍጸም ታሪኸይ
   ንምሕርቃም ኣሰናኖም ጎይታ ኣይወፈየንን
   መፈንጠራ ሃዳናይ ተበትከ
   እቲ እሱር ሓጢኣት ሃዲሙ ኣምለጠ
   እዚ’የ ዘዘንቱ ንእትሰምዕ እዝኒ
   ኢየሱስ’ዩ መድሓኒ
   ‘ቲ ንምንጫቶ ,,,

5. ኣብ ማእከል ሰብ እናነበርኩ ዘይብለይ ረዳኢ
   መን ይመጽእ ኣብ ስፍራይ ክፈልጥ እቲ
   ሃረር ዝበልክዎ ምሉእ መዋእለይ
   ጎይታ እምበር ዓዩለይ ኣርሒቑ ጽምዋይ
   ኣለኹ ኣብ’ቲ ሕብረት ተኣዝዞ በረኸትናይ
   ዘልኣለም ህይወት ሃሌ ሉያ ,,,

## *158 ኣምላኽ ሰማይ*

1. ኣሻሕ ኣእላፍ መልኣኽትኻ
   ይሰግዱ'ለዉ ኣብ እግርኻ
   ስልጣንን ሓይልን ናትካ'ዩ
   ግርማን ክብርን እንዳበሉ
   ንሕና'ውን ኣብ'ዛ ምድሪ
   ስለዘይብልካ መሳሊ
   ነምልኸካ ተቓኒና
   ንባርኸካ ደው ኢልና

   ኣምላኽ ሰማይ ንጉስ ኲላ ምድሪ (2)
   ስምካ ይባረኽ ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ (2)

2. ግዝኣትካ ወሰን የብሉን
   ዕቤትካ ደረት የብሉን
   'ታ መንግስትኻስ  ህያው'ያ
   ዘይትነቓነቕ'ውን እያ
   ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ
   የለን ቦታኻ ዝትክእ
   ዙፋንካ ንዘልኣለም
   ጸኒዑ ይነብር ኣሎ

3. ኣታ ንፈትወካ ፍትውና
   ንባርኸካ ኣሎና
   ስምካ ምምስጋን ክብርና
   ንሱ'ዩ ዓቢ ሓጎስና
   ስለ'ዚ ስቕ ኣይንብልን
   ምምስጋን ኣይነቋርጽን
   ከቢርካ ክንርእይ ከሎና
   ብኡ ትዓግብ ህይወትና

※ ※ ※

## 159 *ሓምላኸይ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ*

1. ንማርያም መግደላዊት ካብ ምንዝርና
ንስምኦን ካብ ገፋፊ ዓሳ
ንማቴዎስ ካብ መኽፈሊ ቀረጽ
ንዘኬዎስ ካብ እንዳ ተገውቲ መሪጽካ

ንስኻ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ
ኢየሱሰይ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ
ሕይወተይ ጥዒማትካ
ንስኻስ ብሓቂ ፍቕሪ ኢኻ

2. ነታ ሳምራዊት ሰበይቲ ኣብ ጽምኢ ማያ
ንሓማት ስምኦን ዓሶ ሓሚማ ኸላ
ነታ መበለት ኣብ ሞት ናይ ወዳ
ነዞም ኩሎም ኣን ከምዚ ከለው ኣፍቂርካ

3. ንስጋይ ካብ ዓዘቕቲ ሓጢኣት
ንነፍሰይ ካብ ግዛኣት ናይ ጸልማት
ንሕይወትይ ካብ ዘልዓለም ጥፍኣት
ዝተበጀኻያ ኢየሱስ ፍቕሪ ኢኻ

4. ናይ ውሽጠይ ብፍጹም ትፈልጦ
ንሸኽመይ ቀንጢጥካ ተራግፎ
ንጭንቂ ልበይ ከም ጸሎት ትርእዩ
ንድኻመይ’ውን ኩሉ ትርድኦ

5. ሰብ ነቲ ክቡር ይሓሪ ይደሊ
ንስኻ ግን ነቲ ድኹም ትሓሪ
ባህርያትካ ፍሉይ’ዩ መስተንክር
ፍቕርኻ ሓሲበስ እኔኹ ይዕልል

ስለቲ ፍቕርኻ ዕልል (3) ዕልል’ውን ይብል
ስለቲ ሓልዮትካ ዕልል (3) ዕልል’ውን ይብል
ስለቲ ሰናይካ ዕልል (3) ዕልል’ውን ይብል

## *160 ኣምላኽይ*

1. እግዚኣብሔር መድሓኒ’ዩ
ሓይሊ ህይወተይ ንሱ በይኑ
ብመላእኽቱ እናሓለወኒ
ንዒንቱ ድማ ነይፍከያኒ

ኣምላኽይ ብዙሕ’ዩ ውዕለቱ
ይመልኣለይ ከምቲ መጠን ሃብቱ
ይሕልወኒ ብነበልባል መላእኽቱ
የንብረኒ ከም መጠን ምሕረቱ ኣብ’ቲ ቤቱ

2. ዕቤቱ ዘይምርመር ስለዝበሃገኒ
ብብዝሒ ስርናይ የጽግበኒ
ሃብቲ መንግስቱ ኣዝዩ ዝለዓለ
ዘድልየኒ ይህበኒ ሓደ ከየጉደለ

3. ኣብ ጸጽባሕ ምሕረቱ ሓድሽ’ዩ
ኣይወጽእን ካብ ዝሞቐ ቤቱ
ተበጅየካ’የ ኢሉ ንዝመለሰኒ
ብሓጎስ ይጭድር ነዚ መድሓኒ

4. ውዕለቱ ብዙሕ’ዩ ክንደይ’ለ ክቐጽሮ
ስለይ ሓደ ወዱ መስዋዕቲ ዝገበሮ
እዚ ከይኣክል ኣቦይ ኮይኑኒ
ብስጋን ብነፍስን ይከናኸነኒ

※ ※ ※



## *161 <u>ኣምላኽ ምንጋፈይ</u>*

ንውርደተይ ዝዘከርካ ንንብዓተይ ዝደረዝካ
ኣምላኽ ምንጋፈይ ከመስግነካ/2/ 2

1. ኢየሱስ ይሓልፍ ኣሎ ምስ ሰማዕኩ
ንኽፍውሰኒ ዓው ኢለ ጨደርኩ
ሰባት ተሲኦም ክገንሑኒ
ንኸይፍወስ ሰኽቶ በል ክብሉኒ

ኣምጽእዎ ኢልካ ኢየሱስ ናዝራዊ
ፈዊስካኒ ዓይነይ ክርኢ
ከም ሰብ ዘይኮነ ትባህሪኻ
ኣምላኽ ምንጋፈይ ከመስግነካ

ነብሰይ ንኣምላኽ ኣመስግንዮ
ዝገበረልኪ ኣይትረስዕዮ
ሰናይ እዩ ሰናይ  ሰናይ ብሓቂ
እሙን ኣምላኽ እዩ ትዘፍኽቕረኪ

2. ኩላቶም ንሞት ፈሪዶምኺ
ዳርባ እምኒ ኣልዒሎም ክቐትሉኺ
ኢየሱስ ገና ክንዳኺ ደው ኢሉ
ኣናጊፉኪ ዕዳኪ ከፊሉ

ኣምላኽ ሰማይ ዓቢ ነገር ጌሩልኪ
ነብሰይ ብጎይታ ኣዝዩ ባህ ይበልኪ
እቲ ሓያል ዓቢ ነገር ጌሩልኪ
ኣመስግንዮ በገናኪ ኣልዒልኪ

3. ኣብ ምድረ በዳ ህያው ጽላልኪ
ዓይኒ ማይ ከፊቱ ዘተርክሰኪ
ንዘኮነ እዋን ከይተፈለየ
ይመርሓኪሎ እናተኣተየ

ተስፋኪ ንሱ’ዩ ደራዝ ንብዓትኪ
ጸዊዕክዮ ዝምልሰልኪ
ክብረይ ተንሰኢ ኣመስግንዮ
ፍቕሩ እንዳ ዘከርኪ ወጋሕታ ኣንቅሕዮ

## 162 *ኣምልኮ*

1. ብዓወት ክወጽእ ኣብ ኩሉ መንገደይ
ኣእዳውካ ሰዲድካ ሓቑፍካኒ ጎይታ
ካብ ኩሎም ጸላእተይ ከውሊ ኮንካኒ ኢካ
ቃላት ስኢነሉ የሱሰይ ውዕለትካ

ኣምልኮ ዓሰቢ ኣለዎ ንዓካ ኣምልኮ /2/እወ ኣለዎ
ስግደት ክብሪ ኣለዎ ንዓካ ስግደት/2/እወ ኣለዎ
ውዳሴ ጸጋ ኣለዎ ንዓካ ውዳሴ /2/እወ ኣለዎ
ኣክብሮት ክብሪ ኣለዎ ንዓካ ኣክብሮት /2/

2. ፍሉይ ዝበለካ ኢካ ናይ ሂወተይ ንጉስ
ከመስግነካ እየ ክዝምር ብታሕጋስ
ክብርታት ሓይልካ ንኩሉ ክነግር
ኩሉ የምልከካ ዓው ኢሉ ይዝምር

3. ንኩሉ ዘርዚረ ኣይወጾን
እንተሓሰብኩ ብኣእምሮይ ኣይበጽሖን
ናትካስ በይኑ'ዩ ፍቕርካ
መመሊሱ ዝምቅር'ዩ ጎይታ

4. ናብ ዝከድኩ ከይደ ኣብ ልዕለይ
ናብ ዘበልኩ ኣቢለ ኣብ ጎድነይ
ደቃይቅ ዘይትርሕቅ ካባይ
ፍሉይ'ዩ ሓልዮትካ የሱሰይ

※ ※ ※

## 163 ኣምልኾይ ንኸንቱ ኣይኮነን

1. ዓሰቢ ናይ ሓጥያት ሞት እዩ’ሞ
ብስልጣኑ ጎይታ ሰዒርዎ
ስለዚ ሞት ኣበይ ኣሎ ሓይልኺ
ኦ ሞት ኣበይ ኣሎ’ቲ ቅልጽምኺ

እቲ በራሲ ከይለብስ ዘይምብራስ
እቲ መዋቲ ክለብስ ዘይሙማት
ሽዑ ሞት ብዓወት ተዋሕጠት
ጎይታ ሲዒርዎ ንኹሉ ሓጥያት

ኣምልኾይ ከንቱ ኣይኮነን
መዝሙረይ ከንቱ ኣይኮነን
እምነተይ’ውን ከንቱ ኣይኮነን
ውዳሰይ ከንቱ ኣይኮነን /2/

እዚ ኩሉ ንዓይ እዩ ጌሩለይ
  ዓወት ረኺበ መሊእዎ ሓጎሰይ
ብግብሪ ርኤዮ ኣምላኸይ ፡
  ውዕለቱ ፍቕሩ ገሊጹለይ /2/

2. ብሞት ዘይተሳዕረ ኣምላኸይ’ዩ
ዕርዲ ናይ ሞት ሰቢርዎ እዩ
ንጎይታ ሰራዊት ኣመስግንዎ
ዕቤት ጎይታ ወትሩ ኣስተንትንዎ

ደጊም ዝፈርስ መቕደስ የለን
ተሃኒጹ ብናይ ጎይታና ደም
ኑብሲ ኣይተረፈትን ኣብ ከብዲ ዓሳ
ብርሃና ለገሰት በርቲዓ መሊሳ

※ ※ ※

## 164 *ኣምልኾይ ከንቱ ኣይኮነን*

ኣምልኾይ/ መዝሙረይ ከንቱ ኣይኮነን
እምነተይ’ውን/ ውዳሴይ ከንቱ ኣይኮነን

እዚ ኩሉ ንዓይ እዩ ጌሩለይ
ዓወት ረኺበ መሊእዎ ሓጎሰይ
ብግብሪ ሪአዮ ኣምላኸይ
ውዕለቱ ፍቕሩ ገሊጹለይ
ብሓቂ ተንሲኡ
ሓጎሰይ መሊእዎ
ዓወት ተጎናጺፈ
ኣብ መንጎ ኣሕዋተይ ኮሪዐ (2)

1. ኣጽዋር ናይ ሞት ሓጥያት ኢዩ’ሞ
   ብስልጣኑ ጎይታ ሰዒርዎ’ዩ
   ስለዚ ሞት ኣበይ ኣሎ ሓይልኺ
   ኦ ሞት ኣበይ ኣሎ ‘ቲቅልጽምኪ

   እቲ በራሲ ክለብስ ዘይምብራስ
   እቲ መዋቲ ክለብስ ዘይምሞት
   ሽው ሞት ብዓወት ተዋሕጠት
   ጎይታ ሰዒርዎ ንኹሉ

2. ብሞት ዘይተሳዕረ ኣምላኽ ኢዩ
   ዕርዲ ናይ ሞት ሰቢርዎ ኢዩ
   ንጎይታ ሰራዊት ኣመስግንዎ
   ዕብየት ጎይታ ወትሩ ኣስተንትንዎ

   ደጊም ዝፈረሰ መቕደስ የለን
   ተሃኒጹ ብናይ ጎይታና ደም
   ነብሲ ኣይተረፈትን ኣብ ከብዲ ዓሳ
   ብርሃና ለገሰት በርቲዓ መሊሳ

## *165 <u>ኣብ ቅዱስ ቁርባን ዘሎኻ</u>*

ኦ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ዘለኻ ኢየሱስ /2/
ብህብስትን ወይንን መንክዕ ብኡነት ዝተገለጽካ

1. ኣብ ቅድሚኻ ተንበርኪኽና ንሰግደልካ ኣሎና
2. ኣብ ቅድሚኻ ብዕልልታ ንመጽእ ኣሎና
3. ኣብ ቅድሚኻ ብምስጋና ንዝምር ኣሎና
4. ኣብ ቅድሚኻ ብጣቅዒት ንመጽእ ኣሎና

ኣብ ቅድሚኻ ብሸብሸባ ንመጽእ ኣሎና
ኣብ ቅድሚኻ ብውዳሴ ነኽብረካ ኣሎና
ኣብ ቅድሚኻ ብዝማሬ ነኽብረካ ኣሎና
ኣብ ቅድሚኻ ብኣምልኾ ነኽብረካ ኣሎና

## *166 <u>ዕልል ዕልል ንበል</u>*

ዕልል ዕልል ንበል ፡ ምስ ጎይታ ተንሲእና
ካብ ዝወደቅናዮ ፡ ሓራ ኣውጺኡና

1. ኣቦ ንወዱ መሪጽዎ
   ኣብ ክንዲ ሕዝቡ ሰዊኢዎ
   እወ እወ እኣምንየ /2/
2. ጎይታ ኢየሱስ ተሸንኪሩ
   ሞይቱ ኣይተረፈን ንሞት ሲዒሩ
   እወ እወ እኣምንየ /2/
3. ኣነ ንዓኻ ደም ረሃጽኹ
   ንድኻነትካ ተኸትከትኩ
   እወ እወ እኣምንየ /2/
4. ስለዚ ወደይ ትኣምን ኢኻ
   ዘይበርስ ሃብቲ ከምዝህበካ
   እወ እወ እኣምንየ /2/

※ ※ ※

## *167 <u>ኣብ እግዚር ተሰፋ ምግባር</u>*

1. ኣብ ስጋ ኣይኹን ትውክልትና
ኩሉ ንግዚኡ ኢዩ ዘጥብረና
ኣምላኽና ግን ኣምላኽና ፍቕሪ ኢዩ
ናይ ጥበራ ኣይኮነን ናይ ሓቂ ፍቕሪ ኢዩ

ኣብ እግዝኣብሄር ተስፋ ምግባር ስናይ'ዩ
ኩሉ ነገር ናይ ኮንትነት ኮንቱ'ዩ
እግዝኣብሄር ግና ፍቕሪ'ዩ
እግዝኣብሄር ግና መጸናንዒ'ዩ

2. ኣብ እግዝኣብሄር ተማዕቆብ
ልብኻ ዘደልዩ ንሱ ኢዩ ዝህብ
ኣብኡ ኣማዕቁብ  መንገድኻ
ኣብኡ ተወከል'ሞ ኩሉ ክሰልጠካ

3. ንእግዝኣብሄር ሃዲእካ ተጸበዮ
ክብሪ ገበርቲ እከይ ኣይትመነዮ
እቶም ንእግዝኣብሄር ዘጽበይዎ
ኢዮም ንመንግስቲ ኣምላኽ ዘወርስዎ

4. ንእግዚኣብሄር ተዓጊስካ ተጸበዮ
ንሱ'ውን ጸሎትካ ክምልስ'ዩ
ካብቲ ረግ-ረግ ጸብሪ ኣውጺኡ
ኣእጋርካ ኣብ ከውሒ ከቐምጠን'ዩ

※ ※ ※

## *168 ኣብ እግዚር ተስፉ ምግባር'ሲ*

ኣብ እግዚር ተስፉ ምግባር'ሲ ክንደይ ሰናይ'ዩ /3/
ኣብ እግዚር ተስፉ ምግባር'ሲ ክንደይ ጥዑም'ዩ/3/
ኣብ እግዚር ተስፉ ምግባር'ሲ እወ ጽቡቕ'ዩ /3/
ኣብ እግዚር ተስፉ ምግባር'ሲ ዘተኣማምን'ዩ /3/

ነቶም ዝጽበይዎ ይርከበሎም'ዩ ይርከበሎም
ኣብ ትሕቲ ጺላል ኣኽናፉ መጸግዒያም'ዩ
መጸግዒያም/3/ ኣ ሃ ሃ
መጽለሊኦም/2/ ኣ ሃ ሃ

1. ክእለተይ ደርብየ እውከለኻ ኣለኹ
ኣምላኸይ ይብለካ እእመነካ ኣለኹ
ኣባኻ ተስፉ ዝገበሩ ኩሎም ኣይሓፈሩን
ኣባኻ ተስፉ ዝገበሩ ኩሎም ኣይከሰሩን
ኣነ'ውን ተኣማሚነ ብኣኻ ኣምላኸይ ኣምላኸይ እብለካ

ኣብ እግዚኣብሔር ተስፉ ምግባር'ሲ

2. እቲ ዝምክሓሉ እንተመሰለ ጽኑሕ
ግዚኡ ዝጽበ'ዩ ምሕላፉ ዘይተርፍ
ልበይ ከይሰግአ እቲ ተስፉ ዝገብረሉ
ኣምላኸይ ጥርይ'ዩ ዝተኣማመነሉ
ኣባኻ ተስፉ ዝገበሩ ኩሎም ኣነ'ውን ተኣማሚነ

※ ※ ※

## *169 ኣብ ወጋሕታ*

ኣብ ወጋሕታ ስምካ ክዝምር
ኣብ ጸጽባሕ ንዓኻ ክኽብር
ጻድቅ ኣቦይ ከመይ ኮይንለይ
ንዘልዓለም ተባረኸለይ /2/

1. መስተንክር እዩ ኩሉ ግብርኻ
ንዘስተውዕል መስደመም ኢኻ
ኦ እግዚኣብሔር ዘልዓለም ኣምላኽ
ንስራሕካ ስምካ ይባረኽ

2. ጸልማት ከይዱ ጸሓይ ክትበርቕ
ብርሃን ንለይቲ ካብ ምድሪ ከርሕቕ
ኣፍ ባሮትካ ክመልእ ስሓቕ
ግብርታትካስ ክንደይ የደንቕ

3. ኣዕዋፍ ሰማይ ከድምጻ ንግሆ
ከም ዘወግሐ ከበስር ደርሆ
ኣውሊ ሰማይ ኩዒኑ ምድሪ
ኩሉ የዘንቱ'ቲ ናትካ ክብሪ

4. ዓቢ እዩ እቲ ናትካ ምሕረት
ፍቕርኻ'ውን የብሉን ደረት
እንታይ ኢለ እንታይ ክገድፍ
ንኽገልጾ ኣይረኽበሉን ኣፍ

5. ኣይትደልን ደም ናይ ደዓውል
ኣይሓተትካን መስዋእቲ ገንሸል
ባህ የብልካ ናተይ ምስጋና
ተቐበሎ ከም ጥዑም ቃና

※ ※ ※

## 170 ኣታ ኑብሰይ ትፈትወካ

ፍትወይ ናተይ’ዩ ኣነ ድማ እየ ናቱ
ይፈትዎ ይፈትወኒ ስለዚ እዩ ሓሪዩኒ
ኢየሱስይ ናተይ ኣነድማ እየ ናቱ
ይፈትዎ ይፈትወኒ ስለዚ እዩ ሓሪዩኒ (ሃሌ ሉያ) 4

1. ፍትወይ ኢየሱስ’ዩ ኣነ ፈትዎ ንዕኡ
ዝፈልየኒ የለን ካብኡ ይፈትዎ’የ ሓለፋ ኩሉ
ፈትዎ ፈትወኒ ንሱ ኣይነብርን ብዘይ ብኡ

2. ድምጺ ፈታውየይ ይመጽእ እዩ ናባይ
ልዕሊ ኣኽራን እናዘለለ ይፈትወኪ እየ እናበለ
ናብ ቤቱ’ውን የትዩኒ ኣለኹ ደ ኢሉኒ

3. ትጽውዕ ኑብሰይ ኑብሰይ ንዕኻ ኑብሰይ ንስምካ
በቲ ስሙ ትዓግብ ብፍቕርኻ ብቕብእኻ
ኣታ ኑብሰይ ትፈትወካ /3/
ካብ ወይኒ ጥዒምዋ ኣሎ ትፍቕርኻ /2/
ኣታ ኑብሰይ ትፈትወኻ ትደልየካ ትጸምኣካ
ካብ ወይኒ ጥዒምዋ ኣሎ ትፍቕርኻ /2/

4. እወ ኑብሰይ ንዓኻ ፈሊጣ
ክብሪ ትህብ ኣላ ስለቲ ዕቤትኻ
ዝገበርካላ ሰናይ መዓስ ረሲዓ
ኣበሳ ሕማማ ባዕልኻ ፈዊስካ

5. ንድልየታ ብጽቡቕ ነገር ተጽግብ
ንእስነታ ከም ንስሪ በዓልኻ ትሕድስ
ሳህልን ምሕረትን ንስኻ ትኽልላ
ብዙሕ እዩ ንነብሰይ በኣኻ ዝተገብረላ

6. ኑብሰይ ትፈዝዝ ኣብቲ ቕድሜኻ
ንዓኻ በይንኻ ትሰግድ ተምልኽካ
ክብሪ ንዓኻ ኑብሰይ ትህበኻ
ትግረም’ውን ኣላ እወ ኑብሰይ ብኣካ
ትጽውዕ ኑብሰይ ኑብሰይ ንዓኻ ኑብሰይ ንስምኻ
በቲ ስሙ ትዓግብ ብፍቕርኻ ብቅብእኻ

## *171 <u>ኣነ መንየ ቤተይ'ከ እንታ'ያ</u>*

ሃሌሉያ ሃሌሉያ /4/
ኣነ መንየ ቤተይ'ከ እንታያ
ክሳብ ክንድዚ ዝዘከርካያ
ክሳብ ክንድዚ ዝባረኻያ
ንስኻ/3/ ንስኻ ርሱዕ ምዝካር ባህሪኻ /2/

1. መምዘኒ ኣሎዎ ድዩ ናብ ቤትካ ዝቐርብ
   ከምኡ ተዝኸውን ኣነ ምተረፍኹ ድሕሪት /2/
   ግና መንገድኻስ ኣብ ባሕርን ማያት'ዩ
   ኣሰርኻ ኣይፍለጥን ኣሰራርሓኻ ፉሉይ'ዩ

2. ከምዝስ ኣይነበረን ትሑሉፍ ታሪኸይ
   ንዓኻ ዝኸውን ዘብህግ ዝረኣኻ ኣይተረኽበን/2/
   ለካስ ከምኡ ኣይኮነን ንስኻ ኢኻ ፈቲኻ
   ቢሂግካኒ ኢኻሞ ከተናግፈኒ ደሊኻ

3. ጸልማተይ ሓሊፉ ብርሃነይ ደሚቑ
   ብበረኸት ቤትካን ንምልኣት ጸጋኻን
   ሂወተይ ማሚቑ /2/
   ኢድካ ትክብክበኒ መጓሰኻ ኮይነ
   ብኣኻየ ኣነስ እዚ ኹሉ ረኺበ

※ ※ ※

## 172 *ኣነስ መዋርስትኻ'የ*

ንስኻ ንኣበሳይ ብደምኻ ትፍውስ /2/
ንኹሉ ሕማመይ ብመንፈስ ተሕዊ
ሽሁ ንሂወተይ መሊስካ ተሕድስ
ሂወተይ ብሓጎስ ንስምካ ትውድስ /2/

ፍቕርኻ ኣብ መስቀል ገለጽካለይ
ንስለ ድሕነተይ በጃ ሓለፍካለይ
ስጋኻን ደምኻን ወፈኻለይ
ንዘልዓለም ከይጠፍእ ኪዳን ኣተኻለይ

1. መስቀለይ ሒዘ ክስዕበኻ ሓግዘኒ
   ድኹም'የ ኣነ ስጉምተይ ኣጽናዓኒ
   እንተ ወደቕኩ ክትንስእ ሓይልኻ ሃበኒ
   ቃልኻ ብእግረይ መብራህቲ ይኹነኒ /2/

2. ውረድ ኣምላኸይ መስቀልካ ርእየ
   ኣብቲ ቅዱስ ቤትካ ተኾስኩሰ ዓብየ
   ኢየሱስ ኣነሲ መዋርስትኻ'የ
   ኣምላኸት ኣነሲ ወራሲትካ'የ
   ጎይታየ ኣነሲ መዋርስትኻ'የ
   ኤልሻዳይ ኣነሲ ወራሲኻ'የ /3/

※ ※ ※

## 173 ኣእምሮይ ተሸጊሩ

1. ኣእምሮይ ተሸጊሩ ጽልግልግ ኢልዎ ስኢኑ ሰላም
ኣዒንተይውን ተጎልቢቡ ጸላም
ንስኻ ንዓይ ሰላመይ ትሓልየላ ተሕንቀቓ ነብሰይ
ባህ ኢሊዋ'ታ ሂወተይ እተፍቕራ ኢየሱስ ልዕለይ

እግዚኣብሔር ዓቢ ነግር ጌሩለይ
እግዚኣብሔር መሪጽውዋ ንነብሰይ
እግዚኣብሔር ሰናይ ነገር ጌሩለይ
እግዚር መንገደይ መድሚዱለይ ኣሰይ /2/

2. ብሕማቕ ተግባራተይ ኣቐጢዐኻ ከለኹስ
መሊስካዮ ሕቶይ
ከም ግብረይ ዘይኮነስ ጀኒንካዮ ቁስለይ
እንከለኹ ሓጥያተኛ ከይዘክትም ትኣባብደኒ
ኣብ ጽላል ኣኽናፍካ ድማ ጎይታይ ተዕቅበኒ

3. ኣብቲ ኣጻምእ ምድረበዳ ይጭነቅ ይሓስብ
በይነይ ይመስለኒ
ይነብዕ ይሓዝን ሓይለይ ደኺሙኒ
ንስኻ ኣብቲ ምዱብ ግዜ ባዕልኻ እትምልሰለይ
ውሉደይ ናተይ እንዳበልካ ተህድኣ ንነብሰይ

4. ገሊኣቶም ኣብቲ ሓይሎም
ገሊያቶም ኣብ ገንዘቦም
ገለ ድማ ኣብ ቅልጽሞም
ገለ እውን ኣብ ንብረቶም
ኣነ ግና /5/ ኣባኻ'የ ዘውኽል
ኣነ ግና /5/ ኣብ ኢየሱስ'የ ዘውከል /2/

※ ※ ※

# 174 ኣይጉደልካ ክብሪ

1. ትማሊ'ኮ ዘሕለፍካኒ
ዘይስገር ዘስገርካኒ
ከመይ ኢለ'የሞ ዝጠራጠረካ
ከይኮነ ግዳ የመስግነካ /5/

ኢየሱስ /4/
ትማልን ሎምን ንዘልዓለምን
ንስኻ ኢኻ ኢየሱስ ኣይተለወጥካን
ኣልፋን ኦሜጋን ቀዳማይ ዳሕራይ
ንስኻ ኢኻ ኢየሱስ ኣይተለወጥካን /2/

2. ብዝሪአ ኣይፈርህን'የ
ብዝሰምዖ ኣይሰግእን'የ
ኣይሰቅልን'የ መሰንቆይ ኣብ ዕልቦ
ልዕሊ ኩነታት'ኻ እግዚኣብሔር /5/
ኣይጉደልካ ክብሪ /3/ ኣንታ ጎይታ ክብሪ
ኣይጉደልካ ኣምልኾ/3/ኣብ መቕደስካ ይእቶ/2/

3. ይሰዋዕ ለይቲ ምስ መዓልቲ
ኣይጉደል ኣይጉደልካ /2/ ክብሪ /2/
እታ ብማህሌት እስራኤል ትነብር
ብምስጋና ህዝብኻ ትኸብር
እታ ብማህሌት እስራኤል ትነብር
ነብሰይ ፈትያ ንዓኻ ትዝምር
ኣይጉደልካ ክብሪ /3/ ኣንታ ጎይታ ክብሪ
ኣይጉደልካ ኣምልኾ /3/ ኣብ መቕደስካ ይእቶ

4. የብልካን /2/ መሳሊ
የብልካን ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ
ኩሉ ብርኪ ንዓኻ ይምብርከኽ
ልሳን ዘበለ ክብርኻ ይእመን
ኣነ ፈትየ ንዓኻ የምልኽ
ኩሉንትናይ ኣብ ቅድሜኻ አቕሰን
ኣቤት /6/ ክብርኻ ኣቤት /3/ የለን ከማኻ
ኣቤት /6/ ዕቤትኻ ኣቤት /3/ መን ይመስለካ

5. ዘይግለጽ ዕቤት'ዩ ዘለካ
ዘይድፈር ልዑላውነትካ /2/
እልፊ ቃላት ኣይገልጾን ዕቤትካ
ስጋን ደምን መዓስ ይበዝሓካ /2/
ኣቤት /6/ ክብርኻ ኣቤት /3/ የለን ከማኻ
ኣቤት /6/ ዕቤትኻ ኣቤት /3/ መን ይመስለካ

## *175 ኣይጸግበካን ኢየ*

ኣይጸግበካን'የ ኣመስጊነካ  እወ
ኣይጸግበካን'የ እንተዘመርኩልካ
ኣይጸግበካን'የ ኣሸብሺበልካ/ እንተወደስኩኻ
ኣይጸግበካን'የ እንተዘመርኩልካ

ዘይትጽገብ ዘይትምኖ ጻድቅ ኣምላኽ ኢኻ
ዘይትጽገብ ዘይትምኖ ሰናይ/ ፈቓር ኣምላኽ ኢኻ
ዘይትጽገብ ዘይትምኖ ጻድቅ/ ምሕረተኛ ኣምላኽ ኢኻ
ዘይትጽገብ ዘይትምኖ ምሕረተኛ/ ሓያል ኣምላኽ ኢኻ

1. ሓጥእ እንከለኹ ስለይ ብሙማትኻ
   ኣዝዩ ይገርመኒ ፍትወይ ፍቕርኻ
   እዚ ኩሉ ምሕረት ካብ ርሑቕ ጠሚትኻ
   ውሉደይ ኢልካኒ ይባረኽ ስምኻ/3/

2. ኣእዳወይ ዘርጊሐ ስቀሎ እንዳበልኩ
   ነቲ ቁስልካ ውን እንዳጎዳኩ
   ዝገብሮ ኣይፈልጥን ምሕረት ይርከበልካ
   ኣንታ ለዋህ ኣምላኽ ከመይ ድዩ ፍቕርኻ/3/

3. ንሞት ተፈሪደ ተሰቂለ ከለኹ
   ምሕረት ግበረለይ ኢለ ውን ጨደርኩ
   ንስካ ውን በልካ ሎሚ ምሳይ ኢኻ
   እንታይ እሞ ክብል'የ ይባረኽ/<u>ይኽበረለይ ስምኻ</u>/3/

4. ፍቕርኻ ምሉእ'ዩ የብሉን መዘና
   ኣንታ ንፈትወካ ጎይታ ክበረልና
   ንኩሉ ትርኢ ኩሉ ትስከሞ
   ብምሕረት ብለውሃት ከማኻስ መን'ዩ እሞ /3/

※ ※ ※

## 176 ኤበን ኤዘር

1. ኤበን ኤዘር ክሳዕ ኣብዚ ዝረዳእካና ጎይታ
   ኤበን ኤዘር ስምካ ንባርኮ
   ኤበን ኤዘር ክሳዕ ኣብዚ ዘሳለካና ጎይታ
   ኤበን ኤዘር ስምካ ነመስግኖ
   ኤበን ኤዘር ክሳዕ ኣብዚ ዘዳለካና ጎይታ
   ኤበን ኤዘር ስምካ ንውድሶ
   ኣብ ኣጸድካ ብምስጋና ንቀርብ /2/ 2
   ደገታትካ ብውዳሰ ንቀርብ /2/
   ምኽንያቱ ንስኻስ ቅዱስ ኢኻ /3/
   ምኽንያቱ ንስኻስ ሓያል ኢኻ /3/
   ምኽንያቱ ንስኻስ ጎይታ ኢኻ /3/
   ምኽንያቱ ንስኻስ ጻድቕ ኢኻ /3/

2. ኢየሱስ /ጎይታ ንባርኸካ'ሎና ንባርኸካ
   ንውድሰካ'ሎና ንውድሰካ
   ነምስግነካ'ሎና ነመስግነካ
   መዓስ ትጽገብ ንስኻ/2/
   መዓስ ትምኖ ንስኻ/2/ 2
   ቅድስ (2) እንዳ በልና
   ፍግም ኢልና ንሰግድ ንኽብርኻ

3. ውሰዶ/6/
   ኩሉ ምስጋናና/ ሽብሸባና ውሰዶ
   ኩሉ ዕልልታና/ ኣምልኾና ውሰዶ

ውሰዶ ኩሉ ምስጋናና ውሰዶ ኢየሱስ ውሰዶ
ውሰዶ ኩሉ ዕልልታና ውሰዶ ኢየሱስ ውሰዶ
ውሰዶ ኩሉ ሽብሸባና ውሰዶ ኢየሱስ ውሰዶ
ውሰዶ ኩሉ ኣምልኾና ውሰዶ ኢየሱስ ውሰዶ
ውሰዶ ኩሉ ውዳሴና ውሰዶ ኢየሱስ ውሰዶ
ውሰዶ ኩሉ ዝማሬና ውሰዶ ኢየሱስ ውሰዶ

※ ※ ※

## 177 ዕላማ ኣለዎ እግዚኣብሔር

1. ሓሳቡ ኣብ ልዕለይ ካብ ጥንቲ ሰናይዩ
ክፉእ ከይረክበኒ ተጠንቂቑለይዩ
ክንዮ ምርድኣይ ኔርዎ ዕላማ
ንቕዱስ ጻውዒት ነብሰይ ተደኩና
ዕላማ ኣለዎ/3/ እግዚር ኣብ ሂወተይ/ዘመነይ

2. ካብ ድቕድቕ ጸልማት ዝመንጠለኒ
ናብ ዘገርም ብርሃን ክብሪዩ ኣውጺኡኒ
ኣባይ ኣንቢሩ ሕሩይ ተኽሊ ወይኒ
መኣዛ ዝህብ ሂወት'ዩ ዝፈሪ
ቅዱስ ህዝበየ ሕሩይ ወለዶ
ንስምኻ ክጸውር መሪጽካኒኮ
ክሳብ ወሰን ምድሪ ክኸውን ምስክር
ነዚ መዲብካኒ ምኽርኻ ክፍጽም

ቅዱስ ህዝቢ ኣሃሃ ሕሩይ ወለዶ ንስምኻ ክጸውር ኣሃሃ መሪጽካኒኮ
ክሳብ ወሰን ምድሪ ኣሃሃ ክኸውን ምስክ ነዚ መዲብካኒ
ኣሃሃ ምኽርኻ ክፍጽም እዚዩ ክብረት ንዓይ እዚዩ ክብረተይ
እዚዩ ክብረት ንዓይ ምዝማር/ ምግልጋል ንዓኻ/2/
ዕላማ ኣለዎ/3/ እግዚር ኣብ ሂወተይ/ ዘመነይ

3. እቲ ካብ ጥንቲ ዝተመደበለይ
ክንደይ ባህ የብል ሓሳቡ ኣብ ልዕለይ
ብክርስቶስ ገሊጹ ምስጢሩ
ኣባይ ኣውሒዝዎ ሃብቲ ጸግኡ
ጻድቕ ህዝበይ ጽድቕካ ዘሎኒ
ብዘይቲ ሓጎስኻ ዘጽገብካኒ
ቀርነይ ከም ናይ ጎባይ ኣልዒልካዮ
ከም ሸደን  ኣንበሳ ሓይለይ ሓዲስኻዮ

ጻድቕ ህዝቢ ኣሃሃ ጽድቅካ ዘለኒ
ብዘይቲ ሓጎስካ ኣሃሃ ዘጽገብካኒ
ቀርነይ ከም ናይ ጎባይ ኣሃሃ ኣልዒልካዮ
ከም ሸደን ኣንበሳ ኣሃሃ ሓይለይ ሓዲስካዮ
እዚዩ ሓጎስ ንዓይ ፡ እዚዩ ሓጎሰይ
እዚዩ ሓጎስ ንዓይ፥ ምዝማር/ ምግልጋል ንዓኻ/2/

## *178 <u>እቲ ሓያል</u>*

እቲ ሓያል ዓቢ ነገር ጌሩለይ’ዩ /2/
ዘኪርዎ ‘ቲ ኹሉ ውርደተይ
እቲ ዓቢ ምረት ንሰላመይ ለዊጥዎ
እቲ ዝኸብደኒ ጾር ወሲድዎ
ከመይሉ ይኾነሉ ናተይ ነገር /2/
ጎይታ’ዩ እምበር

1. ናይ እምነ ት መርከበይ ልዕሊ ባሕሪ እናኸደት
ማዕበል’ውን ናብዘን ናብትን ደፍኣ ንምጥሓል’ውን ቀረበት
ማያት’ውን ምስኣተዋ ኣዝየ ክጭነ ቕ ጀመርኩ
ብኽእለተይ ክፈትሖ ላዕልን ታሕትን በልኩ
ሓላዊየ’ይ ግን ኣይተታኸሰን ነቲ ማዕበል ገንሖ ጸጥኣበሎ
ዓቢ ህድሃት ኮነ ለይ ሰላመይ’ውን መልኣለይ

2. መንፈሰይ ብኣምላኸይ መድሕነ ይ ባህ ይብሎ ውርደት ባርያኡ
ንዝረኣየ ነቲ ሓያል እባርኾ
ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ጸጋ ረኺበየ ’ሞ
ካብ ጥንቲ ንዘልኣለም ንሽሙየ ዘኽብሮ
ምሕረቱ ነ ቶም ዝፈርህዎ ንውሉድ ወለዶ ይነ ብር’ዩ’ሞ
ነብሰይ ንእግዚኣብሄር ደስ ኢልዋ ተዕብዮ

※ ※ ※

## 179 እቲ ኣነ ዘምልኮ

1. ዘመናት ይመጽእ ዘመናት ይቅይሮ
ዓወታት ይመጽእ ዓመታት ይትክኦ
ግዜን ዘመናትን ዘይልውጦ ጎይታ
ንሱ 'ዩ ኣምላከይ ዘይብሉ መሰታ

እቲ ኣነ ዘምልኮ ሞት ኣምላክ ኣይኮነን
ኣዛዚ ኩሉ ፍጥረት ህያው ዘልኣለም
እቲ ነብሰይ ዝኣምኖ ሞት ኣምላክ ኣይኮነን
ኣዛዚ ኩሉ ፍጥረት ህያው ዘልኣለም

2. ክቡር ገጽ ግርማኡ መስተንክር ግብርታቱ
ኣእምሮ ኣይበጽሖን ዓቢ ተኣምራቱ
ክውረ ኣይክእልን ብቃላት ናይ ምድሪ
መዘና የብሉን እቲ ልዑል ፈጣሪ

3. ዘልኣለማዊት'ያ ዓባይ መንግስቱ
ንውሉድ ወለዶ ይነብር ግዝኣቱ
ብሂወት ክለኩ ንስሙ ክዝምር
ስለ ግብርታቱ ዕቤቱ ክዘልል

4. ብለይቲ ብቀትሪ ዘይፍለ ካባይ
ክኣቱ ክወጽእ ክሕሉ ስጉምተይ
ይነብር ኣሎኩ በቲ ጉስነቱ
ሓበን እሰመዓኒ ብምኻነይ ናቱ

ድልየቱ ከይገብር መን እዩ ዝክልክሎ
ማዕበል እንተተላዕለ ብስልጣን የህደኦ
ነገስታት ኣይክእሉን ክልውጦ ምክሩ
ይሸምዮም የውርዶም ኣዚዙ ብቓሉ

5. ንባህሪ መቂሉ ንህዝቡ ዛሳግር
ብርቱዓት ሓያላት ብቅልጽሙ ዝሰዕር
ኣብ በረካ ማያት ዘንፈልፉል ንህዝቡ
ኣብ ታሪክ ኣይተራእየን ኣይተሰምዕን ከምኡ

## 180 *እንታይ ክብል'የ*

1. ንስኻ ጸልማት'ኳ ኣይጽልምተካን
ለይቲ'ውን ከም መዓልቲ ትበርህ
ጸልማት ናይ ሂወተይ ኣብሪህካለይ
ብብርሃንካ ኣብሪህካያ ንነብሰይ (2)

እንታይ ክብል'የ ኣምላኸይ እንታይ ክብል'የ
እንታይ ክብል'የ ኢየሱሰይ እንታይ ክብል'የ
ክበር ከይበልኩኻ ክቡር ኢኻ
ንገስ ከይበልኩኻ ንጉስ ኢኻ
ዝወሃብ ከይህበካ ትህብ እምበር ኣይትወሃብን ኢኻ

ብምንታይ ክገልጾ 'ቲ ውዕለትካ
እነኹ እዝምር ኣብ ቅድሜኻ /2/

2. ንድምጺ ምህላይ ሰሚዕዎ
እዝኑ'ውን ናባይ ኣድኒኑ'ዩ እሞ
ኣብ ርእሲ ዝገበረለይ ሰናይ ኩሉ
ንእግዚኣብሔር እንታይ ውሬታ ክመልስሉ (2)

3. መጸግዕን ድንቅን ጌርካ ፈጢርካኒ
ነብሰይ'ውን ኣጸቢቓ ትፈልጦ
ናይ ትኻስ ድምጺ ክህብ ከለኹ ረኣየኒ
ንስመይ ኣብ መዝገብ ሂወት ጽሒፍካኒ (2)

4. ኣምላኸይ እንታይ ከምዝብለካ ጨኒቑኒ
ውዕለትካ ኣዝዩ በዚሑኒ
የብለይን ኢየሱሰየ ዝኸፍለካ
ስለዚ ኣብ ቅድሜኻ እዝምረልካ (2)

※ ※ ※

## 181 እንከን የሌለበት

1. እንከን የሌለበት የምስጋና ሽታ
   ለታላቅነትህ ይገባሃል ጌታ
   ሁሉም ያሞጋግስህ ባማረ ምስጋና
   ሁሌ ልትወደስ ይገባሃልና

   ምስጋና ላንተ ይገባሃልና
   ዝማሬ ላንተ ይገባሃልና
   ኣምልኮ ላንተ ይገባሃልና ጌታ
   ውለታህ ከኣይምሮ በላይ ነውና
   ተባረክ ዙፋንህ ይሙላው ምስጋና
   ተመለክ መንግስትህ ይሙላው ምስጋና ጌታ

2. ኣንተ መጠግያ ነህ
   ኣንተ ምርኩዝ ነህ
   መች ተሰፋ ሊጨልም የሚደገፍህ
   ጉልበትህ ኣይዝልም ታስተማምናለህ
   ኣቤት የኛ እግዚር እንዴት ድንቅ ኣምላክ ነህ

3. ያርግ ኣይቁም ይዝነብ ምስጋና በቤትህ
   በሰማይ መኖርያ ባደባባዮችህ
   ኣንተን ደስ ይበልህ እኛ እንዘምራለን
   ሁል ግዜ ተመስገን ተመስገን እያልን

4. ያለ ምክንያት ክበር ጌታ ያለ ልክ
   ፍጥረት ያዚምልህ ስምህ ይባረክ
   ምላሶች ያዚሙ ላንተ ዝም ኣይበሉ
   ከፍ በል ተወደስ ሁል ጊዜ ይበሉ

※ ※ ※

## *182 <u>እኣምነካ እየ</u>*

እኣምነካ'የ እኣምነካ'የ
እኣምነካ'የ እኣምነካ'የ /2/

1. እቲ ዝበልካኒ ኩሉ ፡ እኣምነካ
ፍጻሜ ትገብረሉ ፡ እኣምነካ
ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር ፡ እኣምነካ
ቃልካ ከም ዘይእሰር ፡ እኣምነካ

2. ብዝሓለፈ ኩሉ ፡ ኣሚነካ
ብዘለኹዎ ድማ ፡ እኣምነካ
ብዝመጽእ እንተኾነ ፡ እኣምነካ
ንስኻ ህያው ኢኻ ፡ እኣምነካ

3. ብምዱብ ግዚኡ ፡ እኣምነካ
ክትፍጽም ንኹሉ ፡ እኣምነካ
ከምቲ ዝበልካዮ ፡ እኣምነካ
ከም ተዛረብካዮ ፡ እኣምነካ

4. ወዲ-ሰብ ኣይኮነካን ፡ እኣምነካ
ሓሶት ኣይጠብቀካን ፡ እኣምነካ
ዝበልካዮ ክኸውን ፡ እኣምነካ
ኣዚዝካዮ ክቀውም ፡ እኣምነካ

※ ※ ※

## *183 <u>እግዚኣብሔር</u>*

1. ኣእሙረይ ተሸጊሩ ጽልግልግ ኢሉዎ
   ስኢኑ ሰላም ኣዒንተይ'ውን ተጎልቢቡ ጸላም
   ንስኻ ናዓይ ሰላመይ ትሓሊ ትሕንቅቃ ንነብሰይ
   ባህ ኢሉዋ'ታ ሂወተይ እተፍቅር ኢየሱስ ልዕለይ

   እግዚኣብሔር ዓቢ ነገር ጌሩለይ
   እግዚኣብሔር መሪጽዋ ነብሰይ
   እግዚኣብሔር ሰናይ ነገር ጌሩለይ
   እግዚኣብሔር መንገደይ መርሚሩለይ ኣሰይ

2. ብሕማቅ ተግባራተይ ኣቖጢዔካ ከለኩስ መሊስካዮ'ሕቶይ
   ከም ግብረይ ዘይኮነስ ዘኒንካዮ ቁስለይ
   እንከለኩ ሓጥያተኛ ከይዝክትም ትኣባብደኒ
   ኣብ ጽላል ኣክናፍካ ድማ ጎይታይ ተዕቁበኒ

3. ኣብ'ቲ ኣጻምእ ምድረ በዳ ይጭነቅ ይሓስብ
   በይነይ ይመስለኒ ይነብዕ ይሓዝን ሓይለይ ይደክመኒ
   ንስኻ ኣብቲ ምዱብ ግዜ ባዕልኻ ትምልሰለይ
   ውሉደይ ናተይ እናበልካ ተህድኣ ንነብሰይ

4. ገሊኣቶም ኣብቲ ሓይሎም
   ገሊኣቶም ኣብቲ ገንዘቦም
   ገሊኣቶም ኣብ ቅልጽሞም
   ገሊኦም ኣብ ንብረቶም
   ኣነ ግና /5/ ኣባኻ እየ ዝውከል
   ኣብ ኢየሱስ ኢየ ዝውከል

※ ※ ※

## *184 <u>እግዚኣብሔር ዓቢ'ዩ</u>*

ንላዕሊ እንተ ጠመትኩ ሰማያት ግብሪ ኢድኻ ኢዩ
ንምድሪ እንተ ጠመትኩ ምድሪ እውን ግብሪ ኢድካ ኢዩ

እግዚኣብሔር /2/ ዓቢ /4/
እግዚኣብሔር /2/ ሓያል /2/

ኣምላኽነትካ መወዳእታ የብሉን
ኣልፋን ኦሜጋን ቀዳማይ ዳሕራይ
እግዚኣብሔር ተመስገን /2/

ተመስገን ጎይታይ ተመስገን
ተመስገን ኢየሱስ ተመስገን
ተመስገን እምበር ተመስገን

ልዕል በል ጎይታይ ልዕል በል
ልዕል በል ኢየሱስ ልዕል በል
ልዕል በል እምበር ልዕል በል

ንኹሉ ፈጢርካዮ ንሱ'ውን ተፈጢሩ
ደሓር'ውን ከም ዓለባ ተጠቕሊሉ ክሓልፍ'ዩ

ናትካ ግን ዓመታትካ ከቶ ኣይውዳእን'ዩ /2/
ናትካ ግን ዘመናትካ'ዩ /2/
*ኣምላኽነትካ መወዳእታ*

ኩሉ ነገር ክልወጥ ንስኻ ኣይትልወጥን
ኩሉ ነገር ክበሊ ንስኻ ዘልዓለማዊ
ትማልን ሎምን ዘልዓለም እግዚኣብሔር/2/ ኢኻ /3/
*ንላዕሊ እንተ ጠመትኩ ,,,*

## *185 እግዚኣብሔር ጓሳይ’ዩ*

1. እግዚኣብሔር ጓሳይ’ዩ
   ዝጎ ድለኒ የ ብለይን
   ኣብ ልሙዕ ሻኻ የ ውዕለኒ
   ኣብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ

2. ንሱ ንነ ብሰይ የ ህድኣ
   ሓድሽ ሓይል’ውን ይህበኒ
   ንሱ ንነ ብሰይ የ ህድኣ
   መንገ ዲ ጽድቂ ይመርሓኒ
   በትር’ኻን ምርኲስካን የ ጸናንዓኒ(2)

3. ንስ’ኻ ምሳይ ኢ’ኻ’ሞ (2) 4
   ብርባ ርባ ድነ ሞት እኳ እንተ’ኸድኩ
   ክፉእ ኣይፈርህን’የ ክፉእ ኣይፈርህን’የ (2)

ንስ’ኻ ኣብ ቅድሚ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ
ከም ክቡር ጋሻ ንርእሰይ ብዘይቲ ቀባእካዮ
ጽወዐይ መሊኡ ይጅርብብ ኣሎ
ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን ንምሉእ ዕድመይ ክስዕባኒ እየን
ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ከኣ ንዝልኣለም ክነ ብር እየ ።

ኣሜን ።

※ ※ ※

## 186 *እግዚኣብሔር*

1. ኣእሙረይ ተሸጊሩ ጽልግልግ ኢሉዎ
ስኢኑ ሰላም ኣዒንተይ’ውን ተጎልቢቡ ጸላም
ንስኻ ናዓይ ሰላመይ ትሓሊ ትሕንቅቃ ንነብሰይ
ባህ ኢሉዋ’ታ ሂወተይ እተፍቅር ኢየሱስ ልዕለይ

እግዚኣብሔር ዓቢ ነገር ጌሩለይ
እግዚኣብሔር መሪጽዋ ነብሰይ
እግዚኣብሔር ሰናይ ነገር ጌሩለይ
እግዚኣብሔር መንገደይ መርሚሩለይ ኣሰይ

2. ብሕማቅ ተግባራተይ ኣቀጢዔካ ከለኩስ መሊስካዮ ሕቶይ
ከም ግብረይ ዘይኮነስ ዘኒንካዮ ቁስለይ
እንከለኩ ሓጥያተኛ ከይዝክትም ትኣባብደኒ
ኣብ ጽላል ኣክናፍካ ድማ ጎይታይ ተዕቑበኒ

3. ኣብ’ቲ ኣጻምእ ምድረ በዳ ይጭነቅ ይሓስብ
በይነይ ይመስለኒ ይነብዕ ይሓዝን ሓይለይ ይደክመኒ
ንስኻ ኣብቲ ምዱብ ግዜ ባዕልኻ ትምልሰለይ
ውሉደይ ናተይ እናበልካ ተህድኣ ንነብሰይ

4. ገሊኣቶም ኣብቲ ሓይሎም
ገሊኣቶም ኣብቲ ገንዘቦም
ገሊኣቶም ኣብ ቅልጽሞም
ገሊኦም ኣብ ንብረቶም
ኣነ ግና /5/ ኣባኻ እየ ዝውከል
ኣብ ኢየሱስ ኢየ ዝውከል

※ ※ ※

## *187 እፈትወካ እንድየ ኢየሱስ*

እፈትወካ እንድየ ኢየሱስ ፡ እፈትወካ /2/
ኢየሱስ የፍቕረካ /2/

1. ኢየሱስ ብደምካ ጌርካ ተበጃካኒ
   ካብ ጸልማት ኣውጺእካኒ
   ክቡር ኣቕሓ ናትካ ጌርካኒ
   ብፍቕርካ ማሪኽካኒ/ ስሒብካኒ /2/

2. ኢየሱስ ብቑስልኻ ተፈዊሰ
   ብስብራትኻ ኣነ ሓውየ
   ሂወት ምስ ተረፉ ሂብካኒ
   ኣነስ ብኣኻ ባህ ይብለኒ
   ኢየሱስ ብኣኻ ደስ ይብለኒ

3. ኢየሱስ ገንሸል ፋሲጋ ኮይንካለይ
   መርገመይ ኩሉ ቀንጢጥካለይ
   ካብ ግዝኣት ጸልማት ኣውጺእካኒ
   ብሞትካ ንዓይ/ ኢየሱስ ሂወት ሂብካኒ /2/

※ ※ ※

## *188 ከመስግነካ ይደሊ ኣለኹ*

1. ከመስግነካ ይደሊ ኣለኹ
   ክውድሰካ ይደሊ ኣለኹ
   ከኽብረካ ይደሊ ኣለኹ ንዘልዓለም

   ሕጽረት ቃላት እዩ እንበር
   ትኽስታ የብለይን (ኢየሱስ) /4/
   እዚ ኩሉ ሰናይካ ምስቲ ኩሉ ሓልዮትካ
   መስፈሪ ኣይርከቦን ጎይታ
   ዓሚቑ'ዩ እቲ ፍቕርካ
   መስፈሪ ኣይርከቦን ኢየሱስ
   ዓሚቑዩ ትፍቕርኻ

2. ክብሪ ምስጋና ስግደት ንዓኻ
   ውዳሴ እልልታ ኣምልኾ ኣብ ዙፋንካ ንዘልዓለም
   ሂወት ዘለኩም ኩሉኹም ፍጥረታት
   ኣኽራናት ጎቦታት ወሓይዝ ሩባታት ኣመስግንዎ

   ሕጽረት ቃላት እዩ ,,,
   ከመስግነካ ,,,
   ሕጽረት ቃላት እዩ ,,,

3. ምሕረቱ ዘይውዳእ ስልጣኑ ዘትድፈር
   ዕቤቱ ዘይምርመር ልዑል ኣምላኽና
   ንወትሩ ይኽበር
   ሂወትና ኣንጽሂዮ ልብና ኣቕንዒዮ
   ጸጋኻ መሊኡ መንፈስካ ተሓዲሱ ከመስግነካ

   ሕጽረት ቃላት እዩ ,,,

※ ※ ※

## *189 ከመሰግኖ ንጐይታ*

ንኢየሱስ ተንሲኡ ከመስግኖ ጎይታየ (2)
ብዓል ውዕለተይ ኢዩ እወ ጎይታይ
እወ ብዜማየ ከመስግኖ ጎይታየ (2)
ብዓል ውዕለተይ ‘ዩ እወ ጎይታይ (5)

1. መሊኡ ዘንጀርብብ የብጽሕ ምስጋና
ካብቶም መጨነቕተይ ኣድሒኑኒ ኢዩ’ሞ ሃሌ ሉያ
ብጊሓት ተንሲኡ በገናይ ከልዕል’የ
ግዜ እንተኸፍአ ንሱ’ሎ ኣብ ጎነይ ሃሌ ሉያ

ምስጋና እንሆ ኣምልኾ እንሆ
ንተግባር ኣእዳውካ
መዝሙር እንሆ ሸበሸባ እንሆ
ኣብ ዙፋንካ ክበር (2) /2/
ማህድረካ’ውን ይምላእ (2)

2. ኣይክእሎን ዘበልክዎ ሓጹር ኣዝሊሉኒ
ኣነ ምሳኻ’የ ኣይትፍራሕ ኢሉኒ ሃሌ ሉያ
ምስጋና ክሰውእ ኣብኡ ተደጊፈ
እሾኹ ጭቅኡ’ቲ ጸልማት ሓሊፈ ሃሌ ሉያ

3. ምሕረቱ ለውሃቱ ፍቕሩ ዘጥዓምኩም
ሓቒፉ ሓንጊሩ ሎሚ ዘጽንሓኩም ሃሌ ሉያ
ድምጽኹም ኣልዕሉ ነስምዕ ምስጋና
ከም ኢየሱስ ዝበለ የብልናን ንዓና ሃሌ ሉያ

※ ※ ※

## *190 <u>ከምልኾ'የ</u>*

ከምልኾ'የ ነቲ ዓቢይ ጎይታ
ከምልኾ'የ ብፍጹም ዘይርሳዕ
ከምልኾ'የ ነደቕቲ ዝነዓቕዎ
ከምልኾ'የ ነቲ ርእሲ መኣዝን

1. ሓቀይና ኣምላኽ ፡ ናይ ጥበብ ጎይታ
   ዝኮነ ይኹን ፥ ፍጽም ዘይርሳዕ
   ብሰብ ኣእምሮ ፥ ኣይግመትን'ዩ
   ርጉዱን ስፍሓቱን ፥ ኣይብጻሕን'ዩ

2. ንፍቕሩ ርእየ ፥ ጥዒመ ኣሎኹ
   ንኣኡ ክስዕብ ፥ መዲበ ኣሎኹ
   ኣብ'ቲ መከራይ ፥ ባዕሉ እና መጸ
   ይማጎተለይ ፥ መታን ከይቁጸ

3. ጉድለተይ ኩሉ ፥ እናረኣየ
   የመልክተለይ ፥ እናጎሃየ
   ብፍቕሩ እዩ ፥ ዝማርኸኒ
   ኣብ መስቀል ሞይቱ ፥ ሕይወት ሃቡኒ

4. ብዘይካ ንሱ ፥ ዓርኪ የብለይን
   ከምኡ ዘፍቕሮ ፥ ኩቶ ኣይረክብን
   ናይ ልበይ ሽግር ፥ ኩሉ ይፈልጦ
   ዝኸብደኒ ፥ ባዕሉ ይቕንጥጦ

※ ※ ※

## 191 ከምቲ ብዙሕ ምርኮ

1. ንስኻ በይንኻ ጥራይ ኢኻ ምንጪ ሓጎሰይ
   ንስኻ በይንኻ ጥራይ ኢኻ ኢየሱስ ምንጪ ሰላመይ
   ንስኻ በይንኻ ጥራይ ኢኻ ምንጪ ጽቡቀይ
   ምሉእ ውህበት ጽቡቕ ውህበት ካባኻ'ዩ
   ካብቲ ለውጢ ወይስ ምምላእ ጽላሎት ዘይብሉ/2/

2. ንብዓተይ ደሪዝካ ኣጆኻ ትብለኒ
   ከይደክም ከይሕለል ብኢደይ ትሕዘኒ
   በትርኻን ምርኹስካን የጸናንዓኒ
   ንስኻ ምሳይ ኢኻ እንታይ ከይገጥመኒ
   ኑብሰይ ትዝምረልካ መታን ስቕ ከይትብል ኢልኻ
   ብኽያተይ ሳሓቒ ለዊጥካ ማእሰረይ ኩሉ ፈቲሕካ /2/

ከምቲ ብዙሕ ምርኮ ዝማረኽ
ልበይ ብኣኻ ይሕጎስ ኣሎ
<u>ይሕጎስ ኣሎ ብኣኻ ይሕጎስ</u> (6)

3. ጽድቕን ፍርድን ኣብ ምድሪ ምግባርካ
   ብኡየ ዝሕጎስ ብኡየ ዝፍሳህ
   ብዝርአ ኣይኮንኩን ብንብረት እዛ ዓለም
   ንሱስ ሓላፊ'ዩ ነባሪ ኣይኮነን ኣብ ሰማይ ንዓኻ ምርካበይ
   ኣብ ምድሪ ዝደልዮ ነይብለይ ትምክሕተይ ንስኻ ኢኻ
   ኩሉ ግዜ እሕጎስ ብኣኻ /2/

ከምቲ ብዙሕ ምርኮ ዝማረኽ ,,,

4. ናብራ ናትካ ኣይምኖን ኣዝዩ ይጥዕመኒ
   ኩሉ ግዜ ሓድሽ ሓድሽ ይኾነኒ
   ቀቕድመይ ሓሊፍኻ ኩሉ ተስልጠለይ
   ጎደለይ ትምልእ ተጸግዋ ኑብሰይ

ምሕረትካን ፍቕርካን ይሰዕባኒ
ብዋልታ ጸጋ ይኸባኒ
ይጠብቕ ኩሉ ግዜ ኣባኻ
ኣይርሕቕን ኣይፍለን ካባኻ /2/
ከምቲ ብዙሕ ምርኮ ዝማረኽ ,,,

## *192 ኲሉ ክሓልፍ እዩ*

ኲሉ ክሓልፍ እዩ ዘይሓልፍ የለን
ተመስገን ጥራይ ተመስገን ተመስገን
ተመስገን ጥራይ ተዓገስ ተጸመም /2/

1. ክንደይ ድዩ ሓሊፉ ኣብ ሙሉእ ዕድሜና
   መሪት ጓሂ ስደት ናብራ ዓዲ ጓና
   ዝብላዕ ዝስተ ገለ'ውን ዘይብልና
   ንሱ ሓሊፉሲ ብሂወት ኣለና /2/

2. ሕጂ'ውን እንተኾነ እዚ መሪር ግዜ
   ስቅያት ሞት የሕዋትና ስደትና ዝሓዘ
   ዘይሓልፍ መሲሉ ኣዝዩ እንተኸፍአ
   ኲሉ ክሓልፍ እዩ ጨካን እንክዋዘ /2/

3. ናብ ርስቲ ኣቦታትና ሃገርና ክንምለስ
   ጭንቀትናን ብኽያትናን ሓጎስና ክድበስ
   ነጋዳይ ክነግድ ሓረስታይ ክሓርስ
   ሰማያዊ ኣምላኽ ምሕረቱ ከፍስስ /2/

4. ኣዝዩ እንተ በዝሐ ስቅያትና ኣብ ምድሪ
   ይርእየና እኮ ኣሎ ካብ ሰማይ ፈጣሪ
   ኣይጥፍእን እዩ ጻማ ስቅያት ጻዕሪ
   ዓስቢ ዋጋ ኣለዎ ኣብ ገነት ብኽብሪ /2/

※ ※ ※



## 193 ካብ ሓመድ ኣልዒልካ ፈጢርካኒ

1. ፀጋኻ ኣብ ሕይወተይ ስለ ትብልጽ
   መንፈስ ቅዱስካ ልሳነይ ቀድስ
   ንስኻ ኦ ኢየሱስይ ፡ ዘልዓለም ልዕለይ ትነግስ

   ተመስገን ክብለካ ኣምላኸይ
   ስለ ኹሉ ዝገበርካ ኣብ ሕይወተይ
   ካብ ሓመድ ኣልዒልካኒ  ፈጢርካኒ
   ንስኻ'ምበር ክበር ኣነስ ባህ ክብለኒ

2. ጻድቅ ከም ሆሳእና ክልምልም እዩ
   ከም ጽሕዲ ሊባኖስ ክበዝሕ እዩ
   ኣብ ቤትካ ኦ እግዚር ኣብ ገበላ ቤትካ ክዕምብብ እዩ

   ኦ እግዚኣብሔር ብርሃን ናይ ልበይ
   እቲ ክቡር ቃላትካ ንዓይ መግበይ ንስካ
   ንስኻ ኦ ኣምላኸይ ኣብ ጽሞና ለይቲ ንዓይ ትርኣሰይ

3. ኦ ኣምላኸይ ሰማዕ ጸሎተይ
   ኩሉ ጊዜ ባርኽ ንልበይ
   ኦ ልዑል ኀይታ ሓጋዚ ድኻመይ መራሒ መንገደይ

※ ※ ※

## 194 ክርስትያን ምኚነይ

1. ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ኣምላኸይ
ካበይ/3/ ጎድፍ ኣልዒልካ ኣቤት ፍቕርኻ
ሰብ ኪኾነልካ ኢልካ ኣብ ምድሪ ይዞራ የዒንትኻ
ንዓይ ክረኽቦ ብምሕረት ገመድ ክስሕቦ

ክርስትያን ምኚነይ ዓቢ ሓይለይ
ውሽጣዊ ሓጎሰ'ዩ ዘይውሰድ ካባይ
ኣብ እምነት'ውን ደው ምባለይ
ቀጽሪ ጸላኢ ምዝላለይ
ሓልዮትካ መስተንክር'ዩ ንዓይ /2/

2. ጉስነትካ ኢየሱስ ንዓይ ንምርደአይ
ቅድመይ ድሕረይ ጎድነይ ሓለዋ ነብሰይ
ካብ ተጻረርተይ
ሰንከል ንኸይብል ሰጉምተይ እንካብ መንገደይ
ካብ ምንድልሃጽ ካብ መዓሙቕ ረድረድ
ይሕልወለይ ኣእጋረይ

3. ዘውዳእ ዒላኻ ፈልፋሊ ማይ
ሰትየ/3/ ውሽጠይ ጠሊለ ሳላ መንፈስካ
ንዘመላለስ ሕማም ውሽጠይ ጥዕዩ ልበይ ዕሩፍ
ዓጸጽምተይ'ውን ብቓልካ ተሪሩ

ክርስቲያን ምኻነይ
ብህይወት ክሳብ

4. ክንደይ ትሓሊኻ ኦ ኣምላኸይ
ፍሉይ/3/ ምኽርኻ ኣባይ ባህታ ነፍሰይ
ክንደይ ኢልኻ ክቑጸር ናይ ዕለት ሰናይካ
ተደራሪቡ ኣሸጊሩኒ ዝብሎ/2/ ጠፊኡኒ

※ ※ ※

## *195 ክዝምረልካ እየ*

1. ድምጽኻ ክሰምዕ ኣብ ቅዱስ ዙፋንካ ፍቐደለይ
   ብእምነት ከገልግል ክባርኾ ስምካስ ብፍታወይ
   ኣይመንወካን ኢየሱስ ክብርኻ ኣየጉድልን
   ክብርኻ'ዩ ተስፋይ ብእምነት ክስጉም
   ናባኻ ክጽጋዕ ከርዊ ጽምኣተይ
   ዓለም ትኣክለኒ እንታይ ክትዓብሰለይ

   ብሂጉ ናፈቑ ዓይነይ
   ምስጋና መሊኡ ኣፈይ ክዝምረልካ
   ንክብሪ ኣምላኸይ ግና
   ክውድሶ ብምስጋና ኣይሕለልን'የ
   ነቲ መዕረፌየይ ጎይታ
   ከመስግኖ ብዕልልታ ደስ ይብለኒ'ሎ
   ነቲ ኤልሻዳይ ኣምላኸይ
   ክዝምር'የ ብፍታወይ ኣይደክምን'የ
   ከመስግኖ ብፍታውይ ኣይድክምን'የ/ባህ ይብለኒ'ሎ

2. ገጽካ ርሒቑኒ ብፍርሒ ከይሸበር ሓደራኻ
   ብደም ሓጥያት ጠልቂየ ርሒቐ ከይነብር ካብ ቕድሜኻ
   ብስምካ ክልምን መንፈሳዊ ፈውሲ
   ተደፊአ ቅድሚት ኣፍደገ ጽድቂ
   ኣኽብሮት ምስጋናይ መታን ክገልጸልካ
   ኤልሻዳይ ኣምላኸይ ደንግጸለይ ኢካ

3. ገጽኻ ብሂገ'የ ምጽኣትካ ብተስፋ ተዳል'የ
   ኣብ መንጸፍ ጽድቕኻ ምሳካ ክነብር ተመኒየ'የ
   ንዓኻ ክፈልጥ ኩሉ ክሓልፈለይ
   ኩሉ ከም ፍቓድካ መታን ክኾነለይ
   ንገጽካ ክርኢ ታህዋኸይ ክሓጽር
   ማራናታ ጎይታይ ምሳኻ ክነብር

4. ኣብ ልዕሊ ጸላእተይ ደገፍ ሂብካኒ'ኻ ኢየሱስ ንስኻ
   መንታን ንኸይጠፍእ ንህይወተይ ዋልታ ኮይንካለይ ኢኻ
   እቶም ንጸበባይ ዝሕጎሱ ኩሎም
   ድሕሪት ተመሊሶም ሓፊሮም ርእየዮም
   ንስኻ ግን ንዓይ ጸዊዕካኒ ኢኻ
   እነኹ በቒዐ ሎሚ ይዝምረልካ

## 196 ወንጨፈ

1. ከርክቦም'የ ኢሉ ገስጊሱ
   ዘለዎ ሃይሊ ኣ'ኽቲቱ
   ባሕሪ እንዶ ኮይኑ ፈራዲ
   ኣብ መንጎና ዘፈላሊ

   ንጸላእተይ ዘወሓጠ ባህሪ
   ንዓይ ግና ኮይኑ መስገሪ/2/ /2/

   ኣታ ጥሓሲ ምሳኻ ንጥሕስ
   ካብቶም ሰዓርቲ ኣዚና ንበልጽ /2/

2. ከስግዶም'የ ኢሉ ሓንሒኑ
   ንምስሉ ስለዘይሰገዱ
   ሸውዓተ ዕጽፌ ወላ ይንደድ
   ይፈልጥ'የ ንመን ከም ዘስገድ

   ወዲ ኣምላኽ ኣብ ዘለዎ ሓዊ
   ኮይኑለይ ንሽመት ክብሪ/2/
   ጎይታ ኢየሱስ ኣብ ዘለዎ ሓዊ
   ኮይኑለይ ንሽመት ክብሪ

3. ከጥፍኦም'የ ኢሉ ፈኪሩ
   ጎልያድ ብትዕቢት ነዲሩ
   ንግሆ ንግሆ ቃላት መርገም
   ኣይጻወሮን ህዝበይ ክርገም

   ህያው እምኒ ሓንቲ'ያ ትኣ'ኽሎ
   ወንጨፈ ግንባሩ የንህሎ/2/ /2/

※ ※ ※

## *197 <u>ዋጋ ከፈልካ ዓዲግካኒ</u>*

እግዚኣብሔር ኣምካኸይ ንጉሰይ/2/
ተመስገን/7/ ተባረኽ/7/ ልዕል በል/7/

1. ዋጋ ከፈልካ ዓዲካኒ ኣሃሃሃ ተመስገን
ናይ ገዛእ ርእሰኻ ጌርካኒ ኣሃሃሃ ተመስገን
ኣነ ናትካ'የ ድሕሪ ደጊም/4/ /2/

2. ኣብ ቅዱስ ከረነይ ሸሚካ'የ ኣሃሃ ተመስገን
ንጉሰይ ኢኻ ንስኻ ኣሃሃ ተመስገን
ኣብ ዝፋን ልበይ ተቐመጥ ኣሃሃ ተመስገን
ኣነ ናትካ'የ ድሕሪ ደጊም/4/ /2/

3. ካባይ ዝኾነ የብለይን ኣሃሃ ተመስገን
ኩሉ ብኣኻ'ዩ ኮይንለይ ኣሃሃ ተመስገን
ኩሉ ብኣኻ'የ ዝረኽቦ ኣሃሃ ተመስገን
ዓይኒ ማያተይ ኣባኻ'ዩ ኣሃሃ ተመስገን
ኣነ ናትካ'የ ድሕሪ ደጊም/4/ /2/

※ ※ ※

## *198 <u>ውሽጣዊ ሰላም</u>*

1. ኣምላኽ የለን ክብል ልበይ ክርበሸ
ሓጥያት ከቢዱኒ ንድሕሪት ክጉተት
ንስኻ ግን ኣምላኸይ ረዳኢ ድኩማት
ኣድሒንካኒ ካብቲ ናይ መንፈስ ጭንቀት /2/

ውሽጣዊ ሰላም
ናይ መንፈስ ዕረፍቲ
ዘይጠፍእ ብርሃን ምሳኻ'ዩ ዘሎ
ኦ ኣምላኽ ሰማያት ምሳኻ'ዩ ዘሎ
ኦ ንጉስ ነገስታት ሃሌ ሉያ /4/

2. መንፈሰይ ክጭነቅ ሰላም'ውን ስኢነ /2/
ላዕልን ታሕትን ክብል ዕረፍቲ ስኢነ
ኣይረኸብኩን ኢየሱስ ከማኻ ዝበለ
ፈቲሕካለይ ኢኻ <u>ጾገመይ ዘበለ</u> /2/

3. ንስኻ ካብ ኮንካ እቲ እሙን መድሓኒ /2/
ኢየሱሰይ ካብ ኮንካ ንዓይ ረድኤተይ
ንዓይ'ስ ከማኻ መን ኣሎ
ሎምስ ክስዕበካ <u>ምሳኻ ይሕሸኒ</u> /2/

4. ዘሕለፍክዎ ብሕማቅ ብጽቡቅ ክሒሰ
በቲ ሰናይ ቆፎይ መሊአ
ብሰማያዊ ሃብቲ መንገደይ ኣጣጢሐ
ንሰማያዊ ሰላም <u>ብሓጎስ ክጽበ</u> /2/

※ ※ ※

*199 <u>ዘማሪ'ዩ ሰመይ</u>*

ዘማሪ'ዩ ሰመይ ወንጌልካ ዘበሰር
ዘማሪ'ዩ ሰመይ ከመስግን ኣምላኸይ
ዘማሪ'ዩ ሰመይ ንስሌኻ ዝዝምር
ዘማሪ'ዩ ሰመይ ንዓኻ ዝኾውን

እታ ኣብ ጥምቀተይ ዝህብካኒ ሽምዓ
እንሆ ብበረኸትካስ ደሚቃ ኣጉላዕሊዓ /2/
ብጸጋኻ ሰለ ትዓቢ
ካብቶም ብሩህ ራእይ ዘሎዎም ህዝቢ
ካብቶም ንዓኻ ዝፈርሁ ቅንኢ ኣውጺእካኒ /2/

ከመይ ንስኻ/2/ ኣምላኸይ
ቁላዕ እምከለኹ ኣመና ንእሽተይ
ተሳልየኒ <u>ኣብ ጉዕዞ</u>/2/ ሂወተይ
ክበጽሕ <u>ኣብ ዘልዓለም ቤተይ</u>/2/

ጎይታ ሰላመይ ፡ ጎይታ ዕረፍተይ/7/

ንሰብ እኳ ኣፍቂረ ፍቕሩ ዘውዳእ
ንሰብ እኳ ኣሚነ ልቢ ዝሕባእ /2/
የግዳስ/2/ ቲ'ምስጋና ኣፈይ'ዩ ዝምንጩ
ዘይናተይ/2/ ሓዘ ይግስግስ ከይህሉ /2/
ብርሃንካ ኣብርሃለይ ንመንገድኻ ክሕሉ
ዘማሪ'ዩ ሰመይ ,,,

ናይ እግዚኣብሔር'የ ኣሃ ኣሃ/3/ ናቱ'የ/2/
ብምሉእ ልበይ ከፍቅሮ ዝጽዕር
ምሕረቱ ናባይ ናብ ሓጥእ ዝበዝሕ
ናብ ንስሓ ይዕድመኒ ወትሩ ከይሰልከየ
ዕድለኛየ ብእምነተይ ሓልዮት ረኺበ

ሰለዚ ግቡኣይ'ዩ <u>ከመስግን</u> /2/ ተሓደርኩ
ውረታይ'ዩ ውዕለተይ እንተ' ዘንተኹ
ብዝተገብረለይ ምስጋና <u>ተወደስኩ</u>/2/
ነውሪ ኣይኮነን ንዕኡ'የ ዘመስገንኩ
ብዝተገብረልና ምስጋና <u>ተወደስና</u>/2/
ነውሪ ኣይኮነን ንዕኡ'ና ዘመስገና /3/

## 200 *ዘየቋርጽ ሰላም*

ንዓኺ ቅድመይ ጌረ ፡ እንታይ ከይከውን'የ
እንታይ እንታይ እንታይ ከይከውን'የ
ኢየሱሰይ ዘለኻዮ ሰላመይ መሊኡ
ዓሪፈ ዓሪፈ ዓሪፈ ይነብር ኣለኹ /2/

1. ቅድመይ ወጺእኻ ድንኩል ሰጥ ተብሎ
   ልዕል ንዘበለ ኣኽራን ብኣኻ እዘሎ
   ኣብ ዝጣጥሓለይ ኣሰር ስጉምትኻ
   እስዕብ ኣለኹ ወጺኤ ደድሕሬኻ

   ዘየቋርጽ ሰላም ኣብቲ ጎደናኻ'ዩ ዝርክርብ/3//2/

2. ምድሪ ስደተይ መዝሙርካ'ዩ ስርዓተይ
   ብተግባር ኣእዳውካትድነቅ ኣላ ነብሰይ
   ብብርሃንካ ብርሃን እንዳ ርኤኹ
   ዝበለጸ ናብራ እነብር ኣለኹ

   ከማኻ'ሞ መን ኣሎ ዝኾነኒ ረድዔት
   ኩሉ ክለዋወጥ ብግዜን ቦታን ዘይድረት /2/

   ዘየቋርጽ ሰላም ,,,

※ ※ ※



## 201 *ዝጸምኣ እንተሎ*

ዝጸምኣ እንተሎ ፥ ናብ ጎይታ ይምጻእ
ንደሙ ይስተ ፡ ሥጋኡ ይብላዕ

1. ለዋህ ጎይታ ኦ ርሕሩሕ ኣምላኽ
   በጃ ዝሓለፍካ ሓጥያትና ንምኽሓስ
   ልባትና ለውጦ ብኽፍኣትና ክንጣዓስ

2. ንድሕነት ነፍስና ሕጂ’ውን ተሠዊዕካ
   ብልዑኒ ስተዩኒ ምእንታኹም’የ ኢልኻ
   ሕይወት ምስ ተረፉ ንዓና እናዓደልኻ

3. ዝኸበዶ እንተሎ ናባይ ይምጻእ ከዕርፎ
   ክበዱ ቀንጢጠ መንፈስ ራህዋ ከልብሶ
   ኢልኻ ኢኻ ኦ ጎይታይ ኣበሳና ደምስሶ

4. ጸሚኤ ክመጽእ ናባኻ ኦ ጎይታይ
   ማይ ሕይወት ዘልዓለም ክፍልፍል ካብ ከርሰይ
   ምሕረትካ ሃበኒ ጎይታይ ደንግጸለይ

※ ※ ※

## 202 የፍቅረካ'የ

የፍቅረካ'የ (4)
ካብ ውሽጢ ልበይ የፍቅረካ'የ (2)
'ተበልኩኻ የ ፍቅረካ (4)
ንዓይሲ ፍቕሪ ኢኻ (4)

ፍቕርኻ መግለጺ የ ብሉን ካልኣይ (2)
ፍቕርኻ መግለጺ ኣይርከቦን ካልኣይ (2)
የፍቅረካ'የ (4)

ኣብ ክንዲ ፈተውቱ ዝሞተ
ምናልባት ኣይምተሳእነን /2/
ኣብ ክንዲ ጻላእቱ ዝሞተ ብዘይካ ኢየሱስ ኣይረአኹን ኣነ
ኣብ ክንዲ ጻላእቱ ዝሞተ ብዘይካ ኢየሱስ ኣይሰማዕኩን ኣነ

'ተበልኩኻ የ ፍቅረካ (4)
ንዓይሲ ፍቕሪ ኢኻ (4)

ኣነ ስ ኣይርስዖን ኢየ (3)
ኣነስ ኣይርስዖን ኢየ /2/
'ቲ ፍቕርኻ ኣይርስዖን ኢየ ዘፍቀርካኒ ኣይርስዖን ኢየ
'ቲ ምሕረትካ ኣይርስዖን ኢየ ዘልዓልካኒ ኣይርስዖን ኢየ
ሓንጊርካኒ ኣይርስዖን ኢየ ተሸኪምካኒ ኣይርስዖን ኢየ
ኣይርስዖን ኢየ (4)

ኣይደኻምካን ገና ከተፍቅረኒ /2/
ኣታ ምድሓነ ይ ትደሊ ኣይደኸምካን ገና ክትጾረኒ /2/
ኣታ ጽቡቐይ ትደሊ ኣይደኸምካን ገና ክትሸከመኒ /2/
ኣታ ዕረፍተይ ትደሊ ኣይደኻምካን ገና ከተፍቅረኒ /2/
ኣታ ምድሓነ ይ ትደሊ

※ ※ ※

## *203 <u>ጌርካለይ ኢኻ</u>*

ጌርካለይ ኢኻ'ሞ ዓቢ ነገር/2/ ጌርካለይ
ጌርካለይ ኢኻ'ሞ ሰናይ ነገር/2/ ጌርካለይ ኢኻ/2/

ኩሉ ምስጋናኻ ክነግርየ በልኹ
ከውርዩ ንስራሕኻ ኣፈይ ምስ ከፈትኩ
ዝገበርካዮ/ለይ ናተደራረበ ክቐጽሮ
ኣይከኣልኩን ብምስጋና ደምዲመ /2/

1. ጸላእተይ ሓፊሮም ንድሕሪት ተመልሱ
ዝገበርካለይ ሰናይ ኩሉ'ና ረኣዩ
ክሳብ ወሰን ምድሪ ጓሱካኒ እንዲኻ
ብግዜ ብቦታ ኣትውሰንን ኢኻ/2/

ኩሉ ምስጋናኻ ክነግርየ በልኩ
ከውርዮ ንስራሕካ ከናፍረይ ከፈትኩ
ዝገበርካዮ/ለይ ናተደራረበ ክቐጽሮ
ኣይከኣልኩን ብምስጋና ደምዲመ /2/

2. ብቐትሪ ዘማስን ሕማም ኣይፈረሕኩን
ብጸልማት ክኸይድ ፈራ ኣይረኸበንን
ካብቲ ብመዓልቲ ዘውርወር ፍላጻ
ካብ ጸልማት ለይቲ ሰዊርካኒ ኢኻ/2/

3. ኣብቲ ድምጺ ምስጋና ዘይብሉ ቦታ
ካብ ልበይ ክግንፍል ምስጋና
ሓጎሰይ መሊኡ ክግንፍል ከሎ
ኣነ'ውን ንስምካ ንጽድቂ የልዕሎ
ኣነ'ውን ንስምካ ብክብሪ የልዕሎ

※ ※ ※

## 204 ጐይታ ናትካ ፍቕሪ

1. ንማርያም ብፍቕራ ሓጢያት ዝገደፍካ
   ነቶም ዝሰዕቡኻ ፍርሃት ዘርኣኻ
   ኃጥእ እንከለኹ ፍርሃት ጸዊዕካኒ
   ጸጋኻን ጐስነትካን ኣብዚ ኣብጺሑኒ

   ጐይታ ናትካ ፍቕሪ ወሰን የብሉን
   ጐይታ ናትካ ፍቕሪ ድሩት ኣይኮነን
   ከማኻስ ኣይርከብን ንዘልዓለም

2. ኣምላኽ ባዕልኻ ኢኻ ኣፍቂርካኒ
   ንወድኻ ሂብካ ተበጂኻኒ
   እዚኣ ኢያ እታ ፍቕሪ ናትካ
   ኣብ መስቀል ቀራንዮ ንዓይ ዝገለጽካ

3. ኣዝዩ ይገርመኒ ኢየሱስ ፍቕሪ ናትካ
   ንዓና ክትብል ኣብ መስቀል ወዓልካ
   ከም ነጥቢ ከም ረሃጽ እናረሃጽካ
   ኣየ ናትካ ፍቕርስ ኣለዎ ሓለፋ

4. ንጭፍሉቕ ሻምብቆ ኣይትሰብሮን
   ንዝተክኽ ጥዋፍ ኣይተጥፍኦን
   ኣብ ልበይ ሰሪጹ ‘ቲ ፍቕርኻ
   ትብል ነብሰይ የለን ኢየሱስ ከማኻ

※ ※ ※



*205 ጓሳ ኣሎኒ*

1. ይክፋእ ይጸብቕ ይጥዓም ይሕሰም
ኣብ ዘለኹዎ ናይ ሂወት ቓሕ ሰም
ኣሎኒ ኣነ ተስፋ ዝህበኒ
ክሓዝን ክትክዝ ዘጸናንዓኒ
ጸግዒ ዝኾነኒ

ቤተይ ቤቱ ልበይ ልቡ
ዘይቐብጸኒ/2/ ኢየሱስ ኣሎኒ /2/
ዘይደክም/2/ ዘሕለል /2/
ጓሳ ኣሎኒ /2/

2. ሲኢነ ክረክብ ጸሚኣ ክረዊ
ንቑስለይ ዝፍውስ መንንፈሰይ ዘርዊ
ጓሳ ኣሎኒ  ኣነ ጽቡቐይ ዝደሊ
ቃል ከይውጻኩ ንውሽጠይ ዘለሊ
ንሰለይ ዝሓሊ

3. ቃሉ ልዕሊ ቃላት ክቡር ልዕሊ ክቡር
ዘመን ዘይልውጦ መዋእል ዝነብር
ብኣጋ ዝንበ ዘበሎ ዝከውን
ብኡየ ዝምካሕ ንዑኡ'የ ዝኣምን
ኣነ ናቱ ዋኒን

4. ዓይነይ ዘይኮነ ልበይ ዝሪኦ
እዝነይ ዘይኮነስ ልበይ'ዩ ዝሰምኦ
ግዜ ዘይፈልየለይ ብለይቲ ብቐትሪ
ኩል ሻዕ ዝረኸቦ ዝሕበኒ ምክሪ
ዘይብሉ ዘብሪ

※ ※ ※

## 206 ፍቕርኻ ኣምላኸይ

1. ንጥርዓነይ ኩሉ ንስኻ መልሲ ትህበሉ ነገረይ ኩሉ
   መፍትሒ ጎይታ ትገብረሉ
   ጉዳየይ ኮይኑ ጉዳይካ
   ኣምላኸይ ከመስግነካ /2/

   ፍቕርኻ ኣምላኸይ ተዓጻጺፉ
   ጉስነትካ ኣቦይ ሓለፋ ኮይኑ
   ከምቲ ዘፍቐርካኒ ሓለፋ ኹሉ ዝቐረብካኒ
   እዚ'ዩ ዘሎኒ መስዋዕቲ ምስጋናይ ተቐበለኒ
   ተመሰገን / ሃሌ ሉያ ክበር ዎ ጎይታ /2/

2. ምስ'ቶም ቅዱሳንካ ክነብር ጎይታይ ምስጋና ኣብ ቤትኻ
   ምስ'ቶም ሕሩያትካ ክመልአ ጎይታይ ምስጋና ቤትካ
   'ቲ ድምጺ ምስጋናይ
   ይብጻሕ ናባኻ ጎይታይ /2/

3. ክወጾ ዝግብኣኒ ብዙሕ'ዩ
   ኔሩ'ዩ ዝብርትዓኒ
   ክገበሮ ዝግብኣኒ ብዙሕ'ዩ
   ኔሩ ዝኸበደኒ ንሕጊ ፈጺሙ
   ሂወተይ ኣድሓነኒ ብኽቡር ደሙ

4. መስዋዕቲ ርሱዕ ክኣቱ ፈትዩ
   ናብ መቕደሱ
   ከድሕነኒ ኢሉ ይማጎት ስለይ
   ጠበቓይ ኮይኑ
   ኢየሱስ ካህነይ
   ንሓዋሩ እህብ ምስጋናይ /2/

※ ※ ※

## 207 <u>ስልጡን ኣምላኽ ኢኻ</u>

1. ብጽኻ በደልናን ሓጢኣትናን
ንፈልጦ ኢና በደል ናይ ህዝብና
ምሕረትካ ግን ብዘይ ልክዕ ኣኽቢሩና
ዘይተጸበናዮ ዓቢ ክብሪ ጌሩልና (2)

ማእለያ ዘይብሉ ‘ቲ ኽቡር ውህበትካ
ኣባና ምድሓን ምሕረት ኣቐሚጥካ
ጸጋኻስ ኣባና ክትገልጾ ፈቲኻ
ክብርኻስ ብኣና ክትገልጾ ፈቲኻ
እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ክበረልና
እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ንገሰልና

2. ብባህሪና ጥፉኣትን ውሉድ ቑጡዓን
ህዝቢ ዘይነበርና ደቅኻ ኮይና
መንግስትን ካህናትን ክንኮነልካ
ነዚ መዲብካና ቀደም ነምስጋናኻ (2)

3. ንማያት ካብ ማያት ትፈሊ <u>ስልጡን</u>/2/ኣምላኽ ኢኻ
ኣብ ማእከል ጠፈር ኣቐምካ
ሰማያት’ውን ከም መጋረጃ <u>ስልጡን</u>/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ብዘይዓንዲ ደው ኣቢልካ’ዮ ኢኻ
ዘልኣለም ከይትናወጽ ኢልካ <u>ስልጡን</u>/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ምድሪ ብዘይመሰረት ኣጽኒዕካዮ ኢኻ

ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ (4)
ኣብ ስራሕካ ኣይትጋገን ኢኻ ኩሉ ፍጥረትካ ይምስክረልካ
ኣብ ስራሕካ ኣይትጋገን ኢኻ ተግባር ኣእዳውካ ይምስክረልካ
እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ክበረልና እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ንገሰልና

4. ዓበይቲ ደመና ትገብር <u>ስልጡን</u>/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ኣብ ልዕሊ ኩሉ በይንኻ ትገዝእ
መዓልቲ ጸሓይ ኣሰልጢንካ <u>ስልጡን</u>/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ወርሕን ከዋኽብትን ብለይቲ ኣቆምካ
መዓልቲ ናትካ’ያ ለይቲ’ውን <u>ስልጡን</u>/2/ ኣምላኽ ኢኻ
ንኹሉ ብጥበብ ፈጢርካ

ስልጡን/2/ ኣምላኽ ኢኻ (4),,,

እንታይ ክንብል ኢና’ሞ ክበረልና/ ንገሰልና /4/

## *208 ኣብዚ ዘብጻሕካኒ*

ኣብዚ ዘብጻሕካኒ ንስኻ ኢኻ ኣብዚ
ኣብዚ ዝበጻሕኩ ብኣኻ'የ ኣብዚ /2/
ነየናይ ጀሚረ ነየናይ ክገድፎ
ዝገበርካለይ ብዙሕ'ዩ ጸብጺበ ነይቆጽሮ /2/

ምስጋና'ዩ ዘሎኒ ንዓኻ ስለ'ቲ ሰናይካ
ምስጋና'ዩ ዘሎኒ ንዓኻ ስለ'ቲ ጽቡቕካ
ምስጋና'ዩ ዘሎኒ ንዓኻ ስለ'ቲ ምሕረትካ
ምስጋና'ዩ ዘሎኒ ንዓኻ ስለ'ቲ ሓልዮትካ

1. ኣበይ ምሃለኹ 'ተዘይትሓስበኒ
ካብ ጎድፍ ኣልዒልካ ዝፋን ክብሪ 'ተዘይተውርሰኒ /2/
ብሂግካኒ ኢኻ'ሞ ኣናጊፍካኒ
ንቑምነገር ኮይነ ሰብ ጌርካኒ

2. ኦሮማይ ዝተባህሎ ሓወልቲ ዝተገብሮ
ክንደይ ዘይተሓልፈ በረኸቲ ስንጨሮ /2/
ኣብ ዝባንካ ጴርካ ሓንጊርካ ኣስጊርካያ
ምህላውካ ምስኣ ነብሰይ/ሎሚ ምስክር'ያ /2/

ኣለኹ ኣይጠፋእኩን ዋጋ'ዩ ተኸፊሉኒ
ሒዙ ኣየስጠመንን እቲ ረግረግ ሰልሚ /2/
ሞተይ እንተውረየ ትምኒት'ዩ ጸላኢ
ኣነ ግን ኣለኹ'የ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ

※ ※ ※

## 209 <u>ኣምላኽ ንደቁ ይመርሕ</u>

*ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ፣*
*በቲ ሰላም ዝሀብ ዘጸናንዕ ቃልካ*
*ስለዝበጻሕካናን ዘጸናናዕካናን ነመስግነካ ።*

ንባሮቱ ቖላሕ ኢሉ ዝረኣየ ኦጎይታ ተመስገን
ብስራት ወንጌል ዝበጽሐና ፣
ኣረ ክንደይ ተዓዲልና ተመስገን ።
ኣስይ (2) ኣረ ክንደይ ተዓዲልና (2)
ፍረ እምነት ዓቲርና ።
ብእግዚኣብሔር እንካብ ተሓሰብና ፣
ብኡ ካብ ከበርና ፣
ኣብቲ ጸልማት ብርሃኑ በሪሁ፣ንድሕነት፣ኮይኑልና

ንሕናውን ነመስግን ኣለና (2)
ጐይታ ክበረልና ።

እቲ ሓያል ኣይፈንፈነናን ፣
ኣረኧ ድኣ ተሳተፍቲ በረከኹቱ ጌሩና ፣
ኩሉ ነገር <u>ንሰናይና</u>/2/ከም ዝድግፈና ጌሩልዎ ።

እግዚ፩ ንእስራኤል /2/ እዉን ይጥምት
እግዚ፩ ንመግደላዊት/2/እዉን ይጥምት
እግዚ፩ ንኣፍሪቃ /2/ እውን ይጥምት ፣
እግዚ፩ ንእስራኤ /2/ እዉን ይጥምት ፣
እግዚ፩ ንዘኪዎስ /2/ እዉን ይጥምት ፣
እግዚ፩ ንኣፍሪቃ /2/ እዉን ይጥምት ፣
ከምኡ'ዉን ንዓና ጎይታ ብፍቕሩ ይጥምተና
ሎሚ'ዉን ንዓና ጎይታ ብፈቕሩ ይጥምተና

ብኣኻ ካብ ከበርና ይኣኽለና
ኦ ጎይታ ተመስገን
ብርሃና ኣዝዩ ደሚቑ ፣
<u>ተስፋና መፈጸምታ ረኺቡ</u> /2/
ኦ ጐይታ ተመስገን ።
ኣስይ ኣሰይ <u>ኣረ ክንደይ ተዓዲልና /2/</u>
ፍረ እምነት ረኺብና

## 210 መንፈስ ተሰፋ

መበራትዒና ,,, መንፈስ ቅዱስ ፣
መጸናንዒና ,,, መንፈስ ቅዱስ ፣
ዓያዩ ዕዮና ,,, መንፈስ ቅዱስ ፣
ዕርቡን ናይ ርስትና   መንፈስ ቅዱስ ፣

1. ንበይንና  ኣይኮናን  ንኽጾ'ዚ ጉዕዞ ፥
ሓለዋ ኣሎና ማንም ዘይሰዕሮ ፥
ብቕድሚት ብድሕሪት ጽኑዕ'ዩ ዋልታና
ብየማን  ብጸጋም እሙን'ዩ ጸግዕና
' ዝመንፈስ ተስፋ መንፈስ ፍቕሪ
መንፈስ ጸጋ መንፈስ ሓይሊ
' ዝመንፈስ ፍቕሪ መንፈስ  ሓጎስ
ጌና ኣሎ መንፈስ ቅዱስ
ብሰረገላ'ዩ ኣብዚ ኣብጺሑና ብሰረገላ ቅዱስ /4/

2. ወንጌል ንድኻታት ኣብ ልቦም ክበጽሖም
ሽቡራት  እሱራት  ሓርነት  ክመጾም ፥
ከምቲ ነቦታትና ምስኦም ዝነበረ ፥
መንፈስ ኣምልኽ ኣሎ ገና ከይደኸመ ።

3. ከናፍርና ቅብኣቱ ክፈስስ ፥
ንሰማዕቱ በረኸት ከዉርስ ፥
ኣእዳዉና ፍቓዱ ክገብራ ፥
ምንጋር ኣብ ኩሉ ክበጽሓ ፥
ክርዳድና ብሓዊ ክነድድ ፥
ስርናይና ብወፍሪክንዓጽድ ፥
ንዓለም ብዓለማ ክንመልኣ ።

4. መንፈስ ቅዱስ ኣሎ ኣብ ዙርያና/ማእከልና
መንፈስ ቅዱስ ኣሎ ኣብ ማህደርና/ደምበና
መንፈስ ቅዱስ  ኣሎ ኣብ ልዕለና፣

※ ※ ※

## *211 <u>ጐይታይ ኣብ ሕቑፎኻ</u>*

1. **ኣነ’ሞ ከመይ’ለ ካብ ቤትካ ክኹብልል**
   **ከም ዓሳ ብዘይ ባሕሪህይወተይ ዝምሰል**
   **እንታይ ከ <u>እንታይ</u> (2) ምኾንኩ እንድዒ**
   **ቃንዛ ዉሸጢ ልበይ ኣይምረኸበን ሰማዒ**
   ***ሰለዚ ይሕሸኒ ጎይታይ ኣብ ሕቑፎኻ /2/***
   ***ኣበይ ከ ክረክብ ዝመሰል ንዓኻ***

2. **ንጉስ እንተበልኩኻ ናይ ምዓምቑ ልበይ**
   **እዝስ ዉሒዱካ ዝያድኡ ኢኻ ንዓይ**
   **ዓቕመይ ደሪቱኒ ንዉዕለትካ ከዘንቱ ፣**
   **ሓሳብ ስኢነሉ ንሰናይካ ነናቱ ።**
   ***ኦ ጎይታ ዘልኣለም ንጉሰ ናይ ነገስታት***
   ***ከማኻስ ኣይርከብን ዕዉት ካብ ዕዉታት/2/***

3. ***መን’ዩ ካብ ዓይንኻ ንኻልኢት ዝኽወል***
   ***መንከ’ዩ ኣብ ቅድሜኻ ብድፍረት ደው ዝብል***
   **ኣነስ መሪጸካ ክትከዉን ጠበቓይ ፣**
   **በሰር ዓይነይ ክትኣሊ ደላይ ጽቡቐይ ።**
   ***ኣሚነ መሪጸካ ናተይ ክትኮነለይ***
   **ሂይወተይ ወፍየልካ ምሉእ መዋእለይ /2/**

***ሰለዚ ይሕሸኒ , , ,***
***ኦ ጎይታይ , , ,***

※ ※ ※

## *212 ምስጋና*

1. ናይ ዓለም መከራ ጭንቀት ምስ ፈተና
   ብሓይሊ ጎይታ ኢየሱስ ፣ ክንሰዕሮ ኢና
   ንብዓትና ብመዝሙር ፣ ሓዘና ብደስታ
   ከም ዝቕይሮ ፣ ነጊሩና ጎይታ ።

   *ምስጋና ምስጋና ሃሌሉያ ምስጋና ፣*
   *ምስጋና ንኢየሱስ ምስጋና ፣*
   *ይግብኣካ'ዩ ኣምላኽና ፣*
   *ኣምላኽና ዘኾንካ መድሕና ።*

2. ብብዝሒ ሓጢኣትና ጎይታ.ኣይደርበየናን
   ኣምላኽና ብምዓቱ ፣ ኣይተቐበለናን ፣
   እዚ ርሕሩሕ ኣምላኽ ናይ ሰራዊ ጎይታ
   ኣብ መስቀል ዉዓለ ፣ ንምኽፋል ዕዳና

3. ኣብ ዓለም ከለኹ ፣ ንዓኻ ኣኽቢረ ፣
   ብመከራ ክሓልፍ ፣ ንስምካ ጸዊዐ ፣
   ዓለም ብምልኣታ ፣ እንተ ንዓቐትኒ ፣
   ኩቶ ዘይጠልም ፣ ንስኻ ኣለኻኒ ።

4. ዓለም ብምልእታ ፣ ኣብ ኢድካ ዘሓዝካ
   ክብሪ ንስምካ ይኹን ኦ ክቡ ኣምላኽና፣
   ናይ ልቢ ዕረፍቲ ፣ ሰላም ዘሃብካና ፣
   መስዋዕትና እንካ ፣ ኦ ፍቁር ኣምላኽና

   *ምስጋና , , ,*

※ ※ ※

*213 ምሳኻ*

1. ካብ መንፈስካ ናብይ ክኸይድ'የ
ካብ ገጽካ'ኸ ናበይ ክሃድምየ ፣
ሰማይ እንተደየብኩ ፡ ኣብኡ 'ሎኻ ፡
መንጸፈይ ፡ ንሲኦል ፡ እንተንጸፍኩ
እንሆ ፡ንስኻ ኣብኡ 'ሎኻ ።
ትነበር'ዉን ኢኻ ህያው'ዉን ኢኻ ።

ምሳኻ /3/ ምንባር ይበልጸኒ
ጐይታየ ኣብ ቤትካ ፈውሲ'ለዎ ሕይወት ኣለዎ
በረኸት ኣለዎ ምጽንናዕ ኣለዎ

2. ኣኽናፍ ወጋሕታ እንተወሰድኩ ፡
ኣብ ወሰን ባሕሪ ፡ እንተተቐመጥኩ ፡
ኣብኡ ከኣ ኢድካ ፡ ክትመርሓኒ እያ ፡
የማነይቲ ፡ ኢድካ'ዉን ፡ ክትሕግዘኒ'ያ ፡
ጐይታየ ፡ ካባኻስ ናበይ ክኸይድየ ፡
ናበይ ከብል'የ ፡ ናበይ ክሃድም'የ ።

3. ጸልማት ይኸዉለኒ ለይቲ ትኹን እንተበልኩ
ንዓኻ ጸልማት እኳ ኣይጽልምተካን
ጸልማትን ብርሃንን ንዓኻ ሓደ'ዮም ፡
ካባኻ ፡ ርሒቐ ናበይ ኢየ ዝኸዶ ፡
ጐይታየ ፡ ናይ ዘልኣለም ቃል ኣሎካ ፡
ሕይወት ፡ ኣሎካ ፈዉሲ'ሎካ ።

4. ኣይኮንኩን ብገንዘብ ሕይወት ዝረክብ
ኣይኮንኩን ብጥሪት ጸጋ ዝረክብ
ኣይኮንኩን ብፍልጠት ሓይሊ ዝረክብ ፡
ኣባኻ እንተተወከልኩ'ዩ፣ ብኸምኡ ወይንን ጸባን ዝረኽበሉ ፡
ኣብ ቤትካ'ዩ ኣባኻ'ዩ ።

5. ጐይታይ ናይ ዘልኣለም ሕይወት ኣሎካ
ጐይትይ ናይ ዘልኣለም በረኸ ኣሎካ ፡
ጐይታይ ናይ ዘልኣለም ምጽንናዕ ኣሎካ
ጐይታይ ፡ ካባኻ ናብይ'የ ዝኸዶ ፡
ናበይ'የ ዘብሎ ፡ ናበይ'የ ዝሃድሞ።

## *214 ኣታ ህዝቢ ስማዕ*

1. ገለ ዝበኽየሉ ናብ ሓዊ ዝድርበየሉ
ገለ ክሕጎስ ንብዓት ዝደርዘሉ
ክፍኣት ካብ ማእከል ጽድቂ ዝፍለየሉ
ሎሚ ዘመንካ ፍለጥ ቅድስናኻ ኣምተሉ
*ተፈለ ሎሚ ርሓቕ ርኹስ ከቶ ኣይትተንኪ*
*ንኣምላኽካ ምሰል ንኡ በይኑ ተገዛእ /2/*
*ኣታ ህዝቢ ስማዕ ስማዕ ዘመንካ ኣላሊ* /4/
*ኣታ ህዝቢ ርአ ርአ ግዜኻ ፍለጥ* /4/

2. ቀልጢፉ ክመጽእ ብግርማ ክግለጽ'ዩ
ከምቲ ንኻልኦት ዝመስሎም ተስፋኡኣይድንጉን'ዩ
ብትእዛዝ ጭድርታ ብድምጺ ሊቀ መላእኽቲ
ብመለኸት ኣምላኽ ካብ ሰማይ ክወርድ'ዩ
*ንምቕባል ጎይታ ኣባይ ንኽትልዓል*
*ኣብኡ ንሓዋሩ ምስ ጎይታ ክትነብር /2/*
*ኣታ ህዝቢ ስማዕ*
*ስማዕ ግዜኻ ፍለጥ / ዘመንካ ኣላሊ* /4/

3. ከም ሰራቒ ኮይኑ ብለይቲ ክመጽእ'ዩ ፣
ግዜኻ ዓድጎ ከም ለባም ቅንያቱ ኣዝዩ ክፋእ
ደመና ምስ ኮነ ሽዑ ግዜ የብልካን
ሽዑ ካብ መሪር ንብዓት ሕጂ ናብ ጐይታ ትብዓት
*ብኽብሪ ክመጽእ ብግርማ ክግለጽ ከሎ*
*ሽዑ ክወስደካ ዘመንካ ሎሚ ፍለጦ /2/*
*ኣታ ህዝቢ ስማዕ*
*ስማዕ ዘመንካ ኣላሊ/ ግዜኻ ፍለጥ* /4/

*ኣይክድንጉን* /3/ *ተስፋይ / ኢየሱስ ኣይክድንጉን* *
*ከምቲ ንኻልኦት ዝመስሎም ኣይክድንጉን'ዩ*
*እቲ ተስፋ ኢየሱስ ኣይክድንጉን'ዩ /2/*
*ኣይክድንጉን'ዩ* /3/ *ተስፋይ/ ኢየሱስ ኣይክድንጉን'ዩ**

*ክምለስ'ዩ*/3/ *ተስፋይ/ ኢየሱስ ፣ ክምለስ'ዩ* *
*ከምቲ ንኻልኦት ዝመስሎም ኣይክድንጉን'ዩ*
*እቲ ተስፋ ኢየሱስ ክምለስ'ዩ /2/*
*ክምለስ'ዩ ወ*/2/ *ተስፋይ ክምለስ'ዩ 'የሱስ*

※ ※ ※

## *215 <u>ክዝምረልካ‘ የ</u>*

1. ድምጽኻ ክሰምዕ ኣብ ቅዱስ ዙፋንካ ፍቐደለይ
   ብእምነት ከገልግል ክባርኾ ስምካ ብፍታወይ ፣
   ኣይመንወካን ኢየሱስ ፣ ክብርኻ ኣየጉድልን ፣
   ክብርኻ'ዩ ተስፋይ ፣ ብእምነት ክስጉም ።
   *ናባኻ ክጽጋዕ ከርዊ ጽምኣተይ ፣*
   *ዓለም ትኣኽለኒ እንታይ ክትዓብሰለይ ፣*
   *ብሂጉ ናፊቑ ዓይነይ፣ ምስጋና መሊኡ ኣፈይ ክዝምረልካ*
   *ንኽብሪ ኣምላኽይ ግና,,,*
   *ክዉድሶ ብምስጋና ኣይሕለልን 'የ ፣ ኑቲ መዕረፊየይ ጎይታ*
   *ከመስግኖ ብዕልልታ ደስ ይብለኒ 'ሎ ፣*
   *ኑቲ ኤልሻዳይ ኣምላኺይ,,,*
   *ክዝምርየ ብፍታወይ ኣይደክምንየ ።*
2. ገጽካ ርሒቑኒ፣ ብፍርሒ ከይሸበር ሓደራኻ ፣
   ብደም ሓጥያት ጠልቀየ፣ ርሒቐ ከይነብር ካብ ቅድሚኻ
   ብስምካ ክልምን፣ መንፈሳዊ ፈውሲ
   ተድፊአ ቅድሚት ኣብ ኣፍደገ ጽድቂ
   ኣኽብሮት ምስጋናይ መታን ክገልጸልካ ፣
   ኤልሻዳይ ኣምላኽይ ደንግጸለይ ኢኻ ፣
   ብሂጉ , , ,
3. ገጽካ ብሂገየ ምጽኣትካ ብተስፋ ተዳልየ'የ
   ኣብ መንጸፍ ጽድቅኻ ምሳኻ ክነብር ተመንየ'የ
   ንዓኻ ክፈልጥ ኩሉ ክሓልፈለይ ፣
   ኩሉ ከም ፍቓድካ መታን ክኾነለይ ፣
   ንገጽካ ክርኢ ታህዋኽይ ክሓጽር ፣
   ማራናታ ጎይታይ ምሳኻ ክነብር ,,,
   ብሂጉ , , ,
4. ኣብ ልዕሊ ጸላእተይ ደገፍ ሂብካኒ''ኻ'የሱስ,ንስኻ መታን
   ንኽይጠፍእ ንህይወተይ ዋልታ ኴንካለይ ኢኻ
   እቶም ብጸበባይ ዝሕጎሱ ኩሎም ፣
   ድሕሪት ተመሊሶም ሓፊሮም ርእየዮም
   ንስኻ ግን ንዓይ ጸዊዕካኒ ኢኻ ፣
   እነኹ በቑዐ ሎሚ ይዝምረልካ ፣
   ብሂጉ , , ,
   ከመስግኖ ብፍታወይ ባህ ይብለኒ 'ሎ

## *216 <u>ናባኻ የቋምት</u>*

1. **ብዙሕ ዝጠፋእኩ ኮብሊለ ካን ገጽካ**
**ኣብ ዓለም ክዕንድር ርሒቐ ካባኻ**
**ዓሰበይ ጥፍኣት ኮይኑ ፋይዳ ኣይረኸብኩሉን ፣**
**ጥፉእ በጊዕካ'የ ሓገዝካ ዝልምን ።**

***ምዉሓዙ ደምካ ጠንቑ ሓጢኣተይ***
***ሰቕለትካን ሞትካን ሂያዉ ንነፍሰይ***
***ሕሰረት ናይ ዓለም ከምሰብ ዝጾርካ***
***በኛ ሓጢኣተይ ሞት ዝሰዓርካ***
***ኣነሰ ናባኻ የቛምት ጎይታ***
*መታን ክርኢ ክብሪ ዙፋንካ /2/*
***ኣብዛ ጸልማት ብርሃን ዘይብላ***
***ከይትታለል ነፍሰይ ኮብሊላ***
***ኣብ ሕቑፎኻ ኣእትዋ 'የሱስ***
***ንዉዕለትካ መታን ክትዝክር***
**ኣዉያተይ ብዕልልታ ሓዘነይ ናብ ሓጎስ**
**ጥፍኣተይ ብድሕነት ሓጢኣተይ ትፍዉስ**
**ከምሰብ ዘይትቕየም ወትሩ ትምሕረኒ**
**በጃይ'ዉን ሓሊፍካ ህይወት ተልብሰኒ ።**

2. **ጸግዐይ ከዉለይ ዝብሎ ፍቕረይ ንስኻ ኢኻ**
**ደልየ 'ለኹ ኣብ ዘመነይ ኢየሱስ ክስዕበካ**
**ድኹም እየ ስኑፍ ኢየሱስ ምለኽኒ**
**እንታይ ኣሎ ኣብዓለም ሕቑፎኻ ይሕሸኒ**
**ምዉሓዙ ደምካ ,,,**
**ምለኽኒ /2/ ጎይታይ**
**ምለኽኒ /2/ ኢየሱስ**

※ ※ ※



## 217 <u>*ሃሌሉያ ኣሜን*</u>

1. ብመንግስቱ ደው ከብሎ ፣
ብመንፈሱ ከጠምቖ ፣
ብክቡር ሓይሉ ንኽጽድቖ ፣
ጎይታ ‘የሱስ መሪጽዎ ።
ሃሌ ሉያ ኣሜን ኣሜን
ሃሌ ሉያ ሃሌ ሉያ /2/

2. ብኢዮኤል ተሰቢኹ ፣
ብነብያት ተነጊሩ ፣
ብበዓል ሓምሳ ‘ዉን ፈሲሱ ፣
ንነፍሳትና ኣለስሊሱ

3. ኣጋንንቲ ንምድምሳስ ፣
ንዕዉራት ንምፍዋስ ፣
ወዲ እግዚኣብሔር ዘወረደ ፣
ሓይሊ ንዓና ዘዓደለ ፣

4. ኣፍሲስዎ ንመንፈሱ ፣
ገሊጹልና ንመንግስቱ ፣
ኣብ ዉሽጢ ልበይ ይስምዓኒ ፣
ኦ ኣምላኸይ ደስ ይብለኒ ።

※ ※ ※

## 218 ክበረለይ

1. ኣሎኒ ዝብሎ ዝምክሓሉ ፣
ኣብ ህይወተይ ዝንየተሉ ፣
ብመንጽር ኩሉ ሰናይ ግብርኻ ፣
ኣይበቅዕን ‘ዩ ንዓኻ ዉሒዱካ ።
*ንገሰለይ ክበረለይ ልዕል በለለይ ተባረኸለይ*
*ንዓይ ፍሉይ ‘ዩ ዝገበርካለይ /2/*

2. እንተበልኩ‘ዉን ልዕል በለለይ ፣
እንተበልኩ‘ዉን ንገሰለይ ፣
ኩሉ እንድዩ ዝብሎ ዘስተንትኖ ፣
እደሊ ‘ለኹ ልዕሊኡ እንተሎ,,,ሰብ ዘይበሎ ።

3. ክግዝኣካ ‘የ ብምሉእ ልበይ ፣
ብኣኻ ይድነቕ ሃመይ ቀልበይ ፣
ኩሉ ሓሳበይ ብኣኻ ይዕዘም ፣
ምሳኻ ‘ለኹ ንዘልኣለም ንዘልኣለም ።
እንተበልኩ‘ዉንክበረለይ/ ተባረኸለይ/2/
ምስቲ ዘይድፈር ግርማኻ
ከምይ ኢሉ ይዳረገ ጎይታይ ንዓኻ ምስቲ ዝናኻ

4. ግና ንሕጂ ኣብ ልበይ ዘሎ ፣
ተቐበለኒ ልበይ ዝኽእሎ ፣
ክሳብ ዝበቅዕ ንምስጋንኻ ፣
ልዕል በለለይ ንገሰለይ ተባረኽ ኢኻ ።

※ ※ ※

## *219 ስጋኻን ደምካን*

1. ስጋኻን ደምካን ወፊኻለይ ፣
   ንኽበልዖ ንኽሰትዮ ፣
   ዓጽምኻን ስጋኻን ከስኪስካለይ
   ንኽድሕን ንኽነጽሕ ።
   *ኣሜን /3/ ሃሌሉያ / ተዓዊተ ኣሜን ፣*
   *ኣሜን /3/ ሃሌሉያ / ተሓጕሰ ኣሜን ፣*

2. ጥፍጣፍን ረሃጽን ገጽካ መሊኡ
   ንኽነጽሕ ንኽነጽሕ ፣
   ስጋኻን ደምካን ተመጊበ ፣
   ንድሕነተይ ንድሕነተይ ።

3. ብስሙር ዓጽምኻ ተኸቢበ
   ካብ ጸላእተይ 'ዉን ድሒነ ፣
   ኣብ ትሕቲ ኣኽናፍካ 'ዉን ኣጽሊለ
   ብፍቕርኻ 'ዉን ማሚቑ ።

4. ኣብ ዛራማይ ፍቕርኻ 'ዉን ኣንሳፊፈ
   ኣብ ኣእዳዉካ ተሓቚፈ ፣
   ስጋኻን ደምካን ተመጊበ ፣
   ባህ ኢሉኒ 'ዉን ዓጊበ ።

※ ※ ※

*220 <u>ሕያዋይ ጓሳ</u>*

1. ሕይዋይ ጓሳ ‘ የሱስ በይንኻ ፡
   ዕሽል ህይወተይ ምራሕ ሕድርኻ ፡
   ሓደራ ይብለካ ኩሉ መንገደይ ፡
   ብመንፈስ ቅዱስ ምላእ ህይወተይ ።

   *ክሳብ ዝበጽሕ ናብ ቅዱስ ቤትካ*
   *<u>ናብ ኢየሩሳሌም</u>* /2/
   *እሙን መራሒ ምዓልትታተይ ብዓወት ደምድም* /2/

2. በትርን ምርኩስን ኩነኒ ኢኻ ፡
   ተግሳጽ ክቕበል ከምኡ ‘ዉን ጸጋኻ ፡
   መጠን ከይሓልፍ ድሕሪት ከይተርፍ ፡
   ኣስተምህረኒ ብቕዱስ መንፈስ ።

3. ትፈልጥ ኢኻ ድኹም ምዃነይ ፡
   ኣሳንየኒ ብሩህ መድሕነይ ፡
   ናይ ኩሉ ኣምላኽ ናይ ምድሪ ሰናይ ፡
   ኣብቅዓኒ ጎይታ ገጽካ ንምርኣይ ።

4. ኦ ዕዉት ገንሸል ብሩኽ መድሓኒ ፡
   ኣብ ኩሉ ጉዕዞይ ዓወት ሃበኒ ፡
   ኣብ ሓዳስ ሃገር ጻዕዳ ከም ጸምሪ ፡
   ክዓርፍ ኣብኡ ካብ ድኻም ጻዕሪ ።

※ ※ ※

## *221 <u>ብርሃን ናይ ዓለም</u>*

1. ብርሃን ናይ ዓለም መድሓኒ ፣
ኩሉ ዝክኣሎ ከኣሊ ፣
እቲ ፍጡን ልዑል መድሓኒ ፣
ንሓጥእ ወለዶ ብሓልዮት ዝኣሊ /2/

*ኣነየ ጐይታይ ኣነየ ኣነየ ድኹም ባርያኻ*
*ኣነየ ጐይታይ ኣነየ ኣነየ ዘኽታም ወድኻ*
*ኣነየ ጐይታይ ኣነየ ኣነየ ድኻ ወድኻ* /2/

2. መን ምስ ጐደለ ኢኻ ጸሚኣ ዝበልካ/2/
ኣነ ድየ ሓፍተይ ርሒቐናካ ፣
ሰሚዐዮ ‘ለኹ ኣነስ ‘ቲ ቃልካ ፣
ይመጸካ ‘ለኹ ኣቦይ ተቐበለኒ ኢኻ /2/
*ኣቐጢዐካ ብዙሕ የሕዚነካ* /2/
*ይምለስ ኣለኹ ኣቦይ ኣብ ቤትካ* /2/

3. ካብ ቃላትካ ምስ ተመገብኩ ኣብ ቤትካ ከቢረ
ፍቕርኻስ ተረዲኡኒ <u>ኣለዎ ሓለፋ</u> /2/
ብፍቓድካ ዉርደተይ ጾርካ /2/
ተመስገን ኢየሱስ ድሕሪ ደጊም ይኣኽለካ /3/

※ ※ ※

## 222 ኣመስግን ኣለኹ

1. ፈሪሳዉያን ክኸሱኻ ዘለፉ ከውርዱልካ፣
ሓብቲ ቃል እኺ ሕማቕ ከየውጻእካ ፣
ኩሉ ብኹሉ ምቕባልካ ፣
ዝዓበየ ትኣምራት እዚ'ዩ ንህዝብኻ ።
ኣመስግን ኣለኹ ንዓኻ ፣
ብምልኣት ልቢ የኽብረካ ኣኽብረካ ፣
ኣመስግን ኣለኹ ንዓኻ ፣
ሰለዉዕለትካ እባርኸካ ኣመስግነካ /2/

2. ባርኸኒ ዎ ኣምላኸይ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ ፣
ካብ ብዝሕ ሓጢኣት ኣድሕነኒ ፣
ኣብ ኣኽናፍካ ኣጽልለኒ ፣
ኣነስ ይኣምን እየ ወትሩ ከም ተጽልለኒ

3. ጸሎት ምስጋናይ ናባኻ ,,, ፣
ኣምልኾ ሰግደት ንበይንኻ ፣
ሰላም እተንግሰ ኣምላኽ ኢኻ ,,, ፣
ምሉእ ዘመነይ ከንግሰካ ፣
ሎሚ ጽባሕ ኩሉ ግዜ ፣
ልዕል በል ኣብ ዙፋንካ ።

※ ※ ※

## 223 *ፈታዊ* !!

ሓንሳእ ምሰፍቀረ ንሓዋሩ ዘፍቅር ኣፍቃሪ /2/ ሓንሳእ ምስ ፈተወ ንሓዋሩ ዝፈቱ ፈታዊ /2/ ረኺባላ ነፍሰይ ርዒማ' ላ ባህ ኢልዋ ብፍቕሩ ተመሲጣ' ላ ደስ ኢልዋ ብፍቕሩ ተማሪኻ' ላ

ነፍሰይ ረኺባቶ ዘላ ፈታዊ ዚምረጽ ካብ ማንም ንላዕሊ
ጊዘ ዘይልውጦ ኩነታት ኪዳኑ ዘይጠልም ንዘመናት
/2/ 2

ኣብ በረኻ ንሱ' ዩ ኣብ ከተማ ንሱ' ዩ ምስሕዋተይ ንሱ' ዩ ንበይነይ ንሱ' ዩ
ፍቑረይ ኩለንትንኡ' ዩ ዝምስጥ ሓንሳእ ምስ ሓዘኚ
ዘይለቅኽቕ ክንደይ ጅግና ብእኡ ተማሪኹ ሎሚ ክብሪ ይህብ
ተምበርኪኹ /2/ 2

ንጸላእቱ መን ይመዉት ክብሩ ገዲፉ መን ይወርድ
ህይወቱ ሂቡ ዘፍቅር ፍቕሩ ብዘይ ኢየሱስ
ኣይርከብን' ዩ /3/
ሓንሳእ ምሰፍቀረ ,,,

ፍትወይ ሓንሳእ ምስ ኣተወ ናብ ደምበይ ጋሊህዎ ንኹሉ
ጸልማተይ ንሱ ምልኣተ' ዩ ምልኣት ናትይ ጎደሎ
ኣይርከብን' ዩ ኣብ ቤተይ /2/ 2

መሊእዎ ጎይብታተይ ኣንጀርቢብዎ በረኸተይ
ኣስፊሕዎ ደምበታተይ ኣፈልፊልዎ ምንጪታተይ

ሓንሳእ ምሰፍቀረ ,,,

## *224 ሰላም ዝመልአ ደምበኻ*

ፍቅሪ ሓጎስ ደስታ ሰላም ዝመልአ ደምበኻ
ስጋኻን ደምካን ዝወፈኻ ገንሸለይ ኢኻ
ኦ ፈቓር ኢየሱስ ንዓ ንህይወትናለውጦ
ኣብ ናይ ዘልኣለማዊ መዝገብካ ሰርቶ/2/ 2

ንሸጉር /2/ ፍትሒ ተውጽኣሉ
ንድኻሙ ትሓልየሉ
እቲ ኣባኻ ዝውከል ሰብሲ
ኣይሓፍርን ንዘልኣለም /2/ 2

ሕያዋይ ኢኻ ለውሃት ዝመልአ ልብኻ
ንምርድኣይ ወትሩ ኣብ ልዕለይ,ዝተቐመጥካ
ከውሒይ ኢኺ ዝውከለካ ጸግዐይ እወ
ፈዋስየይ ኣብ ሓዘን ልበይ መጸናንዕየይ/2/2

ንሸጉር /2/ ፍትሒ ተውጽኣሉ
ንድኻሙ ትሓልየሉ
እቲ ኣባኻ ዝውከል ሰብሲ
ኣይሓፍርን ንዘልኣለም /2/ 2

ኣበኽናፍካ ተሓቑፍና
ብፍቅርኻ' ዉን ማሚቑና'ናሞ ተመስገን/4/

※ ※ ※

## 225 ተመስገን ይብለካ

ከመስግነካ'የ 'የሱስ ከምልኽካ
ክሓስብ ከለኹ ልዕል ከብለካ
ቃላት ይስእነሉ ዝገልጽ ውዕለትካ
ዝብሎ ይጠፍኣኒ ገለኸም ዘይፈልጠልካ

ዝበቕዓካ ኮይኑ ኣይኮነን እቲ ዘቕርበልካ
ማለተይ ኮይኑዩ ስኢነ'ዉን ዝመልሰልካ
ተመስገን ይብለካ ንሱ ኮይኑ ዓቕመይ
ዝያዳ ትፈልጦ ሃረርታ ናይ ልበይ

ተመስገን /3/ ይብለካ /4/
ደጋጊመ ተመስገን ይብለካ
ከም ጥዑም ሽቶ ተቐበሎ ኢኻ /2/
ምስጋናዩ ናይ ድኹም ባርያኻ /2/

ብጭልፋ ካብ ባሕሪ ካብቲ ውዕለትካ
ክገልጽ ኣይ ክኣልኩን ዓቢ ኮይኑ ስምካ
ብፍቕሪ ንብዓተይ 'የሱስ ምስ ደረዝካ
ልበይ መሊእካዮ ብሓጎስ ዕልልታ

ይጭድር ይዘልል ጐይታ ንክብርኻ
ፍጹም ኣይርብርብን ክዝምር ንስምካ
ኣዝዩ ፍሉይ ኮይኑ 'ቲ ዝገበርካለይ
ተመስገን ጥራይ'ዩ ንሱ'ዩ ምላሸይ

ተመስገን /3/ ይብለካ /4/ ደጋጊመ ተመስገን ይብለካ
ከም ጥዑም ሽቶ ተቐበሎ ኢኻ /2/
ምስጋና'ዩ ናይ ድኹም ባርያኻ /2/

ድኹም ፍጥረት ኮይነ ወትሩ ዘጉሕየካ
ብኽብሪ ኣምቢርካኒ ኣብቲ ክቡር ቤትካ
እንዳ በደልኩኻ ስለይ ዝጸለኻ
ኣየ ናተይ ኣምላኽሲ ኣረ ፍሉይ ኢኻ

እንታየ'ሞ ክብል እንታይ ከቕርበልካ
ምስጋናዩ ዘሎ መግለጺ ፍቕርኻ
ዉዳሴ ምስጋናዩ 'ቲ ዘሎ ኣብ ልበይ
የቕርቦ ኣለኹ ናባኻ ፍትወይ። ተመስገን ,,,

## 226 <u>መደምደምታ ግበረሉ</u>

1. መኻን ተባሂለ ብኣጋር ክንዓቕ
   ቆልዓ ተባሂለ ብሳኦል ክስሓቕ
   ክሳብ መዓስ ኢዩ የሱስ ጠምተኒ
   ናይ ኩሉ ሽግረይ መፍትሒ ኩነኒ

   መደምደምታ ግበረሉ (2) ንሽግረይ
   መደምደምታ ግበረሉ (2) ንጭንቀተይ
   መደምደምታ ግበረሉ (2) ንድኻመይ
   መደምደምታ ግበረሉ (2) ንንብዓተይ

2. ረዳኢ ከምዘይብለይ እናሓዘንኩ
   ለይቲ ምስ መዓልቲ ንብዓት ተቐለብኩ
   ዝተሰብረ ጎድነይ ኢየሱስ ዘንነኒ
   ብሓይሊ መንፈስካ ቁስለይ ስፈፈኒ

3. ሃማን መጻወድያ ከጻውደለይ
   ደሊላ ቅሳነት ክትከልኦ ንሂወተይ
   ኣይትግደፈኒ የሱስይ ሕድርኻ
   ኣይምለስን'የ ኣፍቂረ ንዓኻ

4. ኣብቲ ኣብ ጽምዋ ባድማ በረኻ
   ሂወተይ ትጽበ ኣላ ንመንፈስካ
   ከመስግነካ'የ ብሚካል እናተነዓቕኩ
   ክዘምረልካ'የ እልል እናበልኩ

※ ※ ※

## 227 በዲልናኻ ኢና

1. ምሉእ ዘመና ብኸርተት ዘሕለፍና
ካብ ክንእክብ ክንብትን ዝቐለና
ኣቦ ሰላም ንስኻ ከሎኻ
ንድሕሪት ንጎይይ ካብ ምስዓብ ንዓኻ
ፍጥረትካ ክልዓል ክፋሰስ ደሙ
ይኣክል በል ስፈፍ ኣቑሳሉ

ኣነን ህዝበይን በዲልናኻ ኢና
ፍረ ዘይምእዛዝና መከራ ረኺብና…ኣሃሃ
ሕጅስ'ባ ተመለስ ቁጥዓኻ ይዝሓል
ነዚ ህዝቢ እዚ ግበረሉ ድሓን,,,

2. ዘድልየና ምስ ሓዝና ኣምላኽ ዘይንዝክር
ገለ ምስ ዝጎድል ኣዚና ነማርር
ጥበብ ክንደሊ ንቓልካ ወጊድና
ዕርቃና ይርአ ካብ ጸጋ ጎዲልና
እኔኹልካ ትብል ኣብ ግዜ ጸበባ
ምሕረትካ ይዕዘዝ ደንግጸልና ኣባ

3. ደድሕሪ ጣኦታት ጓኖት ኣማልኽቲ
መውደቕቲ ዛዕጎል ዘመርጽ ጠንቀልቲ
እዚ ዕሽነት እዚ ኪምሖ ካብ ሱር
ስምካ ከተኸብር ብዘላ እዛ ሃገር
ከቶ ኣይዓርፍን ካብ ምዝካር ቃልካ
መመስገኒ ክሳዕ እትገብሩ..

4. ፈልፋሊ ሂወት ንዓኻ ገዲፍና
ነናይ ርእስና ሓጽቢ ምድላውና
ኣየርወየናን እንትርፎ ከጽምኣና
ከንቱ'ዩ ነይሩ እዚ ኩሉ ምጉያይና
ሕጂ ግን ኢየሱሰይ ናባኻ ንምለስ
ቁስሊ ሂወትና መታን ኪፍወስ

5. ብፍርድታትካ ጻድቕ ኢኻ እግዚኣብሔር
ንሻቦጥ ኢድካ ገለ ኣይንብልን
ትእዛዝካ ረጊጾም ንዝሽዱ ኩሎም
መታን ኪምለሱ ኢድካ እያ ትኸብዶም
ከምብቑጥዓኻ ምሕረት ክትዝክርን
ምህለል ኣሎና ይቕረ ንኽትብል

6. ብቓላት ከናፍርና ኪንመስል ዘፍቀርና
ብውሽጢ ልቢ እምብዛ ዝረሓቕና
ከም እምኒ ምትራርና ደግፍ ዘይምእማና
ምሕረትካ ይፍጠን ከንጽህ በደልና
ንኣኻ ዘይከውን ዘልኣለም ኣይኾነና
ኩሉ ተሪፉ ክብርኻ ይሕደረና

## 228 <u>መን'ዋ ኣሎ</u>

1. ሂወቱ ንፍርዲ ሞት ትጽበ ዝነበረት
ዝተናዕቀ ፍጡር ዝሰኣነ ኽብረት
ተኽብሮ ንስኻ ንቓልካ ተኽብር
ልቢ ንጉስ ድቃስ ዘይብሉ ተሕድር
ኣሃሃ..ንታሪኽ ለዊጥካ፡ኣሃሃ ትሓቂ ትምስክር
ኦሆሆ..መን'ዋ ከማኻ፡ኣሃሃ ንርሱዕ ዝዝክር
ኦሆሆ..ሪኣትካ ዓይነይ፡ኣሃሃ ኣብ ዘመን ሂወተይ

እግዚኣብሔርሲ ዓቢ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሔርሲ ድንቂ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሔርሲ ዓቢ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሔርሲ ሰናይ ነገር ጌሩለይ'ዩ

2. ታሪኽካስ ኣምላኸይ ኣብ ታሪኽ ማርዶካይ
ተወሲኑ ኣየኽተመን ተፈጺሙ'ዩ ኣብ ሂወተይ
ወሓይዝ ክሳገር ብሓዊ ክሓልፍ
የማነይቲ ኢድካ ንዓይ ከተናግፍ
ኦሆሆ ሪኣቶ'ያ ዓይነይ ኣሃሃ ሰራዊት ክጥሕሶ
ኦሆሆ ቀጽሪ ተጻረርተይ፡ኣሃሃ ሰጊራቶ ነብሰይ
ኦሆሆ ብሂወት ደው ኢላ ኣሃሃ ስምካ ተኽብሮ'ላ
እግዚኣብሔርሲ ዓቢ ነገር ጌሩለይ'ዩ

እግዚኣብሐርሲ ድንቂ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሐርሲ ዓቢ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሐርሲ ሰናይ ነገር ጌሩለይ'ዩ

መንሞ'ሎ ከምዚ ናተይ ዝተገብረሉ ሰናይ
መንሞ'ሎ ከምዚ ናተይ ዝተገብረሉ ምሕረት

3. ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ሞጎስ ንኽረክብ
መን ኮይነ እየ ኣነስ ብኣኻ ዝሕሰብ
ትርኢቶም ጽቡቓት ብዙሓት ነይሮም እዮም
ንልቢ ዝማርኽ ደጋዊ ሂወቶም
ኦሆሆ ንስኻስ ኣምላኸይ፡ኣሃሃ ከምቲ ሰብ ዝርእዮ
ኦሆሆ ኣይኮነን ሓሳብካ፡ኣሃሃ ናይ ውሽጢ ድላይካ
ኦሆሆ ንዘይተዘከረ፡ኣሃሃ ተኽብሮ ንስኻ

እግዚኣብሐርሲ ዓቢ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሐርሲ ድንቂ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሐርሲ ዓቢ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሐርሲ ሰናይ ነገር ጌሩለይ'ዩ

4. ተስፍኡ ማህሚኑ ንሓቂ ኪማጎት
ፍትሒ ዝሰኣነ ብምድራዊ ፍርዲ
ንሓቂ ኣብ ውሽጣ ትደልያ ትመርጻ
ኣምላኽ ሓቂ ንስኻ ምኳንካ ኣመስኪርካ
ኣሃሃ ሰማያት ጨንዲሕካ፡ኣሃሃ ረዲኤት ልኢኽካ
ኦሆሆ ሓዘነይ ናብ ሓጎስ፡ኣሃሃ ፍጹም ለዊጥካዮ
ኦሆሆ ክዳን ናይ ምስጋና፡ኣሃሃ ነብሰይ ተኸዲና

እግዚኣብሐርሲ ዓቢ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሐርሲ ድንቂ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሐርሲ ዓቢ ነገር ጌሩለይ'ዩ
እግዚኣብሐርሲ ሰናይ ነገር ጌሩለይ'ዩ

መንሞ'ሎ ከምዚ ናተይ ዝተገብረሉ ሰናይ
መንሞ'ሎ ከምዚ ናተይ ዝተገብረሉ ምሕረት

## *229 ጸጋኻ ሃበኒ*

1. ክርስቶስ ኣምላኸይ መድሕን ናይ ሕይወተይ
   ክርዳእ ፍቅርኻ ሓድሶ ኣእምሮይ
   ሰናይኻ ክዝክር ሞያኻ ክጽብጽብ
   ከመስግነካ ጎይታየ ንዓኻ ክስዕብ

   ጸጋኻ ሃበኒ ሕደጎ በደለይ
   ከም ብዝሒ ምሕረትካ ሓድሶ ንነብሰይ

2. ኣበሳይ ከቢድ'ዩ ንምስካሙ ጸገም
   ግናከ ተስፋ ኣሎኒ ካብ ጎይታ ዘይጥለም
   ክንብርከኽ ከለኹ ክጥምት መስቀልካ
   ከም ቃልካ ጎይታይ መልሰለይ ኢኻ

3. ካባኻ ርሒቀ ብዙሐ በዲለኻ
   ግናከ ኣይጠፋእኩን ስለ ክቡር ደምኻ
   ሓሳበይ መንገደይ ብኹሉ ድልየተይ
   ክግዛእ ንዓኻ ሓግዛ ንነብሰይ

4. ካብ መሪር ሓጥያተይ ካብ ክፉእ በደለይ
   ደጊም ሓራ ኢየ ጎይታይ ከፊሉለይ
   ክብሪ ምስጋና ውዳሴ ምስ ግርማ
   ኩሉ ንዓኻ ይኩን ክርስቶስ ኣምላኽና

## 230 *እቲ መወዳእታይ ጸቢቁ ክርኢ*

1. ጾር ናይ ሰብ ትጸውር ንስኻ
   ዝኸበዶም ይመጹ ናባኻ
   ሓይሊ ዝደለዩ ሓይሎም ኢኻ
   ንሕትኦም ኩሉ መልሲ ኢኻ
   ኣነ’ውን ነዚ ተረዲኤ
   ይመጸካ’ለኹ/2/ ጾረይ ተሰኪመ

   እቲ መወዳእታ ይጸቢቁ ክርኢ እደሊ ኣሎኹ/2/
   መስቀለይ ከቢድ ኣሃሃይ ምጻሩ ስኢነ ኦሆሆይ
   ብውሽጢብደገ ኣሃሃይ ኣይከኣልኩን ኣነ ኦሆሆይ
   ሓይልኻ ሃበኒ ንኩሉ ክጾሮ/3/
   ሰማያዊ ምግላጽ ኣብ ልበይ ኣንብሮ/2/
   ኣብዚ ክፉእ ዘመን ንክእመነካ እዚ’የ ድለኤተይ
   ናይ’ዚ ምድሪ ጉዕዞይ ብዓወት ተፈጺሙ ክርኢ መወዳእታይ

2. መልክዖም ዘይፈልጦም ነፍሳት
   ይደፍኣኒ’ሎ ብዙሕ ማዕበላት
   ምስትውዓል ሃበኒ ከለልዮ
   ነቲ ናትካን ዘይነትካን ክፈልዮ
   ከም ሰዶም ከይከፍእ ውደተይ
   እቲ መወዳእታይ ካብቲ መጀመርታይ
   ጎይታ ኣጸብቀለይ

3. ኣሚነካ ዝሃብካኒ ሕድሪ
   ስምካ ከይልውጦ ብወርቂ
   ከም ይሁዳ ልበይ ከይክሕደካ
   ደግፈኒ ኢየሱስ ሓደራኻ
   ኣዕጽምተይ ከይብተን ኣብ ሲኦል
   ኣብቲ መዝገብ ሕይወት/2/ ኤሩ ከይበሃል

4. ኣእጋረይ ኣሰርካ ክስዕባ
   ካብ መንገደይ ፍጹም ከየልግሳ
   ካብ ትእዛዝ ከናፍርካ ከይዝንብል
   ከም ኢዮብ ብሓዊ ሓሊፈ
   ከም ወርቂ ክወጽእ/2/ ንኩሉ ስዒረ

## *231 ኢራብ ናብ ዓይኒ ማያት*

1. ኣምላኽኻ ኣበይ’ሎ ኢሎም ከጨንቁኒ
   ንብዓተይ ተቐለብኩ ለይቲ ምስ መዓልቲ
   ቅድሚኻ ክቐውም መኣስ ከምትመጽእ
   ነብሰይ ነቲ ሕያው ኣምላኽ ትጸምእ

   ኢራብ ናብ ዓይኒ ማያት ከም እትናፍቕ
   ከምኡ ከኣ ነብሰይ ዎ ኣምላኽ ትናፍቐኻ’ላ/2/

2. ነብሰይ ስለምንታይ ትጉህዩ ኣለኺ
   ንምንታይ ኣብ ውሽጠይ ትህውከኒ
   ስለምድሓን ገጹ ገና ከመስግኖ’የ
   ተሰፋኺ ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ግበሪ

3. ነብሰይ ንእግዚአብሔር ትጽበዮ ኣላ
   ከም ቃሉ’ውን ተስፋ ትገብር ኣላ
   ሓላፉ’ቶም ወጋሕታ ዝጽበዩ ሓለውቲ
   ነብሰይ ንእግዚኣብሔር ትጽበዮ ኣላ

4. ኣዒንተይ ናብ ኣኽራን የልዕል ኣሎኹ
   ረድኤተይ ካበይ’ዩ ዝመጸኒ
   ረድኤተይሲ ካብቲ ንሰማይን ምድርን
   ዝገበረ እግዚአብሔር ኢዩ ዝመጸኒ

※ ※ ※

## *232 <u>ተበጃዩኒ እዩ'ም</u>*

ተበጃዩኒ'ሞ ኣይፈርህን'የ
ኩሉ ግዜ ምስ ጎይታየ
ካብ ኣምላኸይ ከቶ ኣይፍለይን'የ

1. ብማያት ክሓልፍ/2/ ኣይክጠልቅን'የ /2/
   ብውሕጅ ክሳገር/2/ ኣይክጥሕልን'የ /2/
   ብሓዊ ክኸይድ ኣይክነድድን'የ
   ሃልሃልታ ሓዊውን ኣይክህሙኸንን'ዩ /2/

2. በጻምእ ክጉዓዝ/2/ ኣይክጸምኣንን'ዩ /2/
   ጥሜት'ውን እንተኮነ/2/ ኣይከጥቅዓንን'ዩ/2/
   በጻድፍ ክኸይድ ኣይክወድቅን'የ
   ኣሻኽ መንገዲ'ውን ኣይክወግኣንን'ዩ /2/

3. ናይ ዓለም ነገራት/2/ ኣይክስዕረንን'ዩ /2/
   ሓሳርን መከራን/2/ ኣይክጨንቀንን'ዩ /2/
   ንጎይታ ረኺበ የለን ዝጎድለኒ
   ኣብ ጉዕዞ ሂወተይ እውን ዘሰንየኒ /2/

4. ጓሳ ሂወተይ ረኺበ/2/ መሪህ ናይ ሂወተይ /2/
   ንስሙ ጸዊዐ/2/ ክረግጽ ጸላእተይ /2/
   ኣብ ንጉስ ሰማያት ኣነስ ክማዕቀብየ
   ናይ ዘልዓለም ርስቲ እውን ክወርስ'የ /2/

※ ※ ※



*233 ኦ ናይ ሰላም ኣምላኽ*

ኦ ናይ ሰላም ኣምላኽ ሰላምካ ኣውርደልና
ብብዝሒ ምሕረትካ ደምስስ ኣበሳና

1. እቲ ሰላምካ ንኽንደልዮ
   ንልብና ኣንቅሓዮ
   ኦ ጎይታይ ድኹማት ኢና
   ብመንፈስካ ኣጽንዓና

2. ቀደም ዝነበረ መንፈስ
   ሕጂ'ውን ኣባና ይፍሰስ
   ሓቢርና ንልምነካ
   ስምዓና ጎይታ ጽን ኢልካ

3. ልመናኹም ተሰሚዑ
   ኣጆኹም ደቀየ ጽንዑ
   ክትብለና ብሃረርታ
   ንጽበየካ ኦ ጎይታ

※ ※ ※

## *234 ጐይታይ ናበይ’ሞ ክኸይድ’የ*

ጐይታይ ናበይ’ሞ ክኸይድ’የ
ሕይወት ከምዘለካ ርእየ’የ
ሸግር መከራ እንተመጸ
ጎይታይ ካብ ገጽካ ኣይከይድን

1. ሕጂ ሸግረይ ጊዜያዊ ኢዩ
ከምኡ’ውን ሓጎሰይ ሓላፊ ኢዩ
ነቲ ዘይሓልፍ ብምቅባል
እጽዕር ኣሎኹ ብትብዓት

2. ኩነታተይ ኩሉ ትርእዮ ኢኻ
መሓሪ ርሕሩሕ ኣምላኽ ኢኻ
ምስ’ቲ መከራይ ክቀርበካ
ኣባይ ፈጽሞ እቲ ድላይካ

3. ናይ ዓለም ሓጎስ ከምዚ ኢዩ
ሎሚ መሊኡ ጽባሕ ከንቱ’ዩ
ነዚ ብምሕሳብ ነቒሐ
ይቅሬታ እልምን ተደፊአ

4. ኣብ መጨረሻ ክዕወት’የ
ሓኪም ናይ ነብሰይ ረኺበ’የ
ደጊም ካልኣይ ከይሓምም
ኣንጽሓኒ ብናትካ ደም

※ ※ ※

## *235 ኢየሱስ ጸዊዑካ*

ኢየሱስ ጸዊዑካ/ኪ
ከለካ ኣብ ከርሲ ኣዴ’ኻ/ኺ
ክትዘርእ ቃል ኣምላኽካ/ኪ
ክተገልግል ተመሪጽካ/ኪ

1. ግራውተይ ዓቢ ኢዩ ሰፊሕ
ውሑድ ኮይኑ ንህዝበይ ዝመርሕ
እጽውዓካ ምሳይውን ክትሰርሕ
ቃል ወንጌለይ ኣብ ኩሉ ክበጽሕ

2. ብዙሓት እዮም ንዓይ ዝሰዓኑ
መሪጸካ ኣነ ብእዋኑ
እዝዘካ ቃላተይ ክትፍኑ
ፋሕ ከይብል መጓሰይ ንበይኑ

3. ኦ ኣምላኸይ ክመርሕ ክጓሲ
የድልየኒ ኢዩ ናትካ ልግሲ
ከይዓርበኒ ግዜውን ለይመሲ
ኣልብሰኒ ናይ ጸጋኻ ልብሲ/2/

4. ክጓዓዝየ ጸጋኻ ለቢሰ
ክጓሲ’የ ህዝብኻ ከይህሰ
ሓይልኻ ሃበኒ ንኽይደክም
ብስምካ ንቅድሚት ንክስጉም

※ ※ ※



## *236 <u>ሕጂ መጺአ ኣሎኹ</u>*

ሕጂ መጺአ ኣሎኹ
ክረኽበካ ኦ ጎይታይ
ንሕይወተይ ሓድሶ
ብቅዱስ መንፈስካ

1. ረአ'ሞ ተመልከት ንኹሉ ሕይወተይ
ናዓኻ ዘበቅዕ ሓንቲ'ኳ ነይብለይ
ብሕፍረት ዝኣክል ርእሰይ ኣድኒነ
እነብር ኣሎኹ ንበይነይ ኮይነ

2. እንቋዕ ረኺብኩዎ እቲ ሕያዋይ ጓሳ
ብዘይክኡ የልቦን ንልበይ ዘመልሳ
ካብ ሕጂ ንደሓር ምሳኻ ክነብር
ንኹሉ ሕይወተይ ንዓኻ ክመስል

3. ንስኻ ዘይብሉ ኩሉ ከንቱ ኢዩ
መንፈስካ ዘይብሉ መንገዲ ጥፍኣት'ዩ
ሎሚ'ውን ኣፍስሶ ኣብ ልዕሊ ሕዝብኻ
ከይጠፍእ ከይኩነን ስኢነ ሓይልኻ

※ ※ ※



*237 <u>ጐይታ ኢየሱስ ብግዜ ፈተና</u>*

ጐይታ ኢየሱስ ብግዜ ፈተና ኣይትፈለየና
መንፈሳውነትና ሕማቅዩ ዘሎ
ኣረጊት ቤት ዑና

1. ፍቅሪ ስኢት ጠፊኡ ኣብ መንጎና
ክፍኣት ተንኮል ወሪሰዎ ልባትና
ታቦት ሰይጣን ኮይኑ ኣካላትና
ረስዒናዮ’ቲ ኣብ መስቀል ምውዓልካ

2. ብኣፍ ጥራይ ኮይኑ ክርስትና
ብዘይ ግብሪ ትህኪት ወሪሱና
እንተኮነ ምጽኣት ናይ ጎይታና
ንነብር ኣሎና ሓላፍ ዘላፍ ኮይና

3. ንዑ ኣሕዋት ንመለስ ናብ ጎይታና
ጽድቅን ቅንዕናን ሓቂ እንዳገበርና
ናብ’ቲ ፈቃር ኣምላኽና
ንበል ተመስገን ኣሜን ሃሌሉያ

※ ※ ※

## *238 <u>ፍትወይ</u>*

1. ወሬኻ ሰሚዔ ሕቶታት ከምትምልስ
   ካብቲ ርሑቕ ሃገር መጺኤ ክፍወስ
   ብዙሕ ጾር ኣሎኒ ሕንቅል ሕንቅሊተይ
   ጉዳየይ ሰሚዕካ ምጻእ ክትምልሰለይ

   ፍትወይ ቀረባ ልበይ
   ዝነግረኻ'ሎኒ ውሽጠይ
   ክትፈትሖ ግድላት ሂወተይ
   ክትምልስ ሕቶታት ናይ ልበይ
   ፍትወይ ቅረብ ናባይ

2. ኣብ ልበይ ዘሎ ነገር ኣይሓብኦን ካባኻ
   ምስጢረይ እትጸውር እሙን ኣቦ ኢኻ
   ዓቀብ ዝኮነኒ ኩሉ ሕቶታተይ
   ይኣምን'የ ኢየሱስ ከምትምልሰለይ

3. ሰባት ዘይከኣሉ ውሽጠይ ክርዱኡለይ
   ዘናውጸኒ ማዕበል መጺኦም ከህድኡለይ
   ተስፋ ዝገብረሉ የለን ብዘይካኻ
   ጸሎተይ ስምዓኒ ርስዓኒ ቀልጢፍካ

4. ካብ ሰለሞን ትዓቢ ጥበብ ዝመልኣካ
   ኣብ ኩሉ ዘመናት ገለ ዘይከበደካ
   ዘይትልወጥ ጎይታ ሕጂ'ውን ሕያው ኢኻ
   ሕቶይ ክትምልሰለይ መጼለኹ ናባኻ

※ ※ ※

## 239 ዘልዓለም

1. ዝሓይሽ ኣለዎ ኣብ ቤትካ ምንባረይ /2/
ኣብ ምድሪ ዘይኮነ ክውሰይ ዕድለይ /2/
ግዜ ዘይውሰኖ ኣብታ ሓዳስ ቤትካ
ይናፍቅ ኣለኹ ክርኢ ንገጽካ /2/ ክዓርፍ ኣብ ሕቑፎኻ

ዘልዓለም ኣብ ቤትካ ወሲነ
ምሳኻ ምንባር ኢየሱሰይ ምሳኻ ምንባር/2/

2. ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ኣሰጋጊርካኒ ኢየሱስ ኣኽቢርካኒ
መንግስትን ካህናትን ንዓኻ ክኾውን ነዚ መዲብካኒ
እዚ ክብር ዕጫ ካባኻ ኮይነለይ
ይሕጎስ ኣለኹ ንዓኻ ምርካበይ /2/ ኣብ ቤትካ ምንባረይ

ዘልዓለም ኣብ ቤትካ መሪጸ
ብሓጎስ ምንባር ኢየሱሰይ ብሓጎስ ምንባር /2/

3. ዘይጠፍእ ዘይበርስ ኣብ ነባሪ ርስቲ ተሰሪታ ነፍሰይ
ብሓጎስ ይወጽእ ብሰላም ይስነ ኩሉ መሊኡለይ
ካብኡ ሓሊፈውን ናብ ናይ ክብሪ ቦታ
ክሰጋገር እየ ናብቲ ዕረፍትኻ /2/ ኢየሱሰይ ምሳኻ

ዘልዓለም ኣብ ቤትካ ወሲነ
ምሳኻ ምንባር ኢየሱሰይ ምሳኻ ምንባር /2/

4. ዓለም ምስ ፍትወታ ደጊም ኣይምነያን ክርእያ፣ኣይደልን
ካብኣ ብምውጽኣይ ይሕጎስ ደኣምበር ሓዚነ ኣይፈልጥን
እንታይ ከይተርፈኒ ንዓኣ ገዲፈ
እቲ ዝበለጸ ካባኻ ረኺበ /2/ ብኣኻ ዓጊበ

ዘልዓለም ኣብ ቤትኻ መሪጸ
ብሓጎስ ምንባር ኢየሱሰይ ብሓጎስ ምንባር /2/
ዘልዓለም ኣብ ቤትካ ወሲነ
ንዓኻ ምምላኽ ኢየሱሰይ ንዓኻ ምምላኽ /2/

※ ※ ※



*240 ሓበነይ ኢኻ*

ተሰፋይ ኢኻ ጽንዓተይ
ሃረርታይ ኢኻ ድሌተይ
እምነተይ ኢኻ ድሕነተይ
ሓበነይ ኢኻ ኩርዓተይ /2/

1. ኣብ ዓለም ኰብሊለ ጽቡቕ መሲሉኒ
ከማኻ ኣይረኸብኩን ዕጋበት ዝህበኒ
ንስኻ ጥራሕ ኢኻ መራሒ ናይዛ ነብሰይ
ከይጠፍእ ከይደክም ትጓሲ ንሂወተይ /3/

2. እግዚኣብሔር ከም ቃልካ ህያው ግበረኒ
ንጥቃዕተይ ኣሕሊፍካ ኣይትሃበኒ
ካብ ገጽካ ከይርሕቕ ኣቦ ሓልወኒ
ንዝልዓለም ኣብ ቤትካ ምንባር ይሕሸኒ /3/

3. ክዝምረልካ'የ ኣንታ ለዋህ ኣምላኸይ
ህይወትካ ክሳብ ምሃብ ዝተበጀካለይ
ክንደይለ ክጽብጽቦ ኣቦየ ሰናይካ
ተመስገን ተባረኽ ንገስ ኣብ ዙፋንካ /3/

※ ※ ※

## 241 ተስፉ ኣይትቑረጽ

1. ተስፉ ኣትቑረጽ ክርስቲያን ኣጆኻ
ምሳኻ ኣሎ ክርስቶስ ጎይታኻ
ዝመጸ'ውን ከድሕን ንዓኻ
ተኸተሎ ቃሉ ስማዕ ኢኻ /2/

ብተስፉ ኪዱ ንኽትረኽቡ
ዝለመነ ብዙሕ ኢዩ ዓሰቡ
ኳሕኩሑ ማዕጾ ክኽፈተልኩም
ለዋሕ'ዩ ናይ ሰማይ ኣቦኹም /2/

2. ብሃረርታ ዝመጸ ናብ ጎይታ
ዓሰቡ ሒዙ ይመለስ ብደስታ
ኢየሱስ'ዩ ናይ ክርስትያን ዋልታ
ንትሓጎስ ወትሩ ብዕልልታ /2/

3. ከንቱ ኢዩ ኩሉ ናይዚ ዓለም
ነበርቲ ኣይኮናን ንዘልዓለም
ቦታ'ሎና ብሉጽ ልሙዕ ለምለም
ክንኣቱ ግን ኣምላኽና ኣይንጥለም /2/

ብዘይ ፍላጥ ጠሊመ ፍቕርኻ
ዓለም ሰይጣን መሪጸኩ ኻበኻ
ጸዋዕኩኻ ንኽትድገፈኒ
ሓግዘኒ ኦ ርሕሩሕ መድሓኒ /2/

4. ዝለመነ ኮታ ንኸይሰእን
ኢሉና'ዩ እቲ ለዋህ መድሕን
ኣሕዋተይ እሞ ንለምኖ
ከይንተርፍ ኮይና ዘርሞ ዘርሞ

ኩሉኹምቶ'ም ጾር ዝከበደኩም
ናባይ ንዑ ኣነ ከዕርፈኩም
መርሖ ሰማይ እውን ክህበኩም
ኢሉና'ዩ ዘፋነይ ከውርሰኩም

## 242 ኣሕዚነካ

1. ተታሊለ ካባኻ ርሒቀ
   ናይ ዓለም ነገራት ኣፍቂረ
   ሃቀንኩ ክነብር ብዘይካኻ
   ክርሕቅ ፈተንኩ ካብ ጸጋኻ /2/

   እሕዚነካ'የ ብሓጢኣተይ
   ኦ ለዋህ ኣምላኸይ
   ብልበይ ይቅረታ ክሓትት'የ
   ክቅርብ ናብ ኣቦየ

2. ብሓጥኣተይ ተፈልየ ካባኻ
   ረሲዕዮ'ቲ ኩሉ ሓልዮትካ
   ኣብ ቀራንዮ ምእንታይ ከምዘይሞትካ
   ሃደምኩ ካብ ሕያውነት ናትካ /2/

3. ሕጂ ግን ኣይክእሎን መሪሩኒ
   ብዘይ ብኣኻ ጸንኪሩኒ
   ሕይወት'ውን የለን ብዘይካኻ
   ወሲነዮ ክኸውን ስዓቢኻ /2/

4. ካብ ሓልየትካ ኣዝየ ተፈለኹ
   ካብ ደንበኻ ኣዝየ ተኸወልኩ
   እደሊ ኣለኹ ክርኢ ብርሃንካ
   ብኢደይ ሓዚኒ ከይርሕቅ ካብ ገጽካ

   ተቀበሎ ናይ ሓጢኣተይ ጣዕሳ
   ናይ ሕይወተይ ኳሳ
   እንታይ ኣሎ ዝኸፍለካ ካሕሳ
   እንታይ ክመልሰልካ ሞሳ

※ ※ ※

## *243 ዎ ኣምላኽ ምሕረት*

1. ዎ ኣምላኽ ምሕረት ንዓ ናባና
   ካብ ሰማይ ቁሊሕ በል ርኣየና
   ገጽካ'ውን ምለስ ናባና /2/ /2/
   ንዓ ህዝብኻ ኣድሕነና
   ኦ ኣምላኽ ሰማይ ናዓ ናባና

   ዎ ኣምላኽ ናዓ ናባና ዎ ኣምላኽ /3/
   ኣእዛንካ ከፊትካ ጸሎትና ስምዓና ንዓና /4/

2. ብፍቃድካ ኢየሱስ ብፍቃድካ
   ነዚ መከራዚ ኣሕልፍ ካባና
   ሰላም ካባኻ'ዩ ሰላም ሃበና /2/ /2/
   ኣይዓርፍን ናይ ሰላም ተስፋና
   ዎ ኣምላኽ ሰላም ተስፋ ሃበና /2/

3. ናይ ድኹም ጸሎት ትሰምዕ
   ፍቅርኻ ተርእዮ ንሓጥእ
   ናብ ነብሎ የብልናን ብዘይካኻ/2/ /2/
   ሃየ'ሞ ስማዕ ጸሎት ህዝብካ
   ኦ ጎይታይ ስማዕ ጸሎት ህዝብኻ/2/

※ ※ ※

## 244 *ሃበኒ ትምኒተይ*

1. ሎሚ ዶኾን ጽባሕ ክብል ብሃንቀውታ
ንልመናይ ክትገብረሉ መፈጸምታ
ዓቕሚ ነብሰይ ዓቕሚ ሰብ'ዩ ድሩት ዓቕሚ
ኦ ኢየሱሰይ ናባይ ጠምት ይኣኽለኒ

እልምን ክረክብ ድላየይ
ክሕጎስ ባህ ክብለኒ ውሽጠይ
ጸሎተይ ስምዓኒ
ኩሉ ከም ፍቓድካ ይኹነለይ (2)
ለሚነ ክረክብ ድልየተይ
ጎይታይ ስማዕ ጸሎተይ
ክሕጎስ ባህ ክብለኒ ውሽጠይ
ከመስግን መላእ ዘመነይ

2. ብዝርእዮን ብዝሰምዖን እንዳቖናእኩ
እታ ግዜኻ ንኽትኣክል ተረበጽኩ
ንዓ ጎይታይ ናባይ ጠምት ይኣኽለኒ
ቁስለይ ፈውስ ብመንፈስካ ደብሰኒ

ጐይታይ ውሽጠይ ክሕጎስ
ሃበኒ ትምኒተይ ኢየሱስ
ኣሚነ እምብርኽ ኣብ ቤትካ
ክረክብ ኩሉ ከም ፍቓድካ

3. እዛ ነብሰይ ካባኻ'ሞ ናበይ ተብል
ኦ ኢየሱሰይ ኣብ ጽላልካያ ተጽልል
ብዘይካኻ መን ኣሎ'ሞ ተስፋ ዝህባ
ኦ ንጉሰይ ሓደራኻ ኣማዕቁባ

እልምን ክረክብ ድላየይ ክሕጎስ ባህ ክብለኒ ውሽጠይ
ጸሎተይ ስምዓኒ ኩሉ ከም ፍቓድካ ይኹነለይ (2)
ለሚነ ክረክብ ድልየተይ ጐይታይ ስማዕ ጸሎተይ
ክሕጎስ ባህ ክብለኒ ውሽጠይ ከመስግን መላእ ዘመነይ

4. ሰም ክብል'የ ክረኽበካ ኣብቲ ውሽጠይ
ጽን በለኒ ተቐበለኒ ጸሎተይ
መዓሙቐይ ብጸጋኻ የዕለቕልቆ
ንጸገመይ ብተስፋኻ ንኽሕምቖ
ጐይታይ ውሽጠይ ክሕጎስ
ሃበኒ ትምኒተይ ኢየሱስ
ዕልል ዕልል ክብል'የ ከምትህበኒ እኣምን'የ

## 245 *ህዝቢ እግዚኣብሔር*

ኦ ህዝቢ እግዚኣብሔር ብጹእ ኢኻ
ኣንታ ብጎይታ ዝደሓንካ ህዝቢ መን'ዩ ከማኻ
እግዚኣብሔር ዋልታኻ'ዩ/ ጓሳኻ'ዩ
ጎይታ ኢየሱስ ሰይፊ ሓበንካ'ዩ ባህ ይበልካ ብኡኡ /2/

1. ኣብ ጽምዋ ባድማ በረኻ
   ብዙሓት ኣራዊት ዘድህይሉ ቦታ
   ከም ብዋልታ ብጸጋ'ውን ከቢቡ
   ከም መርዓት ዓይኑ ዝከናኸነካ

2. ብድንቅን ተኣምርን ምስ ኢየሱስ ዘቑመጠካ
   ኣብ ሰማይ ምስ ኢየሱስ ዘቑመጠካ
   እቲ ዘለዎ ኩሉ ከውርሰካ
   ኣይበቀልካን'ዩ ዘፍቐረካ ኣምላኽካ

3. ባህሪ ከፊሉ እንዳ ኣሳገረ
   ሰማያት ከፊቱ ማንኡ እንዳ ዝነበ
   ብብርትዕቲ ቅልጽም ዝጎሰይ ኣለካ
   ኦ ህዝቢ እግዚኣብሔር መን ይደፍረካ

※ ※ ※

## 246 *ለውጣ ለውጣ*

**ለውጣ ለውጣ  ሕይወተይ ለውጣ ኦ ጎይታይ**
**ንዓኻ ከም እትመስል ግበራ ኦ ኢየሱስ ሕይወተይ**

1. ክሳብ መዓስ ኢየ ክነብር በዚ ሕይወት
ንዓኻ ምቁዋም ነፍሰይ ተሰለፈት
ክነብር ኣይደልን እናኅዘንኩ ንዓኻ
ሕይወተይ ለውጣ ጎይታይ ሓደራኻ

2. ሕይወተይ ይተሓደስ ይለወጥ ይቀየር
ኣንነተይ ጠፊኡ ክብርካ ይመስከር
ልበይ’ውን ይሰበር ይርዓድ ኣብ ቅድሜኻ
ኣብ ትሕተኻ የዕርፍ ክሓፍስ ፀጋኻ

3. መንፈስካ ይርድኣኒ ሕይወት ንኽረክብ
ናይ ዓለም ነገራት ፍጹም ከይሓስብ
ኩሉ ጊዜ ናትካ ጽምኣት ክሓድረኒ
ኢየሱስ መድኅነይ ንዓ ለውጠኒ

4. ጊዜይ ኣጥፊአዮ ክርስቲያን ብምምሳል
ዕድመይ ተፋሪቑ ንዓኻ ብምትላል
ሕጂ ግን ይኣኽለኒ ናይ ኣፍ ክርስቲያን
ኣንጉያይ ኣፍሲሱ ነፍሰይ ዜማስን

※ ※ ※



247 <u>ልዕሊ ኩሉ ኢኻ</u>

1. ነቶም ዝጽበይዎ ዘዳልወሎም
እቲ ኣዝዩ ክቡር ውህበት ዝህቦም
ክጽበዮ'የ ኣብ መሓልወየይ ኮይነ
ድሕሪ ግዜ ምላሽ ክረክብ'የ

ነብሰይ ንእግዚኣብሔር ጥራይ ሃዲኣ ትጽበዮ
ምድሓነይ ይመጽእ ኣሎ
ከውሐይን እምባይን ክብረይን ካብኡ'ዩ ትጽቢተይ
ኣነስ ኣይናወጽን መሊኡ ሰላመይ

2. እግዚኣብሔር'ዩ ከውሐይን እምባይን
ጽኑዕ ዕርደይ መናገፍየይን
ዝምክሓሉ ንሱ'ዩ እምንቶይ
ተስፋ ዝገብረሉ ካብኡ'ዩ ትጽቢተይ

3. ብግዚኡ ዝምልስ'ዩ ኣምላኸይ
ገፊሕ ቦታ ዘውጽእ እግዚኣብሔር
ክምልሰለይ'ዩ ኣብ ናቱ ሰዓት
ኣብ ትሕቲ ጽላሎት ናቱ ከመስግን ክሕጎስ

4. ፍትሒ ሰብ ኩሉ ከንቱ'ዩ
ንዓይሲ ምቕራብ ይሕሸኒ ናብኡ
ናብ'ቲ ናይ መሳኪን ኣውያት ዘይንዕቕ
ጸሎት ኩሎም ሰሚዑ ፍትሒ ዘውጽእ

※ ※ ※

## *248 መሪጸ ንቤትካ*

1. ብዙሕ ዘንጸባርቕ ናይ'ዛ ዓለም ክብረት
   ንልቢ ዝማርኽ ንዓይኒ ዘብረቕርቕ
   ናይ ሓጢኣት ማዕበል ዝመልኦ ስፍራ
   ኣይመርጽን ኣይደልዮን ኣይብህጎን ነቲ ኹሉ'ኽብራ

   ቤትካ'ዩ ካብ ኩሉ ዝበልጽ
   ካብ ወርቅን ብሩርን ዝምረጽ
   ኣነ'ውን መሪጸ ንቤትካ (ንዓ'ኻ/ምሳ'ኻ)
   ኣይፍለን(2) ኢየሱስ ኣይፍለን ካብ ጥዑም ሕቝፎ'ኻ

2. ኩሉ መሊኡለይ ብስጋ ዘድልየ ኒ
   ዝና ኽብረት ዓለም እንተ'ኽበበኒ
   ንስ'ኻ ዘይብሉ ተሰፋሐ ናብራይ
   ከንቱ'ዩ መርገም'ዩ ሓዘን'ዩ ዘ'ኸፍኣ መከራይ

3. ፍቓድካ ምፍጻም ጥራይ እዩ ብልሐይ
   ግብርኻ ምስ ገ በርኩ ትዓግብ'ያ ነብሰይ
   ሕጂስ ከም ቃላትካ ምንባር ይሕሸኒ
   እዚዩ (3) ውሸጠይ ዘዕግበኒ

4. ከም'ቶም ዘ'ኽበሩካ ዓበይቲ ኣቦታተይ
   ኣነ'ውን ከስምረካ ጥራይ'ዩ ድሌተይ
   ክሪኦ ገኒኑ እቲ ዓቢ ስፍራ
   ድሌተይ እዚ'ዩ (2) ኣቦይ ከ'ኽብረካ

※ ※ ※

## *249 <u>መንፈስ ቅዱስ ተቐቢልና</u>*

1. መንእሰይ ንዑሞ ፥ ምስ ኣምላኽ ንራኸብ
   ፀጋኡ ጢዕምና ፥ ብርሃን ክንካፈል
   ኃይሊ ኣምላኽ ኢዩ ፥ ወትሩ ንዚጋደል
   ኅብረት ምስ ደቂ ፥ ርስቲ ክንካፈል

   መንፈስ ቅዱስ ተቐቢልና ክንሰርሕ
   ኃይሊ ኣምላኽ ምሳና'ዩ ዚነብር
   ንኅበር ድኣ ንኣምላኽና ነመስግን

2. ዘመናት ኃሊፉ ፥ ጊዜ ምስ ኣኸለ
   ካብ  ኣምላኽ ረኺብና ፥ ናይ ጽድቅና ጊዜ
   ኢየሱስ ተላኢኩ ፥ እንደገና ምስ መጸ
   ኅብረት ምስ ደቂ ፥ ሰብ ሸዑ'ምበር ተረኽበ

3. ኣኅዋተይ ንዑ'ሞ ፥ ንቕድሚት ንገስግስ
   ሓጹር ናይ ጸላኢ ፥ ብመስቀል ይበስብስ
   ተንኮል ናይ'ቲ ሰይጣን ፥ ካብና ንበንቁስ
   ፋና ናይ እምነትና ፥ ኣብ ዓለም ኪነግስ

4. ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ፥ ኪሕደስ ኣባና
   ክርስቶስ ኣዘዙ ፥ ንቕሓ'ውን ኢሊና
   ወትሩ ነቕርበሉ ፥ ቅኑዕ ሃረርታና
   ብሃልሃልታ ፍቕሩ ፥ ኪቃጸል ልባትና

※ ※ ※

## 250 ምሳና ሕደር

ምሳና ሕደር/6/
ፀሓይ ዓሪቡና
ምድሪ ጸልሚቱና
ኢየሱስ ርድኣና /2/

1. መንገድና ጸልማት ይመሲል ኣሎ
ጽልግላግ ዝበለ ድነ ሞት ዝዓሰሎ
ገዲፍካና ኣይትኺድ ናብ ማዕዶ ኣይትሳገር
ንዓ ድኣ ሎምስ ምሳና ተደረር

2. ልዕሊ ኩነታት ክንዝምቢ ብተስፋ እምነት
ትርጉምን ዕላማን ክነልብሳ ንህይወት
ብግዚያዊ ነገራት ከይሸበር ልብና
ብማዕዶ ክንጥምት ክነድምቆ ራኢና

3. ህያው እንከሎኻ ምርኣይ ክንስእነካ
እምነት ውሒዱና የለኻን ንብለካ
ካብ ስጋኻን ደምካን ተፈሊና ጎይታ
ብደረቐ ምድረበዳ ነፍስና ሃውቲታ

4. ንዓ’ዶ ኢየሱስ ምሳና ሕደር
ክገሃድ ክግለጽ እቲ ሕቡእ እቲ ስቱር
ንቓልኻ’ዶ ግለጾ ልብና ኣንድዶ
ብስጋኻን ደምኻን ኣዒንትና ክፈቶ

※ ※ ※

## 251 ምሳኻ ምንባር ይበልጸኒ

1. ካብ መንፈስካ ናበይ ክኸይድ'የ
ካብ ገጽካ'ኸ ናበይ ክሃድም'የ
ሰማይ እንተደየብኩ ኣብኡ ኣሎኻ
መንጸፈይ ንሲኦል እንተንጸፍኩ
እንሆ ንስኻ ኣብኡ ኣሎኻ
ትነብርን'ውን ኢኻ ህያው'ውን ኢኻ

ምሳኻ (3) ምንባር ይበልጸኒ
ጎይታየ ኣብ ቤትካ ፈውሲ ኣለዎ ሕይወት ኣለዎ
በረኸት ኣለዎ ምጽንናዕ ኣለዎ

2. ኣኽናፍ ወጋሕታ እንተወሰድኩ
ኣብ ወሰን ባሕሪ እንተተቐመጥኩ
ኣብኡ ከኣ ኢድካ ክትመርሓኒ እያ
የማነይቲ ኢድካ' ውን ክትሕዘኒያ
ጎይታየ ካባኻስ ናበይ ክኸይድ'የ
ናበይ ከብል' የ ናበይ ክሃድም' የ

3. ጸልማት ይኸውለኒ ለይቲ ይኹን እንተበልኩ
ንዓኻ ጸልማት እኳ ኣይጽልምተካን
ጸልማትን ብርሃንን ንዓኻ ሓደ ኢዮም
ካባኻ ርሒቐ ናበይ ኢየ ዘከይዶ
ጎይታየ ናይ ዘልዓለም ቃል ኣለካ
ሕይወት ኣሎካ ፈውሲ ኣሎካ

4. ኣይኮንኩን ብገንዘብ ሕይወት ዝረክብ
ኣይኮንኩን ብጥሪት ጸጋ ዝረክብ
ኣይኮንኩን ብፍልጠት ሓይሊ ዝረክብ
ኣባኻ እንተ ተወከልኩ'የ
ብኸምኡ ወይንን ጸባን ዝረኽበሉ
ኣብ ቤትካ ኢዩ ኣብኻ ኢዩ

5. ጐይታይ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣሎካ
ጐይታይ ናይ ዘለዓለም በረኸት ኣሎካ
ጐይታይ ናይ ዘለዓለም ምጽንናዕ ኣሎካ
ጐይታየ ካባኻ ናበይ'የ ዝኸዶ
ናበይ'የ ዘብሎ ናበይ'የ ዝሃድሞ

## *252 <u>ሰላምካ ሃበና</u>*

ሰላምኻ ሃበና ንዓና ንኹልና
ብዘይካኻ ኻልእ ረዳኢ'ኳ ዘይብልና
ሰላምካ ኣብዝሓልና ኣብ መላእ ዓለምና
ንስምካ ክነኽብር ባዕልኻ ሓግዘና /2/

1. እስከ ንለምኖ ደጋጊምና ይቕሬታ
   መንፈስ ኪህበና እቲ ዓቢ ጎይታ
   ክሒድና ሰቒልናዮ ብሓጢያት ኩልና
   ንሱ ኣይጨከነን ምእንታና ሞተልና /2/

2. ንጎይታ ካብ ምዝካሩ ኣይንዓርፍን
   ነዚ ኩሉ ዝኣክል ዝፈጠረ ኣብ ዓለም
   ነክብሮ ንኽብሪ ንዘልዓለም
   ፍቕሪ መሊኡልና ክንሓብሮ
   ኣብ ነየዋይ ዓለም /2/

3. ናብ ኣምላኽ ንጸሊ ብምሉእ ልብና
   ብሓባር ንለምን ተስፋ ከይቆረጽና
   ብጸሎት ንኳሕኩሕ ንሱ ከርሕወልና
   ሸዑ ክህበና ኢዩ ኩሉ ዘድልየና /2/

※ ※ ※

## *253 <u>ሳሙኤል</u>*

1. ኣብ ሂወት ዓለም ንክመላለስ
   ብናይ ዓለም ነገር እንክግደስ
   ሓደ ግዜ ፈጣሪ ጸዊዕኒ
   ሕልናይ ተኸፍተ ንድምጹ ሰማዕኩ
   ሳሙኤል(3) ናብ ህዝበይ ክልእከካ'የ

2. እታ ለይቲ ድቃስ ስኢነ ሓደርኩ
   ሰመይ ዝጽውዕ ድምጺ ሰማዕኩ
   መን ይኸውን ብምባል ነቓሕኩ
   ጸዋዕየይ ንኽፈልጥ,,,ቀልጢፈ ተንሳእኩ
   ሳሙኤል(6) ናብ ህዝበይ ክልእከካ'የ

3. ከም እንደገና'ውን ድምጹ ሰማዕኩ
   ኩነታት ክፈልጥ ተላዓልኩ
   ተመሊስካ ደቕስ'ውን ተባሂልኩ
   ንርእሰይ ብምጥባር ክድቅስ ፈተንኩ
   ሳሙኤል(6) ናብ ህዝበይ ክልእከካ'የ

4. ሃንደበት ኮነኒ ተጨነቕኩ
   ሸበድበድ በልኩ ናበየ በልኩ
   ነገሩ ኣሕሰበኒ ዕድመይ ቆጸርኩ
   ኦ እግዚኣብሄር ተዛረበኒ በልኩ
   ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ(3) ኦ እግዚር ተዛረብ(2)

※ ※ ※

## 254 ባህጊ ኣሎኒ

1. ተመኒየዮ ሃረር ኢለዮ /2/
   ክቑጸር ምስቶም ኣባጊዕካ

   ብኹራ ኣይትጠምተ /2/
   ኣቦይ ስማዕ ንልመናይ
   ዓጸድካ ኪረግጾ እየ /2/
   ክፍጽም እቲ ትምኒተይ
   ባህጊ'ሎኒ ንምፍቓርኻ /2/
   ሃረርታ'ሎኒ ንምግልጋልካ

2. መንገደይ ኣቐኒዕ ዕጥቐይ ኣሲረ
   ክኳዓዝ ክመጸካ
   ስጉምተይ ሓልዎ በካይዳይ
   ኩሉ ክምስክረልካ

   ምስኩላቶም ቅዱሳንኻ /2/
   ክኸቦ ነቲ ዙፋንካ
   መዋዕለይ ቆጺረ'የ /2/
   ክበጽሕ ቅድስተ ቤትካ
   ባህጊሎኒ ,,,

3. ቃልካ ንጹር እዩ ንልበይ መቓልሕ /2/
   ክሰግደሉ ክምልሰሉ

   ናይ ርትዒ ኣምላኽ ትበሃል /2/
   ኣቦ ሕያዋይ ትጽዋዕ
   ተመስገን ዓዲልካና ኢኻ /2/
   ትሰጋኻ ንኽብላዕ
   ባህጊሎኒ ,,,

※ ※ ※

## 255 *ቤተክርስትያን እኖና*

1. ንፋስ ኮነ ማዕበል ኣይዓጅበክን
   መራሒኺ ክርስቶስ ጃንጥላኺ ጽድቂ
   መንገድኺ ብርሃን መለለይኺ ጸሎት
   ተምሳል መርከብ ኖህ ዘሰገርኪ ማይ ኣይሂ

   ኦ ቤተክርስትያን እኖና (2)
   ንስኺ ኢኺ ከውሒ መሰረትና...ኣሃሃ
   ክርስቶስ ሂቡኪ መፍትሕ ናይ ድሕነትና

2. መሰረት ምስጢራት ዋልታ እምነት
   ካብ ጥንቲ መቑጸርያ ዘመለለይኺ
   ወንጌል ዘቕናትኪ ንኹሉ መበሰሪት
   ፈውሲ ንሕሙማት ጽንዓት ንድኹማት

3. ኣብ'ዛ ምድሪ እዚኣ ንስኺ'ኺ ምንጪ ምሕረት
   ካባኺ ይዛሪ ዛራ ማይ ድሕነት
   ስግኡን ደሙን ትምግቢ ንነፍሳት
   ሰላም ተበስሪ መንጎ ደቂሰባት

※ ※ ※

## *256 ብግዜ ንእስነትካ*

1. ባህ ኣይበለንን እትብለሉ ከይመጸ
   ክፉእ መዓልትታት ከይቀረበካ ከሎ
   የዒንትኻ ደኺመን ከይጠለማኻ ከለዋ
   ብመዓልታት ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ *2

   ብግዜ ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ (2)
   ብርሃንን ጸሓይን ኩሉም ከይጸልመቱኻ
   ብመዓልታት ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ *2

   ኦ ክቡር መንእሰይ
   እቲ ኣቦ ክብሪ ዝኾነ ኣምላኽ
   ሓርዩካን ጸዊዑካን እዩ እሞ
   ክብርኻ ፈሊጥካ ናብ'ቲ ክቡር ነገር
   ጠምትን ተጓዓዘን
   መወዳእታኻ'ውን ክብሪ ክህልዎ እዩ

2. ብግዜ ንእስነትካ ባህ ይበለካ
   ብመዓልታት ንእስነትካ ተደሰት ተሓጎስ
   ልብኻ ዝደልዮ ንኹሉ ስዓቦ
   ግና ኣምላኽ ከም ዝፈርደልካ ንኹሉ ዘክሮ*2

3. ህይወትካ ተበላሸዩ ዘርሞ ዘርሞ ኮይኑ
   ብጽልኢ ብዕብዳን ልብኻ ቀሒሩ
   ክሳብ መዓስ ኢኻ ብኸምዚ ክትቅጽል
   ሕጂ'ስ ይኣኽለካ ተመለስ ናብ ኣምላኽካ *2

※ ※ ※

## *257 ብጸጋ እግዚኣብሔር*

1. ጥሜት ከሎ ጽጋብ ክሰመዓና
ክሽነፍ ከሎ ሰብ ምጽንናዕና
ካብ ማእከል ሞት ከኣ ምውጻእና
ቲ'ሰላም ረኺብና ቅሳነት ምርካብና
ኣይኮነን ብኽእለትና

ብጸጋ እግዚኣብሔር'ዩ ደው ምባልና
ብጸጋ እግዚኣብሔር'ዩ ምሉ ኣት ም'ኳና
ብጸጋ እግዚኣብሔር'ዩ ሰላም ምርካብና
ብጸጋ እግዚኣብሔር'ዩ ናብ ቤቱ ምምጻእና
ኣይኮነን ብኽእለትና

ሓይሊ ረኺብና ምምስካርና
ግዜ ረኺብና ብግቡእ ምምላኽና
ጥዕና ረኺብና ምምልላስና
ምምስጋና ምዝማርና
ኣይኮነን ብኽእለትና

2. ንጎይታ ጎይቶት ምስ ረኸብና
እንታይ ኣሎ'ሸ ዝጎደለና
ኣብ ሽግርና ዓወት ረኺብና
ንሕጊ ናይ ሰይጣን ምፍርራስና
ኣይኮነን ብኽእለትና

3. ውሽጥና ሕጉስ ገጽና ብሩህ
ኩሉ ነገርና ንሰብ ዝማርኽ
ኣብ ኣገልግሎትና ዓወት ክንረክብ
ናብ ጸልማት ኬድና ምሩኻት ክንመልስ
ኣይኮነን ብኽእለትና

4. ሓደ'ኳ ከይምኻሕ ብኽእለቱ
ብግብሩ ኣይኮነን ወይ ብስርሑ
ምግልጋሉ ምዝማሩ
ጸሎት ጸልዩ'ውን ምስላጡ
ኣይኮነን ብኽእለቱ

## *258 ብፍቕርኻ*

1. እቲ ካብ ወይኒ ዝጥዕም ፍቕርኻ
   ኣብ ዓጻጽምተይ ኣትዩ ውሽጢ ሰጢሙ
   ኣብ ትሕቲ እግርኻ ክቕመጥ ጌሩኒ'ዩ (2) ኢየሱሰይ ማሪኹኒ'ዩ

   ብፍቕርኻ ዝተማረኽኩ ምርኮኛ ኢየ (3)
   ኣእዳወይ ምስ ናይ ልበይ ናባኻ ኣልዒለ'የ (3)
   ብኢደይ ሒዝካ ናብ ትኸዶ ዘበለ ክትወስደኒ (2) ክትስሕበኒ
   ምስተን መጓሰኻ ኣብ ዝለምዐ ሸኻኻ ክተውዕለኒ (3) ኢየሱሰይ
   ድላይ ኣሎኒ

2. ንስኻስ ናይ ዘልኣለም ሂወት ቃል ኣሎካ
   ካባኻ እሞ ናበይ ክኸይድ ኢየ
   ካብ ኣብ ድንኳን ረሲኣን ምቕማጥሲ /2/
   ኣብ ቤትካ  ወሲነ ዘልኣለም ምንባር

3. ኣብ ክንዲ ሕማቕ ዝገ በርዎ ዝመውት የለን
   ንዝጸረፍዎ'ውን ዝምርቕ  የለን
   ገና ሓጥእ ከለኹ ብሙማትካ /2/
   እታ ኣባይ ዘላትካ ፍቕሪ ገሊጽካ

4. ንስኻስ ናይ ዘልኣለም ሂወት ቃል ኣሎካ
   ካባኻ እሞ ናበይ ክኸይድ ኢየ
   ካብ ኣብ ድንኳን ረሲኣን ምቕማጥሲ /2/
   ኣብ ቤትካ  ወሲነ ዘልኣለም ምንባር

※ ※ ※

## *259 ተመለስ*

ሓጥያትካ ንድሕሪት ደርቢኻ ናብ እግዚር ተመለስ
ኣብ ቅድሚኡ ጸሊ ካብ ምብዳሉ ከኣ ተቐጠብ
ንሱ ካብ ጸልማት ኣውጺኡ ናብ ናይ ሂወት ብርሃን ከምርሓካ ኢዩ
ካብ ሓጥያት ርሓቕ ናብቲ ኣዝዩ ልዑል ኣምላኽካ ድማ ተመለስ /2/

ኦ መንእሰይ ክርስቲያን ተመለስ ይኣኽለካ
ፍርዲ ክኸውን'ዩ ጸብጻብ ክትህብ ኢኻ /2/

1. በብግዚኡ ዝለዋወጥ ኹሉ ጥዒምካዩ /2/
   ብደስታ ብታሕጎስ ግዜኻ ኣጥፊእካዮ /2/
   ተመለስ ተመለስ ተመለስ ይኣኽለካ ተመለስ /2/

2. እቲ ሃብቲ ናተይ ኢልካ ትኣምነሉ /2/
   ገንዘብ ክዳን ኢልካ ኲሉ ወሲንካሉ /2/
   ተመለስ ተመለስ ተመለስ ይኣኽለካ ተመለስ /2/

3. ዝበለጸ ክዳን እንዳ ተኸደንካ /2/
   ኣዘራርባኻ ቅጥዒ ከይገበርካ /2/
   ተመለስ ተመለስ ተመለስ ይኣኽለካ ተመለስ /2/

4. ግዜ ከም ዘኸይድ ፍጹም ከይሓሰብካ /2/
   ጉብዝናን ሰሓቕን ጥራይ ዓጂቡካ /2/
   ተመለስ ተመለስ ተመለስ ይኣኽለካ ተመለስ /2/

※ ※ ※

## *260 ተሰፋይ ንስኻ ኢኻ*

ተሰፋይ ንስኻ ኢኻ ተሰፋይ (6)

1. ኣብ'ዛ ምድሪ ኣሎኒ ኢለ ዝምክሓሉ
ልበይ ኣውዲቐ ኡፈይ ዝብለሉ
ኣብ ጸጽባሕ ብር እንዳበልኩ ዝሕጎ ሰሉ
ንስኻ ምሳይ ምህላውካ'ዩ ኡሁ .ምህላውካ'ዩ

ተሰፋይ ንስኻ ኢኻ ተሰፋይ (4)
ኣሎኒ ዝብሎ ተስፋ ዝገ ብሮ ንስኻ ኢኻ (2)
መን'ዶ 'ሎኒ'ዩ ብዘይካኻ ኣምላኸይ/ኢየ ሱሰይ(4)

2. እቲ ምስኪን ተዘኪሩ ተጸናኒዑ
ንሰላም ኮይኑ 'ቲ ምረቱ
ዘመን መጺእሉ እንሆ ካሕሳ ተኻሒሱ
ኣረሲዕካዮ ተደቢሱ ኡሁ…ተደቢሱ

መን ኣሎ'ኸ ዘይዓረፈ
መን ኣሎ'ኸ እፎይ ዘይበለ ብኣኻ 2
መን ኣሎ'ኸ ዘይዓገበ
መን ኣሎ'ኸ ዘይቀሰነ ብኣኻ

3. ንስኻ ተሰፋይ እንተዘይትኸውን ብዝሓለፈ
'ቲ ምድረበዳ ነ ይምተሰግረ
ማዕበል ኩሉ ንስኻ እንዲኻ ጸጥ ኣቢልካዮ
ዝሰምዐ ኹሉ ድንቂ ኾይኑዎ ኣሆ ድንቂ ኾይኑዎ

ተሰፋይ ንስኻ ኢኻ ተሰፋይ (6)

※ ※ ※

## 261 *ኑብሲ ወከፍ ይበራብር*

1. እግዚር ከምዚ እንዳበለ ንነብያት ንደቁ ይምሕጸን
   ኣብ ድቃስኩም ከይትጠፍኡ ነፍሲወከፍ ይበራብር
   ከምተን ለባማት ደናግል ቀንዴልኩም ዘይቲ ምልእዎ
   እቲ ህያው ኣምላኽ ምስ መጸ በሪህኩም ተቐበልዎ

   ዎ እግዚኣብሔር ኣንቅሓና ኣበርትዓና ፈሊና
   ከነለልዮ ዘለናዮ ዘበና/2/
   ቆጽሊ በለስ ምስ ዓንበበ ክረምቲ ከም ዝፍለጥ
   ኩሉ ሰብውን ዝህንጠዮ ፍሪኡ ንኽምገብ
   ንሕናውን ፍረ ድሕነትና ንኽንረክብ ኣኽእለና
   ዎ እግዚኣብሔር

2. ሰይጣን ዘበልዖ ደልዩ ከም ዝጥሕር ኣንበሳ
   ኣብ ዙሪያኹም ይኳዝም ኣሎ ንነብስኹም ክርምሳ
   ስለዚ ፍለጥዎ ኣትኹርኩም ተቋመትዎ
   ብሓይሊ ኹናት ናይ ኣምላኽ ዓጢቕኩም ተዋግእዎ

3. መዓልቲ ከም ሰራቒ ኮይኑ እዩ ዝመጽእ
   ትኽስታኩም ኣጥፍእዎ ሓደ እኳ ኣይዘንግዕ
   ዕጠቑ ተዳለው ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ
   ልብኻትኩም ኣጽርይዎ ጽኑዕ መንፈስ,ተሓደሱ

4. ድልየትና እዩ ሃረርታና ክንረክብ ሂወት ዘልዓለም
   ፍጹም ኣይጠቕመናን እዩ ሓጎስ ናይዛ ዓለም
   ብሳህልን ምሕረትን ማሚቑና ክንነብር ኣብሕቑፎኻ
   መወዳእታና ኣጸብቕ ጠምተና ብምሕረትኻ/2/

※ ※ ※

## *262 ኢየሱስ ይሓልየለይ እንድዩ’ሞ*

ኢየሱስ / ኣምላኽ ይሓልየለይ እንድዩ’ሞ
ንምንታይ ዝጭነቕ ንምንታይ ዝጭነቕ ንምንታይ
ጎይታ / ኣምላኽ ይሓልየለይ እዩ’ሞ ኣነስ ኣይጭነቕን/2/ ፡ ኣይጭነቕን

1. ኣቱም ኣጋንንቲ ብኣይ ደስ ኣይበልኩም/2/
   እግዚኣብሔር ምሳይ’ዩ ኣይትተሓጎሱ/2/
   እንተ ወደቕኩ’ኳ ከተንሳኣኒ እዩ/2/
   ኣብቲ በሪኽ ቦታይ ከመላልሰኒ/2/ 2

2. ፍትወይ ናተይ’ዩ ኣነ ውን’የ ናቱ/2/
   ኩሉ ይሓስበለይ ሰናይ’ዩ ውዕለቱ/2/
   ካብ ሕጂ ኣይጭነቕን’የ ይእውጅ ኣለኹ/2/
   ድልየተይ ብምልኡ ኣውዲቐ’ዩ ናብኡ/2/

3. ኣምላኽየ’ሲ ኣምላኽ ሳራ’ዶ ኣይኮነን/2/
   ዝኣተወለይ ተስፋ ግዚኡ ክኸውን/2/
   ኩነታት ኣብ ቅድመይ እንተ ተገተረ/2/
   ኣብ መሐለውየይ ክጽበ ደዊለ/2/ 2

4. ኣዕዋፍ ሰማይ እኳ ኣይዘርኣ ኣይዕጽዳ/2/
   ኣብ ዝኾነ ቦታ መግበን’የን ዝረኽባ/2/
   ኣነስ ውሉድ እንድየ ክንደይ ዘይሓልየለይ/2/
   ኩሉ ቀሊል እዩ ወዱ’ኳ ኣሕሊፉለይ/2/

ኣቤሎ ኩሉ ሕቶይ ኣቤሎ ሕንቅል ሕንቅሊተይ
መልሲ ረኺበሉ ካብ ኢየሱስ ጎይታ
ሰላመይ መሊኡ ኣሎ ፡ ልበይ ዓሪፉ’ሎ
ሰላመይ መሊኡ ኣሎ ፡ ውሽጠይ ዓሪፉ’ሎ /2/

※ ※ ※

*263 ኣብ ልዕሊ ኣኽራን*

1. ንፋሳት ኣብ ዕምኮ ኢድካ ትእክቦም
   ንማዕበላት ብቓልካ እትህድኦም
   ንሰማያት ብዘይ ዓንዲ እተቑሞም
   ንግብርኻ መን ይመስሎ መንከ ይወዳደሮ

   ኣብ ልዕሊ ኣኽራን እንዳ ነጠረ
   ኣብ ልዕሊ ኮረቢት እንዳ ዘለለ
   ድምጽኻ ይሰምዕ ኣሎ የእዛነይ
   ብፍቕርኻ ይማሙቕ ኣሎ ልበይ /2/

2. ቃልካ ኣምላኽ ብሓቂ ንጹህዩ
   ነቶም ኣባኻ ዝምዕቀቡ ዋልቶኦም'ዩ
   ብጸጋኻ መንገዶም ይጅምሩ
   ኣብ ጽላልካ ባህ ኢልዎም/2/ ይነብሩ

3. ከም ሲላስ ክኸውን ሃዋርያኻ
   ከም ሺሮኒካ ክደርዞ ንገጽካ
   ከም መግደላዊት ረቡኒ/2/ ክብለካ
   ጎይታይ ኣኽእለኒ ብጸጋኻ

4. ከም ሲላስ ክኸውን ሃዋርያኻ
   ከም ሺሮኒካ ክደርዞ ንገጽካ
   ከም ቶማስ ክትንስክፍ/2/ ጎንካ
   ጎይታይ ኣኽእለኒ ብጸጋኻ

※ ※ ※

264 <u>ኣገሪሙኒ</u>

ኣገሪሙኒ ብዝሒ ምሕረትካ
ባህ እንዳበለኒ ይኣቱ መቕደስካ
ኣገሪሙኒ ብዝሒ ምሕረትካ
መስዋዕቲ ሒዘ ይኣቱ መቕደስካ

ብምንታይ ምግላጽ ብምንታይ ቋንቋ
ብምንታይ ክእለት ብምንታይ ጣቋ
ክገልጾ ስራሕካ እገልጾ ስራሕካ (4)
ኣገሪሙኒ ብዝሒ ምሕረትካ
ባህ እንዳበለኒ ይኣቱ መቕደስካ
ኣገሪሙኒ ብዝሒ ምሕረትካ
መስዋዕቲ ሒዘ ይኣቱ መቕደስካ

ብዝሒ ምሕረትካ ሎሚ'ውን ዕድል ሂቡኒ
ክኣቱ መቕደስካ
ብዝሒ ምሕረትካ ሎሚ'ውን ዕድል ሂቡኒ
ክቐርብ ናባኻ
ኢየሱስ (8)
ንዓይሲ ምሕረትካ በዚሑለይ
እኔኹ ኣብ ቅድሜኻ ደው ኢለ

ክሳብ ክንድ'ዚ ዓቢ ክሎኻ
ክሳዕ ክንድ'ዚ ስልጡን ክንስኻ
ግና'ኸ ሓደ'ኳ ኣይትንዕቐን ኢኻ (4)

ተዘርጊሑለይ ዘንጊ መንግስትኻ
ትብዓት ረኺበ ጎይታየ ኣብ ቅድሜኻ
ተዘርጊሑለይ ዘንጊ መንገስትኻ
ሞገስ ረኺበ ሳላ ክቡር ደምካ

ኣነ መን'የ ጎይታየ <u>ኣነ መን'የ</u> (3)
ምሕረት ዝበዝሓለይ <u>ሰብ እኮ'የ</u> (3)
ርእሰይ ይፈልጣ እንድየ <u>ኣነ መን'የ</u> (3)
ፍቕርኻ ዘልዓለኒ <u>ሰብ እኮ'የ</u>(3)
እንታይ ክብል (12) ኣሃሃ,,,
ክዝምር'የ ንምሕረትካ (4) ሎምስ ክዝምር እባ ንምሕረትካ ክዝምር ንምሕረትካ
ክዝምር'የ ንምሕረትካ (2)
ኣነ መን'የ ,,,

## *265 <u>ኤልሻዳይ</u>*

1. በላግጺ ጸኒና መንፈሰይ ተሰይሩ
   መኻን ብምኽነይ ‘ቲ ናብራይ መሪሩ
   ኣብ’ቲ ክቡር ቤትካ ዝለመንክዎ ጸሎት
   ፍረ ኣውሂቡኒ ብዘገርም ቅጽበት

   ብሓዘን ብጓሂ ዝነበረ ንብዓተይ
   ሕጂ ካብ ብዝሒ ሓጎስ ይፈስስ ካብ ዓይነይ
   መን ምኽንካ ርእየ ተደነቐት ልበይ
   ኤልሻዳይ ምኽንካ ጥዒማቶ ነብሰይ /2/

2. ይሓዊ ዶኾን ኢለ ገንዘበይ ወዳእኩ
   ኣሎ ናብ ዝተባህለ ናብ ኩሉ እናኸድኩ
   ደመይ እናፈሰሰ ሓይልኻ ኣሚነ
   ክዳንካ ተንኪፈስ ካብ ቁስለይ ድሒነ

3. ኣብ ልዕሊ ጸበባይ ሸግር ገጢሙኒ
   መበለት ኣብ ምኽነይ ሓደ ወደይ ሞይቱኒ
   ሓዘነይ ፈሊጥካ ሬሳይ ኣተንሳእካ
   ንሕዝንቲ ነፍሰይ ብሓጎስ ፈንጫሕካ

4. ‘ቲ ዝፈትዎ ሓወይ ሓሚሙ ኢለ ጸዋዕኩኻ
   ስጋዕ ዝመውት’ውን ተሣንጠኹ ምምጻእካ
   ሞይቱ ምስ ጨነወ ተስፋይ ምስ ቆረጽኩ
   ደበኽ ኢልካ ድኣ ተኣምራትካ ረአኹ

※ ※ ※

## 266 እነኹ እነኹ

1. እነኩ እነኩእነኩ እብለካ
   እሙን ዓርኪ ንስኻ በይንኻ ኢኻ
   የብለይን ካልእ ዝፍቐር ከማኻ

   ነዊሕን መሪርን ዝነበረ እቲ መስቓል
   ተሰፋይ'ውን ማህሚኑ ጉዕዞይ እንክህለል
   ሂወት መሪሩኒ ተራእዩኒ ገደል
   ኣርዑት ከቢዱኒ በልኩውን ሰንከልከል

2. በይነይ መሲሉኒ ኣብቲ ሕማቅ ማዕበል
   ኣብራኽይ'ውን ኮቶ እንክብላኒ ወለል
   መምህረይ ርእይዎ ተሰቂሉ ኣብ መስቀል
   ክፍወስ ኣዘዘ ለኸየኒ ጸበል

3. ከምዚ'ውን በልኩዎ ነቲ መፍቀርየይ
   ንምንታይ ገዲፍካኒ ክሳቀ ንበይነይ
   ሸዑ መለሰለይ እቲ እሙን ዓርከይ
   ኣነ ተምበርከኩ ኣብ ትሕቲ ጎይታይ

4. ቀጺሉ በለኒ ከመይ ዘይትርኤኒ
   ሓንጊረኪ ኔረ ክትሓልፊ እሾኽ እምኒ
   ኣነስ ኣፍቅረ'የ ንዒ ጣዓምኒ
   እሙን ፈቃር'የ ንዝቀረበኒ

※ ※ ※

## *267 <u>እንታይ ሒዘ</u>*

እንታይ ሒዘ እቑም ኣብ ቅድሜኻ
ኦ ጐይታይ ደስ ከብለካ
ጽድቀይሲ ፍጹም ውሑድ'ዩ
ምስዝገልጾስ ጉደይ ብዙሕ'ዩ

1. ትምክሕተይ ኢኻ ናይ ጽድቀይ ፍረ
ክርኢ ኣይከኣልኩን ገጽካ ደፊረ
ናይ ናተይ ነገር ኩሉ ገዲፍካ
ህይወት ክረክብ ኣፍሰስ መንፈስካ

2. ዋግ ዘወኽፆ'ዩ ህይወተይ ኩሉ
ሰላም ዘይህብ ጣዕሚ ዘይብሉ
እንታይ ሒዘ'ሞ 'ቲ ዘቐርበካ
ኣየናይ ኢዩ ደስ ዘብለካ

3. ኣይተኻእለንን ሰናይ ክገብር
ኣብ ጭቃ ሓጢኣት ወትሩ ከንገርግር
ብኣይ ምኽንያት ስምካ ፈኹሱ
ብኽፉእ ግብረይ ቤትካ ረኺሱ

## *268 <u>እግዚኣብሔር ርሕሩሕ ኢዩ</u>*

እግዚኣብሔር ርሕሩሕ መሓርን'ዩ
ንኹራ ደንጓዩ ብሳህሊ ድማ ምሉእ'ዩ /2/

1. ኩሉ ግዜ ኣይገንሕን
ንዘልዓለም ኣይቅየምን
ከም ሓጥያትና ኣይከደናን
ከም ኣበሳና ኣይፈርደናን

2. ገለ ሰናይ እኳ ዘይብልና
ብሓጥያትና እተመላእና
ንሱ ግና ንኽድሕነና
ክሳብ ኣብ መስቀል ተሰውዓልና

3. ክንቅጽዖ ዝግብኣና
ንሱ ሞተ ኣብ ክንዳና
ብኡ መጠን ኣፍቂሩና
እከይ ሓጢኣት ኣርሓቐልና

## 269 <u>ኦ ማራናታ</u>

ኦ,,,ማራናታ /2/
ኦ,,,ማራናታ /4/
ናረኣኩ ዘይረኣኩ ኮይነ ሓሊፈካ ሓሊፈካ
ናሰማእኩ ዘይሰማዕኩ ኮይነ ርሒቐካ ርሒቐካ

ስለዚ ኣነየ በዳሊኻ
ንነብሰይ እናሓለኻ
ጽቡቕ መሱሊኒ ርሒቐኻ
ፍትወይ ግን ርሕሩሕ ኢኻ /2/

ናረኣኩ ውጉኣት ኣእዳውካ ሓሊፈካ ሓሊፈካ
ናረኣኩ ዝፈሰሰ ደምካ <u>ርሒቐካ</u> /2/
ናሰማዕኩ ዝግዕር ድምጽኻ <u>ሓሊፈካ</u> /2/
ናረኣኩ ዝተወግአ ጎድንኻ <u>ርሒቐካ</u> /2/

ስለዚ ኣነየ በዳሊኻ ,,,

ከም ሑጻ ባሕሪ በዚሑ <u>ክፍኣተይ</u> /2/
ከምቲ ለውሃተካ ሞቐሕ ናይ <u>ሓጥያተይ</u> /2/

ኦ ኣምላኸ ስማዕ ንስሓይ ጣዕሳይ
ኣይትደርብየኒ ኣብ ሃገረ ሙታን

ብሰሪ ሓጥያተይ መርገም ረኺበ
ብፈተና ናይ ሰይጣን ተኸቢበ
ጽብቅን ክፉኡን ብዙሕ ተዛሪበ
ጎይታ ናይ ሰራዊት ብኣኻየ ዓጊበ /4/

※ ※ ※

## *270 ከመይ ዷዩ ፍቕርኻ*

1. ናይ ዘልኣለም ፍቕሪ ንዓይ ኣፍቂርካኒ
ናትካ ንክኸውን ብደምካ ዓዲግካኒ
ሓለፉ ኣለዎ እቲ ናትካ ፍቕሪ (4)

ኦ ከመይ እዩ ፍቕርኻ (2)
ፍቕርኻ ርኤዮ ኣስተማቒረዮ
ካብ ወይኒ ይበልጽ ኮይኑ ረኺበዮ
ቲ'ናትካ ፍቕሪ (6)

2. ንስኻ ትበኒ ኩሉ ድሌታተይ
ሓፊረ ኣይፈልጥን ናትካ ብምኻነይ
ሰንደቕ ዕላማኻ ፍቕሪ እዩ ንዓይ
ሰንደቕ ዕላማኻ ሓልዮት ኢዩ ኣባይ
ሰንደቕ ዕላማኻ ሰናየይ ኢዩ ንዓይ
ሰንደቕ ዕላማኻ ጽቡቕ ኢዩ ኣባይ

ኦ ከመይ እዩ ምሕረትካ (2)
ምሕረትካ ርኤዮ ኣነስ ጥዒመዮ
ካብ ጥፍኣት ዘናግፍ ኮይኑ ረኺበዮ
ቲ'ናትካ ምሕረት (6)

3. መቕጻዕተይ ከቢዱ እንተመረረኒ
ነገራት ጠሚተ እንተጸበበኒ
ንስኻ ግን ጎይታ ኣጸናኒዕካኒ
ንስካ ግን ኢየሱስ ኣጆኺ ትብለኒ
ቃላትካ ኢየሱሰይ የጸናንዓኒ
ፍቕርኻ ፍትወይ ኣጆኺ ይብለኒ

ኦ ከመይ እዩ ሰላምካ (2)
ሰላምካ ርኤዮ ኣነስ ጥዒመዮ
ካብ ኩሉ ዘበልጽ ኮይኑ ረኺበዮ
ናትካ ሰላም (6)

※ ※ ※

## 271 ከምቲ ትደልየኒ

1. ካብ ስጋይ ዝገብሮ ናይ ስጋ ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ
ፍሪኡ ድማ ኢስማኤል ብተህዋከይ ክዘርኦ
ምሳኻ ዘይምምኻረይ ንሱ'ዩ ዘስዕቦ
ዝሓለፈ ሓሊፉ'ዩ ሕጂ ግን ክመሃር
ኣብቲ ዝዕብየኒ ነገር ኣብኡ ተስፋይ ክገብር

ከምቲ ትደልዮ ኣነ ክኸውን
ኣብቲ ዘቖመጥካኒ ኣብኡ ክጸንዕ
ተስፋኻ ኣብ ልዕለይ ከይተፈጸመ
'ቲዝበልካዮ'ውን ኣይተርፍን'ዩ
ሓንት'ሲ ጸኒዐ ክጽበ ኣብ ዘለኹዎ
የማን ጸጋም ይትረፈኒ ምስትውዓል ሃበኒ

2. ነቲ ዝበልካዮ ንምኽሪ ሓሳበይ ድላይኻ
እንታዋይ'ዩ ዝልውጦ ኣትዩ ናብ ስራሕኻ
ኣነ ጥራይ ይጽናዕ እምበር ንስኻስ ድልው ኢኻ
ናይዚ ዘመን ጎልያድ ሳኦል ነጺረ ክፈልዮ
ኢድ ቅቡእካ ከይተከኹ ንዝንሃል ክንህል

3. ኣብዚ ዘመን'ዚ ሓደ ነገር ኣሎ
ምፍላዩ ከስተውዕል ዘይከኣልኩ
ኣዒንተይ ናብ ሰባት ምግባረይ
እቲ ንስኻ ዝበልካኒ ኣብ ተስፋ ዘይምጽንዐይ
ከም ነህምያ ዝጀመርክዎ ስርሕካ ከሳልጦ
ገሸም ጦቢያን ሳንባላጥን ውዲቶም ከፍልጦ

※ ※ ※



## 272 <u>ኩሉ ተፈጺሙ</u>

ኩሉ ተፈጺሙ መስዋእቲ እንተቐረበ
ሓሳበይ ድሌተይ ንኽርስቶስ ሂበ

1. ናይ ዓለም ታሕጓስ ኣይኮነን ካብ ክርስቶስ ዝፈልየና
ናይ ግዜ ምልዋጥ እውን እኮ ነየፍርሃና
ግዚኡ በጺሑ ኩሉ ክበታተን
ጎይታ ግን የድሕነን ነተን ዝፈትዋተን

2. ሎሚ ኣይተጀመረን ስደት ናይ ክርስትያን
ግን መጸናንዒ'ሎ ንኹላትና ዝኾን
ሓደ ኢዩ መራሒና ንሱ ድማ ክርስቶስ
ንኣኡ ክንስዕቦ ኢና ብናይ እምነት መንፈስ

3. ጥልመታት እንተበዝሐ ክርስቶስ ኣይልወጥን
ጽልኢ'ውን እንተበዝሐ ፍቕርና ኣይትቕህምን
ምስ ማርያም ኣዴና ንክርስቶስ ንወድስ
ጸጋኡ ዓዚዙ ብናቱ ቅዱስ መንፈስ

※ ※ ※

## *273 ዋጋ ዘኽፍል'ዩ*

1. ተሓሊኻ ክትሓልፍ ብሓደ ጎደና
ሂወት ክትፍትን ኣብ ብርቱዕ ማዕበል ኮይና
ክርስትና ክትብሎ ብኣፍ'ዩ ዝቐልል
ንምንባሩ ግን ዋጋ'ዩ ዘኽፍል

ክትቐርጸኒ ደሊኻ ክትሰርሓኒ/2/
ብዘይ ፈልጦ ጎደና ወሲድካኒ
ሰብ ይሓሊ ብብዙሕ እዩ ዝፍትን/2/
ንምስጋና ኮይኑለይ ኩሉ ነገር

2. በሰላ ቃንዛይ ይርድኣካ
ውሕሉል ሓኪመይ ኢየሱስ በይንኻ
ንዝተሰብረ ንዝተጎድኣ ኣብቲ ዘለዎኣይትውስኮን

ኣቤት ናይ ውሽጢ ትርዳእ ጎይታ/2/
ኣተንሲእካኒ ጸናኒዕካኒ
ሓሊፉ ኩሉ ክሓልፍ'ዩ
መስበርቲ ኩሉ ተረሲዑ
ሓሊፉ ኩሉ ሓሊፉዩ
በሰላይ ኩሉ ረሲዐይዮ

ተወዳዳሪ ስኢነልካ እምበር
ተመሳሳሊ ስኢነልካ እምበር
ልዕሊ ኩሉ ኢየሱስ ክብል'የ/4/
ልዕሊ ማንም ኢየሱስ ክብል'የ/2/

3. ኩነት ንዝበዝሖ ንዘጽልሉ
ሎምስ የብልካን ዝተባህለሉ
ዮሴፍ ብሂወት ኣሎ ኣይሞተን
ራኢ ንኽንቱ ኣይተረፈን

※ ※ ※

## 274 ውሰደኒ

ውሰደኒ(3) ድኣ ጎይታይ ውሰደኒ /2/
ካብ'ዚ ናብራ ህይወት ዓለም ኣውጽኣኒ

1. ንዓ ጎ ይታይ ኢየሱስ ልበይ ናፊቑካ
ይደፋነቕ ኣሎ ክርእዮ ንገጽካ
ካብ ኩሉ መከራ ንኽተውጽኣኒ
ማራናታ ኢየሱስ ቀልጢፍካ ምጸኒ

2. ምርጫ ህይወተይ ካብ ኮንካ ንስኻ
ንዓ ጎይታይ ኢየ ሱስ ተሎ ከይደንጎኻ
ብናይ ዓለም ፍቕሪ ከይርሕቕ ካባኻ
ጓሂ ልቢ ኾይነ እሾኽ ከይኮነካ

3. ጓህየ ይ ሓዘነ ይ ኩሉ ክትቅንጥጦ
ንዓ ጎይታይ ኢየሱስ ታሪኸይ ለውጦ
ኣነስ ኣይደልን'የ ክፍለ ካባኻ
ጎይታይ ደግፈኒ ብቕዱስ መንፈስካ

4. ምሳኻ ምንባር'ዩ ኣነ ዝምነ' ዮ
ደጊም ናብራ ዓለም ከቶ እንታይ ኢለዮ
ኩሉ ምናምን'ዩ ጎይታይ ብዘይካኻ
ንንፋስ ምስዓብ'ዩ ሓንቲ ከየ ፍረኻ

※ ※ ※

## *275 ዎ ኣምላኽ ምሕረት*

1. ዎ ኣምላኽ ምሕረት ንዓ ናባና /2/
   ካብ ሰማይ ቁሊሕ በል ርኣየና
   ገጽካ'ውን ምለስ ናባና (2)
   ንዓ ንህዝብኻ ኣድሕነ ና
   ኦ ኣምላኽ ሰማይ ንዓ ናባና

   ዎ ኣምላኽ ንዓ ናባና ዎ ኣምላኽ (3)
   ኣእዛንካ ኽፈትካ ጸሎትና ስምዓና ንዓና(4)

2. ናይ ድኹም ጸሎት ትሰምዕ 2
   ፍቕርኻ ተርእ ንሓጥእ
   ናብ ነ ብሎ የ ብልናን ብዘይካኻ (2)
   ሃየ'ሞ ስማዕ ጸሎት ህዝብኻ
   ኦ ጎ ይታይ ስማዕ ጸሎት ህዝብኻ

3. ብፍቓድካ ኢየ ሱስ ብፍቓድካ /2/
   ነዚ መከራ'ዚ አሕልፍ ካባና
   ሰላም ካባኻ'ዩ ሰላም ሃበና (2)
   ኣይዓርፍን ናይ ሰላም ተስፋና
   ዎ ኣምላኽ ሰላም ተስፋ ሃበና

※ ※ ※

## *276 <u>ዝደለኻዮ ትገብር</u>*

1. ዝደለኻዮ ትገብር (4)
ዝኣዘዝካዮ ይኸውን (4)
መን'ዩ ኸ እዚ ግበር ኣይትግበር ዝበለካ /2/
መን'ዩ ኸ እዚ ስራሕ ኣይትስራሕ ዝበለካ

ኢድካ'ያ ኩሉ ትገብሮ ኢድካ'ያ ኢድካ'ያ(4)

2. ከም ዝጨንቀካ
<u>ኢድ ሰብ ኣይተገልግለካን</u>(2) /2/
ከም ዝጠፍኣካ'ውን ጠቢባን ኣየድልዩኻን
መኸርቲ ኣየድልዩኻን

ኢድካ'ያ ኩሉ ትገብሮ ኢድካ'ያ ኢድካ'ያ(4)

3. እንተደልያ ትኸፍት ትዓጽዎ
እንተደልያ ትሰርት ተስምዖ /2/
እንተደልያ ትኣስር ትፈትሖ
እንተደልያ ትትክእ ትዕምብቦ

4. ብዘይ ፍልጠት መን'ዩ ዘጸልምቶ ምኽርኻ /2/
መን'ዩ ኸ ደፊሩ ንዓኻ ዝማጎተካ
ደው ዝበል የለን ኣብ ቅድሚኻ ደው ዝበል ደው ዝበል (4)

5. ዝደለኻዮ ትገብር (4)
ዝኣዘዝካዮ ይቐውም (4)
መን'ዩ ኸ ይኸውን ኣይከውን ዝበለካ /2/
መን'ዩ ኸ ተጋጊኻ ኢሉ ዝእርመካ

ኣይትጋገን ኣይትጋገን ኢኻ ቅኑዕ ኢኻ ኣይትጋገን (4)

ዝደለኻዮ ትገብር,,,

※ ※ ※

## *277 <u>ይብዛሕ ጸጋኻ</u>*

1. ኣብ ዝተመደባለይ ሒደት ዓመታተይ
   ንዓኻ ከገልግል ብምሉእ ህይወተይ,,,
   ኣብ ግሽነት ናብራይ ኣኽቢረኻ ክሓልፍ
   ብዝገብሮ ነገር ስምካ ከየጽርፍ,,,

   ይህዛሕ ጸጋኻ,,,ኣብ ልዕሊ ባርያኻ /4/

2. ንኽገልግለካ ሸመት ካብ ሃብካኒ
   ከም ብሰባት ዓይኒ ካብ ዘይንዓቕካኒ,,,
   ብኣይ ንኽትከብር ካብ ኮነ ፍቃድካ
   ኣነ'ውን እፈቱ ዕድመይ ክህበካ,,,

3. ኣነ ክምስክር'የ ንዓኻ መሪጸ
   ኣነ ከኽብረካ'የ ንዓኻ ኣብሊጸ,,,
   ኣረ ኢየሱስ ንዓይ/2/ ፍሉይ ኢኻ
   መን'ዶ ኣሎኒ'ዩ ኀይታይ ብዘይካኻ,,,

   ይብዛሕ ጸጋኻ,,,ኣብ ልዕሊ ባርያኻ
   ይብዛሕ ጸጋኻ,,,ኣብ ልዕሊ ባሮትካ
   ይብዛሕ ጸጋኻ,,,ኣብ ልዕሊ ህዝብኻ

※ ※ ※

## *278 ድሌተይሲ*

1. ባህጊ'ሎኒ ክገብር ፍቓድካ
   ድሌተይ'ዩ ክሕሉ ትእዛዝካ
   ኣብ ምግባር ግን ም'ኳን ይኣብየኒ
   ብመንፈስካ ጎይታይ ኣ'ኽእለኒ
   ኣካይዳይ ኩሉ ዘሎ ናብራይ
   ን'ኽብር'ኻ መታን ክኾነለይ
   ብመንፈስካ ምልኣዮ ንውሽጠይ ውረሰኒ ተቖጻጸር ልበይ

   ድሌተይሲ(3) እወ ድሌተይ
   ኣምላ'ኸይ ፍቓድካ 'ክገብር ኢየሱሰይ

2. ሰናየይ ዘይፈትዉ ብዙሓት'ዮም
   ጭፍራ ኣጋንንቲ ብምልኦም
   ፍቓድካ ክገብር ዘይደልዩኒ
   ካብዚኣቶም ጎይታይ ኣድሕነኒ
   ብውድቀተይ ኣዝዮም ዝሕጎሱ
   መፈንጠርያ ንዓይ ዝዘርግሑ
   መታን ከጉህየካ ዝደፍኡኒ
   ካብዚኣቶም ጎይታይ ባልሃኒ

3. ትምኒት ስጋይ እውን ብግዲኡ
   ምስቲ ሓሳብ መንፈስ ጽልኢ 'ኾይኑ
   ትምኒታቱ ኩሉ ባህግታቱ
   ምስ ሓሳብካ ፍጹም ዝጻረር'ዩ
   ሰለ'ዚ ኣምላ'ኸይ ደንግጸለይ
   ንስጋይ መለኮት ኩን ኣብ ልዕለይ
   ከ'ኽብረካ በዚ ድ'ኹም ሓይለይ
   ደግፈኒ ኦ ለዋህ ኢየሱሰይ

   ድሌተይሲ(3) እወ ድሌተይ,,,

4. ኩሉ ሳዕ ይውሰን ኣብ ቅድሚ'ኻ
   ተመሊሰ ግና የሕዝነካ
   ድሌት ግን ኣሎኒ ነኸጽንየ
   ይፈቱ'የ ቃልካ ን'ክገብሮ
   ይርድኣኒ'ዩ 'ቲ ድ'ኻመይ ብሓይል'ኻ ግና ተክኣለይ
   ድሌተይ ርእ'ሞ ደግፈኒ ንዓ'ኻ ከ'ኽብር ኣ'ኽእለኒ

## *279 ገሪሙኒ*

1. ወትሩ እንክኳዓዘ ብናተይ ፍቓድ
   ልበይ ኣይነበረን ፍጹም ዝሰንብድ
   ካብኡ እንክሃድም ተኸታቲሉ
   ኣንጻሩ ኾይነ ብስርሐይ ኩሉ
   ኢሉ ሒዙኒ መን ክሰደካ
   ንዓ ናባይ ውሉደይ ኢኻ

   ገሪሙኒ ከምዚ ድዩ (2)
   ንዓይስ ጎይታይ ይፈትወኒ እዩ

2. ጠፊአ ኔረ ግደይ ተማቒለ
   ተመሊሰዮ ጥርሐይ ብዘይገለ
   ኣቦይ በዲለካ ምሕረት ክትህበኒ
   ናትካ ባርያ እምበር ውሉድ ከይትብለኒ
   ካብ ልቡ ሓዚኑ ይቕረታ ጌሩለይ
   ቀለበት ናብ ኢደይ ስቡሕ ሓሪዱለይ

3. ብናይ ዓለም ነገር ብዙሕ ተኸቢበ
   ሓጥያተይ በዚሑ እንተተኣከበ
   ናብ ፍርዲ ኣይቀረብኩን ኣይብል በዲልካኒ
   ኩሉ ግዜ ምሳይ ሕማኞ ከይረኽበኒ
   ናብ ፍርዲ ኣይቀረብኩን ምሕረት በዚሑለይ
   ናብ ሕቕፉ ክቐርብ ኢዱ ዘርጊሑለይ

※ ※ ※

*280 ጸዋዕታኻ'ዩ*

ጸዋዕታኻ'ዩ ካበልካኒ ጐይታይ
ፈጺመ <u>ኣይልወጠን</u>/3/ እየ

1. ንኽበጽሕ ቅድስና
   ነዛ ዓለም ክምንና
   ንሕይወተይ ንኽበጽሕ
   ክልምኖ ንጐይታይ

2. ክርስትና ክነብረሉ
   ሕይወተይ'ውን ከሕልፈሉ
   ንኣሕዋተይ ከፍቅረሉ
   ሂቡኒ'ዩ ጐይታ ባዕሉ

3. ገለ የሎን ዝጐድለኒ
   ናተይ ኢኻ ባዕሉ ኢሉኒ
   ካብ ብዙሓት መሪጹኒ
   ይመስገነለይ እቲ መድሓኒ

※ ※ ※

## 281 ፍሉይ ኢኻ

1. ምስ ኩሉ ሓጢኣተይ ኣይተሓሰምካንን
ንቤትካ ኣርኪሰ’ውን ኣይኮነንካንን
ኣብ ዙፋን መቕደስካ ሓንጎፋይ ኢልካኒ
ብደምካን ዓጽምኻን ደጊም ዓዲግካኒ

ፍቕርኻ ፍሉይ’ዩ (2) ለዉሃትካስ ፍሉይ’ዩ(2)
ፍቕርኻስ ዓሚቕ’ዩ (2) ለውሃትካስ፡በይኑ’ዩ(2)

2. ማዕበል ተበርትዐ ንፋስ ተነፈሰ
ንመርከብ እምነተይ ከጥሕል ተገስገሰ
ባዕልኻ ትገንሖ ንኹሉ ጸጥ ተብሎ
ብቓላሕታ ዓይንኻ ንኹሉ ተርዕዶ

ንስኻስ ሓያል ኢኻ(2) መስተንክር ግብርታትካ (2) *2

3. ጸላእተይ ክጥሕሩኒ ዙርያይ ተኸበቡ
ካብ በርቂ ትቕልጥፍ ስምካ ምስ ጸዋዕኩ
በሊሕ ሴፍካ መዚዝካ ትመጽእ ብተሎ
ንጸላእተይ ኣብ ትሕተይ (2) ተድንኖም

ንስኻስ ዕርደይ ኢኻ(2) ንስኻስ ዋልታይ ኢኻ (2)
የሱሰይ ዕርደይ ኢኻ(2) የሱሰይ ዋልታይ ኢኻ(2)

4. ፍቕርኻ ካብ ወይኒ ዘለላ ዘጥዓመ እዩ
ንቕብእኻ ዝፈሰሰ ምኡዝ ሽታ ‘ለዎ
ኣዕኑድካ ብሩር’ዩ መጸግዒኻ ወርቂ
መግለጺ ስኢነሉ እቲ ናትካ ፍቕሪ

ኣምልኾ ይግብኣካ’ዩ (2)
ስግደት ይግብኣካ’ዩ (2) *2
ናይ ገነት ዓይኒ ማይ ኢኻ (2)
ወሓዚ ሩባ ዛራ ኢኻ (2) *2

※ ※ ※

## 282 *ኣንቅሓና ኣበርትዓና*

*ዎ እግዚኣብሔር ኣንቅሓና ኣበርትዓና*
*ፈሊና ክነለሊዮ ዘለናዮ ዘመና* (2)
ቆጽሊ በለስ ምስ ዓንበበ ክረምቲ ከምዝፍለጥ
ኩሉ ሰብ'ውን ዝህንጠዮ ፍሪኡ ንኽምገብ
ንሕና'ውን ፍረ ድሕነት ንኽንረክብ
ኣኽእለና ዎ እግዚኣብሔር

1. እግዚር ከምዚ እናበለ ብነብያት ንደቁ ይምሕጸን
ኣብ ድቃስኩም ከይትጠፍኡ ነፍሲ ወከፍ ይበራበር
ከምተን ለባማት ደናግል ቀንዴልኩም ዘይቲ ምልእዎ
እቲ ህያው ኣምላኽ ምስ መጸ በሪህኩም ተቐበልዎ

2. ሰይጣን ዘበልያ ደልዩ ከም ዝጥሕር ኣምበሳ
ኣብ ዙርያኹም ይኳዝም ኣሎ ንነፍስኹም ክርምሳ
ስለዚ ፍለጥዎ ኣጥቢቕኩም ተቛመትዎ
በሓይሊ ኩናት ናይ ኣምላኽ ዓጢቕኩም ተዋግእዎ

3. መዓልቲ ከም ሰራቒ ኮይኑ እዩ ዝመጽእ
ትኽስታኹም ኣጥፍእዎ ሓደ እኳ ኣይዘንግዕ
ዕጠቖ ተዳለዉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ
ልብኻትኩም ኣጽርይዎ ብጽኑዕ መንፈስ ተሓደሱ

4. ድልየትና እዩ ሃረርታና ክንረክብ ህይወት ዘልኣለም
ፍጹም ኣይጠቕመናን እዩ ሓጎስ ናይዛ ዓለም
ብሳህልን ምሕረትን ማሚቂና ክንነብር ኣብ ሕቑፎኻ
መወዳእታና ኣጸብቕ ጠምተና ብምሕረትካ

※ ※ ※

## *283 <u>ኣሚነ ንኣኻ</u>*

ኣብ ጸግዒ እቲ ልዑል ዝሓድር
ኣብ ጽላል እቲ ኩሉ ዝኽእል ይነብር
እግዚር ጸግዐይ ኦርደይ ዝውከሎን
ኣምላኸይን እዩ እብሎ ኣለኹ
ካብ መጻወድያ ሃዳናይ
ካብ ዘጥፍእ ፌራ ከናግፈካ እዩ’ሞ
ብግልግሊኡ ከጎልብበካ
ኣብ ትሕቲ ኣኽናፉ ከኣ መጸግዒ ክትረክብ ኢኻ

1. ጉዳያት በዚሖም መፍትሒ ክኾኑኒ
ክጥምት ናብ ሰብ መከራይ በዚሑ
ነዊሑ ሽግረይ ዝረድእ ስኢነ
ኣብ ጎድነይ ዝኸውን ልበይ ዘዕርፈሉ /2/

ኣሚነ ንዓኻ
ትውክልተይ ጌረካ
ተስፋይ ኣንቢረልካ /2/

ብኣኻ’ዩ (2)
ሰጊራቶ ነብሰይ
ታርኽ ኮይኑ (2)
ዝነበረ ጥንቀተይ /2/

2. ከም ዝጓዝም ኣምበሳ ሽግር ከቢቡ ዙርያይ
ሰይጣን ከውድቐኒ ሓሊኹ መንገደይ
ፈተናታት ኣብዚሑ ንኸሸንፈኒ
ዕላማይ ኣስሒቱ ግዝኡ እገብረኒ /2/

※ ※ ※

## *284 <u>ተበጊሰ ኣለኹ</u>*

ተበጊሰ’ ለኹ ክመጽእ ናባኻ
ጐይታይ ሓግዘኒ ክኸውን ምስኻ
ተበጊሰ’ለኹ ክቐርብ ናባኻ
<u>‘የሱስ ሓግዘኒ ክኸውን ምስኻ</u> (2)

1. መንፈሰይ ክርበሽ ካባኻ ርሒቑ
   ዕረፍቲ ስኢነ ብሰላም’ ውን ዓሪቑ
   ንስኻ ግን ጐይታ ብኢደይ ሒዝካኒ
   ብዘመነይ ክኣ ደስ ኣቢልካኒ

2. መቐረት ህይወተይ ኣባኻዩ ዘሎ
   ብሳኻ ክጉዓዝ ንኹሉ ክብድሆ
   ዉሉድካ ኮይነ ክነብር ምሳኻ
   ብመንፈስካ ጌርካ ስሓበኒ ናባኻ

3. ኣስተማቒረዮ ንኹሉ ርእየዮ
   ብሓይልኻ ክነብር ወሲነዮ
   ኣንታ ፈቃር ጐይታ ንስኻ መድሕነይ
   ጸሎተይሲ ንዓኻ ይኹነለይ

※ ※ ※

*285 ረዲኡኒ*

1. ብምስጋና ክጅምሮ ‘ቲ ለውሃትካ
   ሓለፉ’ ለዎ እቲ ጥዑም ፍቕርኻ
   ኣነስ ኣይክእሎን’ የ ክገልጾ
   ንሰናይካ ኣሃ ንሰናይካ (2)

   ረዲኡኒ (2) ክሳብ ኣብዚ ኣብጺሑኒ
   ረዲኡኒ (2) ኤሽን ኤዘር ክብል ኣክኢሉኒ

2. መጻጉእ ኮይነ ንዓመታት ተደኒሰ
   ምንዋጽ ናይ ባሕሪ ብሃንቀውታ እንክጽበ
   ዓራትካ ኣሎልካ ኪድ ዝብል ድምጺ ኤየሱስ
   ሰሚዐ ኣሃ ተፈዊሰ
   ተፈዊሰ ኣሃ ተፈዊሰ

   ረዲኡኒ (2) ክሳብ ኣብዚ ኣብጺሑኒ
   ረዲኡኒ (2) ኤሽን ኤዘር ክብል ኣክኢሉኒ

3. እግዚኣብሔር ንኣበሳይ ሓዲጉለይ
   ንኹሉ ሕማመይ ምብሕረቱ ፈዊሱለይ
   ንህይወተይ ድማ ካብ ዘልኣለም ጥፍኣት
   ተበጅዩለይ ኣሃ ተበጅዩለይ (2)

   ረዲኡኒ (2) ክሳብ ኣብዚ ኣብጺሑኒ
   ረዲኡኒ (2) ኤሽን ኤዘር ክብል ኣክኢሉኒ

※ ※ ※



*286 <u>ስለ ንኣምን</u>*

1. ሓደ መንፈስ እምነት ስለ ዘሎና
   ኣብቲ ንኽብሪ ኣኣምላኽ ዝዓርግ ምስጋና/2/
   ንዝምር ኣሎና ነመስግን
   ንውድስ ኣሎና ንዘልል
   ንዝምር ኣሎና ነበስር
   ካብ ውሽጢ ልብና ነመስግን

   ስለ ንኣምን ንዝምር ብስም ክርስቶስ ንነብር (2)
   ጥበቡ ነበስር ዕቤቱ ንነግር (2) ሃሊ ሉያ /2/

2. ንዝምር ንውድስ ስለ ስሙ
   ንስሕን ካብ ሓዊ ቅዱስ መንፈሱ /2/
   ትምክሕቲ ህይወትና ንሱ
   ምሕዳስ መንፈስና ካብኡ
   ትምክሕቲ ህይወትና ንሱ
   ዕረፍቲ ሰላምና ምስኡ

3. እቲ ናይ እምነት ሽግ ኣብ ኢድና ዓቲርና
   ብፍቕሪ ኣምላኽና ኣብ ሕቑፉ ማሚቑና /2/
   ወትሩ ግዜ ንስሙ ንዝምር
   ምስጋና ንህብ ንዕኡ ነቐብል
   ወትሩ ግዜ ንስሙ ንዝምር
   ንህያውነቱ ነመስግን

※ ※ ※

## 287 *ህያብ ኣሎኒ*

ህያብ ኣሎኒ ዘቕርቦ
መስዋእቲ ንዓኻ ዝህቦ

1. ብኽፉእ ተግባረይ ቀስቲ ኲናት ኣልዒለ
ኣድሚዮ ኣካልካ ናብ ጎንኻ ወርዊረ
ደምን ማይን ኣዛሪኻ ሓጺብካ ዘባነይ
ተኣምራት ኣርኢኻኒ ፈዊስካ ንቑስለይ (2)

ምስጋናይ (2) ንዓኻ
ኣምልኾይ (2) ንዓኻ
ምግልጋለይ (2) ንዓኻ
ክትከብረሉ ህይወተይ ንስኻ
ክትነግሰሉ እህቦ ንዓኻ
ህንጻ ልበይ ማህደርካ ግበሮ
ሕጉስ ህይወት ብኣኻ ክሕልፎ

2. ጻዕብ ኣድጊ ኮይነ ብሓጥያት ተኣሲረ
ቃንዛ ሕማመይ በርቲዑ ንረዲኤትካ ክጽበ
ኣብ ምዱብ ግዚኡ ማእሰረይ ፈቲሕካ
ተወጢሕካ ኣብ ዝባነት ብኣይ ክትከብር መሪጽካ(2)

3. ዕዮኻ ርእየዮ ኣብ ህይወተይ ተኣምር
መናድቕ ናይ ልበይ ህንጻ ኮይኑ ክነብር
ድልዱል ሰረቱ ንሳኻ ኣጽኒዕካዮ
ሃጓፋት ናይ ልበይ ጉይታ መሊእካዮ (2)

※ ※ ※

## *288 <u>ይኣኽለኒ ዘመን</u>*

1. **ጨው ዘይብሉ መግቢ እየ ነይረ**
**መቐረት ዘጥፋእኩ ጥራይ ምስሊ ሒዘ**
**<u>ንኹሉ ትኽእል ኤልሻዳይ ጐይታ ግን</u>**
**<u>ኣቃሚምካኒ ኣዝየ ክጥዕም</u>** (2)

**ናብራ ዓለም ጥዒመ ኣስተማቒረዮ**
**ተሓጎስ እምበር ርእ ኣስተውዕል ዘይብሉ**
**ዓንድር እንተዘይ ኮይኑ ህድኣት ዘይብሉ**
**ትዕቢት ምስ ኣቐርንታ ዘውዲ ትደፍኣሉ**
**ህይወት እዩ ኔሩ ራኢ ትስእነሉ**
**<u>ሎሚ ኣብቂዑ'ሎ ዕሽነተይ ኩሉ</u>** (2)

**ይኣኽለኒ ዘመን ዕዉር ናብራ**
**ይኣኽለኒ ዘመን ስቓይ መከራ** (2)

**ሎሚ ምዓልቲ ኣብ ቅድሚ ጐይታ**
**ልበይ ንኽሰጣሕ**
**ከምታ ዒሉ ኢየሱስ ባዕሉ**
**ኣባይ ንኽውጣሕ**

2. **ዝሙት ቅንኢ ሓሶት ጥንቆላ ምስ ትዕቢት**
**ሰፈር ረኺበን ኣብ ዘይሰረትኦ ቤት**
**ዝተዋደደለይ ንኽስመ ቤት ጸሎት**
**ጉህዩ ኣቦየ ብናይ ቤቱ ሕሰረት**
**ሎሚ ምድሓን ኮነላ ነዛ ክብርቲ ቤት**
**<u>ደጊም ይኣኽለኒ' ቲ ናብራ ዕሽነት</u>** (2)

※ ※ ※

## 289 ቅዱስ ሓዊ እዩ

*ከመቲ ኣቦ ንውሉዱ ዝቖጽዮም እግዚኣብሔር ከኣ ነቶም ናቱ፣ ይቖጽዮምን ይገርፎምን እዩ እሞ ። ብጸበባኻን ብሽግርካን ከይተሓለልካ ፣ ብምስጋናን ብዕልልታን ተቐቢልካ፣ ኣብ መሐለዊኻ ጸኒዕካ ደኣ ንሰላምካ ተቐባበሎ እምበር ። ገለ' ኳ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽካ መማረሪ ኣይትኹን። ከመይ ንሱ ክፍተን ከሎ ተሳቐዩ እዩ እሞ ነቶም ዝፍተኑ ክረድኦም ይከኣሎ' ዩ። ኣሜን !!*

1. ህይወትካ ካብ ኣዕዋፍ ሰማይ ዝበለጸት
   ብዋጋ ደም ጐይታ ዝተረኽበት
   ብበረኸትን ጸጋን ዝተኸበት
   ክትረክብ' ያ ዓስቢ ናይ ህይወት (2)

   ቅዱስ ሓዊ' ዩ እህህታኻ
   ቅዱስ ሓዊ' ዩ ዝኸርተትካ
   ቅዱስ ሓዊ' ዩ ምጽባይካ
   ቅዱስ ሓዊ' ዩ ዘንድደካ

   ወርቂ ምኳንካ ትነግረሉ
   ክቡር ኣቕሓ' የ እትብለሉ
   እናነደድካ ዘይትሓረሉ
   እኳ ደኣ ትኹልዓሉ ,,, ቅዱስ ሓዊ' ዩ

2. ዝለመካዮ ተዘይረኸብካ
   ኣዝዩ ተነውሐ ምጽባይካ
   'ቲ እሙን ጐይታ ካብቲ ትሓስቦ
   ኣዝዩ ዝበልጽ ቀሪቡልካ' ሎ (2)

3. መቕጻኣትኻ ንሰናይካ' ዩ
   ምስዛ ዓለም ከይትኹነን' ዩ
   ዉሉድ ምኳንካ መረጋገጺ
   ከም ዘሎካ ፈቃር ወላዲ (2)

4. ሰላም ህይወትካ እንተተዘገ
   ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ክፉእ እንተበዝሐ
   ሰብ ዘይብካ ተመሰለካ
   ንሰብ ዝፈጠረ ኣሎ ምሳኻ (2)

## 290 ትእዛዛካ ክሕሉ

ብምሉእ ልብኻ ብ እግዚኣኣብሔር ተኣመን
ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ
ኣብ ኩሉ መንገድኻ ተወከል ን' የሱስ
ኣካይዳኻ ከቕንዕ'ዩ

ትውክልትኻ ኣብ መን' ዩ መን
መርምርሞ ኣብ ኣምላኽካ ድዩ ኣብ ሰብ
ኣታ ሰብ (2) ኣስተውዕል ኢኻ ሕሰብ

ብዘይ ጐይታ ጸርካ ከዕርፈካ ዘኽእል
የለን ተኻፋሊ ሽግርካ ካብ ኣብ ሰብ ምውካልሲ
እንታይነቱ ካብ ምጥማት
ኣብ እግዚኣቤሔር ተወከል

ኣብ ናይ ሰብ ሽግር ተኻፋሊ
ንስኡን ዘኽታም ኣላዩ
ንሕዙን ንውሽጢ ልቢ ትደሊ
ሰብ ከደዓዕስ ንስኻ ግን መጸናንዒ
መጸናንዒ (3) 'የሱስ ንስምካ ጸዋዒ
ፈቃር ጐይታ (3)
'የሱስ ንሓጥእ ዘኽብር

ሕሱር ሰብ ድርቡይ ዝነበርኩ
ተስፋ ረኺበ ብቓልካ
ኣብዚ ምድሪ እንተተዋረድኩ
ተስፋ ኣሎኒ ብ'የሱስ
ዘልኣለም ሓጎስ
ተስፋ ናይ ኩሉ
'የሱስ ቃላትካ ዝሕሉ
ተስፋ ናይ ኩሉ (3) 'የሱስ ትእዛዛትካ ዝሕሉ

※ ※ ※

## *291 <u>ጺርካኒ ኣሎኻ</u>*

ጺርካኒ ኣሎኻ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ
ብምሕረትካ እናኸለልካ
ደው ኢለ ኣለኹ ኣብቲ ህያው ቃልካ
ተተኺለ ኣለኹ ኣብቲ ህያው ቃልካ

ኣይርስዖን'የ 'ቲ ምሕረትካ
ኣይርስዖን'የ 'ቲ ፍቕርኻ
ኣይርስዖን'የ 'ቲ ሓልዮትካ
ኣይርስዖን'የ 'ቲ ጐስነትካ

ከይደክም ከይሕለል ኣጆኺ እናበላክ
ጸልማት ኣብ ዝኾነሉ ብርሃንካእናብራህካ
ንኅቦታት ሜዳ ጌርካዮ
ኣሳጊርካኒ ብርኽ ጐይታ
<u>ከምዚ ከማኻ መን ኣሎ ንዓይ</u>
<u>ክንዲ ኩሉ ዝኾነለይ</u> (2)

ኣይርስዖን ,,,

ክሳብ ሽበት ክሳብ እርግናይ
ትስከመኒ ኣምላኸይ
ይኣምነካ እየ ምሉእ ዘመነይ
ሓዚልካ ሓንጊርካ ከምተጓዕዘኒ
ናብ መፈጸምታ ከም እተብጽሓኒ
<u>እሙን ኢኻ ጀማሪ እምነተይ</u>
<u>ኣይጥርጥረካን ምሉእ ዘመነይ</u>(2)

ኣብ ባህ ዘብል ዕጫ በጺሑኒ
ኣረ ግሩም ርስቲ በጺሑኒ
<u>ኣየ ክንደይ ተዓዲለ/ ተዓዊተ</u>
<u>እግዚኣብሔር ኔንካ ርስተይ</u> (2)

※ ※ ※

*292 __ቀቢጸኻኒ__*

1.ካብ ሓመድ ኣልዒልካ ዘንገስካኒ ጐይታ ቀቢጸኻኒ
ዉርደተይ ኣርሒቕካ ብኽብሪ ሸሊምካ ቀቢጸኻኒ
ድኻመይ ሰዒርካ ብሓይሊ ኣዕጢቕካ ቀቢጸክኒ
ናይ መንግስቲ ክህነት ሕሩይ ክኾነልካ ቀቢጸኻኒ

ቀቢካኒ ኢድካ ኣንቢርካለይ
ቅብኢኻ ኣፍሲስካ ኣብ ርእሰይ
ቅልጽምካ የበርትዖ ንነፍሰይ
መወዳእታ ዓወትን ምልክን ኮይኑለይ ኣሜን
መወዳእታ ዓወትን ምልክን ኮይኑለይ

2.ኣብ ከርሲ እኖይ ከለኹ ጌና ከይ ተሓሰብኩቀቢጸኻኒ
ዕድመይ ዉሑድ ከሎ መዓርገይ ንኡስ ቀቢጸኻኒ
ኣብ መሮር ከለኹ ምስ መጓሰ ኣቦይ ቀቢጸኻኒ
ደሊኻ ረኺብካኒ ንጉስ ክኾነልካ ቀቢጸኻኒ

3.ኣብ በረኻ ይሁዳ ኣብ ኣኽራናት ሜዳኣይሓደግካንን
ሳኦል ክቐትለኒ ንነብሰይ ክደልያ ቀቢጸኻኒ
ካብዚ ኩሉ ከርተት ወጺአ ክነግስ ቀቢጸኻኒ
ፍቓድካ ምሳይ ኔሩ ኣይተፈለየንን ኣይሓደገንን

4.ትንቢት ተፈጺሙ መንግስቲ ክትህበኒ ቀቢጸኻኒ
ደኺመ ሓጢአ ወላ እንተበደልኩ ትደልየኒ
ኣብ ስደት በረኻ ኣብቲ ውርደት ሕሰረት ቀቢጸኻኒ
ንኹሉ ሓሊፈ ብዓወት ክድምድም ቀቢጸኻኒ

5.ካብ ጸልማት ካብ ሓጥያት ኣዉጺእካኒ ጐይታ ቀቢጸኻኒ
ንዓኻ ከገልግል መንፈስካዩ ለካ ረኺቡኒ
ካብቲ ክወጸሉ ዘይክእል ዓዘቕቲ ኣዉጺእካኒ
ብቕዱስ መንፈስካ ጐይታ ረኺብካኒ ረኺብካኒ

※ ※ ※

## 293 *ኣበርትዓኒ ብመንፈስካ*

1. ኣብ ናይ ጽዮን ጉዕዞ ኣሎ ብርቱ ቃልሲ
   ህይወተይ ዝሕሉ ምስ ድሕነት ናይነፍሲ
   ኣነ ኣይክእሎን እየ ብኢደይ ክዋጋእ
   ጐይታ ኣበርትዓኒ ብመንፈስካ ምጻእ

   ሓይሊ ሃብ ጐይታ ኢየሱስ ሓይሊ ሃብ
   ሓይሊ ሃብ ብመንፈስካ ንኽብርኻ

2. ናይ ነፍሰይ ሃረርታ ፈላጢ ጉዳያን
   ንስኻ ኢኻ ኢይሱስ ኀቦኣን እምብኣን
   ፍቕርኻ ይሕሸኒ ኩሉ ሓዲገ' የ
   ኢየሱሰይ ገጽካ ብጣዕሚ ናፊቐ

   ንዓ ምራሕ ንገዛኻ ንዓ ምራሕ
   ንዓ ምርሕ ንገዛኻ ኢየሱስ

3. ተጎዓዝቲ ጽዮን ተሰፋ ኣይትቑረጹ
   ኮረቢት ስንጭሮ ንኹሉ ስገሩ
   ንመስቀሉ ሒዝኩም ንቕድሚት ገስግሱ
   ስቓይኩም ሓሊፉ ምስ ኢየሱስ ክትነግሱ

   መራሒኹም ኢየሱስ' ዩ መራሒኹም
   ኣለኩም ኣብ ቅድሚኹም ኣይዞኹም

4. ጭንቂ እንተኾነ ናይ ህይወት ኀቦታት
   ጐይታ ኢየሱስ ኣሎ ንጉስ ናይ ነገስታት
   ምጉርምራም ጸላኢ ንኸየጥቕዓካ
   ተዋጋኢ ኣምላኽ ዳዊት እንከሎካ
   መራሒኹም ኢይሱስ' ዩ መርሒኹም
   ኣሎና ኣብ ቅድሜና ኣይዞና

## 294 *ሃሊ ሉያ*

ሃሊ ሉያ ክብል ኢየሱስ ዘኽኣልካኒ
ንገጽካ ክርኢ እውን ዘኽኣልካኒ
ኣብ በይነይ ከለኹ ዘይትፍለየኒ
ኣብ ጉዕዞ መንገደይ ብሰላም ትመርሓኒ
ሃሌ ሉያ (3) ስገዱሉ (2)

ምሳኻ ከለኹ መንዩ ዘፍርሓኒ
ንስኻ ዶ ይኮንካን ትፈቃር መድሓኒ
ኣብ' ቲ ድኞድኞ ጸልማት ሒዝካ ትመርሓኒ
ኣብ መንጎ ጸላእተይ ዋልታ ትኾነኒ
ሃሌ ሉያ (3) ወድስዎ (2)

ተመስገን ክንደይ ጥዑም ለዋህ ኣምላኽ ኢኻ
ትኹሉ በደለይ እኗ ዘይጸብጸብካ
ኣነስ ኩሉ ገዲፈ ክቐርብ ናባኻ
ንድኹም ሕልናይ ሓይሊ ኩኖ ኢኻ
ሃሌ ሉያ (3) ኣምልኽዎ (2)

ሓይሊ ናይ ጸላኢ ክዓኑ ክንርእዩ ኢና
ዙፋን ናይ መቕደስካ ክትገዝኦ ንዓለምና
ብኽቡር ኣቑሳልካ ኢኻ ዝዓደግካና
ናይ ካልእ ኣይኮናን ኢየሱስ ገንዘብካ ኢና
ሃሌ ሉያ (3) ዓልሉሉ (2)

※ ※ ※

## *295 <u>ኣብ ኢደይ ወቒጠካ</u>*

1. ኣብ ኢደይ ወቒጠካ ንስኻ ናተይ ኢኻ
   ወደየ ስምዓኒ ኣነ እጽውዓካ

2. ተመስገን ጐይታይ <u>ተመስገን</u> (4)
   ጐይታ ስለቲ ዕብየትካ

3. ንስኻ ኢኻ ጐይታ ዝተበጀኻኒ
   ካባኻ ከይፍለ ጸጋኻ ሃበኒ

4. ምሕረቱ ንዘልኣለም ይነብር እዩ’ሞ
   ንኣምላኽ ኣማልኽቲ ኣምስግንዎ

5. ኣምላኽይ ጸግዐይ ሓይለይ ግሕነተይ’ውን ኢኻ
   ተመስገን ጐይታ ስለቲ ክብርኻ

6. ብምሉእ ልበይ ንኣምላኽይ ክውድሶ’ የ
   ክካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ከመስግኖ’ የ

7. ንእግዚር ብርሃን ዓይነይ ዕልል ክብለሉ እየ
   ብምሉእ ሓይለይ ክዘምረሉ እየ

※ ※ ※

## *296 <u>ከማስተዋል ያለፈ ነው ፍቅርህ</u>*

1. ከማስተዋል ያለፈ ነው ፍቅርህ
   ከመታወቅ ያለፈ ነው ፍቅርህ
   ስፋት ርዝመቱ ጥልቀቱ ኣይገመት
   ከኣይምሮ ያልፋል ኣይወሰንም

   ያንተ ፍቅር የሚመዘን ኣይደለም
   በሁኔታ የሚቀየር ባህሪ የለህም
   ለኔ ያለህ ፍቅር ከቶ ኣይለወጥም
   ዛሬም ትኩስ ነው ፍጹም ኣይበርድም

   ልቤ እርፍ ኣለ ጌታዬ /2/
   ፍቅርህን ቀምሼ
   ወደሌላ እንዳልሄድ ወዳጄ /4/

2. ኣይቻለሁ ጌታ ኣመራረጥህን
   ከምንም በላይ እኔን መውደድህን /4/

   ፍቅርህ እጅግ ግሩም ሆነብኝ
   ይሄ መውደድህ ማርኮኝ ኣስቀረኝ /4/

   የሚበልጥ ነገር ካንተ ኣግኝቻለሁ
   እድለኛ ነኝ ባንተ ተወድጃለሁ /4/

※ ※ ※



297 <u>አቤቱ አምላኬ</u>

አቤቱ አምላኬ ነህ
መጠጊያ እምባዬ ነህ
ምህረተህ በዝቶልኛል
ክብርህን አየዋለው /2/

1. አንተን ታምኛለሁ አምላኬ ነህ ብያለሁ
ለዘልዓለም ጸንቼ ባንተ እደገርፋለሁ
መሰረቴ አለት ነው አይወድቅም አልናወጥም
ንፋስም ቢመጣ ከቶ አልንሸራተትም

2. ብዘልም ብደክም ብሸነፍ ብጎዳ
አውቃለሁ ጌታየ ባንተ እንደምበረታ
ጸጋህ ይበቃኛል እርሱ አቁሞኛል
በፊቱ ውበትን መጎስን ሰጥቶኛል

3. ሀይልህ በድካሜ እጅጉን ተገልጧል
ጨለማዬን ሁሉ በብርሃን ለውጧል
በአንተ ፊት ሆኜ ዛሬ ዘምራለሁ
ክብር ይገባሃል ላንተ እሰግዳለሁ

※ ※ ※

## *298 <u>ሁሉን ትችላለህ</u>*

ምድር ትናገር ሰማይ ይመስክር
ማነው እንዳንተ ጌታ ሁሉን የምትችል
ፍቅርህን ያዩ የቀመሱ ሁሉ
ዛሬ በክብርህ ቆመው እልል ይላሉ
ይህው በቤትህ ሆነው ተመስገን ይላሉ

1. ጥበበኛ አምላክ የጥበብ ባለቤት
   የማትሠለች ነህ ቀንም ሆነ ሌሊት
   ዙሪታችንን ሁሉ በደምህ አጥረሃል
   አንተ ክበርልን አሜን ክብር ይገባሃል

2. ሰማያዊ ንጉስ የሰማይ አምላክ
   መንፈስህን ላከው እኛም እንባረክ
   ይጠንክር ክንዳችን ልባችንም ይፅና
   ማራናታ ብለናል እኛም ጌታ ሆይ ቶሎና

3. ባንተ እናያለን ገና ብዙ ብዙ
   ተከፍሎልን እኛም እናልፋለን ወንዙን
   ወራሾች አድርገህ ሾመህናልና
   እናከብርሃለን አንተን ሁሌ በምስጋና

4. በርትተናል ባልተ ፍቅርህን ቀምሰን
   ወዴት እንሄዳለን ከቤትህ እርቀን
   አያይዘህናል እጃችንን ሁሉ
   ተዋደናል ጌታ ባንተ ልጆች በሙሉ

※ ※ ※

## 299 ስላንተማ

ስላተማ ብዙ የምናገረው አለኝ /2/
የትኛውን አንስቼ የትኛውን እተዋለሁ
ጌታ ስራህ እኮ ከአዕምሮዬ በላይ ነው

1. እግዚአብሔር ሃይለኛ ነህ ማንንም አትንቅም
ደካማን በመናቅ አንተ አትታወቅም
ከጥንት የሰማነው በአይናችን ያየነው
ጻድቅነትህና ሰውን መውደድህ ነው /2/

2. ጥንት አባቶቻችን ስራህን አወሩ
ድንቅና ታምራትን እየመሰከሩ
ስራህ እግዚአብሔር ሆይ ከአዕምሮየ በላይ ነው
እኔ ምስክር ነኝ በአይኔ አይቻለሁ /2/

3. የማወራው አለኝ የምመሰክረው
ስላንተ ምህረት ፍቅር የምናገረው
ስለሰው ልጅ ሃጥያት ልጅህን ሰጥተህናል
በእውነተኛ ፍቅርህ እኛን አድነሃል /2/

ከአዕምሮዬ በላይ ነው ፍቅርህ እኛን መውደድህ /4/
ክበር ንገስ እንጂ ሌላ ምን እንላለን
በላይ በላይ ምስጋና /ክብር/ዝማሬ/ እንጨምራለን /2/
ልነሳና ልነሳና ለክብርህ
ምክንያት አለኝ ብዙ ብዙ ምክንያት አለኝ ክበር /3/

ምስጋና/ ክብርም ላንተ ነው
አምልኮ/ ስግደት ላንተ ነው
ያረክልን ብዙ ነው ጌታ /2/
ያረክልን ብዙ ነው አሃሃ /2/
ውዳሴ/ ቅዳሴ ላንተ ነው
ጭብጨባ/ ዕልልታ ላንተ ነው
ያረክልን ብዙ ነው ጌታ /2/
ያረክልን ብዙ ነው አሃሃ /2/

## *300 ዓመታት*

ስንቶች ነገስታት ሲያልፉ ሲሻሩ
የኛ አምላክ ብቻውን አለ በክብሩ
የነገስታቶች ንጉስ የጌቶች ጌታ
አይደክመው አይታክተው ሁሉን የሚረታ

1. ዓመታት /2/ አንተን አይለውጥህም /2/
   ዘመናት /2/ አንተን አይለውጥህም /2/

2. ጌታ አምላኬ አንተን ላክብርህ /3/
   ቅኔን ሁሉም ከበገና ጋር በአምላኮ ሆኜ
   ምስጋናን ይዤ ተንበርክኬ

3. ክብር/3/ ሞገስ /3/
   ይድረሰው አሜን ላምላካችን እንደገና
   ጌታ በኛ ላይ ዓላማው ፍቅር ነውና

የኔ ጌታ ክበር /3/
ክበር ሌላ ምን ልበል

አሁን ከሆንኩለት በላይ እሆንለታለሁ
ለእግዚአብሔር ልጅ እኔ ክብርን እሰጣለሁ
ዕልልም እላለሁ አሸበሸባለሁ/ አጨበጭባለሁ

ጌታ/4/ ነህ /4/
አንተ የሚመስል የሌለህ (4)

※ ※ ※

## *301 ኢየሱስ ባለውለታዬ*

ኢየሱስ ባለውለታዬ
መጠጊያዬ ጥላ ማረፍያዬ
መድሃኒቴ አለቴ አምባዬ
ካንተ ሌላ ማን አለኝ ጌታዬ

1. ለእኔ ውለታህ እጅግ በዝቶ
ልቆጥረው አልቻልኩም ሞልቶ ፈስሶ
አቁማዳዬን ውሃ ሞልተህ
አርክተሀኛል ጥማቴን ወስደህ

2. አለመለምከኝ ጌታ ሞገስ ሆንክልኝ ኢየሱስ
ግርማ ሞገሴ አንተ ሆንክልኝ
ማነቆን ፈተህ ጌታ ነፃ አወጣህኝ ኢየሱስ
ማነቆን ፈተህ ጌታ ነፃ አወጣህኝ

3. መድሃኒት ሆንክ መጥተህልኛል
በመንገድህ አልፈህ እኔን ዳሰስህል
ለብዙ ዓመታት ያመቀቀኝን
ደዌዬን ሻርከው ያሳቀቀኝን /2/

ክብር ሰጠህን ጌታ መድህን ሆንክልኝ ኢየሱስ
ክብር ሰጠህን ጌታ መድህን ሆንክልኝ

4. በደምህ ዋጅተህ ሃጥያቴን ሻርከው
ደስታን ሰጠህኝ ማቄን ቀደድከው
አረ ምን ይሆን ከቶ የምሰጥህ
ላንተስ ውለታ ለፍፁም ፍቅርህ

5. ተባረክልኝ ጌታ ሁሌም ተመለክ ኢየሱስ
ከፍ በልልኝ ጌታ ስምህ ይወደስ
በምድር በሰማይ ጌታ ክበር ዘልዓለም ኢየሱስ
ምስጋና እልልታ ጌታ ለአንተ ይሁን

*302 <u>ምስጋና ዕለት በዕለት</u>*

**ምስጋና ዕለት በዕለት** /4/

1. **አምና ካቻምና አሁን ዘንድሮ**
**ጌታ ያደረገው ቢታይ ተቆጥሮ**
**ስንቱን ሸሎቆ አሳልፎናል**
**ይህው ምስጋና ዕለት በዕለት**

2. **ነጣቂ ቢዞር ዙርያችን ከቦ**
**እኛን ሊከልል በደሙ ጋርዶ**
**እዚህ ደርሰናል በፀጋው ቀመን**
**ምስጋና ማለቱ ለምን ይሳነን**

3. **ዳገት ቁልቁለትን በእርሱ ተጋርደን**
**እዚህ ደርሰናል ብዙውን አልፈን**
**በሰጠን ልሳን ምስጋና እያልን**
**ልናይ ጽዮንን ደግሞ እንለምን**

※ ※ ※

## 303 *እናሸበሸባለን*

1. ፍቅርህ ታላቅ ነው ለእኛ ብዙ ውለሃል
   እሩህሩህነትህ ብዙ ነው ምህረት ሞልቶሃል
   እንዳንተ ያለ አባት ጌታ ሆይ ከቶ አናገኝም
   ፍቅርህ ማርኮናል ጠርቶናል አንሄድም የትም
   እናሸበሸባለን ላንተ ላንተ /3/

2. የአባትነት ፍቅርህን አልነፈግከንም
   ብንከፋም ግርማ ሞገስህን አልሸሸህም
   ብንርቅም ፍቅርህ አባብሎ ከዓለም ጠርቶናል
   እንወድሃለን ሁሌ ባአንተ ደስ ይለናል
   እናሸበሸባለን ላንተ ላንተ /3/

3. እኛ ልጆችህን በደምህ ዋጅተህ አዳንከን
   በአንተ ስንኖር ምን አጣን ምን ጎደለብን
   የአንተ የሆነው የእኛ ነው እጅግ ታላቅ ነው
   የልዑል ልጆች ተብለን እንጠራለን

   እናጨበጭባለን ላንተ ላንተ /3/

4. ልዑል ሆይ ዛሬም ለዘልዓለም በአንተ ደስ ይለናል
   ምን ብለን እንወድስህ ቃላት ያጥረናል
   ሰው ያለውን ይበል እኛስ ለአንተ እንዘላለን
   በምንችለው ሁሉ ሳንቆጥብ ክብር እንሰጣለን
   እንሰግድልሃለን ላንተ ላንተ /3/

5. ዛሬም ጠላቴ መች ቀመ መች አረፈና
   ምንም ቢዋጋን እንዳይደርስ ላንተ ምስጋና
   መቼ ኣስችሎን ዝም እንላለን ውዱ አባባ
   ይድረስ ፀባኦት ምስጋናችን መቅደስህ ይግባ
   እናሸበሸባለን ላአንተ ላአንተ/3/

## *304 ነፍሴ በማለዳ*

**ነፍሴ በማለዳ ወዳ አንተ ገሰገሰች**
**ከለላዋን ፈለገች**
**ልዑል መጠጊያ ጋሻ አደረገች**
**አውሎ ቢነፍስ ወጀብ ቢነሳ**
**አልሰጋም ከቶ ሰይጣን ቢያገሳ**
**ኢየሱስ ሆናት ሙሉ ዋስትና**
**ይዞ ሊያስኬዳት በድል ጎደና**

1. **የዓለም ሁካታ ምጥዋ ሲበዛ**
   **ሲሸታት ሞት ሞት ጠፍቶባት ለዛ**
   **መልካም መዓዛ ኢየሱስ ይወዳል**
   **የሂወት ጣዕም እኔ ነኝ ይላል**

2. **ትግል እየበዛ ሸክም ሊጫነኝ**
   **ሳነባ እንባዬን ሆድ እየባሰኝ**
   **ቀና አልኩኝና መዳኔን ሳየው**
   **ፀሎቴን ሰማ ጭንቄን ወሰደው**

3. **ጥያቄህ በዝቶ መፍትሄ ሲጠፋ**
   **ልብህ ሲታወክ እየተከፋ**
   **የኤልያስ አምላክ ወዴት ነህ በለው**
   **ፈጥነህ እንድታይ ወንዙን ሲከፍለው**

※ ※ ※

## *305 <u>ምስጋናህን እናበዛለን</u>*

1. ምሕረት እውነትህ ስለበዛ
   በማለዳ ምሕረትን ስለጠገብን
   እናመሰግናለን /2/

   ምሕረትህን እናበዛለን /4/
   ታምራትህን እናወራለን /4/
   ምሕረትህን እንዘምራለን /4/
   ክብርህንም እናየዋለን /4/

2. ዕለት በዕለት ማዳንህን
   ዝናህንም ለአሕዛብ እናወራለን
   እናመሰግንሃለን /2/
   ሁል ጊዜ ታምራትህን እንመሰክራለን

3. እንጨት ውሃ በሌለበት
   በምድረበዳ ነፍሴ አንተን ናፍቀችህ
   እኔ ተስፋ አደርጋለሁ /2/
   ሁል ግዜ ወደ አንተ እሰግዳለሁ

4. መዓት ቁጣህ ራቀልን
   በቸርነትህ ወደ ቤትህ መግባት ቻልን
   እናመሰግናሃለን /2/
   ሁል ጊዜ ምሕረትህን እንዘምራለን

5. በጽድቅ ፊትህን እናየዋለን
   ክብርህንም ስናይ ጌታ እንጠግባለን
   እናመሰግንሃለን /2/
   ሁል ጊዜ ያንተን ክብር እናወራለን

※ ※ ※

## 306 ምስጋና መልካም ነው

ምስጋና /2/ መልካም ነው ዝማሬ /2/
እሰዋለሁ ለአምላኬ እልልታን ጨምሬ
ለጌታ ስግደትን ጨምሬ

1. ጠላት ጦር አሰልፎብኝ
የማደርገው ምንም ሲጠፋኝ
የምስጋና መዝሙር ለጌታ
ስዘምር ጠላቶቼን መታ

2. ሌሊቱን በሙሉ ስለፋ
አንድም የሚያዝ ዓሳ ጠፋ
ታልኮዬን ለጌታ ስሰጠው
መረቤን በዓሳዎች ሞላው

3. ጳውሎስና ሲላስ በእስር ቤት
ተጥለውም ሳሉ በእስራት
መዝሙር ሲዘምሩ ለጌታ
የእጃቸው ሰንሰለት ተፈታ

4. ክፉ ሰልጥኖበት ሳኦል ላይ
አእምሮውን ስቶ ስስቃይ
ዳዊት በገና ሲደረድር
ክፉ መንፈስ ሸሸ ሲዘምር

5. ሁሉም ለሚችለው ለኢየሱስ
በእምነት አስረክቦ መፈወስ
በምስጋና ሆኖ መቆየት
ባርኮት ይመጣል ከጸባኦት

※ ※ ※

## *307 ህብስት ወደ ሰጋ*

እርሱን እንድንበላ ፈቃዱ ለሆነው
እስከዚህም ድረስ ውርደት ለለበሰው
የማዕዘኑ ድንጋይ የቤተክርስትያን ራስ
ስሙ ብሩክ ይሁን ልዑል ጌታ ኢየሱስ

1. የአብርሃም ልጆች ወጡ ከባርነት
   ምድረ በዳን ሊያልፉ በሙሴ መሪነት
   መንገዳቸው ሁሉ ነበር በበረሃ
   አይገኝም ነበር ምግብና ውሃ

2. በተአምራቱ ምግብ የመላዕክቱን
   ጌታ አበላቸው መና የተባለውን
   ከአለት ድንጋይም ውሃን አፈለቀ
   ታላቁ ስራውም ሰውን አስደነቀ

3. ሳሉ በበረሃ መናን እንዲበሉ
   የተረፈ የለም ሞተዋል በሙሉ
   ነገር ግን አሁን በልተን እንዳንሞት
   የሚያደረገን ምግብ አለልን በእውነት

4. ከላይ የወረደ የሕይወት እንጀራ
   ከእርሱ በበላን ዘንድ ሞትን እንዳንፈራ
   ከአምላክ የተሰጠ ሁለተኛ መና
   ክርስቶስ ኢየሱስ ነው ይድረሰው ምስጋና

5. እኔን ከበላቹሁ እኔን ከጠጣቹሁ
   ካስገባችሁኝም እኔን በውስጣቹሁ
   እውነትን ብቻ እንጂ ሞት አታዩም ብኋል
   ታላቁ የምስራች ለዓለም አበስሯል

※ ※ ※

## *308 እኛ እናውቅሃለን*

እኛ እናውቅሃለን ስትረዳን ስላየን
እኛ እናውቅሃለን ስራህን ስላየን
እኛ እናውቅሃለን ክንድህን ስላየን
እኛ እናውቅሃለን ሃይልህን ስላየን
ጌታ ድንቅ ነህ አቻ የሌለህ
አረ አንተስ ድንቅ ነህ ወደር የሌለህ /2/

1. በስንቱ ታውረን ማለፍ ከማንችለው
አስበን ተጨንቀን ከማንወጣው
ባንተ ተደግፈን አርነት ወጥተናል
ሃይልህን ልናውጅ በፊትህ ቆመናል
ጌታ ድንቅ ነህ ,,,

2. ካንተ ምንቀጥበው ምንም ነገር የለም
ልንሰጥህ ወደናል ያለንን አውጥተን
አንተው በሰጠህን እምብዛም ባርከህን
ላንተ ለአምላካችን እንዘምራለን
ጌታ ድንቅ ነህ ,,,

3. አንተን ታምነን ወጥተን ስንድን ካየን
እቅዳችን ሰምሮ ልባችን ደስ አለን
እጃችን ባአፋችን ጭነን ተገርመናል
በስራችን ልዩ ነህ ግሩም ነህ ብለናል
ጌታ ድንቅ ነህ ,,,

4. ከገመትነው በላይ ሆነብን ውለታህ
አውርተን አያልቅም ያንተ መልካም ስራ
እንደተገረምን አለን እንኖራለን
ስላንተ መግለጫ ሚመጥን ቃል አጥተን
እኛ እናውቅሃለን ,,,

※ ※ ※

## 309 *ድንቅ አረገ ጌታ*

ድንቅ አረገ ጌታ አረገ
ድንቅ አረገ ኢየሱስ አረገ
ሕዝቡን ለእግዚኣብሔር ታደገ አሳደገ
ውጥመድ ተሰበረ ከሸፈ
እኛም አመለጥን ታለፈን
የከሰሰን ጠላት ወደቀ ተሸነፈ

1. እግዚኣብሔርን ከማያስደስት ሂወት
ከፈርኦን ሊያድን ሰው በቻለበት
እርሱ እግዚኣብሔር አወጣንና
ቅዱስ አደረገን ባረከን እና

ለክብርህ ሃይልን እሰዋለው ለሱ ስራ
እግዚኣብሔር ስላሻገረኝ ያን ሁሉን መከራ
አይሆንማ ፍጹም ሊታለፍ በዝምታ
ለትውልድ ሲወራ ይኖራል ድንቅ አድርጎ ጌታ

2. ልማድ አለን እኛ የተለመደ
አዲስ ነገር ማየት የተወደደ
በቤታችን ገብቶ አይቶ ሲወጣ
ገበታ ሙሉ ነው ጌታ ሲመጣ

ይፈር እንጂ ጠላት ውድቀትን የተመኝ
መች ይሰጋል ይረታል እንጂ ጌታውን የያዘ
በጸጋው ላይ ጸጋን አውርዶ አለበሰ
ከችግሮች በላይ አድርጎ ምርኮን አወረሰ

※ ※ ※

## *310 <u>ማረፍያዬ</u>*

ድካም ይገባሃል አንተ አትሰለችም /2/
ወዳጅም ዘመድ ሲርቅ አንተ ግን አትሸሽም/2/
ማረፊያዬ /3/ የዘልዓለሜ

1. እንዳንተ ኣላየሁም የውስጥን ሚረዳ
   የድህ አደግ አባት ደራሽ ለተጎዳ
   እኔ አውቅሀለሁ ከማንም በላይ
   ለመልካምነትህ የሌለህ መሳይ

2. ሓጥያት በደሌ ከኔ አላሸሰህ
   በፍቅር ቀረብከኝ ይልቅ ለኔ ራርተህ
   ከባርነት ቀንበር ነፃ አውጣህኝ
   ሞት የሚገባኝን በህይወት አኖርከኝ

3. አንዷት የሚቆጠር በጎነት ሳይኖረኝ
   ከነቆሻሻየ በጉያህ አቀፍከኝ
   ምንኛ ልዩ ነው ኢየሱሴ ፍቅርህ
   የምትወድበት ምክንያት የሌለህ

※ ※ ※

## *311 ታይቻለው*

ምሕረቱ በዛልኝ (2) ጌታ ኣሰበኝ
ጸጋው በዛልኝ (2) ኢየሱስ ጎበኘኝ

ታይቻለው ምስጋናን ኣበዛለው /2/
ተሰምቼኣለው ሌላ ምን እላለው
እንባዬን ኣበሰው ልቤን ሃሴት ሞላው /2/
ከምስጋና በቀር የለኝም የምለው

እሱ ስለሆነ ብርሃንና ደህንነቴ /2/
ኣልፈራም ከለላ ሆኖልኛል ለሂወቴ
ደስታዬ ወሰን ኣለፈ እልልታን ኣሰማ /2/
እንዲህ ላከበረኝ ላቀመኝ ጸሎቴን ለሰማ

1. ሰላሳ ስምንት ዓመት ባልጋ ላይ ተኝቼ
ወደፈዋሽ ውሃ ሚጥለኝ ኣጥቼ
መታሰሬን ኣየ ኢየሱስ ደረሰልኝ
ኣልጋህን ተሸከም ተነስተህ ሂድ ኣለኝ (2)

እሱ ስለሆነ ብርሃንና ደህንነቴ /2/
ኣልፈራም ከለላ ሆኖልኛል ለሂወቴ
ደስታዬ ወሰን ኣለፈ እልልታን ኣሰማ
እንዲህ ላከበረኝ ላቀመኝ ጸሎቴን ለሰማ

2. በሓጥያት ወድቄ ተጭንቄ ሳለው
ፍርዴን ሊፈርድልኝ ወደ ኢየሱስ መጣው
ጥበብ ባለው ቃሉ ሲናገር የኔ ኣባት
ከሳሾቼ ሸሹ ኣገኘሁ ምሕረት (2)

3. ባሌ የሞተብኝ ደሃ መበለት
ኣለኝ ማረፊያ ልጄ ቢሞት
የቃሬዛውን ጫፍ ኢየሱስ ሲነካ
ልጄ ከሞት ነቃ ለኔ ለሊቱ ነጋ (2)

## 312 ማን ችሎ ዝም ይላል

1. እልልታው ደመቀ ምድር ተሸበረ
ሁሉም ይዘምራል ሆሳዕና እያለ
ዝም በል ቢባል እንኳን ማን ችሎ ዝም ይላል
ኣፍ የሌለው ድንጋይ ግዑዝ ይናገራል

ሆሳዕና በሰማይ
ሆሳዕና በምድር
ዘንባባ ይነጠፍ
ክብር ለርሱ ይሁን
ክብር ለኢየሱስ/3/ ለገናናው ንጉስ

2. ምንድን ነው ሁካታ ምንድን ነው ሽብሩ
የዘንባባው ንጣፍ ለማን ነው ክብሩ
የነገስታት ንጉስ የጌቶችም ጌታ
የናዝሬቱ ኢየሱስ በዚህ ነው የመጣ

3. እስረኛው ተፈታ ቀንበር ተሰበረ
ዘመን ለርሱ መጣ ጌታን ኣከበረ
እንዴት ያስችለዋል ኣይቶ ታምራቱ
ብዙ ብዙ ነገር ሆኖ በህይወቱ

4. ነፍሱም አይቀርለት ሁሉም ያከብረዋል
የርሱን ታላቅነት ፍጥረት ተረድቶታል
ከፍ ብሎ ይታይ ከማንም በላይ
እርሱ ብቻ ይንገስ በምድር በሰማይ

※ ※ ※

## *313 <u>ፍቅር ይህ ነው</u>*

ፍቅር ይህ ነው ኣምላክ ይህ ነው
ለኔ ላንተ ላንቺ ሲል የሞቶው

1. በመስቀል ላይ ሞቶ ፍቅሩን የገለጸው
ለሰው ሲል ተዋርዶ ሞትን የቀመሰው
ምን ኣስገድዶት ነው ትርጉም ይግባችሁ
ኢየሱስ የሞተው ለምን መሰላችሁ

2. በሓጥያት ምክንያት ፍቅር ያስገደደው
ሃጥያት ሳይኖርበት ለሰው ሲል የሞተው
ፍቅር የሚባለው ጌታ ይኸውና
ያንተን ሃጥያት ወስዶሞቶልሓልና

3. የፍቅሩን መጨረሻ በሞት የገለጸው
በመግረፍ ብዛት ገላው የቆሰለው
ኣሜካለን እሾህ ባናቱ ተደፍቶ
እስከ መጨረሻው ሁሉን ነገር ትቶ

4. እስቲ ኣስተዉሉ ፍጥረታት በምሉ
ማጥፋት ይችል ነበር ሁሉንም በቃሉ
በፍቅር ተገዶ ወረደ ለኛ ሲል
የፍቅሩን ፍጻሜ ገለጸው በመስቀል

※ ※ ※

## *314 አልረሳውም የጌታን መከራ*

1. ጎልጎልታ ስትወጣ ያደረገበህን
   መስቀል አሸክመው የዘበቱብህን
